GERALTA
INSTITUTE FOR POLICY
STUDIES AND TRAINING

# ዘተ ንብራኸ ትግራይ

ብምትሕባብር ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን
ስልጠናን ጉባኤ ህዝባዊ ርክባት ትግራይን ዝተዳለወ



ጥሪ 18-19/2016 ዓ.ም.
መቐለ

| ማውጫ | ገጽ |
|---|---|
| I. መኽፈቲ ስነስርዓት | 2 |
| 1. ክቡር ሎሬት ፕሮፌሰር ምትኩ ሃይለ | 2 |
| 2. ክቡር ኣባ ጥዑም በርሀ - ኣቦ ወንበር ቦርድ ጉባኤ ህዝባዊ ርክባት ትግራይ | 3 |
| II. ዝቐረቡ መፅናዕታዊ ፅሑፋት | 5 |
| 1. ግደ መሪሕነት ኣብ ትንሳኤን ውድቀትን ማሕበረሰብ - ብወንድሙ ኣሳምነው (ኣምባሳደር) | 7 |
| 2. መሪሕነት ትግራይ ብመነፅር ታሪኽ - እንታይ ንመሃር? - ብ ዳንኤል ተኽሉ(ዶር.) | 25 |
| 3. ወድዓዊ ፈተናታትን ዕድላትን ትግራይ፣ታይኽ ይገበር? - ብተወልደ ገብረተንሳይ(ኮሎኔል) | 43 |
| 4. ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብረብሓ ትግራይ እንትረአ - ብኣሰፋ ፍስሃ(ፕሮፌሰር) | 51 |
| 5. ምትዕርራይ ፖሊሲን ኣንፈትን ንምዕብልቲ ትግራይ - ብታደሰ የማነ(ኢንጅነር) | 63 |
| 6. ትግበራ ውዕል ፕሪቶርያን ቐፃልነት ሰላም ትግራይን - ብ መሓሪ ታደለ(ፕሮፌሰር) | 85 |
| 7. ገበናት ጀኖሳይድ ትግራይን ተሓታትነትን - ብወ/ሮ መዓዛ ጊደይ | 99 |
| 8. ምዕባለታት ፖለቲካ ቐርኒ ኣፍሪካን ውሕሰት ድሕንነት ህዝቢ ትግራይን-መድሃንየ ታደሰ ( ፕሮፌሰር ) | 105 |
| III. መጠቓለሊ - ኣብ ዙርያ ኮንፈረንስ “ዘተ ንብራኽ ትግራይ” ባሰናዳእቲ ትካላት ዝተወሰዱ ሓሳባት | 109 |
| | |

# I. መኽፈቲ ስነ-ስርዓት



*ክቡር ሎሬት ፕሮፌሰር ምትኩ ሃይለ-ኣቦ ወንበር ቦርድ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን*

ኣቀዲመ ናብዚ “ዘተ ንብራኸ ትግራይ” ዝብል ናይ ክልተ መዓልቲ ኮንፈረንስ ንክትሳተፉ ዕድመና ኣኽቢርኩም ዝመፃእኹም ብስም ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ጉባኤ ህዝባዊ ርክባት ትግራይን ከመስግነኩም ይፈቱ።

ኣብ መድረኽ ዕላውነት ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ክልተ ሓሳባት ብዕምቈት ቀሪበን ነይረን። እቲ ሓደ ገረዓልታ ኢንስቲትዩት ዘይሻራዊ ናይ ምርምርን ስልጠናን ትካል ኮይኑ ኣብ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን መፅናዕቲታት ከካይድ እዩ ዝብል እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ዝተገበረ መፅናዕትን ምርምርን ኣብ ስራሕ ክውዕል እውን ኩሉ ዝከኣሎ ከምዝገብር ሓሳባት ኣልዒልና ተዘራሪብና ነይርና። በቲ ዝኣተነዮ ቃል መሰረት ድማ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ምስ መሰል ትካል ብምኻን “ዘተ ንብራኸ ትግራይ” ዝብል ዛዕባ ሒዙ ክለዓል ከሎ ትግራይ ሰፊሕ ዘተ ከምዘድልያ፤ እዚ ድማ ኣብ ናይ ሎምን ፅባሕን ዝግበር ዘተ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ህዝብና ሕቶታትን ዓለማዊ ኩነታትን እናልዐለ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ብቀፃልነት ክሰርሕ እዩ ዝብል ዓብዪ እምነት ኢና ሒዝና ተበጊስና።

መብዛሕቲኹም ከምእትዝክርዎ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንበይኑ ዝሰርሕ ትካል ዘይኮነስ ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ብዙሓት ትካላት እውን ስለዘለዉ ሓበራዊ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ሓበራዊ ዘተ ገይርና ክንኸይድ ዝብል ኣንፈት ኣቀሚጡ ነይሩ እዩ። በዚ መሰረት ክልተና ትካላት ብሓባር ብምዃን መሳሲ ዝኾነ ዘተ ንጅምር ኣለና።

ነዚ ዘተ እዚ ዝኾውን መፅናዕታዊ ፅሑፍ ዘቅረቡልና ብዙሓት ሙሁራት ተሓቲቶም ደስ ኢሉዎም ክነቕርብ ኢና ስለዝበሉ ንዓኣቶም እውን ክተመስጉንለይ ብኽብሪ ይሓትት። ብተወሳኺ ኣባላት ቦርድ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን እውን ካብ ኣዲስ ኣበባን ወፃእን መፂኦም ኣብዚ ዘተ ተረኺቦም ኣካል እዚ ዘተ ኮይኖም ስለዘለዉ እንኳዕ ደሓን መፃዕኹም በሉለይ።

---



*ፍስሃ ኣስገዶም(ኣምባሳደር)*

እዚ ዘተ ክንገብር  ከለና ዝረኣየናን ዘሎ ሃዋህውን እውን ምድህሳስ የድሊ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ወፃኢ ሰባት እንትራኸብ ኣብ ናይ ትግራይ ድርቂ ኣመልኪትና ብዙሕ ነውግዕ ኢና። ብፍላይ ኣብ መበገሲኡን መፍተሒኡን ኣመልኪቱ ሓሳባት ንለዋወጥ ኢና። ብተወሳኺ እውን ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ኣመልኪቱ ምስ ዝተወሰኑ ኣምባሳደራት ሓሳብ ተላዊጠ ነይረ። ንሳቶም እዚ ትካል ናብ ህዝቢ ወሪዱ ዘተ ክኸፍት ዶ ይኽእል? ዝብል ሕቶ የቕርቡለይ ነይሮም። እዛ ዋዕላ እዚኣ ብሚድያ ክትሓልፍ ከላ መልእኽቲ ሒዛትሎም ክትኸይድ እያ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ስለዚ ካብ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ብዙሓት ዝፅበዩ ኣካላት ኣለዉ። መፅናዕቲ ክገብር፣ ህዝቢ ከዛቲ እዩ ዝብል እምነት ዘለዎም። ነፃ ኮይኑ ክሰርሕ እዩ ዝብል እምነት እውን ስለዘለዎም። ብወገነይ እወ ፅቡቕ መፅናዕቲ ክገብር እዩ ንስኻትኹም እውን ብፍላ ነዚ ገጢሙና ዘሎ ድርቂ ኣመልኪትኩም እትኽእልዎ ፀቕጢ ክትገብሩ ኣለኩም ኢለዮም። ክልቲኡን ትካላት ነዚ ክነጥፋሉ እየን ዝብል እምነት ኣለኒ። ካብዚ ሓሊፉ ንቀፃሊ ዓለም ለኻዊ ዝኾነ መድረኽ እውን ክንፈጥር ይግባእ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ዘተ ፅቡቕ እዩ። እሂን ምሂን ምባል ፅቡቕ እዩ። ግን ካብኡ ሓሊፉ ፀቕጢ ዘይፈጥር ዘተ ድማ ናብ ግድግዳ እዩ ክውተፍ። ስለዚ ዘተና ናብ ብልሓትን ፍልጠትን ካብኡ ንላዕሊ ድማ ሓይሊ እውን ተወሲኹሉ፣ ናብ ህዝቢ ወሪዱ፣ ህዝቢ እውን ተዛቲዩሉ፣ እዚ እየ ዝደልዮ ዝብል መድረኽ እንተዘይፈጢርናሉ ኣፀጋሚ ኩነታት ክፍጠር እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ካብቲ ተሳታፋይ ብዙሕ ኢና ክንፅበ። ሓሳባት ክንቅበል ኢና፣ ነቲ ሓሳብ ጠሚርና ድማ ክልቲኣን ትካላት ሓበራዊ ዝኾነ መግለፂ ሂበን እቲ ዘተ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ሃልይዎ ክኸይድ እዩ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።
*ደጊመ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም! ፅቡቕ ዘተ ይግበረልና። የቐንየለይ!!*

---



*ክቡር ኣባ ጥዑም በርሀ- ኣቦ ወንበር ቦርድ ጉባኤ ህዝባዊ ርክባት ትግራይ*

ኣቀዲመ ዕድመና ኣኽቢርኩም ብምምፃእኹም የቐንየልና ክብል እየ ዝደሊ።

እዚ ኣደራሽ ከሰናድኡ ከለዉ፣ ኣባቴ ከይፀበና ኢሎምኒ። ዋእ! ኣደራሽ ተፀበበ ነውሪ የብሉን፣ ትግራይስ ፀቢብዋ እንድዩ ዘሎ ዝብል መልሲ እየ ሂበ። ብልሙድ ኣብ መርዓን ተስካርን እዩ ቦታ ዝፀበና'በር ኣብ ኣኼባ ቦታ ኣይፀበናን እዩ ፀኒሑ። እዚ ተስፋ ይህበና። ኣነ ኣሕፅር ኣቢለ ብዛዕባ ጉባኤ ርክባት ትግራይ እየ ክዛረብ።

ጉባኤ ርክባት ትግራይ ክምስረት ከሎ ሃገር ኮይንና ከም ሃገር ድምፅና ከይነስምዕ ሃገር ኣይኮናን፣ ሚድያታት ተጠቒምና ድምፅና ከይነስምዕ ናይ ዓለም ለኸ ሚድያታትን ዓለም ለኸ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ናብ ትግራይ ከኣትዋ ኣይፍቀድን። ዝብላዕ ዝልሓስ ዘይብላ ብ360 ድግሪ ተኸቢባ ዘላ ትግራይ ድምፂ የድልያ እዩ ካብ ዝብል ኢና ተበጊስና።

ጉባኤ ርክባት ትግራይ ሰለስተ ራኢይ እዩ ዘለዎ። እቲ ቀዳማይ ትግራይን ተጋሩን ማእኸል ዝገበረ፣ ናብ ትግራይን ተጋሩን ዘድሃበ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ሃገርስ ንኹን ምስ ዘላ ሃገር ንቐፅል፣ ብዘይ ጎረባብቲ ስለዘይንነብር፣ ናይ ግድን ምስ ጎረባብትና ክንነብር ኣሎና። ስለዝኾነ ማዕርነት ዘለዎ ጉርብትና፣ ፍትሓዊነት መሰረት ዝገበረ ሰላም የድልያ ትግራይ ዝብል እዩ። እቲ ሳልሳይ ከዓ ትግራይን ተጋሩን፣ ትግራይ ኣካል ካርታ ዓለም፣ ተጋሩ ኣካል ሰብ ዓለም ኢና። እቲ ዘሕዝን ስብእና ዓለም፣ ስብእና ሰባት ኣብ ስብእና ተጋሩ እናተሳቀየ ምህላዉ እዩ። እዚ እውን ይምልከተና ብምባል ኣብ ኩለን ኣህጉራት ቅርንጫፍ ናይ ትግራይ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ እናመስረትና ኢና። ዘድሊ መሰረታውያን ፅሑፋት ኩሉ (code of conduct) ከይተረፈ ተወዲኡ ናብ ኩሉ ክዝርጋሕ እዩ።




*ኣይተ ኣበል ጉዕሽ*

እታ ትግራይን ተጋሩን ዝበልናላ ቀዳመይቲ ተልእኾና ቁሩብ ኣስጊኣትና ኣላ። ምኽንያቱ ናይና ስራሕ ሽምግልና ጥራሕ ክኸውን ድዩ? ሓዊ ናይ ምጥፋእ ድዩ? ዝብል ስግኣት እዩ። እንድሕር ዘተ ንብራኽ ትግራይን ተጋሩን ኢልና ውፅእ ክንብል ይግባእ። ምኽንያቱ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ ውሽጥኻ ምፍታሽ ጥራሕ ኣይኮነን። ከምቲ ስሙ ክንወፅእ ኣለና ዝብል ሓሳብ እናሃለወና ፀገማት ትግራይ እናበዝሐን እናተሓላለኸን ስለዝመፀ ዝበዝሕ ጊዜ ኣብ ሽምግልና ከይነሕልፍ ቁሩብ ስግኣት ኣለና። እዛ ስግኣት እትቅረፍ እውን ብዘተን ዘተን እዩ። ዘተ ባህልና ክንገብር ኣለና። ብስምምዕ ናብቲ ዝግባእ ክንበፅሕ ኣለና። ምትሕልላይ፣ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ጥራይ ዘይኮነ፣ እቲ ፍልልይና ምስ ካልእ ዓለም ምክእኣል ይኣክል እዩ። ንተጋሩ ግን ምክእኣልን ምፅውዋርን እኹል ኣይኮነን ኢና ንብል ዘለና። ፍልልያትና ክነፀንብል ኢና ዘለና። እዚኣ ናይ ተጋሩ ፍሉይቲ ኣርማ ክትኸውን ክትኽእል ኣለዋ። እዚ ይርአ'ዶ ኣሎ? ይርአ የለን። ተጋሩ ሰላም ኣይኽእሉን ይብሉና ኣለዉ። ብዘሕዝን መልክዕ ድማ ገዛ ዕዮ ካልኦት ኣንሕና ክንሰርሐሎም ይህቅኑ ኣለዉ። ኣብ ገገሊኡ እውን ይሰልጠሎም ከይህሉ ፍርሒ ኣለኒ።

ልቢ ክንበሎ ዘለና ክንደይ መናእሰይ እዮም ትግራይ ገዲፎም ዝኸዱ ዘለዉ? ኣብ ዝተገበረ መፅናዕቲ 40% መናእሰይ ተጋሩ ኣብ ትግራይ ክንነብር ኣይንክእልን ዘብሎም ዘሎ እንታይ እዩ? እዚ ኣተሓሳስባ ተጠቂሞም ከዓ ዝጥቀሙልና ኣካላት ከይህልዉ? መናእሰይ ይፈልሱ እዮም ዘለዉ፣ ሙሁራት ብስኮላር ሽፕ ምኽንያት ካብ ዓዲ ይወፁ ኣለዉ። መንእሰይ ዘይብላ ትግራይ፤ እቶም ዝተረፉ ከዓ ብኣልኮልን ብሓሽሽን እንድሕር ድኣ ተመሪዞም እዚ ዓብዪ ፀገም እዩ። ናብ ትግራይ ቢራ ብዘይቐረፅ እንትኣቲ ካብ ትግራይ ግን ሚልዮናት ዝኸፈሎም መናእሰይ ይወፁ ኣለዉ። ክሳብ የመንን ሊብያን ብዘይ ምንም ክፍሊት ዝኸዱ ዘለዉ ብናይ መን ሚልዮናት እዩ። ምንፃት ዓሌት ይካየድ ከይህሉ ይፈተሽ በሃልቲ ኢና።

እዞም ክልተ ትካላት ዘራኽበና ናይ ሓባር ዛዕባ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን እዩ። ንትርፊ ዘይቆማን ንኹሉ ዝሓቁፋን ትካላት እየን። በዚ መልክዕ እዚ ክትሪኡና ኢና ንደሊ። ትግራይ ክትድሕን ናብ ብራኽ ክትወፅእ እንተኾይና እዚ ዝዓይነቱ ትካላት እየን ዘድልያ። ክትተርፍ እንተኾይና ናይ ነፍሲ ወከፍ ትግራዋይን ፈተውቲ ትግራይን ሓገዝ እዩ ነቶም ዝሃልቁ ዘለዉ ዘትርፈልና። ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ኣይኮናን። ፕሮጀክት የሕድረካ እምበር ኣየቀንየካን። ምእንቲዚ ከም ህዝቢ ንባዕልና ክንኽእል፣ ባዕልና ብባዕልና ክንቕፅል ዘድልየና ፕሮጀክት ዘይኮነስ ፕሮግራም እዩ። እንተዘይሎ ኣብ ፕሮጀክት ጥራሕ እንተተመስሪትና ዘለኣለም ለመንቲ ክንኾን ኢና። ልማኖና ቅድሚ ናይ ሓገዝትና ሓገዝ ጠጠው ምባሎም ምልማንና ጠጠው ክነብል እንኽእል ብፕሮግራም እዩ ብፕሮጀክት ኣይኮነን።

*ፅቡቕ ዋዕላ ይግበረልና! ብዙሕ ነገር ክንመሃረሉ ተስፋ ንገብር!*
*የቐንየልና!*

# II. ዝቐረቡ መፅናዕታዊ ፅሑፋት

*ዘተ ንብራኽ ትግራይ ብዝብል ቴማ ካብ ጥሪ18-19/2016 ዓ/ም ዝተኻየደ ኮንፈረንስ ዝቐረቡ ሸሞንተ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ከምዝስዕብ ብቕደም ሰዓብ ቐሪቦም ኣለዉ።*



ወንድሙ አሰምነው
አምባሰደር

# ግደ መሪሕነት ኣብ ትንሳኤን ውድቀትን ማሕበረሰብ

# I. መእተዊ

ሓደ ማሕበረሰብ ዝትንሰኣሉ እቲ ኻሊእ ዝርመሰሉ፣ ኣብቱ ሓደ ምዕባለን ቐሳነትን ኣብ’ቲ ኻሊእ ድማ ድኽነትን ታሕሚስን ዝነግሰሉ ምሽጥር ንታሪኽ ፀሓፍትን ንምሁራት ፖለቲካ ሳይንስን መዘራረብን ናይ ኣፈላላይ መሰረትን ኾይኑ ፀኒሑ እዩ። በቲ ሓደ ጫፍ ዘርኣዊን ድሑርን ብዝኾነ ኣምር ፃዕዳ ዝኾነ ዘርኢ ንምዕባለ ዝተባረኸ ካብኡ ወፃእ ዘሎ ድማ መለኮታዊ መርገም ዘለዎ ካብ እንስሳዊ መቦቀሉ መሊኡ ዘይወፀ፣ ካብ ድሕረትን ባርባራዊ ህይወትን ክናገፍ ከምዘይኽእል ገይሮም ዝፅሕፉ ነይሮም። ውሩይ ጀርመናዊ ፈላስፋ ኢማኑኤል ካንት ካብዚኦም እቱ ሓደ ነይሩ።

ከምኒ ማክስዌበር ዝኣምሰሉ ምሁራት ማሕበረሰብ ሳይንስ ድማ ናይ ድሕረትን ምዕባለን መሰረቱ ማሕበረሰባት ብዝኽተልዎ እምነት ሃይማኖት ከምዝኾነ ይኣምኑ። ማክስ ዌበር ጀርመናዊ ሶስዮሎጂስት እንትኸውን “ሃይማኖት ፕሮቴስታንት፣ ስርዓትን ስነ-ስርዓትን ዘተኣታትው፣ ንምዕባለ ዝሕግዝ ማሕበራዊ ኩነት ዝፈጥር እዩ” ይብል። ብኻሊእ ገፅ ሃይማኖት ካቶሊክን እስልምናን ከምኡድማ ሃይማኖት ኮንፈሽየስ ስንፍና፣ ብኽነትን ዝርጉፍነትን ዘስዕቡ ብምኧኖም ተኸተልቲ እምነት ፕሮቴስታንት ምዕቡላት እቶም ኻልኦት ድማ ድሑራት ከምዝኾኑ ይኣምን።

ናይ ዌበር ኣምር ኣብ መበል 19 ክፈለዘመን ዝተመሰረተ ኣብ ፀቢብ ናይ ታሪኽ ዘመን ብዝተፈጠረ ኩነት ሓፈሻዊ ናይ ማሕበረሰብ ተርእዮ ገይሩ ዝወስድ ኣምር እዩ። ኣብ ኻልኣይ ፍርቂ ዒስራ ክፍለዘመን ጃፓን፣ ሲንጋፓርን ደቡብ ኮርያን ዝኣምሰላ ሃገራት ዘመዝገበኦ ምዕባለ ግና ንናይ ዌበር ኣምር ትርጉም ኣስኢንዎ እዩ።

ካልኦት ተመራመርቲ ድማ ምኽንያት ውድቀትን ትንሳኤን ማሕበረሰባት ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፣ መጠን ተፈጥሮ ሃብቲ ወዘተ እዩ ኢሎም ይኣምኑ። ኣብ ፅጉም ክላይሜታዊ ኩነታት ዝነብሩ ማሕበረሰባት ናይ ናብርኦም ፈተና ንምህዞ ብኡ ኣቢሉ እውን ንምዕባለ ከምዘብቕዖም፣ ኣብ ማቻ ኩነታት ኣየር ዝነበሩ ድማ ቅሱናትን ዝንጉዓትን ብምኧኖም ማሕበረሰባዊ ውድቀትን ድሕረትን ከምዝወረሶም ይገልፁ፤ ኣብዚ ኣብ ኢኳተርያል ኸባቢ ንዝነብሩ ማሕበረሰባት ከም ኣብነት ይጠቕሱ። ኣብ መበል ዓሰርተ ሸሞንተ ክፍለ ዘመን ውሩይ ዝነበረ ፈረንሳዊ ሊቅ ሞንተስኪዩ ካብቶም ነዚ ሓሳብ ዘበገሱ ሰባት ሓደ እዩ።

እዚ፣ ወዲሰብ ናይ ጂኦግራፊ እስረኛ ከምዝኾነ ንዝገልፅ ጭቡጥ ታሪካዊ ሓቂ እውን ትርጉም እንዳስኣኖ መፂኡ እዩ። ኣብ ሄስፓኛል ዝበሃል ደሴት ዝርከባ ሄይቲን ዶሚኒካን ሪፐብሊክን፣ ኣብ ኮርያ ፔንዙላ ዝርከባ ሰሜን ኮርያን ደቡብ ኮርያን፣ ሓፁር ዝፈልየን ናይ ኣሜሪካ ኖጋለስ ኣሪዞናን ናይ ሜክሲኮ ኖጋለስ ሶኖራ ከተማታት ዘለወን ኣፈላላይ ምዕባለ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ሃብቲ ተፈጥሮን ዘይምኧኑ ኢሉ እውን ጂኦግራፊ ናይ ማሕበረሰብ ትንሳኤን ውድቀትን ምኽንያት ከምዘይኾነ ዘርኣየ ኮይኑ እዩ።

ሄይቲን ዶሚኒካን ሪፐብሊክ ስፓኛል ኣብ ዝበሃል ደሴት ይርከባ። ሄይቲ ብፈረንሳይ፣ ዶሚኒካን ሪፐብሊክ ድማ ብስፔን ካብ ምምሕዳረን ወፃእ ዘርኣዊ መቦቀለን ብባርያ ንግዲ ዝመፁ ኣፍሪካውያን እዮም። ኣብ ሰማይ ስፓኛል ደሴት ኮይንኻ ንመሬት እንትትርኢ ሓደ ገፁ ሓምለዋይ እንትኾን እቲ ኻሊእ ገፁ ግና ዝባደመ መሬት እዩ። ብየማን ገፅ ዘላ ዶሚኒካን ሪፐብሊክ ሲሶ መሬታ ሓምለዋይ ካብ ጎረበታ ሄይቲ ድማ ብሽዱሽተ ዕፅፊ ትህፍትም፣ ብኣንፃሩ ሄይቲ 99 ሚእታዊ መሬታ ዝባደመ፣ ኻሊእ ተሪፉ ናይታ ሃገር ዋና ኸተማ ኣብ ኢድ ናይ ገበን ጉጅለታት ዝወደቐን መንግስታዊ ስርዓት ዘይብን ሃገር እያ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ደቡብን ሰሜንን ኮርያ ድሕሪ ኻልኣይ ኩናት ዓለም ዝተፈላለያ ናይ ሓደ ህዝቢ ሃገራት እየን። ካብ ሰማየ ሰማያት ብፀልማት ዝተልዓለ ስእሊ እቲ ሰሜናዊ ኽፋል ኮርያ ፀልማት እቲ ደቡባዊ ኽፋል ድማ ጓህሪ ዝመስል ብርሃን ኾይኑ ይረአ። ቕድሚ ሰብዓ ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ ዕብየት ብርኪ ዝነበራ ሃገራት እኳ እንተነበራ ኣብዚ እዋን ደቡብ ኮርያ ካብ ሰሜን ኮርያ ብሓምሳን ኣርባዕተን ዕፅፊ ዝሃፍተመት እያ።

ሓደ ፅርጊያ ዝፈልየን ኖጋለስ ኣሪዞናን ኖጋለስ ሶኖራ እውን ኣፈላላይ ዕብየተን ካብ ሰሜንን ደቡብ ኮርያን ኣይፍለን። ኣብ ቕዳማይ

ዓመታት ዓሰርተ ትሽዓተ ክፍለ ዘመን ሜክሲኮ ካብ ኣሜሪካ ትህፍትም ነይራ። እዚ ሓቂ ምኽንያት ኣፈላላይ ዕብየት ናይ ኣመራርሓ ስርዓት እምበር ጆኦግራፊ ወይ ዘርኢ ከምዘይኮነ ግልፂ ዝገብር እዩ።

ኣብዚ ዘለናሉ እዋን ድማ ንትንሳኤን ውድቀትን ማሕበረሰባት ቑልፊ ምኽንያት መሪሕነት ምዃኑ ሓፈሻዊ ምርድዳእ ተበፂሑ ይርከብ። መሪሕነት ካብ ውልቀ ህይወትን ስድራን ክሳብ ውድባዊ፣ መንግስታዊ ይኹን ናይ ቢዝነስ ትንሳኤን ውድቀትን ዘውሰን እዩ።

ብሓፈሻ ከከም ባህሪያት እቲ ኩነታት ኣሰራርሓኡን ኣፈፃፅምኡን ዋላ ዝፈላለየሉ ዕድል እንተሃለወ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወት ንዓወት ይኹን ንውድቀትን ስዕረትን ዘብቅዑ ናይ መሪሕነት መትከላት፣ ባህርያትን ሕግታትን ተመሳሰልቲ እዮም።

## II. ግደ ኣመራርሓ ኣብ ትንሳኤን ውድቀትን ማሕበረሰባት

ካብ ምስረታ መንግስታት ጀሚሩ ንዝሓለፉ ሓሙሽተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢቲን ዓመታት  እቲ ዝሓሸ ምምሕዳራዊ ስርዓት ኣየንኡ እዩ? ተራ መሪሕነት ኣብ ማሕበረሰባዊ ስኒትን ምዕባለን ክንድምንታይ እዩ? ተመራፃይ ዓይነት መሪሕነት ኣየናይ እዩ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ዓበይቲ ትኹረት ፈላስፋታት ኾይኖም ፀኒሖም እዮም። ገለገሊኦም ንጉሳዊ ስርዓት፣ ገሊኦም ንኹሉ ሰጥ ለበጥ ኣቢሉ ዝገዝእ ውልቀ-መላኺ፣ ከምኒ ፕሌቶ ዝበሉ ድማ ፈላስፋ ንጉስ ይምረፅ ኢሎም ሞጊቶም እዮም።

ብርግፅ ግን እቲ ተመራፂ ስርዓት ተመራመርትን ፈላስፋታትን ገዛ ዓፅዮም ንበይኖም ዝሓርይዎ መሪሕን ስርዓትን ኣይኮነን። ዓይነት መሪሕነት በቲ ማሕበረሰብ ብርኪ ዕብየትን ማሕበራዊ ቅኒትን ዝውሰን እዩ። ኣብ ማእኸላይ ዘመን ፍፁም ንጉሳዊ ስርዓት ተቐባልነት ዝነበሮ ተኣማናይ (ሌጅትሜት) ስርዓት ነይሩ።

ህዝብታት ማሕበራዊ ቦቶኦም ብመለኮታዊ ሓይሊ ዝውሰን ገይሮም ይኣምኑ ብምንባሮም ንነገስታት ቅብኣ ቅዱስና ዘለዎምን ናይ መሬትን ናይ ሰማይን ህይወት ዘራኽቡ መንፈሳዊ መልእኽተኛታት ተገይሮም እናወሰዱ መፂኦም እዮም። ስለዝኾነ ድማ ንጉሳዊ ወይድማ ዝኾነ መልክዕ ዘለዎ ባላባታዊ ስርዓት ሓፈሻዊ ተቐባልነት ነይርዎ። በዚ ምኽንያት እቲ ዝነውሐ ኽፋል ታሪክ ወዲሰብ “መለኮታዊ ቐብኣት ኣለና” ብዝብሉ ውሑዳት ዝተመርሐ ኮይኑ ንረኽቦ። እዚ ብመንፅር መለኮታዊ ዓይኒ ዝርአ ናይ መሪሕነት ስርዓት ናይ ስልጣን መሰረቱ መለኮታዊ (Divine right) እዩ ነይሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ዘመነ ኣብርሆት ዘምፀኦም ናይ ወዲ ሰብ ተፈጥሮኣዊ ማዕርነት ዝጣበቑ ሓደሽቲ ሓሳባት፣ ማሕበራዊን ተፈጥሮኣዊን ኩነት ካብ መለኮታዊ ናብ ሳይንሳዊ ርድኢት ምስግጋር፣ ናይ ኣሳታፍን ዴሞክራሲያዊን ስርዓት ኣድላይነትን ተመራፅነትን ዘሰጉሙ ኣረኣእያታት፣ ናይ ስልጣን መለኮታዊ መሰረት ሃደሽደሽ ኣቢሎምዎ እዮም። ስልጣንን መሪሕነትን ኣብ መንጎ መንግስትን ህዝብን ብዝብፃሕ ናይ መሰልን ግቡእን ውዕል (Social Contract) ክምስረት ኣለዎ ዝብል ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ሓይሊ እንዳዓብለለ መፂኡ። ኮይኑ ግና ንጉሳውያንን ደቀባትን እዚ ሓዱሽ ናይ መሪሕነት ኣምር ፈቒዶም ክቕበሉ ስለዘይከኣሉ ከም ናይ እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብዮት ኖቲንም ዴሞክራሲያዊ ፖለቲካ ብደምን ብብረትን ክውለድ ክኢሉ።




ድሕሪ ናይ እንግሊዝን ናይ ፈረንሳይን ኣብዮት ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ዝፈንድአ ናይ ኣሜሪካ ኣብዮት ድማ ፖለቲካ ዓለም ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ኣእትይዎ። ኣብ ዝሓለፈ ኽልተ ሚኢቲን ሓምሳን ዓመት ዘሎ ታሪኽ ፖለቲካ ዓለም ኣብ ሞንጎ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ንምስፋሕን ዴሞክራሲያዊ መሰል ህዝብታት ዓቂንኻ ሓይሊን ስልጣንን ኣብ ዉሑዳት ንምዕቃብን ዝግበር ቓልሲ ታሪኽ እዩ። ኣብ'ዚ ሽኩት ሕብረተሰብ ንቕድሚት ክስጉም፣ ስልጡንን ምዕቡልን ማሕበረሰብ ክምስረት ዘኽእል ናይ መሪሕነት ስርዓት ዝተኸሉ ሃገራት እንተህልዩ ብኣንፃሩ ህዝቦም ኣብ ድኽነትን ድሕረትን ዘትርፉ መሪሕነትውን ተራእዮም እዮም።

ንኣሽሓት ዓመታት ብኣንፃራውነት ኣብ ተመሳሳሊ ብርኪ ዝነበረ ህዝቢ ዓለም ኣብ ዓሰርተ ትሽዓተ ኽፍለ ዘመን ዝተቐልቐለ ሓዱሽ ማሕበረ ኢኮኖሚን ፖለቲካን ከምኡውን ሃገራት ዝምርሓሉ ባህርይ ንትንሳኤአንን ንውድቀተንን ምኽንያት ኾይኑ።

ልዕል ኢሉ ከምዝተጠቐሰ ቅድሚ ዘመነ ኣብርሆት ወዲሰብ "ንኹሉ መለኮታዊ ምኽንያት ኣለዎ" ኢሉ ይኣምን ስለዝነበረ ኩሉ ሙሉ ንፈጣሪ ሓዲጉ ብናይ ድንቁርና ርግፀኝነት ነብሲ ኣደዓዒሱ ይነብር ነይሩ። ካብ'ዚ ምኽንያት ናይ ድርንቁርና ነዊሕ ድቃስ ዘበራብሩ፣ መለኮታዊ እምነቱ ናብ ሕቶ ዘእተው ተመራመርቲ እንዳቐፅዐን እንዳውገዘን ነዊሕ ዘመን ኣሕሊፉ። ብሽም ሃይማኖትውን ወዲሰብ ተባሊዑ። ብኣቐፃፅራ ፈረንጂ ካብ 1618-1648 ኣብ ኣውሮፓ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሰላሳ ዓመት ሃይማኖታዊ ኩናት ሲሶ ህዝቢ ኣውሮፓ ሃሊቁ፣ ብፍላይ ህዝቢ ጀርመን ልዕሊ ፍርቂ ረጊፉ።

ድሕሪ ዘመነ ኣብርሆት ኣብ ዘሎ እዋን ማሕበረሰባት ንዓለምን ማሕበረሰብን ዝሪኢሉ ሃይማኖታዊ መነፅር ሓደ ብሓደ ብሳይንስ እንዳተሰበረ ምስኸደ "ብርግፀኝነት ሓቂ እዩ" ኢሎም ዝሕዝዎ ዓንዲ ኣረኣእያ ስኢኖም። ወዲሰብ ድማ ብባህሪኡ ማሕበራዊ ህይወቱ፣ ዓለምን፣ ዘለዎ ኩነታትን መፃኢኡን ትርጉም ዝህበሉ ዝኾነ ዓለማዊ ርእዮት የድልዮ። ንህይወትን ፖለቲካን ዝርደኣሉ መለኮታዊ መነፅር ምስተሰበረ ብኻልኦት እምነታት ክትክኦ ነይርዎ። ነዚ እውን ናይ ሓሳብ መራሕቲ ፈላስፋታት እዋኑ ዝጠልቦ ሓዱሽ ኣተሓሳስባ ኣምፂኦም ፖለቲካ መራሕቲውን ኣተግቢሮምዎ።

ኣብ መበል ዓሰርተ ትሽዓተ ክፍለ ዘመን በርቲዑ ዝወፀ ርእዮተ ዓለም እውን "ብሄርተኝነት" ነይሩ። ቅድም ኢሎም ኣብ ዝነበሩ ዘመናት ብሃይማኖታዊ መንነት ዝዋዳእ ዝነበረ ኣውሮፓዊ ዓለም ሓዱሽ ናይ ብሄርተኝነት መንነት ሒዙ ናይ ህይወትን ናይ ፖለቲካን መወዳእታ ዕላማ ብቋንቋን ባህልን ሓደ ንዝኾነ ህዝቢ መሰል ምጥባቕ፣ ሕብረት ፈጢርኻ መንነትኻ ምሕላው ኣብ መወዳእታ እውን ሓደ ሃገር ምምስራት ኾይኑ። እዚ ሃገረ ጥልያን፣ ጀርመን፣ ፈረንሳይን ኻልኦት ኣውሮፓውያን ሃገራትን ዝፈጠረን ክሳብ ኻልኣይ ዓለም ኩናት ንልዕሊ ሚእትን ሓምሳን ዓመታት ዝተኻየደ ኩናት፣ ዲፕሎማሲ፣ ሕብረትን ምፍንጫልን ብሄርተኝነት ዝፈጠሮ ፖለቲካ እዩ። ብሄርተኝነት ልክዕ ከም ሃይማኖት ፈታዊን ፀላእን ፈጢሩ፣ መለክዒ ልክዕን ጌጋን ኮይኑ፣ ሃይማኖት፣ ሰብኣዊነት፣ ሕግን ሞራልን ትሕቲኡ ኣስፊሩ ንኣማኢት ሚሊዮናት ህልቂት ምኽንያት ኾይኑ። ብሓፈሻ ብሄርተኝነት ሰብ ዝነብረሉ፣ ዝሞተሉን ናይ ህይወት ትርጉም ዝልክዐሉን ሓዱሽ ሃይማኖት ኾይኑ።

ኣብ መበል ዓሰርተ ትሽዓተ ክፍለዘመን ጎኒ ጎኒ ብሄርተኝነት፣ "ኮሚኒዝም" ዝበሃል ሓዱሽ ርእዮተ ዓለም ምቕልቓል ጀሚሩ። ኮሚኒዝም ልክዕ ከም ብሄርተኝነት ሕሉፍ ታሪክ፣ ህልውን መፃኢ ኩነታትን ብሓዱሽ መልክዕ ክንርኢ፣ ንሃይማኖታዊ ርግፀኝነት መፃኢ ህይወት ወዲሰብ ኣብ ገነት ንምንባር ዝመፃባዕ ርእዮተ ዓለም እዩ። ልክዕ ከም ሃይማኖትን ብሄርተኝነትን ፈታዊኡን ፀላኢኡን ብግልፂ መስመር ፈልዩ ንዝተሓላለኸ ፀገም ዓለም ቐሊልን ሓፂርን መልሲ ንምሃብ ዝፍትን እዩ። ዓለም ናይ ሓሳብን ፖለቲካን መራሕቲ ምስዓብ ቐፂሉ። ኮሚኒዝም ዝተመፃብዖ ምድራዊ ገነት ንምብፃሕ ኣማኢት ሚሊዮናት ሃሊቖም፣ ዓለም ግን ንዘመናት ዝሓዘቶም ፀገማትን ዕድላትን ሒዛ ትቕፅል ኣላ።

ድሕሪ ኻልኣይ ዓለም ኩናት ብሄርተኝነት ኽፉእ መልክዕ ሒዙን ብዓልየትን ብሃይማኖትን ተሸፊኑ "ኣነ ወይ ንስኻ" ዝብል ፋሽስታዊ ቕኒት ምሓዝ ጀመረ። ካብ ግዝኣት ኣውሮፓውያን ነፃ ዝወፃ መራሕቲ ብዙሓት ስሉስ ዓለማት እውን "ምድረገነት ክንምስርት ኢና" ብዝብል ናይ ኮሚኒዝም ተስፋ፣ ዳሓር ድማ ብትምክሕትን ፅልእን ዝድፋእ ዓልየታዊ ፖለቲካ ብምትእትታው በብመዋእሉ ዓለም ብደም ክትጥልቂ ገይረምዋ።



ንሓደ መንነት ኣጥፊኦም ዝተመፃረየ ዝብሎዎ ማሕበረሰብ ንምፍጣር ዝፈተኑ ፅንተታውያን መራሕቲ እቲ ዝተመነየዎ ልዕልና እንተይኮነስ ኽቢድ ማሕበረ ፖለቲካዊ ዋጋን ርእሲ ዘድንን ፀሊም ታሪክን እዮም ገዲፎም። እቶም ኮሚኒስታዊ ምድረገነት ተስፋ ገይሮም ብዙሕ ዋጋ ዝኸፈሉ ሃገራት እውን ካብ ድከት ድኽነትን ማሕበራዊ ቕልውላውን ነፃ ኣይወፁን። ንኣብነት ኩባውያን ብኮሚኒስቲያዊ ሃይማኖት ቃል ዝተኣተየሎም ምድራዊ ገነት ተሪፉስ ድሕሪ ስድሳን

ሰለስተን ኮሚኒስታዊ መግዛእቲ ሰብዓ ሚእታዊ ህዝቢ ኩባ ትሕቲ ወለል ፍፁም ድኽነት ንምንባር እዩም ተገዲዶም። እቶም ሙሉእ ህይወቶም ሰሪሑም ብጡረታ ዝተሰናበቱ ዜጋታት እኳ ኣብ ወርሒ ካብ ዓለም እቲ ዝተሓተ ኽፍሊት ማለት እውን ዓሰርተ ዶላር እዩ ዝኽፈሎም።

ብሓፈሻ ድሕሪ ዘመነ ኣብርሆት መሎኮታዊ መሰል ከም መሰረት ስልጣን ዝቐርበሉ ፖለቲካ እናተዳኸመ፣ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ኣድላይነቱን ተቐባልነቱን እናስኣነ ብኣንፃር ዓለማዊ ምዕባለታት ድሑር እናኾነን እንትኸድ ብሄርተኝነትን ኮሚኒዝምን ከከም ኩነታቱን ሃገሩን ዝተፈላለየ መልክዕ ብምሓዝ ዓብለልቲ ርእዮተ ዓለም እናኾኑ ከይዶም። በዞይ እውን ናይ ዓለም ፖለቲካ ዝኸደሉ ኣንፈትን ዝውስኑን ምክንያት ሰላምን ኩናትን ኮይኖም ፀኒሖም እዮም።

እዚ ማለት ግና መለኮት ከም መሰረት ስልጣን ገይርኻ ምውሳድ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብቒዑ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዘመንና ብፍላይ ድማ ኣብ ኣፍሪካ “መለኮታዊ ቕብኣት ኣለና ዝብሉ” መራሕቲ ኣይተስኣኑን። ኣብዚ ቦካሳ፣ ኢዲኣሚንን ጋዳፊን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ሕዚ እውን እንተኾነ መንበረ ስልጣኖም ምስ መለኮታዊ ቕብኣትን ትንቢትን እናተኣሳሰሩ መከራ ህዝቢ ዘቕፅሉ መራሕቲ ኣለው እዮም።

# III. ስልጣን መሀነኒ መፅመድ መራሕቲ

ሓደጋታት ቐዲምኻ ናይ ምርኣይ ፀገም ብዋሕዲ ፍልጠት ጥራሕ ዝመፅእ ኣይኾነን። ናይቲ ስርዓት ተረባሕቲ ዝኾኑ መራሕቲ ድሕሪ ጊዜ ስርዓቶም ዘለኣለማዊ፣ ዝተመፃረየን ምትዕርራይ ዘየድልዮን ገይሮም ምውሳድ ስለዝጅምሩ እዮም። ኣረኣእያና ምስ ድልየትና ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ እንርብሐሉ ኹነታት ከምዘይቅየር ዘለኣለማዊ ገይርና ንውስዶ። ኩነታት ተቐይሩ እናሃለወ እውን ኣይረኣየናን። ብዙሓት መራሕቲ ብመንፅር ዝተለወጠ ኩነታት መንግስታዊ ስርዓቶም ከንዲ ምምሕያሽ ኣብ ዘለውዎ ነቒፆም ውሕጅ ለውጢ ክወስዶም ንዕዘብ። ኣብ ታሪክ ወዲሰብ መራሕቲ ብጥቕምን ብትዕቢትን ተዓዊሮም ገና ምልክት ሓደጋ ጡሽ እንትርእ ምጥፋእ ብዘይምኽኣሎም እታ ንእሽቶይ ትንታግ ጎመራ ኾይና ንባዕሎምን ዝመርሕዎ ማሕበረሰብን እንተተቃፅል ተዓዚብና ኢና።

ንኣብነት ሙዓመር ጋዳፊ “ኦሪያና ፋላሲ” እትበሃል ኢጣልያዊት ፀሓፊት ብዛዕባ “ሓምለዋይ መፅሓፍ” ኢሎም ዝሰየምዎ ናይ ፕሮፖጋንዳ መፅሓፎም ኣፏኺሳ እንትሓቶም ብኹራ መንፈስ ከምዝስዕብ እዮም ዝመለሱላ። “ሓምለዋይ መፅሓፍ ሓዱሽ ቅዱስ መፅሓፍ እዩ። ኣብ መፅሓፈይ ዘሎ ሓደ ቃል ዓለም ከጥፍእ ይክእል እዩ። ኣብ መፅሓፈይ ዘሎ ሓደ ቃል ዓለም ከድሕን ይኽእል እዩ። ናይ ኹሉ ነገር ዋጋ ክልውጥ ይኽእል እዩ። ኽብደቶም! መጠኖም! ምኽንያቱ ኣነ ሓዱሽ መሲህ እየ”።

ሙዓመር ጋዳፊ ብስልጣንን ስልጣን ብዘምፅኦ ሃፍትን ተዓዊሮም ኣሸንባይዶ ክኖትግ ቀሪቡ ዝነበረ ህዝባዊ ማዕበል ከስተውዕሉ ምድራዊ ሓይሊ ጥራሕ ዘለዎም ሙኳኖም እውን ዘንጊዖም ነይሮም። መወዳእትኦም ግና ኣይፀበቐን፤ ከም መሲህ እንተይኮነስ ከም ከልቢ ብደንጎላ ተቐጥቒጦም እዮም ሓሊፎም።

ሙዓመር ጋዳፊ፣ መላእ ሃገረ ሊብያ ብህዝባዊ ምንቕስቓስ እንትትባራዕ እቲ ዝተለጠወ ኩነታት ይኹን ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ ኣየስተባህሉን ነይሮም። ጋዜጠኛ ሲ ኤን ኤን (CNN) ዝኾነት ክሪስትያና ማንፑር ብዛዕባ ኣብ መላእ ሊብያ ዝተባረዐ ነውፂ እንትትሓቶም ትዕቢት ብዘለዎ መንፈስ እናሰሓቑ እዮም ነዚ ዝስዕብ መልሲ ዝሃቡዋ። “ኣብ ኸተማታት ተቓውሞ ሰልፊ የለን፤ ንዓይ ዝቃወም የለን! ንምንታይ ኪቃወሙኒ? ህዝበይ እኮ የፍቅረኒ እዩ! ንዓይ ንክከላኸለለይ እውን ክመውት ድልው እዩ። እቶም ዝወግኡኒ ዘለው ኣልቃይዳ እዮም! ኣልቃይዳ!” ኢሎም ደገሙላ።

ብዝኾነ ምዕባለ ደረጃ ሕብረተሰብ ንምርግጋፅ መሪሕነት ዘምፅኦ ረብሓ ምጥቃም ጥራሕ እንተይኾነስ ዘምፅኦ ሓላፍነት’ውን ምስካም ግድን ይብል እዩ። እዚ ሓቂ እዚ ዘየኽበረ መራሒ መወዳእትኡ ውድቀት እዩ። መራሕቲ ብመለኮታዊ ሓይሊ ዝተቐብኡ እዮም ዝብል እምነት ኣብዝነብረሉ ቅድመ ዘመነ ኣብሮሆት ዓለም እውን እንተኾነ መሪሕነት ብዘይ ሓላፍነት ኽብርን ጥቕምን ሒዝኻ ኣብ ሓፁር ቤተ-መንግስቲ እትምሕፀነሉ ኣይነበረን።

መራሕቲ ናይ ሰማያዊ ዓለም ምድራዊ ሉኡኻት ተገይሮም ይውሰዱ ስለዝነበሩ፣ ናይ ፈጣሪ ሰናይ በረከት ከምፅኡ፣ ዃራ ሰማየ ሰማያት ኣዝሒሎም ሰላምን ፅጋብን ከምፅኡ ትፅቢት ይግበረሎም ነይሩ። ድርቂ እንተመፂኡ፣ ኲናትን መከራን እንተበዚሑ ድማ "ግቡኦም ኣይፈፀሙን" ተባሂሉ ህዝቢ ብዃራ መንፈስ ንጉሳውያን ዝቖትለሉ፣ ቤተ-መንግስቶም ዝቓፀሉ ታሪክ ዝተለመደ ነይሩ። ኣብ ማእኸላይ ኣሜሪካ ኣብ ዝነበረ ናይ ማያ ስልጣነ እዋን ነገስታት፣ ናይ ዓሰርተ ሸሞንተን ትሸዓተን ክፍለ ዘመን ናይ እንግሊዝን ናይ ፈረንሳይን ነገስታት መወዳእታ ሞትን ውርደትን ዝኾነሉ በዚ ምኽንያት እዩ። እዚ ድማ መሪሕነትን ማሕበራዊ ሓላፍነትን ዝተኣሳሰሩ ምዃኖምን እንትፈላለዩ ድማ ዘስዕብዎ ሓደጋ ከቢድ ከምዝኾነን ዘርእየና እዩ። ኣብ መሪሕነት ስልጣን ኣብ ዘምፅኦ ጥቕምን ማቓን ጥራሕ ምድሃብ ዘብፀሖ ሓደጋ ብታሪክ ተደጋጊሙ ዝተርኣየ እኳ እንተኾነ ዘመን ሓሊፉ ዘመን እንትትካእ ግና መራሕቲ ተመሳሳሊ ናይ ዓርሰ ምጥፋእ ባህርዮም ኣይገድፉን። ናይ መሪሕነት ጥቕምን ኽብርን ብነፃ ከምዘይርከብ ካብ እንስሳዊ ዓለም እኳስ ክመሃሩ ኣይከኣሉን።

ኣብ ዱር ህይወት ህልኽ ብዘውድእ ቓልሲ ዝሰዓረ ሸደን ብቐዳምነት ይምገብ፣ ኽብርን ክንክንን እውን ንዑ ይኸውን። ናይ ምርባሕን ዘርኡ ክቕፅል ናይ ምግባርን እንኮ መሰል ዘለዎ እቲ ሸደን እዩ። ምስ'ዚ ግን ናይ መሪሕነት ሓላፍነት ኣለዎ። ናይ ስዓብቲ ስርዓት የኽብር፣ መስመር ዝሰሓተ ይቐፅዕ፣ ናይ ደገ ሓደጋ እንትትመፅእ ፊትንፊት ይገጥም። ንድሕንነት ሰዓብቱን ስድርኡን ቑዲሙ ይስዋእ። መሪሕነቱ ዝሃቦ ጥቕሚ እናጣዓመ ግቡኡ ዘይዋፃእ እንተኾይኑ ግን ብዘይምሕረት ተዋሪዱ ይባረር፣ ግቡኡ ክዋፃእ ድልየትን ዓቕምን ብዘለዎ ሓዱሽ ሸደን ድማ ይትካእ።



ናይ ወዲሰብ ናይ መሪሕነት ባህርይ፣ መሰልን ግቡእን ናይ መወዳእታ ውፅኢትን እውን ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ዘመንና ሙባረክን ጋዳፊን፣ ኢድኣሚንን ሚሎሶቪችን፣ መንግስቱን ቻርለስ ቴይለርን ወዘተ መወዳእትኦም ዝሓመቐሉ ምኽንያት ናይ መሪሕነት መሰሎምን ግቡኦምን ሚዛን ክሕልዩ ስለዘይኸኣሉ እዩ። መሪሕነት ከም መለኮታዊ መሰል (divine right) ተገይሩ ኣብ ዝውሰደሉ ዘመን ናይ መራሕቲ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ሓላፍነት ሕጋዊ ስርዓት ሒዙ ብኣዋጅ ዝተደንገገ ኣይነበረን። በዚ ዘመን መራሕቲ ንስልጣኖም ዘድሊ ዝነኣሰ ናይ ተቐባልነት ደገፍ ካብ ህዝቦም ክሰእኑን ህዝቢ እንትዕምፅ ጥራሕ እዩ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ሓላፍነት ከምዘለዎምን እዚ ዘይምፍፃሞምን ብገሃድን ብዝኸፍአ መንገድን ዝረአ።

ኣብ ዝኾነ ዘመን ኣብ መራሕትን ሰዓብትን ዝተኣወጀ ይኹን ዘይተኣወጀ ውዕል ኣሎ። መራሕቲ ናይ ህዝቦም ድሕንነትን ማሕበረ ኢኮኖሚ ጥዕናን እንተዘየረጋገፆም ውዕል ከምዘፍረሱ ተቖፂሮም ይቕፅዑ። ድሕሪ ዘመነ ኣብርሆት ኣብ ዝተመስረቱ ዴሞክራሲያዊ ስርዓታት ግን መሰልን ሓላፍነትን መራሕቲ ሕገ-መንግስታዊ መልክዕ እንዳሓዘ መፂኡ።

ክሳብ ዘለናዮ ዘመን ዘሎ ዋና ፀገም መራሕቲ ትፅቢት ህዝቢ እንታይ ምዃኑን ኣብ'ቲ ትፅቢት ህዝቢ ተመስሪቱ ብዝተኣወጀን ብዘይተኣወጀን መልክዕ ህዝብን መንግስትን ዘተኣሳሰረ ማሕበራዊ ውዕል (Social Contract) ይፍፀም ምህላዉን ዘይምህላዉን ኣየስተብህሉን። ናይ'ቲ ህዝቢ ወድዓዊ ድልየት፣ ኣብ መራሕቲ ዘለዎ ኣረኣእያ፣ ነቲ ስርዓት ንምምሕያሽ ወይድማ ንምቕያር ፍሕም እንዳበለ ብሰላሕታ እንዳተባረዐ ዝኸድ ህዝባዊ ጎመራ እውን ኣየስተውዕሉን።

ብትፅቢት ተኸቢቦም፣ ካብ ማሕበራዊ ፖለቲካዊ ወድዓዊ ኩነት ተነፂሎም እናነበሩ ባዕሎምን ሃገሮምን ናብ ሓደጋ ዘእተዉ መራሕቲ ብዙሓት እዮም። ካብዚኦም ነበር ፕሬዝደንት ግብፂ ሆስኒ ሙባረክን ፕሬዝዳንት ሶርያ በሽር ኣልኣሳድን ኣብነት ዝኾኑ እዮም። ሓደ ነበር ሓላፊ ድሕንነት እስራኤልን ፈታዊ ሆስኒ ሙባረክ ዝነበረ ሰብ "ፕሬዝዳንት ተባሪዑ ዘሎ ናዕቢ ቱኒዝያ የስገእኩም ዶ?" ኢሉ እንትሓቶም "ግብፂ ቱኒዝያ ኣይኮነትን" ኢሎም መሊሶምሉ። ኮይኑ ግን ድሕሪ ቱኒዝያ ብዙሕ እንተይፀንሐ ኣብ ግብፂ ህዝባዊ ዓመፅ ተባሪዑ። ሆስኒ ሙባረክ ካብ ስልጣን ወሪዶምን ተኣሲሮምን፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ተዋሪዶምን ተራኺሶምን ህይወቶም ሓሊፉ። ብተመሳሳሊ በሽር ኣልኣሳድ እውን "ንሕናን ህዝብናን ስሙር ርክብ እዩ ዘለና። ሶሪያ ቱኒዝያ እውን ግብፅ እውን ኣይኮነትን" ኢሎም እንትፍክሩ ሶሪያ ናብ ዝተናውሐ ደማዊ ሕድሕድ ኲናት ትጥሕል ከምዘላ ኣየስተብሃሉን።

መራሕቲ ካብ ጭቡጥ ኩነታት ተነፂሎም ንማሕበረሰብ ውድቀት ጥራሕ እንተይኮነስ ንስልጣኖምን ሃለዋቶምን ሓደጋ ክኸውን ዝኽእል ኩነታት ንምንታይ ይፈጥሩ? ፀገማት ገና ብዕሽሎም ኣለልዮም ፍታሕ ኣብ ክንዲ ምሃብ ገቢሎም ክሳብ ዝውሕጥዎም ኢዶምን እግሮምን ኣሲሮም ዝፅበይሉ ናይ ዓርሰ ቅትለት ባህርይ መሰረቱ እንታይ እዩ? ፀገማት ናብ ነውፂ ተቐይሮም ናይ ኣደባባይ ምሽጥር ምስኾኑ እንተይተረፈ ክሳብ እቲ ሰይፊ ኣብ ኽሳዶም ዝበፅሕ ዘህንኖም ሓይሊ እንታይ እዩ? ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ነዊሕ መዋእል ወዲሰብ ዝነበሩን ዘለውን ፈላስፋታትን ሊቃውንቲ ፖለቲካ ሳይንስን ዝሓሰብሉን ዝፃሓፉልን እዩ።
ትካላዊ መሪሕነትን ትንሳኤ ማሕበረሰባትን

ኣብ ዘመነ ስልጣነ ግሪክ ካብ ዝነበሩ ፈላስፋታት ጀሚሩ እቲ ዝሓሸ ምምሕዳራዊ ስርዓትን ዓይነት መሪሕነት እንታይ እዩ? ንድሕንነት ህዝቢ፣ ሰናይ ህይወትን ስምረትን እንታይ ዓይነት ፖለቲካ ይምረፅ? ኣብ ዝብል ጉዳይ ዝተፈላለዩ መማረፅታት ቐሪቦም እዮም።

ንኣብነት ከምኒ ፕሌቶ ዝኣመሰሉ ፈላስፋታት ናይ ምሕደራ ቑልፊ ፀገም ፍልጠት፣ ዲሲፕሊንን ባህርያዊ ጥንካረን ስለዝኾነ እቲ ዝሓሸ ስርዓት “ፈላስፋ ንጉስ ዝኾነሉ ስርዓት እዩ” ዝብል ሓሳብ ነይርዎም። ካብ ኣሪስቶትል ክሳብ ማእኸላይ ዘመን ዝነበሩ ብዙሓት ፈላስፋታት ድማ ዝተፈላለየ ቅርፅን ስልጣንን ዘለዎም ነገስታት ዝሓሸ ስርዓት ከምዝምስርቱ ፅሒፎም እዮም። ደሓር እውን ከምኢ ጆን ሎክ ጀዝበሉ “ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝበለፀ ስርዓት እዩ” ዝብሉ ፈላስፋታት ተቐልቒሎም እዮም። ኣብ ነዊሕ ታሪክ ወዲ ሰብ ብዝተፈላለየ ሽምን ቕርፅን ውልቀ መለኽቲ፣ ንጉሳውያንን ብሽም ዴሞክራሲን ህዝባውነትን ዝተጣየሹ ስርዓታትን ቤተ-መንግስቲ ኣትዮም ወፂኦም እዮም። ኾይኑ ግን ሕዚ እውን ምዕሩይ ፖለቲካዊ መሪሕነት ንምርካብ ኣፀጋሚ ኮይኑ ይርከብ፤ ባህሪ ወዲሰብ ምሕማቹ ክሳብ ዝቐፀለ ዝተመፃረየ ስርዓት ክርከብ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ከቢድ እዩ። እቲ ናይ ጊዜና “ምዕቡል” ዝበሃል ስርዓት ዴሞክራሲ እውን እንተኾነ ዊንስተን ቸርችል ከምዝበሎ ካብዞም ዝሓመቑ ዝሓሸ ሕማቕ ስርዓት መሪሕነት እዩ።

ኣብ ውድቀትን ትንሳኤን ማሕበረሰባት፣ ናይ ንግዲ (ቢዝነስ) ትካላት፣ ፖለቲካዊ ውድባትን ወዘተ መሪሕነት ቑልፊ ተራ ከምዝፃወት ብዙሓት ናይ ዘመንና ሊቀ ሊቃውንቲ ሳይንስ መሪሕነት ብበዝሒ ፅሒፎም እዮም። ጆን ማክስዌል ኣብ ዙርያ መሪሕነት ልዕሊ ሓደ ሚእቲ መፃሕፍቲ ዝፀሓፈ ናይ ዘመንና ቑፅሪ ሓደ ናይ መሪሕነት ሳይንስ ሊቅ እንተኾን ኣብ ልዕሊ ምኢቲን ኣርብዓን ዝኾና ሃገራት ናይ መሪሕነት ስልጠና ማእከላት ኸፊቱ ዓቕሚ መሪሕነት ብምጉልባት ዓብይ ተራ ዝፃወት ፍሉጥ ሰብ እዩ።

ጆን ማክስዌል ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ 1998 “The 21 Irrefutable laws of & Leadership” ብዝብል ርእሲ ዝፃሓፎ መፅሓፍ ኣብ ሙሉእ ዓለም ብ 70 ቋንቋታት ዝተተርጎመ እንተኾን ልዕሊ ሰላሳን ሓሙሽተን ሚሊዮን ኮፒታት መፃሕፍቱ ኣብ መላእ ዓለም ተሸይጦም እዮም። ጆን ማክስዌል ኣብ መፅሓፉ ዘስፈራ ቕዳመይቲን ቁልፍን ናይ መሪሕነት ሕጊ “The law of the Lid” ትበሃል ኮይና ዝኾነ ማሕበረሰብ ካብ ዕብየትን ንቕሓትን መሪሕነቱ ብላዕሊ ክኸውን ከምዘይኽእል እትጠቅስ ሕጊ እያ። ሓደ ጠርሙስ ክሕዞ ዝኽእል መጠን ማይ ካብ መኽደን (Lid) ናይ’ቲ ጥርሙስ ብላዕሊ ክኸውን ከምዘይኽእል፣ እንተተፈቲኑ እውን ንደገ ፈሲሱ መሬት ከምዘዕለቕልቕ ኩሉ ማሕበረሰብ እውን መሪሕነቱ ካብ ዝበፅሖ ደረጃ ንቕሓት፣ ባህርይን ባህግን ብላዕሊ ክኸይድ ከምዘይኽእል ዝድንግግ ሕጊ እዩ። ጆን ማክስዌል ነዚ ሕዚ ብኸምዚ እዩ ከብርሆ ዝፍትን “ዓቕሚ መሪሕነት ካብ ሓደ ክሳብ ዓሰርተ ብዘሎ ስኬል መሰረት እንተተቐሚጡ፣ ምዕባለ ማሕበረሰብ ካብ ሰለስተ ኣይሓልፍን፤ ደረጃ እቲ መሪሕነት ኣ ቁፅሪ ትሽዓተ ዝቕመጥ እንተኾይኑ ድማ ምዕባለ ማሕበረሰብ ክሳብ ደረጃ ትሸዓተ ንክውጠጥ ዘኽእሎ ኩነታት ይፍጠር” ይብል።

ብዘይካ እዚ ናይ ጆን ማክስዌል ኣምር ዘዘኻኽረና ሓደጋ እውን ኣሎ። መሪሕነት ኣብ ደረጃ ሰለስተ ተሸኺሉ ምዕባለ ማሕበረሰብ ካብኡ ብላዕሊ ክስጉም ዘይፈቕደሉ ኩነታት እንትፍጠር ሳዕቤኑ ማሕበራዊ ነውፂ ይኸውን። መኽደን ጠርሙስ ሓሊፉ መሬት ከምዘዕለቕልቕ ማይ ካብ መሪሕነቶም ዝቐደሙ ማሕበራዊን ፖለቲካውን ሓይልታት ድማ ነቲ ስርዓት ብብዙሕ ዋጋ ሃናዲሶም ክሓልፉ ይግደዱ እምበር እቲ መሪሕነት ካብ ናይ ቕድሚት ጉዕዞኦም ጠጠው ክብሎም ኣይኽእልን። እዚ ማለት ንምዕባለ ማሕበረሰብ ዘይምጥን መሪሕነት ንማሕበራዊ ነውፂ ምኽንያት ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። መተንፈሲ ዝሰኣነ ገስጋሳይ ማሕበራዊ ማዕበል ሞቒሑ ንዝሓዞ መሪሕነት ፈንጺሑ ብሓይሊ ለውጢ ከምፅእ ይግደድ። እቲ ዘሕዝን ግና ብሓይሊ ዝመፅእ ለውጢ ዋግኡ ኽቡር፣ መወዳእትኡ እውን ዘይፍለጥ ም኿ኑ እዩ። ነዚ’ዩ እዩ እምበኣር መሪሕነት ኣብ ትንሳኤን ውድቀትን ማሕበረሰብ ቑልፊ ግደ ኣለዎ ዝበሃል።

ይኹን እምበር ናይ መሪሕነት ሳይንስ ኣብ ትንሳኤን ውድቀትን ማሕበረሰብ መሪሕነት ቁልፊ ተራ ከምዘለዎ ኣብ ሓፈሻዊ ምርድዳእ እንተበፅሐ እውን እንታይ ዓይነት ናይ መሪሕነት ስርዓት ማሕበረሰብ ንቕድሚት የስጉም? ኣየናይ ኣግባብ መሪሕነት ኸ ምኽንያት

ድሕረት ይኸውን? ንዝብሉ ሕቶታት ግና ዝተፈላለየ መልሲ እዩ ዘቐምጥ።

ኣብ ሓደ እዋን "ፍሉይ መለኮታዊ ናይ መሪሕነት ዓቕሚ ዘለዎም ተኣምራዊ ውልቀሰባት (Great men! Historical Person ወዘተ) ንምዕባለ ማሕበረሰብ ንቕድሚት ዘሰጉሙ ሓይልታት እዮም" ዝብል ዓምር ዝነበሮም ነይሮም። እዚ ብዘይ ተኣምራዊ ውህብቶ ዘለዎም ውልቀ ሰባት ለውጢ ማሕበረሰብ ኣይሕሰብን ዝብል መልዐሊ ሓሳብ ዘለዎ ፍልስፍና ፖለቲካ እዩ። ኣብ ዘመንና እውን እዚ ኣምር ዝተፈላለየ መልክዕ ሒዙ ናይ ሓደ ሓደ ሃገራት ተሞክሮ ከም መራሳዲ ኣብነት እንዳቐረበ ናይ ውልቀ መራሕቲ ወሳናይ ተራ ክቃላሕ ይስማዕ እዩ። ኣብ ፈረንሳይ ከም ናፖሊዮን፣ ኣብ ራሺያ ከም ሌኒን፣ ኣብ ግብፂ ከም ገማል ዓብድል ናስር፣ ኣብ ኢትዮጵያ ከም መለስ ዜናዊ ወዘተ ዝኣመሰሉ ከም ኣብነት ክፅርሑ ይስማዕ እዩ።

ብኣንፃሩ ነዚ ኣምር ዝነቕፉ ብርክትዝበሉ ተመራመርቲ እውን ኣለው። ኣብ ታሪክ ዝኸሰቱ ዓበይቲ መራሕቲ ልክዕ ከም በራሪ ኾኾብ እዮም ኢሎም ይኣምኑ፣ በግ ኢሎም ይጠፍኡ። ናፖሊዮን ምስ ሞተ ባዕሉ ዘወገዶ ዘውዳዊ ስርዓት ተመሊሱ። ሌኒን ምስ ሞተ ኣረመንያዊ ስርዓት ስታሊን ነጊሱ። መለስ ምስ ሞተ ጀኖሳይዳዊ ስርዓት ተተኪኡ ይብሉ።



ኣብ ዙርያ ውድቀትን ትንሳኤን ማሕበረሰብ ቁልፊ መከራኸሪ ነጥቢ ኣብ እዚ ኸይዲ መራሕቲ ተራ ኣለዎም ዶ የብሎምን? ዝብል ኣይኮነን። እቲ ሕቶ እንታይ ዓይነት መሪሕነት እዩ ኣንፈት ሕብረተሰብ ናብ ዕብየት ወይ ናብ ውድቀት ዘምርሕ? ዝብል እዩ። በዚ መንፅር ሳይንሳዊ ምርምርን ማሕበራዊ ተሞክሮን መሰረት ብምግባር እዞም ስዒቦም ዝተቐመጡ ባህርያት መሪሕነት ትንሳኤ ማሕበረሰብ ከበስሩን ውድቀት ከስዕቡን ዝኽእሉ ቑልፊ መመዘንታት ከምዝኾኑ ይእመነሎም።

ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ናይ መሪሕነት ቦታ ኣብ ናይ ሰባት ድሕንነት፣ መሰል፣ ወዘተ ናይ ምውሳን ዕድል ዝህብ ስለዝኾነ ስልጣን እቲ ኹሉሻብ ኣፅቂጡ ዝፅበ ናይ ሰባት ናይ ውልቃውነት፣ ዓብላልነትን መንፈስ መን ሰዓረን ዘበራብር ወፅመድ እዩ። ስልጣን ሓደ ገርሂ ሰላማዊ ሰብ ናብ ሸይጣን መሰል ሰብ ክልወጥ ዘኽእል ምትሃታዊ ሓይሊ ኣለዎ። ኣብዚ ፕሬዝዳንት ኣብረሃም ሊንከን "ሓቀኛ ባህሪ ሰብ ክትፈልጥ እንተደሊኻ ስልጣን ሃቦ" ዝበልዎ ሓቅነት ኣለዎ።

ፊሊፕ ዚምባርዶ (Phillip Zimbardo) ዝበሃል ፀሓፊ "The Lucifer effect" ብዝብል ርእሲ ንዝፀሓፎ መፅሓፍ መበገሲ ዛዕባ ዝኾኖ መፅናዕቱ ኣብ ተምሃሮ ስታንፎርድ ዩኒቨርስቲ ዝገበሮ "Stanford prison Experiment" ብዝብል ዝፍለጥ ሙከራ እውን ተጠቃሲ እዩ። ኣብ'ዚ መፅናዕቲ እቶም ዝተወሰኑ ተምሃሮ እሱራት እቶም ኻልኦት ድማ ኣሰርቲን ሓለውቲ ቤት መእሰርትን ተገይሮም ንዝተወሰኑ መዓልታት ምስፀንሑ እቱ ዝተረኸበ ውፅኢት መደንገፂ ነይሩ። እቶም ኣሰርቲን ሓለውትን ኾይኖም ዝተመደቡ ናይ ብሓቂ ጨካናት ምኽን ጀሚሮም። ኻሊእ ጉድኣት ከይስዕብ ብዝብል ድማ እቲ ሙከራ ቐልጢፉ ክቛረፅ ተገይሩ። ናይ ሓደ ሰብ ባህሪ ብዝሓዞ ብርኪ ሓላፍነትን ብዘለሉ ኩነታትን ከምዝቕየር ተረጋጊፁ። እዚ ሙከራ ሉሲፈር ፃዲቕ ነይሩ ሸይጣን ምኽን ከምዝኽኣለ ኩሉ ሰብ እውን ስልጣን እንትሕዝን ናይ ስልጣን ጣዕሚ እንትፀልዎን ናብ ዝተፈለየ ፍጥረት ከምዝቕየር ኣርእዩ እዩ። ኣብ ዘመንና ሰባት ስልጣን ምስሓዙ ብዘይግመት ፍጥነት ናብ ኣራዊትነት ዝልወጥሉ ምሽጥር እውን ዘግሃደ ሙከራ እዩ ነይሩ። ስልጣን ብትካላዊ መልክዕ ቁፅፅር እንተዘይተገይርሉ ባዕሉ ንዝፈጥሮም ጨካናት መሳርሒ ክኾን ከምዝኽእል ዘርኣየ እዩ። ስልጣንን ዘይምዕሩይ ስርዓትን ነቲ "ቕኑዕ" ዝበሃል ሰብ እውን ናይ ምፅያቕ ሓይሊ ኣለዎም። እቱ ውሩይ ኣሜሪካዊ ናይ ምሕደራ ሳይንስ (ማኔጅመት) ሊቅ ደሚንግ (W.Edwards Deming) ከምዝበሎ "ሕማቕ ስርዓት ኹሉሻብ ንቕኑዕ ሰብ ይስዕር" (a bad system will beat a good person every time)።

ኣብ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ዝተመስከረ ሓቂ ውልቀ ሰባት ዝኾነ ይኹን ዓቕሚ ይሃልዮም፣ ክንዲድላዮም ናይ ሃገርን ህዝብን መዝሙር ፍቕሪ የጋውሑ፣ ውልቃዊ መንነቶምን ድልየቶምን ንማሕበራዊ ትንሳኤ ዋሕስ ክኸውን ኣይኽእልን። ናብ ስልጣን ኣብ ዝመፅሉ እዋን ከም መሲህ ዝተቖፀሩ ከምኒ ጋዳፊ፣ ሙጋቤ፣ ስታሊንን ሂትለርን ከም ሉሲፈር ካብ ኣምላኽነት ናብ ሸይጣን ክቕየሩ ተራእዮም እዮም። ከምኒ መለስ ዝኣመሰሉ ድማ ከምቱ ደሚንግ ዝበሎ ኣብ ኸይዲ ሕማቕ ስርዓት ስዒርዎም።

ዳሮን ኣሴሞግሉን ጀምስ ሮቢንሰንን ዝተብሃሉ ኣሜሪካውያን ምሁራት “Why Nations Fail?” ኣብ ዝብል መፅሓፎም ከምዘቐመጥዎ ውሩያት መራሕቲ ዘምፅእዎ ለውጢ ምቕፃሉን ዘይምቕፃሉን ምስ ትካላዊ ኣመራርሓ ምህላውን ዘይምህላውን የተሓሕዝዎ። እዞም ምሁራት ቐፃልነት ዘለዎ ማሕበራዊ ምዕባለ ዘምፅእ መሪሕነት ነፃን ሓቖፍን (Inclusive Institutions) ኮይኑ ዝተመስረተ ክኸውን ይግባእ ይብሉ። ሓቖፋይ ትካል ካብ ኢድ ኣእታውነት መራሕቲ ነፃ ዝኾነ፣ ንኹሉ ብማዕረ ዘመሓድር ሕጋዊ ስርዓት ዘለዎ፣ መሰልን ሃፍትን ውልቀሰባት ዘኽብር፣ ወዘተ ባህሪያት ዝሓዘ እዩ። እዚ ድማ ንቐፃሊ ምዕባለ መሰረት ዘንፅፍ፣ ዝተረጋገፀ ስርዓት ዘሰፍን ትካላዊ ስርዓት እዩ።

ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ትካላት ንውሑዳት ብዝጠቅም ኣግባብ ዝሰርሓሉ፣ ሕጊ እናማረፅኻ ዝትግበረሉ፣ ወዲ ገዛን ወዲ ደገን ዘለዎ ኣድላዊ ስርዓት ድማ መዝመዝቲ ትካላት (Extractive Institutions) ይብልዎ። እዚ ማሕበረሰብ ናብ ቐፃሊ ውድቀትን ዘይምርግጋዕን ክጥሕል ዝገብር እዩ። ኣብዚ ዓይነት ስርዓት ትካላት ግልጋሎተን ነቲ መራሒን ጉጅሉኡን እምበር ንህዝቢ ኣይኮነን። መዝመዝቲ ትካላት ኣብዝዓብለሎ ስርዓት ሰናይ ድልየትን ዝለዓለ ዓቕምን ዘለዎ መሪሕ እውን እንተኾነ ዘላቒ ለውጢ ከምፅእ ኣይኽእልን።

ኣሴሞግሉን ሮቢንሰንን ስርዓት ሙጋቤ ከም ኣብነት ወሲዶም ባህርያት መዝማዛይ ትካላት የብራህርሁ። ሮበርት ሙጋቤ ዝምባብዌ ከም ውልቀ ንብረቱ ገይሩ ሃብታ ምምዝማዙ፣ ስርዓታ ምብሓቱ ጥራሕ ኣየርወዮን። ሓደ እዋን ናይ ዚምባብዌ ብሄራዊ ሎተሪ ዝዓበየ ሽልማት ዝህበሉ ዕፃ ዝወፀሉ ፕሮግራም ብቴሌቪዥን ክመሓለፍ መዓልቲ ይቑረፅ። ኣብ መዓልቱ ኩሉ ህዝቢ ዓይኑ ናብ ቴሌቭዥን ገይሩ በዓል ዕድል መን ይኾን ኢሉ ንክፅበ ተገይሩ። ተኣምር ብዝመስል ኣግባብ እታ ዕፃ ንሮበርት ሙጋቤ በፂሓ። ህዝቢ ዚምባብዌ መራሒኡ ሓያልን ብቁዕን መራሒ ጥራሕ እንተይኮነስ ዕድለኛን ተኣምረኛን ከምዝኾነ ገይሩ ክወስዶ ዝተተለመ ድራማ እዩ ነይሩ። እዚ ሕንከት ዘይብሉ ናይ መዝማዛይ ትካላዊ ስርዓት ውፅኢት እዩ።

ቕድሚ ሮበርት ሙጋቤ እውን እንተኾ ትካላት መንግስቲ ንውልቀ ረብሓ መራሕቲ መገልገልቲ ዝኾናሉ ታሪኽ ብብዝሓት ተፃሒፉ እዩ። ኣብዚ ኢዲኣሚን ናይ ዝበሃል  መራሒ ሃገረ ኡጋንዳ ታሪክ ምጥቓስ ይከኣል። ኢዲኣሚን ንተኸታታሊ ትሽዓተ ግዜታት ናይ ኡጋንዳ ተዓዋታይ ውድድር ጉስጢ (Boxing Champion) ተባሂሉ ልዕልነቱ ኣመስኪሩ እዩ። ኣብ ናይ ሓመሳ ውድድር እውን ዝስዕሮ ኣይነበረን። ኩሉ ተወዳዳራይ ክሰዓር ተዳሊው ስለዝቐርብ።

ሙዐመር ጋዳፊ “ናተይ ሓምለዋይ መፅሓፍ ሓዱሽ ቕዱስ መፅሓፍ እዩ” እንትብል ትካላት ሊብያ ብሕጭ ኣይበላን፣ የግዳስ ኩሉ መጣቕዕን መዳመቕን ደአ ነበረ። ዘይተኣደነ ስልጣን፣ ናይ ቁፅፅር ስርዓት ዘይብሉ ፍፁም ስልጣን ፍፁም ብልሽውና ከምዘምፅእ ብዙሕ ናይ ታሪክ መረዳእታ ኣሎ። ሓቖፋይ ስርዓት ዘይብለን፣ ኣብ ውልቀ መራሕተን ተኣምራዊ ዓቕሚ ኣሚነን ወይ ተገዲደን ዝነበራ ሃገራት ናይ መወዳእታ ዕድለን ውድቀት እዩ።

## iv. ወሳድ መሪሕነትን ትንሳኤ ማሕበረሰብን

ራሕሲ ይኹን ዋዒ፣ ማሕረስ ይኹን ዓፂድ ነናይ ባዕሉ ወርሓት ኣለዎ። ኣብ ኽረምቲ ኣይዕፀድን ኣብ ቐውዒ ኣይሕረስን። እዚ ተፈጥሮኣዊ ዑደት ዘየኽበረ ሓረስታይ ተፈጥሮ ትቕፅዖ። ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ዘኽበረ ድማ ፍርያቱ ይሓፍስ።

ናይ መሪሕነት ዑደት እውን ዋላ እኳ ከም ተፈጥሮኣዊ ሕጊ ብግልፂ ዝተግሃደ እንተዘይኾነ ተመሳሳሊ መትከል ኣለዎ። ሕድሕድ ዘመን ናይ ባዕሉ ናይ መሪሕነት ትውልዲ ይጠልብ። ሓዱሽ ማሕበረ ፖለቲካ እንትፍጠር ነዚ ዝርዳእ፣ ዘመሓድርን ዝመርሕን ነቲ ሓዱሽ ማሕበራዊን ፖለቲካውን ድልየት ዝምጥን ናይ መሪሕነት ትውልዲ ይጠልብ እዩ። በቢዘመኑ ናይ ወለዶታት ጎንፂ ኣሎ። እቲ ዝፀንሐ ወለዶ ናይ መሪሕነት ጥበብ ንበይኑ ዝተዓደሎ፣ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ፍቕሪ ህዝብን ሃገርን፣ ክእለትን ናይ ሓላፍነት ስምዒት ከምዘይብሉ ገይሩ ይወስድ። ንዓብይ ሓላፍነት እምነት ዘይግበረሉ ተገይሩ ይረአ። እዚ ሚዛን ዝሰሓተ ትዕቢት ንዘመናት እናተወራረሰ ዝመፀ መንፈስ እዩ።

ንኣብነት ቅድሚ ሓደ ሽሕ ዓመት ውልደት እየሱስ ክርስቶስ ኣብ ባቢሎን ኣብ ሓደ ሸኽላ ሸሓነ ተፅሒፉ ዝተረኸበ ፅሑፍ ከምዝስዕብ ይብል። “ናይ’ዚ ዘመን መንእሰይ ዝበኸተ እዩ፣ ኸፉእ፣ ፈሪሃ እግዚኣብሄር ዘይብሉ፣ መውደልደሊ እዩ። ገዲም መንእሰይነት ከምቱ ዝነበረ ኣይኮነን። ባህልና እውን ክዕቅብ ዝኽእል ኣይኮነን” ይብል። እዚ ኣበሃህላ እዚ ሎሚ ዘመን ዝተነገረ ይመስል።



ታሪክ ወዲሰብ ብደምን ብንብዓትን ክጥልቂ ካብ ዝገበርዎ ምኽንያታት ሓደ ወለዶ መሪሕነት ንዝተለወጠ ዘመን ብዝበለፀ ክመርሕ ንዝኽእል ሓዱሽ ወለዶ መሪሕነት ምስግጋር ብስስዐ ወንበር ስልጣን ቢሒቶም ዝፈጥርዎ ማሕበራዊ ነውጺ እዩ። ሃንቲግተን ማሕበራዊ ነውጺ “ናይ ዝዘንገዐ ሪፎርምን ናይ ድሑር ናይ ኣመራርሓ ስርዓት ውፅኢት እዩ” ዝበሎ እውን ካብዚ ብምብጋስ እዩ።

ናይ ቐረባ ታሪኽ መሪሕነት ዓለም ከም ኣብነት ወሲድና እንተንርኢ ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ንግብፂ፣ ቱኒዝያ፣ ሊብያ፣ ሶርያ ወዘተ ኣብ ኣፍሪካ ድማ ኣብ ሱዳንን ኣብ ኢትዮጵያን ዝተወልዑ ናዕብታት እቲ ዝፀንሐ ወለዶ መሪሕነት ነቲ ሓዱሽ ዘመን ብኣረጊት ናይ ኣመራርሓ መንፈስ ክቕፅል ናይ ዝገበሮ ፈተነ ውፅኢታት እዮም። ናይዚ ፖለቲካዊ ስስዐ ናይ መወዳእታ ውፅኢት ተዋሪዶም ካብ ስልጣንን ካብ ዓለምን ምእላዮም ጥራሕ እንተይኮነስ ነቲ ዝመርሕዎ ማሕበረሰብ እውን ክትስእ ብዘፀግመሉ ብርኪ ክበርስ ምግባሮም እዩ።

ህይወት እቲ ዝፀንሐ ኣረጊት ትውልዲ ብሓዱሽ እናተከአ ዝኸይድ ናይ ለውጢ ሰንሰለት እዩ። ኣብ ተፈጥሮኣዊ ኽስተት ናይ ምትኽኻእ ባህሪ ብግልፂ ይረአ። እዚ ሓቂ ከም ተፈጥሮኣዊ ህይወት ኣብ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ክስተት ተጋሂዱ ዋላ ኣይረአ እምበር ዘይሕለፍ ሕጊ እዩ። ኩነታት ምስተለወጠ ወሳኒ ምትዕርራይ ምግባር ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ እዩ።

ህይወት ዘለዎም ፍጡራን ኣብ መሬት ካብ ዝኸሰቱ ካብ ሓደ ክሳብ ኣርባዕተ ቢሊዮን ዝበፅሑ ዘርኢ ፍጡራን ከምዝነበሩ ይግመት። ኣብ’ዚ እዋን ግባ ቑፅሮም ትሕቲ 50 ሚሊዮን ወሪዱ ይርከብ። መብዛሕትኦም ምስ ተለዋዋጣይ ኩነታት ኣየር ዓለም ብዘድሊ ሰለጤን ክለማመዱ ስለዘይከኣሉ ሃሊቆም።

እቲ ቐደመዋይ ወለዶ ናይቲ ሓዱሽ ወለዶ ናይ መሪሕነት መሰል ኣፍልጦ ናይ ምሃብ ጥራሕ እንተይኮነስ ደገፍ ናይ ምሃብ ሞራላውን ተፈጥሮኣዊን ግቡእ ኣለዎ። እዚ ኣብ እንስሳዊ ህይወት እንይተረፈ ዘይሕለፍ እዩ። ነብሪ ደቃ ሃደን ክተምህር ሃዲና ንዝሓዘታ ገልገል ሚዲቕ ቐቲላ ቕድሚ ምብላዓ መለማመዲ ሃደን ደቃ እያ ትገብራ። ኣሞራ ደቃ ናብ ፀድፊ እናደርበየት፣ መሊሳ ድማ እናሓዘት እያ ጥበብ ኣነፋፍራ ትምህረን። ቐፃሊ ወለዶ ንመፃኢ ናይ ህይወት ሓላፍነት ንክስከም ምብቃዕ ናይ ኹሉ ህይወት ዘለዎ ፍጡር ተፈጥሮኣዊ ሓላፍነት እዩ። ኣብ ፖለቲካ ህይወት ግን ውልቃውነትን ስስዐን እናዓብለለ ናይ ወለዶታት ናይ ምውርራስ ተፈጥሮኣዊ ባህርይ እናተዓንቀፈ ጠንቂ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ነውጺ እንትኾን ነስተውዕል።

ኽይዲ ምትኽኻእ ኣመራርሓ ማሕበረሰብ ዝተፀንዐን ዝተተለመን ክኸውን ኣለዎ። ከም እንስሳዊ ህይወት ደመነፍሳዊ ክኸውን ኣይኽእልን። ብቕዳምነት ኣብ መፃኢ ዘመን ዝገጥሙ ፈተናታትን ዕድላትን፣ በቢምዕራፉ ክንበፅሖ ዝግባእ ሸቶን ነዚ ዘድልየና ናይ ኣመራርሓ ባህርያትን ኽእሎትን ብምፍላይ ናይ ኣመራርሓ ጥበብ ዝተዓጠቐ ትውልዲ ምብቃዕ ግድን እዩ። ቅድሚ መሪሕነት ምትኽኻእ ዓለም እንሪኣሉ መነፅር፣ ፖለቲካን ማሕበረሰብ እንመርሐሉ ሓዱሽ ኣምር ነቱ ኣረጊትን ምስቲ ዝተለወጠ ዘመን ዘይሳነ ሓሳብን ክትክእ ይግባእ እዩ።

ኣብ ከይዲ ምትኽኻእ መሪሕነት ንሕድሕድ ናይ ሓላፍነት ብርኪ ብግልፂ ብዝተቐመጡ ናይ ኣመራርሓ ብቕዓት መለከዒን መመዘኒ ስርዓትን መሰረት እንተዘይተፈፂሙ እቲ ኽይዲ ብቕርርብን ብፍልጦን ይትካእ። እቲ ቐዳማይ ወለዶ መሪሕነት ንዑኡ ዝመስልን ነቱ ዝፀንሐ ኣረኣእያ ዘሰጉም ተለኣኣኺ ናብ ምርባሕ ይኣቱ። እዚ ድማ ምስ ናይ ምትኽኻእ መሰረተ ሓሳብ ዝፃባእን ናይቲ ቐዳማይ ወለዶ መሪሕነት ብኻሊእ መንገዲ ክቕፅል ምግባር እዩ።

ብፅንዓት ዝተመስረተ ናይ ምትኽኻእ ስርዓት ከምዘድሊ ዊልያም ሮትዌል ዝተብሃለ ፀሓፊ “Effective Succession Planning” ኣብ ዝተብሃለ መፅሓፉ ከምዝስዕብ ኣቐሚጥዎ ይርከብ። ከይዲ ምትኽኻእ ኣመራርሓ ብትልሚ እንተዘይተሰሪሑ ኣብ መሪሕነት ዘለው ብድሕረ ባይቶኦም፣ ብኣረኣእዮኦም፣ ብሕርያ ኽብርታት ብኣካላዊ ቅርፆም ከይተረፈ ዝመስልዎም ንክሓርዩ በሪ ዝኸፍት እዩ። ኣብዚ ኽይዲ እቲ ትካል ተመሳሳሊ ናይ ኣረኣእያን ባህርያትን መበቆል ብዘለዎም ሰባት ቤተሰባዊ ብዝመስል ምትእስሳር ዝተመስረተ ይኸውን።

ብ “ቤተሰባዊ ምትእስሳር” መሰረት ዝተሓረየ መሪሕነት ንትካላዊ ዕላማ ብምርማስ ናይ ምሕሳብ ተፈጥሮኣዊ መሰሉ እንተይተረፈ ሸይጡ ዝተኣዘዞ ይፍፅም፣ ንዝሸሞ ሓለቓኡ ይሕልውን ይከላኸልን። ሓላፍነት ኣመራርሓ ዓብይ ሓይልን ስልጣንን ዝህብ ስለዝኾነ ኣብ ኢድ ዘይኾነ ሰብ እንተወዲቑ ሓደገኛ እዩ። ከምዚ እንትኾን እቱ ስልጣን መፃወቲ ቐልዓ ይኸውን ወይ ድማ በትሪ መርገም ኮይኑ መከራን ኣበሳን ህዝቢ የብዝሕ። እዚ ስለዝኾነ እዩ እምበኣር ትኽክለኛ ስርዓት ምትኽኻእ ኣመራርሓ ምህላውን ዘይምህላውን ትንሳኤን ውድቀትን ሓደ ማሕበረሰብ ዝውሰን ቑልፊ ጉዳይ እዩ ዝበሃል። ነዙይ እውን ነቲ ሓዱሽ ዘመን ዝምጥኑ መራሕቲ ዝዓብይሉ ናይ ፖለቲካን ኣመራርሓን ባህሊ ክህሉ ምግባር ወሳናይ እዩ። መራሕቲ ካብ ምጅማሩ ተባሪኾም ዝወለዱ እንተይኮኑስ ኣብ ኸይዲ እናበሰሉን እናለበሙን ጌጎኦምን ድኸመቶምን እናኣረሙ ጥንኩር ጎኖም እናጎልበቱ ዝዓብዩ እዮም። እዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ቀፃሊ ደገፍ እውን ክግበረሎም ግድን እዩ።

ዘለናሉ ዘመን ቕልጡፍ ናይ ትምህርቲ ምስፍሕፋሕ፣ ናይ ኸተማታት ዕብየት፣ ምስ ዓለም ዘተኣሳስር ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂን ወዘተ እናዓብለለ ዝመፀሉ ጊዜ እዩ። ብፍልጠት ዝተመስረተ ማሕበረሰብ ብባህሪኡ ብቁፅፅርን ብሓይሊን ምምራሕ ኣይከኣልን። ፍልጠቱ ብፍቓዱ ዘወፍየሉ ናይ ኣመራርሓ ስርዓት እንተዘይተኣታቲውሉ ከም ኣካላዊ ስራሕ ብሓይሊን ቁፅፅርን ኣይሰርሕን። ኣብዚ ዘመን ብዙሓት ናይ ስራሕ መማረፅታት ስለዘለዉ ብባርነት ሞቕሑኻ ምሓዝ ከቢድ እዩ። ሓዱሽ ናይ ኣመራርሓ ስርዓት ኣድላይ ዝገብሮ ተወሳኺ ምኽንያት እቲ ሓዱሽ ወለዶ ብኸባቢኡ ዘይተሓፀረን ኣብ ኢዱ ብዝሓዞ ዲጅታል ስልኪ ብሉፅ ዓለምለኸ ናይ መሪሕነት ኣሰራርሓን ስርዓትን ዝፈልጥን ትፅቢቱ እውን ዓለምለኻዊ መመዘኒ ዘለዎ ምዃኑ እዩ።

ንዝመርሕዎ ማሕበረሰብሰብ ንውድቀት ዝዳረጉ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም መሪሕነታት ዘመሳስሎምን ሓደ ዝገበሮምን ጉዳይ ፀገማት ቕድሚ ምብፅሖም ቐዲሞም ኣለልዮም ክፈትሑ ዘይኽእሉ፣ ዕድላት እንትቀላቐሉ እውን ዘይጥቀሙ ሃናናት ምዃኖም እዩ። እዚ ቑልፊ ናይ መሪሕነት ሓላፍነት ብኣግባቡ ምስራሕን ዘይምስራሕን ናይ ውድቀትን ትንሳኤን ሳዕቤን ይህልዎ።

ፖለቲካዊን ማሕበራዊ ፀገማት ብሃንደበት ካብ ሰማይ ኣይነጥቡን። ፀገማት ቕድሚ ምንታጎም ምልክታት የርእዩ እዮም። ኣብ ዘመንና ዝተርኣዩ ፖለቲካዊ ፀገማት ንነዊሕ እዋን ምልክታት ሓደጋ እናርኣዩ እንዳሃለው መራሕቲ ነቲ ፀገም ከምዘየለ ብሙቑፃር ክሓብእዎም፣ ወይድማ ከቃልልዎምን ደጋዊ ምኽኒት ክፈጥሩሎም እንትትደኸሙ ካብ ቑፅፅር ወፃእ ኮይኖም ዝነቶጉ እዮም። ብቐዳምነት ፀገም ከምዘሎ ተቐቢልኻን ኣሚንኻን መፍትሒ ምንዳይ ናይ መራሕቲ ሓላፍነት እዩ። ኾይኑ ግን መራሕቲ ብናይ ስልጣን ትዕቢት እናተሸፈኑ ኣርሒቖም፣ ኣግፊሖምን ሰሊጦምን ሓደጋታት ክኣልዩን ዕድላት ክብለፁን ብዘይምኽኣሎም ወዲሰብ ብዙሕ ዋጋ ኸፊሉ እዩ።

ላኡትዙ ዝበሃል ቻይናዊ ፈላስፋ ቕድሚ ኽልተ ሽሕ ዓመት ዝሃቦ ምኽሪ ናይ ዘመንና መራሕቲ ዘስተባሃልዎ ኣይመስልን። “ፀገማት ገና ቐለልቲ እንዳሃለው ፍትሓዮም። እቲ ዓብይ ፀገም ንእሽተይ እንዳሃለወ ፈውሶ። ኣብ ዓለም እቶም ዝዓበዩ ፀገማት እንትጅምሩ ቐለልቲ ነይሮም። መልዐሊኦም ብጣዕሚ ደቂቕን ንኡስን እዩ”።

## V. መሪሕነትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን

ስርዓት ዴሞክራሲ ኣብ ነዊሕ ታሪኽ ወዲሰብ እቲ ዝሓሸ ስርዓት ምሕደራ እዩ። ኮይኑ ግን ባህርይ ዴሞክራሲ ፖለቲካ ካብቶም ሕሉፋት መለኮታዊ ባህርይ ዝነበሮም ስርዓት መንግስታት ፈፂሙ ዝተፈለየ ስለዝኾነ ብሱል፣ ንቑሑን ኣማቲ መሪሕነት ይጠልብ እዩ። እንተዘየለ ማሕበራዊ ነውፂ ናይ ምፍጣር ተኽእሎ ኣለዎ። ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ቀንዲ ዋኒነን ዝኾና ከም ትግራይ ዝበላ ማሕበረሰባት እቲ ኹይዲ ብፍልጠትን ምስ ወድዓዊ ኩነታትን ኣዋሂደን ክፍፅምኦ ይግባእ። ነዚ ይ እውን ንፁር ስትራቴጂን ፖለቲካዊ መሪሕነት የድልየን።

ኣሜሪካዊ ውሩይ ፕሮፌሰር ፖለቲካ ሳይንስ ሳሙኤል ሃንቲንግተን ናብ ዴሞክራሲ ስርዓት ኣብ ዝግበር ስግግር ዘጓንፉ ፀገማት "Political Order in Changing Societies" ብዝብል ርእሲ ኣብ ዝፀሓፎ መፅሓፉ ዘርዚርዎም እዩ። ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ክዕወትን ክፈሽልን በቲ ኹይዲ ቕደም ስዓብ ከምዝውሰን ይዛረቡ። ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንዘመናት ተዓፊኖም ዝነበሩ ድልየታት፣ ሕቶታት ወዘተ መልሲ ክረኽቡ፣ ተፀቒጦም ዝነበሩ ማሕበራዊ ሓይልታት ድምፆም ክስማዕ፣ መሰሎም ክኽበርን ኣብ ፖለቲካ ስልጣን ቦታ ክህልዮምን ዓብይ ማሕበራዊ ማዕበል ዝፈጥር ፖለቲካ እዩ። ስለዝኾነ ስርዓት ዴሞክራሲ ምስ ምትእትታው ዴሞክራሲ ዘበራብሮ ማሕበራዊ ምንቕስቓስ ተተሓሒዚ ኣብ ክሊ ስርዓትን ሰላምን ክዕቀብ ዘኽእሉ ዘመናዊ ምምሕዳራዊ ትካላት ክጣየሹ ኣለዎም ይብል።

ፍራንሲስ ፉኩያማ ናይ መምህሩ ሃንቲንግተን ሓሳብ ብምድጋፍ ዴሞክራሲ ብባህርዩ ተረጋጊዑ ዝነበረ ስርዓት ዝሕምስ (disruptive) እዩ ይብል። ስርዓትን ምርግጋዕን ክረጋግፁ ዘኽእሉ ናይ ምምሕዳር፣ ፍትሒን ፀጥታን ትካላት ኣብዘየለዋሉ ወይ ድማ ኣብ ዘይጠንከራሉ ኩነታት ዴሞክራሲ ማሕበራዊ ነውፂ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ፉኩያማ ከምዝበሎ ሃገር ብስርዓት ምምሕዳር ዘኽእል ትካላዊ ዓቕሚ ቅድሚ ምህናፀን ዴሞክራሲያዊ ዝኾና ሃገራት ብዘይምንም ሕቶ ወደቕቲ እየን።

ስርዓት ዴሞክራሲ ኣብ መሬት እንግሊዝ ካብ ዝውለድ ከባቢ ሰለስተ ምኢትን ኣርብዓን ሓሙሽተን ዓመት ገይሩ ኣሎ። ኣብ'ዚ ሕዚ ዝበፅሖ ብርኪ ንክበፅሕ ድማ ነዊሕ ናይ ፍትሕን ዴሞክራሲን ትካላት ህንፀት፣ ናይ ጌጋን መአረምታን ኹይዲ፣ ኣብ ሞንጎ ማሕበራዊ ሓይልታት ናይ ምስሕሓብን ናይ ምርድዳእን ተሞክሮ፣ ባህሊ ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ወዘተ ኹይዲ ሓሊፉ እዩ።

ምዕራባውያን ሃገራት ኣብ ቐዳማይ ብርኪ ምጅማር ዴሞክራሲ ኣፅቢቦምን ተጠንቂቖምን እዮም ጀሚሮምዎ። ዴሞክራሲ ነቲ ድኻ፣ ንደቂ ኣንስትዮ፣ ንኣብ "ባርነት" ንዝነበሩ ኽፋል ማሕበረሰብ ምሃብ ሓፈሻዊ ዘይምርግጋዕን ዓመፅን ክመፅእ ይኽእል እዩ ኢሎም ይሓስቡ ነይሮም። እዞም ዝተጠቐሱ ኽፋል ማሕበረሰብ መሰል ፖለቲካ ተሳትፎ ብሓላፍነት መንፈስን ብስለትን ክጥቀምሉ ኣይኽእሉን ዝብል እምነት ስለዝነበረ ክሳብ ቐዳማይ ኽፋል ዓሰርተ ትሽዓተ ኽፍለዘመን ካብ ዓሰርተ ሚእታዊ ዝዋሓደ ኽፋል ሕብረተሰብ ጥራሕ እዩ ክመርፅን ክምረፅን ዝፍቀደሉ ዝነበረ።

ኣብ ኹለን ምዕራባውያን ሃገራት ቕድሚ ህንፀት ዴሞክራሲ ስርዓትን ሕጊ ምኽባርን (Order) ቐዳምነት ተዋሂብዎ ተሰሪሑሉ እዩ። ስርዓት ኣብዘይብሉ ኩነታት ኣሸንባይዶ ዴሞክራሲስ ሃለዋት ህዝብን ስርዓትን እኳ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል እዩ ብዝብል እምነት ቕድሚ ኹሉ ሕግን ስርዓትን፣ ሰላምን ምርግጋዕን ምርግጋፅ ቐዳምነት ሂቦምዎ እዮም። ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብኻልኣይ ብርኪ ዝስራዕ እዩ ብዝብል ሕዚ እውን ብቪሳራ መሰል ዴሞክራሲ ስርዓትን ሕግን እዮም ዘኽብሩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመታት ኣብ ኹይዲ ህንፀት ዴሞክራሲ ዝተርኣየ ፈተና እውን እዚ እዩ ነይሩ። ምዕራባውያን ሃገራት ንሰለስተ ሚእቲ ዓመት ብሓደ ገፅ ትካላት እናሃነፁ ብኻሊእ ገፅ ድማ  መሰል ዴሞክራሲ ብዓቕሉ እናግፍሑ እዮም ከይዶም። ብኣንፃሩ ኣብ ኻልኦት ሃገራት (ዓለማት) ብፅድፍ "ዴሞክራሲ ይተሃነፅ" ኢሎም ኹሉ ዓይነት ድፍኢት እንትገብሩ ፖለቲካ ማሕበረሰባት እንትናወፅ፣ ህዝብታት እንትሕመሱ ንርኤሉ ኩነታት እዩ ዘሎ።

እዚ እንትበሃል ግና ኣብ ዘለናዮ ዝተኣሳሰረን ስሉጥ ምዕባለ ዘለዎን ዓለም እናነበርና ህንፀት ዴሞክራሲ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት ይውሰደልና ማለት ከምዘይኾነ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዋና ነጥቢ ህንፀት ትካላት ዘመናዊ መንግስትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን ሚዛን ሓሊናን ኣዋዲድናን ክንሰርሖ ከምዝግባእ ንምዝኽኻር እዩ። ሕዚ እውን ሳሙኤል ሃንቲንግተን "Political Order in Changing Societies" ብዝብል ርእሲ ኣብ ዝፀሓፎ መፅሓፉ ነዚ ኣመልኪቱ ዝጠቐሶ ሓሳብ ክነልዕል። ሃንቲንተን "ኣብ ሓደ ፖለቲካ ማሕበረሰብ እቲ ቀንዲ ፀገም ነፃነት ኣይኮነን፣ ሰባት ብዘይ ነፃነት ሕግን ስርዓትን ክህልዎም ይኽእል እዩ። ብዘይ ሕግን ስርዓትን ግን ነፃነት ክህልዎም ኣይኽእልን" ይብል።

ካብ ሃለዋት ሕግን ስርዓትን ብተወሳኺ እቲ ህዝቢ "ናተይ እዩ" ዝብሎ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ክህልዎ ይግባእ። ኣብ ሓደ ሕብረ ብሄራዊ ዝኾነ ሃገር ናይ ዴሞክራሲ ስርዓት ህልው ንምግባር ህዝብታት "ናይ ሓባር ሃገርን ፖለቲካዊ ማሕበረሰብን ኣለና" ኢሎም ክኣምኑ ይግበኦም። ሩስቶ (Rustow) ዝበሃል ናይ ፖለቲካ ሳይንስ ሙሁር ነዚ ጉዳይ ከምዝስዕብ ይገልፆ። "ዴሞክራሲ ንክሰርሕ ኣብቲ ሃገር ዘለው ህዝብታት ኣብ ውሽጢ 'ናተይ እዩ' ዝብልዎ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ከምዘለዉ ንፃት እውን ጥርጣረ ክሓድሮም ኣይግባእን። ቅድሚ ናብ ዴሞክራሲ ምስግጋር እዚ ሕቶ ክምለስ ኣለዎ" ይብል።

መሪሕነት ኣብ ውድቀትን ትንሳኤን ማሕበረሰባት ቁልፊ ተራ ዘለዎ እንተኾይኑ እቲ ቐፃሊ ሕቶ ናይ ሓደ ሃገር መሪሕነት ብምንታይ ምኽንያት ናብ ምዕባለን ሰላምን ዘምርሕ ሓቛፋይ ናይ ኣመራርሓ ስርዓት (Inclusive institutions) ይተክል? ብኸመይ ከ ናብ ኲናትን ውድቀትን ዘምርሕ መዝማዚይ (Extractive Institutions) ትካል የተኣታቱ? ንዝብሉ መሰረታዊ ሕቶታት ብምድህሳስ ክነጠቓልል።

ከይዲ ማሕበረ ፖለቲካ ብዘይግመቱን ሃንደበታዊ ዝመስሉን ዕድላት ወይ ድማ ሓደጋታት ኣንፈቱ ይቃነ እዩ። ድሕሪ ሃገራዊ ነፃነት፣ ኲናት፣ ህዝባዊ ዓመፅ፣ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋን ዝኣመሰሉን ዓበይቲ ኩነታት ሃገራት ኣብ ወሳኒ መገጣጠሚ ስፍራ (Critical Juncture) ደው ኢለን ኣንፈተን ዝመርፃሉ ኩነታት ይፍጠር። ኣብዚ ኩነታት እዚ ናይቲ መሪሕነት ንቕሓት፣ ድልየት፣ ስምረት ወዘተ እታ ሃገር ናብ ፀጋም ወይድማ ናብ የማን ተምርሕ። ብናይ መስረቲ መራሕቲ መርገም ወይ ድማ ምርቓት (Curse or blessing of founding fathers) ይውሰን። ብኻሊእ ኣበሃህላ ሲንጋፖር ወይድማ ኤርትራ፣ ደቡብ ኮርያ ወይድማ ሰሜን ኮርያ ትኸውን።

እቲ ኻልኣይ ምኽንያት ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ናይ ገስገስትን ናይ ድሕረት ሓይልታትን ናይ ሓይሊ ሚዛን እዩ። መን ዝበለፀ ተዳልዩ፣ ተወዲቡ፣ ኩነታት ዝጠልቦ ምንቕስቓስ ገይሩ፣ ዝብል ናይቲ ማሕበረሰብ ኣንፈት ጉዕዞ ይውስን። ብገርሂ ይኹን ብጉርሒ ዝሓሸ ደጋፊ ሓይሊ ዘሰለፈ ሰዓራይ ይኸውን። ኣብዚ ኩነታት መን ቕኑዕን ህዝባውን መትከል ሓዘ እንተይኮነስ መን ሓየለ? ናይቲ ማሕበረሰብ ዕድል ይውስን። ናይ ትግራይ ዕድል እውን ካብዚ ዝተፈለየ ኣይኸውንን።



ናይ ኹሉ ባህርያትናን ተግባርናን መልዐሊ መሰረት ኣብ ርእስና ዘሎ ሓሳብን ድልየትን እዩ። ተግባራትና ናይ ሓሳባትና ናይ ተግባር መግለፂ እዮም። እዚ ኣብ ውልቀ ህይወትና ጥራሕ እንተይኾነ ኣብ ማሕበራዊ ፖለቲካዊ ህይወትና እውን ዝውሰን ሕጊ እዩ። ዴፓክ ቾፕራ ዝበሃል ህንዳዊ ኣሜሪካዊ ንዩሮ ሳይንቲስትን ፈላስፋን "The law of intentions" ይብሎ። ብሓፈሻ ተግባርናን ባህርያትናን ካብ ሓሳባትና ዝውለዱ እዮም። ሓሳባትና ኣደ ተግባርናን ባህርያትናን እዩ። ባህሪ ፖለቲካና እውን መግለፂ መንነት መሪሕነትና እዩ።

ሓደ ናይ መሪሕነት ስርዓት ባህርይ ብቐዳምነት እቶም ስልጣን ዝሓዙ ውልቀሰባት እዚ ስልጣን ዕላምኡ እንታይ እዩ? መንግስታዊ ስልጣን ንመንን ንምንታይን የገልግል? ንዝብሉ ሕቶታት ብዝህብዎ መልሲ ይውሰን። ከምቲ ፕሬዝዳንት ሊንከን ዝበሎ "ዕላማ ስልጣን ንህዝቢ፣ ብህዝቢ ካብ ህዝቢ" እንተኾይኑ እቲ መሪሕነት እናወደቐ እናተስአ እውን እንተኾነ ስልጣን ንህዝቢ ግልጋሎት ክውዕል ይገብር። ዕላማ ስልጣን "ንዓና ብኣና ካባና" ዝብል ስሱዕ መሪሕነት ድማ ነቲ ስርዓት ብኡ ልክዕን መልክዕን ይቓንዮ። ብርግፅ ሓደ መሪሕነት ኣብ ስልጣን ዘለዎ ኣረኣእያ ብኣደባባይ ብዝእውጅ እንተይኾነስ ብጭቡጥ ባህርኡን ተግባሩን እዩ ዝውሰን። ነዚ እዩ ብዙሓት መራሕቲ ልሳኖም ኣጥዒምዎ ልቦምን ተግባሮምን መሪር እንተኾነ ንዕዘብ።

# References


1. Christina Amanpour, CNN, Exclusive Interview with Maumar Ghadafi, 2011.
2. Daron Acemoglu, James A. Robinson, Why Nations Fail, Crown Publishers, New York, 2012.
3. Fukuyama Francis, Political Order and Political Decay, from the Industrial Revolution to the globalization of democracies, Farar, Straus and Giroux, New york, 2015.
4. Jared Diamond, How Societies Choose to Fail or Succeed, Penguin Group, New York, 2015.
5. John C. Maxwell, the 21 Irrefutable Laws of Leadership, Harper Collins Leadership, New York, 2022.
6. Oriana Fallaci, Interviews with History and Conversations with Power, New York, USA, Rizzoli International Publications, 1976.
7. Philipe Zimbardo, Understanding of how good people turn evil, Rose McDermott, New York, 2007.
8. Rustow D. Transitions towards democracy, a dynamic model, Comparative Politics, 1970.
9. Samuel p. Huntington, Political Order in Changing Societies, Yale University, Pren, Yale, 1969.
10. William J. Rothwell, Effective Succession Planning, New York, USA, AMACOM, 2000.

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ሕቶታት

- ✓ ትግራይ እቲ ናይ ዓለም ውርደትን ፅንተትን በዚሒዋ እሞ ከዓ ንዓለም መርአያ ዝኾኑ ሙሁራን፣ ዝኹላይ ጀነራላት እናሃለዉዋ፣ ዝኹሉ ፖለቲካ ፓርቲ እናሃለዉ ንምንታይ ህፃናት ትግራይ ዘየድሐናዮም? ንምንታይኸ እዚ ኹሉ መከራ በዚሑና?
- ✓ ሙሁር ትግራይ ኣብዚ ሐዚ ግዜ በዚሑና ዘሎ ውርደት ንነብሱ ከመይ እዩ ዝግምግም? እቲ ሓዱሽ ወለዶ ብኸመይ እዩ ንዘመን ብሰለማዊ መንገዲ ዝርከቦ?
- ✓ እቲ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ ዘሎ ነጥቢ መቐይሮ ዕደላት ኣለዉዎ። ግን እቶም ዕድላት ንምጥቃም ዘኽእል ብሄራዊ ድልውነት ኣለናዶ?
- ✓ ናይ ኣመራርሓና ካብ ስልጣን ናይ ዘይምውራድ ፀገም መበገሲኡ እንታይ እዩ? እንታይ እዩኸ መፍቲሕኡ? ሓዱሽ ወለዶ ንዘመን ዝርከበሉ ኣገባብ ብኸመይ እዩ ተግባራዊ ዝግበር?
- ✓ መንእሰይ ትግራይ ይስደድ ኣሎ ንብል ኣለና። እዚ ድማ ንሓደ ዓዲ ስሉጥ መንገዲ ዕንወት ስለዝኾነ ኣብዚ ተነትኩር ዝሓሸ እዩ። ኣብ ታሪኽ ምውቕቃስ ትኹረት ተዘይንገብር። ኣብዚ ብግልፂ ነውግዕ እንተይልና ኣብ 83ን 87ን ዓ/ም ዝተኸልናዮ ፈልሲ ዝብላዕ ፈልሲ'ዶ ነይሩ ወይ ዘጥፍአና ፈልሲ?
- ✓ ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ህዝባዊ ርክባት ትግራይን ውክልና ክወስዱ ይኽእሉ ድዮም?

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ርኢቶታት

- ✓ ትካል ምህናፅ ዝብል ሓሳብ ብጣዕሚ ወሳኒ እዩ። እቲ ኻልእ ክንረዳደአሉ ዘለና ጉዳይ ግና ሓዱሽ ስርዓት የድልየና እዩ እንተይልና ንስከፍ ዘለና ዝመስለኒ እቲ ዘሎ ስርዓት እንታይ ኢና ንገብሮ ዝብል እዩ። ስለዚ ቅድሚ ሓዱሽ ስርዓት ምትኻል ምውጋዕና እቲ ዘሎ ከውገድ ኣለዎ። ኣብዚ ኹላትና ግልፂ ዝኾነ መርገፂ ክንሕዝ ኣለና ሸፋፊና ብኮንፎርት ዞን ጥራሕ ክንኸድ ኣይንኽእልን።
- ✓ እተን ቀሪበን ዘለዋ ፅሑፋት ፅቡቃት እየን። ይኹን እምበር መደመደምታአን ዝላሕለሐ እዩ። እተን ፅሑፋት ፍርሒ ኣለወን፤ ካብ ፍርሒ መሊአን ዝወፃ ኣይኮናን። ትካላት ምህናፅ እዩ መዋፅኦና እንተይልና ከይንሃንፅ ዝኸልኸለና መን፣ ብኸመይ እዩ? ዝብል ዝመለሰ ኣቀራርባ ኣይኮነን።
- ✓ እቲ ሓደ ዘይተጠቀሰ ዝብሎ ሓደ ማሕበረሰብ ክቕየር ተኾይኑ በቲ ዓብዪ ውዳበ ዝበሃል ብሄራዊ ውዳበ ክውደብ ኣለዎ። ኣብ ዓለም ብብሄራዊ ውዳበ ዘይተወደበ ዝተለወጠ ህዝቢ የለን። ስለዚ ክንለወጥ እንተኾይንና ብሄራዊ ውዳበና ክነጠናኽር ኣለና።
- ✓ ኣውሮፓ ብዝሓለፍዎ መንገዲ ተኸቲልና ክንዓቢ ኢና ዝብል ኣተሓሳስባ ዘይኾነስ ናብ ባዕልና ተመሊስና ናይ ተጋሩ ብሄራዊ ዕላማናን ታሪኻዊ ኣመፃፅኣናን መሰረት ገይርና ንዕኡ ክዕስል ዝኽእል መሪሕነት የድልና እዩ።
- ✓ ፀገምና ናይ ኣመራርሓ ዘይኾነስ ናይ መዋቕር ፀግም እዩ ዘለና። ስለዚ ኣብዚ ኩላትና ክንተኣማመን እዩ ዝግባእ። ብሄራዊ ዘተ ኢና ንገብር ዘለናሞ ኣብ ዝተፈላለየ መሪሕነት ዝነበርኹም ሰባት ካብ ንስሃ ተትጅምሩ ዝሓሸ እዩ።
- ✓ ንውድድር ዝጥዕም ፖለቲካዊ ትካል'ዶ እንሆ? ብሓቂ ናይ ሓሳባት ብዙሕነት፣ ብሓቂ ናይ ሓሳብ ነፃነት ዘተባብዕ ባይታ፣ ብሓቂ ብሉፃት ሓሳባት ዝቕበልን ዘተባብዕን ፖለቲካዊ ትካል ኣሎ'ዶ ዝብል ብትኹረት ክንርኢ እዩ ዘለና። ነዚ ኩሉ መሰረት ዝኾነና ፖለቲካዊ ትካል እዩ ዝብል ኩላትና ክንሕዞ ዘለና ጉዳይ እዩ። እዚ እንተሃልዩ እዩ ብተኸታተሊ ብቁዓት መራሕቲ ክንፈጥር ንኽእል ዝብል እዩ እቲ ወሳኒ።
- ✓ ትግራይ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ብዙሓት ሙሁራን ከምዘለውና ተረዲኤ። ነዚ ኽልቲኡ ዘተሓባብሩ ድማ እዞም ኽልተ ትካላት ኣለውና። እዚ ዘተ እዚ ኣብ ውሽጢ ሓዘንን መከራን ኾይንና ኢና ነካይዶ ዘለና። ሐዚ'ውን ግን ኣብ ዝተወሰኑ ኣካላት ኣብ ነንባዕልኻ ምክብባር ዝተርፍ ነገር ኣሎ። እዚ ንዓና ስለዘይጠቕም እናተኸባበርና ንፅቡቕ ስራሕ ምምስጋን፣ ንጉድለታት ድማ ክስተኻኸሉ ኣብ ምግባር ኢና ክንሰርሕ ዝግበአና። ነቲ ኣብዚ ግዘ ዝመርሕ ዘሎ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እውን ንክሰጋገረና ኩላትና ክንሕግዞ እዩ ዝግበአና።

- ✓ ዓድና ክነድሕን እንተኾይንና ሃይማኖት መራሕቲ፣ ዓበይቲ ዓዲን ጀነራላትን ትግራይ ኣብ ማንም ከይውከሉ ክጥንቀቑ ኣለዎም። ናብ ማንም ፖለቲከኛ ከይፅግዑ ክጥንቐቑ ይግባእ። እዚ እንተኾይኑ መንግስቲ እንትስሕት እውን ክነስተኻኽሎ ንኽእል ኢና። እዚ ምክክር እዚ ነቲ ዲያስፖራና ይኹን ነቶም ኣብ በረኻ ዘለዉ ደቕና ዓበዪ ተስፋ ዝህብ እዩ። ንመንግስቲ እውን ጉልበት እዩ፤ ንፓርቲታት እውን ብነፃ ሓሳበን ዘቕርባሉ መድረኽ እዩ። ስለዚ መንግስቲ ካብዚ ዘተ ዝውሰድ ወሲዱ ክሰርሓሉ ይግባእ።
- ✓ ብብዙሓት ተሳተፍቲ ሐዚ ትግራይ ኣብ ደልሃመት ከምዘላ ተዘሪቡ እዩ። እዚ ትኽክል እዩ፤ ይኹን እምበር ዘለዉ ተስፋታት እውን ክንርኢ ይግባእ። ከምዚ ኢልኻ ምዝታይ ንባዕሉ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኢትዮጵያ የለን። እዚ ከመይ ገይርና ንዓቅቦ? ዝብል ተንሓስበሉ ፅቡቕ እዩ። እዚ ተጠናኺሩ ንኽቕፅል ድማ ከም ገረዓላታን ህዝባዊ ርክባትን ዝበሉ ትካላት የድልዩና እዮም። ንትግራይ ሰለስተ ነገራት እየ ዝምነ፤ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን። እዚኦን ዘምፅእ መራሒ ንትግራይ የድልያ እዩ።
- ✓ ፖለቲከኛታትና ብዝተኸኣለ መጠን ናይ ማሕብረ ሰብና ስነ-ልቦና፣ ፍልስፍናውን ስነ-ህዝባውን ኣከያዳ ተረዲኦምን ኣኽቢሮምን ክኸዱ ይግባእ። ምኽንያቱ ፖለቲካ ናይዚኦም ውላድ እዩ። ፖለቲካ ኅረምሳ እውን እዩ፤ ብኽልተ ነገር ነሃራይ እዩ፤ ሓደ ግዜ የብሉን፤ ካልኣይ ድማ ስልጣን ስለዘለዎ። ኣብዚ ግዜ እቶም ናይ ማሕበረ ሰብ ፍልስፍና እዮም ዝሕዝዎ።
- ✓ እዚ ኩሉ ግን ክኸውን ዝኽእል እቲ ናይ ፖለቲካ መሪሕነት ክብርታቱ እንተሓልዩ እዩ። እቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብዚ ዝመፃእናሉ፣ ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ነገር ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ኣበይ ከምዘለና ንሪእ ኣለና፣ ሐዚ ድማ ለማዓንቲ ዘይንሪኦም ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ዝመፁ ወይ ፅቡቓት ወይ ሕማቓት ነገራት ኣለዉ። ንሶም ሐዚ ንሪኦም'ዶ ኣለና? እዩ እቲ ዓብዩ ሕቶ። ነዚኦን ዝሪእወን ድማ እቶም መራሕትና ወይ ፖለቲከኛታትና እዮም። ስለዚ ነቶም ፓርቲታትና ብዉሑድ ከም ሽመኩም ንበሩ እየ ዝብሎም።
- ✓ ዓሲምባን ዓረናን ዲምክራሲ ዝብል ስለዘለኩም-ዲሞክራሲያውያን ኩኑ
- ✓ ሳልሳይ ወያነ ድማ ካብ 1ይን 2ይን ወያነ ተማሓይሹ ንቐድሚት ለውጢ ከምፅእ ዝኽእል'ዩ ክኸውን ዘለዎ።
- ✓ ናፅነት እውን ናፅነት ትግራይ ብናፅነት ዘለዎ ሰብ ንክምረፅ ክትሰርሑ፤ ሓቋፋይ ኹኑ ወላ ነቲ ናፅነት ትግራይ ዘይኣምን'ውን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ንኽተእምኑ ምስራሕ እዩ።
- ✓ ባይቶና እውን ናይ ምይይጥ መድረኽ እዩ። ኣብ ውሽጥኹም ኾነ ምስ ኻልኦት ናይ ምልዛብ ባህሊ ክልወኩም ይግባእ።
- ✓ ኣኽሱማውያን ከም ኣኽሱም ኹኑ
- ✓ ሕወሓት ድማ ህዝባውያን፣ ወያንያዊ ሓርነታዊ ኹኑ።



ዳንኤል ተኽሉ

ዶክተር

# መረሖነት ትግራይ ብመንፅር ታሪኽ - እንታይ ንመሃር?

# 1. መእተዊ

ስዒቡ ኣብዚ ፅሑፍ ዝቐርብ ሓሳብ፥ ብቐንዱ፣ ታሕሳስ 25፣ 2016 ዓ.ም. ብዕሊ ንኣንበብቲ ዝቐረበ “ግብሪ ደም” ዝብል መፅሓፈይ፣ ኣብ ሓዲኡ ምዕራፍ “ለቐዛይ መሪሕነት” ኣብ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ካብ ዝሰፈረ ዝተወሰደ እዩ። ብትካል ንፖሊሲ መፅንዕትን ስልጠናን ገሪዓልታ፣ “መሪሕነት ትግራይ ብመንፅር ታሪኽ፦ እንታይ ንመሃር?” ኣብ ዝብል ዛዕባ መዛተዪ ሓሳብ ከቕርብ ዕድል ተዋሂቡኒ። ነዚ መድረኽ ብዝጥዕም ከምዚ ዝስዕብ ገይረ ኣቕርቦ ኣለኹ።

ህዝቢ ትግራይ፥ ነዊሕ መዋእል ዘቑፀረ፣ ብዙሓት መራሕቲ ዝተባረዩሉ ታሪኽ ምዕባለን ውድቀትን ዝውንን ህዝቢ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብዚ ሓፂር ፅሑፍ ንኹሉ ምድህሳስ ስለዘጸከኣል፣ ‘ወሰንቲ ምዕራፋት ታሪኽ’ ኢለ ኣብ ዝኣመንኩሎም ሓሊፈ ሓሊፈን ቈቈንጢረን ዛዕባታት ብምምዛዝን ንምቕራብ ክፍትን እየ። ዘቕርቦም ሓሳባት መነፅረይን ጒዝጓዘይን መዋእላት ታሪኽ ስለዝኾኑ ንመዋእላት ብሓሳብ ናብ ድሕሪት ክንምለስ ኢና።

ትግራይ፥ ብታሪኽ ኣጋጣሚ በብጊዜኡ ብትሕዝቶ ቈርበት እናሰፈሐትን እናፀበበትን ዝመፀኣትሎም ዕድላት ኣለዉ። ስለዚ፥ ዘልዕሎም ነጥብታት ኣብ ገለ ገሊኡ ትግራይ ትግርኚ ንዝብል ስያመ ዝጠምር እንትኾን፤ ኣብ ገለገሊኡ ከዓ ንዓቕብ ዝኣፉ ትግራይ እዚ ሐዚ ዘላቶ ትሕዝቶን ቅርፅን ዘማእኸል ምዃኑ ከዘኻኽር።

ምሁራት ስነ-ምሕደራ ከም ዘረጋግፁዎ ትንሰኣን ውድቀትን ሓደ ማሕበረሰብ፣ መራሕቲ ኣብ ዝኸተሉዎ ኣገባብ ኣመራርሓ ይድረኽ። ገሊኡ መራሒ፥ ብፍላጥ ኰነ ብዘይፍላጥ፣ መንገዲ ጥፍኣት ብምሓዝ ክጐዓዝ ይኽእል። ገሊኡ ከዓ ንዝመርሖ ማሕበረሰብ ወይ ህዝቢ ኣብ ዙርያኡ ክዓስል ብምግባር፣ ኣንፈት ጉዕዞ ትንሰኣ ይኽተል። ከም ትግራይ፥ ኰነታት እናንበበን መሪሕነቱ እናደልደለን ዝኸይድ ኣመራርሓ ብዝድለይ መጠንን ብቕዓትን ብዘይምርካብና ብዙሕ መስዋእቲ ከም ዝኸፈልና ሕሉፍን ህሉውን ታሪኽና ህዝብና የረድእ ። ንዘልዓልናዮ ዛዕባ ዘራጒዱ ገለ ኣብነታት ሓሊፍና ሓሊፍና ካብ ታሪኽ እናጨለፍናን ዝተፈላለዩ ሰነዳት ታሪኽ ብምውካስን ክንጠቅስ ኢና።

ኣርእስቲ እዚ ፅሑፍ “መሪሕነት ትግራይ ብመንፅር ታሪኽ፦ እንታይ ንመሃር?” ዝብል’ኳ እንተኾነ ብዋናነት ካብ መዋእል ሓፀይ ካሌብ ክሳብ ዘለናሉ ጊዜ ዝድህስስ እዩ። መደዳ ከምዘዪኸይድ ግን ሐዚ’ውን ደጊመ ከዘኻኽር እፈትው።

# 2. መዋእል ሓፀይ ካሌብን ሓፀይ ገብረመስቀልን

ዘበነ-መንግስቲ ኣክሱም ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ ምዕባለ በፂሑ ምንባሩ፣ ኣብቲ ጊዜ ኣብ ዓለም ካብ ዝነበሩ ኣርባዕተ ዝማዕበሉ ግዝኣተ መንግስታት (ቻይና፣ ሮማ፣ ፐርሽያ ...) ሓደ ምንባሩ ኣብ ሰነዳት ታሪኽ ሰፊሕ ሽፋን ገፃት ሒዙ ንረኽቦ። እንተኾነ ግን፥ ኣብ ከይዲ፣ ካብዚ ላዕለዋይ ጠርዚ ምዕባለ ቍልቍል ኣንከላሊዉ ብናብ ባይታ ብምውራድ ንምዕቡላት ሃገራት ኣንቃዕሪሩ ክርእይ ተገዲዱ። ጉዕዞ ውድቀት ምዕባለ ዘበነ መንግስቲ ኣክሱም ካብ መፈለምታ ሻድሻይ ክፍለ ዘበን ይጅምር (ባርትኒስክ እና ማንቴል-ኒችኮ፣ 2009) ። እዚ መዋእል፥ ብቐንዱ ንወረስቲ ዓራቶም ሓዊሱ ዘበን ሓፀይ ካሌብ ምዃኑ እዩ።

ምኽንያት ውድቀት ዘበነ መንግስቲ ኣክሱም ደጋውን ውሽጣውን ፅልዋታት ምንባሮም ብታሪኽ ይውሳእ። ካብ ውሽጣዊ ምኽንያታት ምናልባት እውን እቲ ዝዓዘዘ ክፋል ክሕዝ ዝኽእል ከዓ ገርሂ ኣካይዳ ኣኽሱውያን ሰበ ስልጣን ዝወልዶም ሕፍተታት መሪሕነት እዮም። ኣብቲ ጊዜ፣ ቅድሚኡ ኰነ ድሕሪኡ ንጉስ ዝኣመኖ ሃይማኖት፣ ሓፋሽ ክቕበልን ክኣምንን ግድን ነይሩ። ኣብ ከይዲ እውን ኣብ ሃይማኖትን መንግስትነትን ንፁር ደረት ኣይነበረን። መራሕቲ፥ ኣብ መንፈሳውን ዓለማውን ህይወት ኣብ ክልቲኡ ይረግፁ ነይሮም። ዝያዳ ከዓ ናብ ሃይማኖታዊ ዋኒናት የዘምብሉ ነይሮም። ከም ሓፀይ ካሌብ ዝበሉ ነገስታት ውራይ ኣብያተ ክርስትያን እንተሳሰዩ ጊዜ የምልጠም ነይሩ። ፖለቲካዊ ስልጣኖምን ዙፋኖምን ክሳብ ምሕዳግ በፂሖም። ሓፀይ ካሊብ ከም ኣብነት እንተወሲድና፣ ዳርጋ ዝበዝሕ ጊዜኡ ኣብያተ ክርስትያን እናህነፀ ከም ዘሕለፎ ይዝንተው (በላይ፣ 1995)።

ሓፀይ ካሌብ፥ ኣብ ዘበነ ንግስነቱ፣ ባሕሪ ብምስጋር ናብ ደቡብ ዓረብ እንትወፍር፣ ናብ ቤተ ክርስትያን ማርያም ፅዮን ኣክሱም ብምእታው ውጥን ወፍሩ እንተሰሚሩሉ፣ ኣብ ማልሳዩ ዝተረፎ ህይወት ኣብ ገዳም ከሕልፍ ተመፃቢሩ (1995 - ዝኒ ከማሁ)። ካብ

ዝኸዶ ወፍሪ ብዓወት ተፀምቢሉ ምስተመለሰ ዘውዱ ንወዱ (ንሓፀይ ገብረመስቀል) ብምውራስ፣ ንሱ ከም ቃሉ ገዳማዊ ህይወት ብምምራፅ፣ ክሳብ ሕልፈቱ ናብ ናብራ ገዳምን በዓትን ኣዘንቢሉ። ምንኩስና ሓፀይ ካሌብ ህዝቢ ተስፋ ቖረፅ ክኸውንን ዓለማዊ ህይወት ክንዕቕን ምኽንያት ኳኑዎ። ሓፀይ ካሌብ እንትምንኩስ፣ ብሓደ መዓልቲ 1500 መኳንንት፣ ነበርቲ ከተማ ኣኽሱምን ከባቢኣን ከም ዝመንኰሱ ይዝንተው (ኣስራት፣ 2015)። ኣብቲ ጊዜ ምንኩስና ቀዳምነት ስለዝተወሃቦ "ኣብ ግዝኣተ ኣክሱም ዝነበራ ማእኸላት እደ-ጥበባት ክዕፀዋ፤ ኣብ ልዕሊኣን ድማ ኣብያተ ክርስያናትን ኣድባራትን ክህነፃ" ብቕሉዕ ተኣዊጁ (ዝኒ ከማሁ)። ብሓፈሻ፥ ነዚ ኾነታት ስዒቡ ኣብ መድረኽ ዓለም ካብተን ኣርባዕተ ተነሓናሕቲ ግዝኣተ-መንግስታት ሓደ ዝነበረ መንግስቲ ኣኽሱም ናብ ዓዘቕቲ ውድቀት ምንቊልቋ ከም ዝጀመረ ድርሳናት ታሪኽ የረጋግፁ።

በትረ ንግስነት ካብ ኣቡኡ ዝተቐበለን ዓራት መንግስትነት ዝወረሰን ሓፀይ ገብረመስቀል እውን፣ ዕለታዊ መንግስታዊ መደባት ሽለል ከም ዝበሎምን ኣብ መወዳእታ ዘበን ንግስንኡስ ዳርጋ ረሲዑዎም ከም ዝነበረን ይንገር። ሓፀይ ገብረመስቀል፥ ሃገራውን ከባብያውን ፖለተሪካዊ ምንቅስቓስ ብምንባብ፣ ሓጓፋት ንምምላእ ተመዓራርዩ ኣብ ክንዲ ምኻድ፣ ኣሰር ምንኩስና ወላዲኡ ብምኽታል በብኸባቢኡ እናኾለለ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ክርስትያን ኣብ ምስራሕ ተፀሚዱ ጊዜኡ ኣሕሊፉ (Sergew, 1972)። ኣብ መወዳእታ ድማ ንሱ ባዕሉ እውን ከም ኣቡኡ ከም ሓፀይ ካሌብ መንኲሱ።

ንሃይማኖታዊ እምነት ሓፀይ ካሌብ ኰነ ሓፀይ ገብረመስቀል ይቃወም የለኹን። "ፖለቲከኛ ንምዃን ኣማኒ ምዃን ኣየድልይን።" እውን ይብል የለኹን። "ሃይማኖት ኣብ ፖለቲካዊ መሪሕነት ዕንቅፋት እዩ።" ዝብል ቅዋም እውን ኣይወሰድኩን። ሓፀይ ካሌብ ከም ሃገሩ ከም ውልቀ ሰብ ዝደለዮ ዓይነት እምነት ክኽተልን ዝኣመነሉ ከምልኽን መሰል ኣለዎ። ሃይማኖታዊ እምነቱ ንፖለቲካዊ ቅዋሙ ብዝሽርሽርን ብህዝቢ ዝተወሃቦ ዓለማዊ ሓላፍነት ክሳብ ምርሳዕን ኢሉ እውን ክሳብ ምርሕራሕን ምኻዱ ግን የንቅፎ። ንፖለቲካዊ መሪሕነቱ ክህቦ ይግባእ ዝነበረ ጊዜ ዘይምሃቡ፤ ኣብ ማሕበረባህላዊ፣ ቊጠባውን ፖለቲካውን ዕማማት ህዝብን ሃገርን ክውግኖም ይግባእ ዝነበሩ ዕማማት ዘይምውጋኑ የውቅሶ። ከም ሓደ ድኽመት መሪሕነት ትግራይ እንጠቕሶ ዘለና ከዓ ነዚ እዩ።

ኣብ መዋእል ኣቦን ውሉድን፥ ውሽጣውን ዓለም-ለኻውን ኣሰላልፋ ፖለቲካ ብምግንዛብ ህዝቢ ምምራሕ ኣይተኻኣለን። ንፁር ስትራተጂ ብምሕንፃፅ፣ ህዝቢ ብምትሕብባር ብውሑድ ነቲ ዝነበረ ስሉጥ ማሕበረ-ባህላዊ፣ ፖለቲካውን ቊጠባውን ምዕባለ ክቕፅል ኣይተገበረን። ኣብ ክንድኡ ነገራት ከም ሽንቲ ጊመል ናብ ድሕሪት ምጕታት ጀሚሮም። ብልሒ ኣክሱማውያን እናጕተመ መፂኡ። ኣብ መወዳእታ ዓስራይ ክፍለ ዘበን ስርዓተ መንግስቲ ኣክሱማውያን ፈሪሱ። ተነሓናሕቲ ሓይልታት ካሊእ ሓዱሽ ስርወ-መንግስቲ ክምስርቱ ሰፊሕ ዕድል ኣግንዮም። ትግራይ-ትግርኚ ብሰንኪ ለቐዛይ መራሕታ ወርቃዊ ዕድል ከሲርናዮ።

## 2.1. መዋእል ራእሲ ስሑል ሚኪኤል

ናብ ካሊእ ምዕራፍ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ-ትግርኚ ክንሰግር'ሞ ተመሳሳሊ ክፍተት መሪሕነት ነልዕል። ራእሲ ስሑል ሚኪኤል ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘበን ካብ ዝነበሩ ስሙያት መራሕቲ ሓደ ነይሮም። ስሙይነቶም ኵለመዳይ ከም ዝነበረ ይንገረሎም። ዘበናዊ ኣፅዋር ዝተዓጠቐን ስሩዕ ወታደራዊ ቁመና ዝተላበሰን ናብ 26 ሽሕ ዝግመት ሰራዊት ነይሩዎም። ወታደራዊ ጅግንነቶምን ፖለቲካዊ ብስለቶምን እውን ብእኡ መጠን ዘስመዩ ነይሮም። ብፍትሓውነቶም ዝፍለጡ፣ ብልሓተኛ፣ ሓያል፣ ብሱልን ብህዝቢ ልዑል ተቐባልነት ዝወነኑን ኣብ ርእሲ ምዃኖም በዚ ቁመነኦም መ'ላእ ትግራይ ትግርኚ ክሳብ ዶብ ቀዩሕ ባሕርን ሰሜንን የመሓድሩ ነይሮም (በላይ፣ 1995፤ ተክለ ፃድቅ፣ 2000) ። ራእሲ ስሑል ሚካኤል ሃኒፆሙዎ ብዝነበሩ ስልጡንን ዘበናውን ሰራዊት ተፈራሒ ጥራይ እንተይኰነስ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዐኦም ክምክት ዝኽእል ሓይሊ እውን ኣይነበረን (ገብረኪዳን፣ 2005)።

ከምዚ ዝበለ ስብእና፣ ሓይሊ፣ ዓቕምን ተሰማዕነትን ዝነበሮም መራሒ፣ ትግራይ-ትግርኚ ኣይተጠቐመትሎምን። ንሶም፥ ንልዕሊ 40 ዓመት ኣብ ዝፀነሐ ዘበን ንግስነኦም ውሽጣዊ ዋኒኖምን ይመርሑዎ ዝነበሩ ህዝቦምን ብምሕዳግ፣ "ብፅሐልና" ንዝብል ኣውያት ነገስታት ጐንደር እወንታዊ ምላሽ ብምሃብ፣ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ጐንደር ዝተናኸሰ ሓዊ ከጥፍኡ፣ ነገስታት ብዓሌት፣ ብመውስቦን ብዘርእን ክመናጨቱ ንዝፈጠሩዎ ነቓዕ ብመስዋእቲ እንተይተረፈ ክልሕሙ፣ ሰራዊቶም ብምኽታት ናብኡ ኣምሪሖም። ናብ ቤተ መንግስቲ ጐንደር እንትኸዱ ዝፀነሖም ሕርኾሩኽ ሱር ዝሰደደን ብቐሊሉ ዘዩእለን ብምንባሩ ቀልጢፎም ነገራት ኣተዓራርዮም ናብ መረበቶም ኣይተመለሱን። ክሳብ መወዳእታ ዕድሚኦም እኳ ደኣ ኣብኡ ፀኒሑ።



ራእሲ ስሑል ሚኪኤል ‘ሓደ ኢና።’ ዝብል እምነት ብምሓዞም ብቐኑዕ ልቢ ከገልግሉን ዝተፈጠሩ ፀገማት ንምትዕርራይን ብዙሕ ደኺሞም። ህዝቦም ካብኦም ክረኽቦ ይግባእ ዝነበረ ግቡእ መሪሕነት ኣይረኸበን። ምሕደራ ትግራይ - ትግርኚ ብዋንጭፍ ብምስለነ ኰይኑ፤ ክንዲ’ቲ ዝድለይ ኣይኣለዩዎን፤ ኣየረኻኸቡሉን። ዝነበሮም ተሰማዕነት ብምጥቃም፣ ህዝቦም ወዲቦምን ኣተሓባቢሮምን መሪሖሙዎ እንተዝኾኑ ትግራይ ካሊእ ቁመና ክትሕዝ ምኽኣለት ነይራ፣ ኣብ ካሊእን ዘሐሸን ምዕራፍ ታሪኽ ምኣተወት። ትግራይ ብኹለመዳይ ደልዲላ ካብ ዝተፈላለዩ ተፃባእቲ ሓይልታት ንባዕላ እትከላኸለሉ ባይታ ምተፈጠረ። ጉዕዞ ራእሲ ስሑል ምኪኤል ንበለል ከምዝተረፈን መሰዋእቲ ምኽፋል ከሲቦም ዝተመለሱሉ ዕድል ከምዝነበረን “ኣይበለፀ ኣይሰተየ ጐንደር ከይዱ ሞተ … ጐንደር ኰይድካ እንታይ ኣምፃእኻ?” ካብ ዝብሉ ምስላታት ትግርኛ ብቐሊሉ ምርዳእ ይከኣል። ንሶም ብሰንኪ ዘባኸኑዎ ዕድል፥ ትግራይ፣ ኣደዳ ካብ ጐንደር ዝውርወሩ በላዕትን ዘማቶን ኰይና። ህዝቢ ትግራይ - ትግርኚ፥ ድሕሪ ሕልፈቶም ኣብ ሕሱም ዓፀባ፣ ቅልውላውን ህውከትን ጥሒሉ።

## 2.2. መዋእል ደጃት ሱባ ጋዲስ

ደጃት ውቤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ-ትግሪኚ ዘስካሕኽሑ ግፍዕታት ከምዝፈፀሙ ሰነዳት ታሪኽ የመላኽቱ። መበገሲ ምዝመዛ ደጃት ውቤ ኣብ መራሕቲ መሳፍንቲ ትግራይ ዝነበረ ስንክልና መሪሕነት እዩ። ኣብ 19 ክፍለ ዘበን ናብ እኒ ደጃት ውቤ ዝሰገረ ርሾ ሰበብ ምዝመዛን ሃልክን ብቐንዱ ብሰንኪ ጉድለት ኣማኢ መሪሕነት ደጃት ሱባ ጋዲስ ዝተፈጠረ ምዃኑ ብቐሊሉ ምግንዛብ ይከኣል።

ደጃት ሱባ ጋዲስ፣ ትግራይ ትግሪኚ ካብ ባፅዕ ክሳብ ኣለውሃ ይገዝኡ ዝነበሩ ስሙይን ብሱልን ወታደራውን ፖለቲካውን መራሒ ምንባሮም ብስፍሓት ይዝረበሎም (በላይ፣ 1995፤ ተክለፃድቅ፣ 2000)። ንሶም ኣብ ዝነበሩሉ መዋእል፥ በጌምድር፣ ሰሜን፣ ላስታን የጁን ብራእሲ ማርየ ይመሓደር ነይሩ (በላይ፣ 1995)። ኣብ መንጎኦም ሓያል ንሕንሕ ነይሩ። ሓዲኡ ነቲ ካሊእ ኣብ ትሕቲ ቍፅፅሩ ከውዕልን ከገብርን ሕርዲግ ይብል ነይሩ። ብፍላይ ራእሲ ማርየ፣ ደጃት ሱባ ጋዲስ ኣብ ትሕቲኦም ከእትዉ ልዑል ባህጊ ነይሩዎም። ሕልሞም ንምግሃድ ብዙሕ ሸርሕታት ይጉንጉኑ ነይሮም።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኵነታት፣ ሓንታ ገብሩ ጌታቸው ዝተበሃሉ ግለ ሰብ ኣብ ትሕቲ ደጃት ሱባ ጋዲስ ተጠርኒፎም የገልግሉ ነይሮም። ሓንታ ገብሩ፣ ተወሳኺ ሽመትን ባዕሎም ዘመሓድሩዎ ግዝኣትን ከም ዝደልዩ ብኣቦ ነብሲ ደጃት ሱባ ጋዲስ ኣቢሎም ናብ ደጃት ሱባ ጋዲስ መልእኽቲ ልኢኾም። ደጃት ሱባ ጋዲስ፥ ሕቶኦም እንድሕር ዘይተመሊሱሎም፣ ከሰናብቱዎም ከም ዝደልዩ ወሲኾም ገሊፆም። ደጃት ሱባ ጋዲስ ካብ ሓንታ ገብሩ ንዝተለኣኸሎም ጠለብ ውድቂ ገይሮሙዎ። ነዚ ስዒቡ፣ ሓንታ ገብሩ ናብ ራእሲ ማርየ ሰሊሞም። ራእሲ ማርየ ንደጃት ሱባ ጋዲስ ክወግኡ ምንቅስቓስ ኣብ ዝጀመሩሉ እዋን ሓንታ ገብሩ ቀንዲ ተዋሳእን ኣማኻርን ኰይኖም። ሓንታ ገብሩ፥ ረቃቒቶ ሰራዊት ደጃት ሱባ ጋዲስ ይፈልጡ ብምንባሮም፣ ሰራዊት ራእሲ ማርየ በበይ ገይሩ እንተሰጊሩ ንሰራዊት ደጃት ሱባ ጋዲስ ብቐሊሉ ከጥቀዖምን ክስዕሮምን ከም ዝኽእል ንራእሲ ማርየ ምኽሪ ለጊሶም። ንሶም ብዘውፅኡዎ ስልቲ ኲናት ክዋግኡ ዝኽእሉ እንተኾይኖም፣ ንደጃት ሱባ ጋዲስ ብኢዶም ብምሓዝ ንራእሲ ማርየ ከረክቡዎም ከም ዝኽእሉ እውን ተሓንዮም። ራእሲ ማርየ፣ ሓንታ ገብሩ ንዘቕረቡዎ ውጥን ሓሳብ ተቐቢሎም። ምሽብሻብ ወፍሪ ኲናት ተወጊኑ። ራእሲ ማርየ፥ ንሰራዊት ደጃት ሱባ ጋዲስ ንምጭፍላቕ ልዕሊ 150 ሽሕ ሰራዊት ኣኽቲቶም።

ደጃት ሱባ ጋዲስ፣ ራእሲ ማርየ ሰራዊት ኣኽቲቶም ናብ ትግራይ ከም ዝሰገሩን ኣብ ከባቢ ሽረ ከም ዝበፅሑን ሓበሬታ በፂሑዎም። ደጃት ሱባ ጋዲስ፣ ንመኳንንቶም ህፁፅ ኣኼባ ብምፅዋዕ ምኽሪ ሓቲቶም። ካብ መኳንንቶም ብብልሓቶም ይፍለጡ ዝነበሩ ኢሮብታይ ብላታ ፍሱሕ ከምዚ ብምባል ምኽሪ ከም ዝለገሱ ይዝንተው፤ “ራእሲ ማርየ ምድላዎም ወጊኖም፣ ብሓይሊ ክወግኡና፣ ናብ ቦታና ኣትዮም ኣለዉ። ንሕና ሰራዊትና ከካብ ዘለዉዎ ኣተኣኻኺብና ዕጥቂ ኣማሊእና እምባታትና ደጀን ገይርና ምውጋእ’ምበር ውሑድ ሓይሊ ሰብ

ሒዝና ራእሲ ማርየ ናብ ዘለዉዎ ናብ ሽረ ከይድና እንተገጢምና ክንሰዓር ኢና።” ሓጐስ መይዳ ፀበቦ፥ ወዶም ንደጃት ሱባ ጋዲስ እውን ንሓሳብ ብላታ ፍሱሕ ካብ ዝደገፉ ሰብ መዚ ሓደ ነይሩ (ገብረኪዳን፣ 1994) ። ደጃት ሱባ ጋዲስ እኒ ብላታ ፍሱሕ ንዘቕረቡዎ ሓሳብ ነፂጎሙዎ። ደጃት ሱባ ጋዲስ ከምዙይ ብምባል ቀኍጠዕኦም ገሊፆም፤ “ራእሲ ማርየ ሐዚ ሽረ በፂሑ ኣሎ። እዚ ኩሉ ሰራዊት ክሳብ እነዳሉ ኣኽሱምን ዓድዋን ክቈፃፀር እዩ። ኣብ ዓጋመ ኴንና ክንዋጋእ ዲኹም እትደልዩ? ፈሪሕኹም ዲኹም?”

ሽዑ ንሽዑ፣ ሰራዊት ደጃት ሱባ ጋዲስ ብዝተረኽበ ሓይሊ ናብ ሽረ ተንቀሳቒሱ። ሰራዊት ራእሲ ማርየ ኣብ ከባቢ ደብረ ኣባይ፣ ማይ ኣስላማይ ኣብ ዝበሃል ቦታ ዓሪዱ ፀኒሑ። ደጃት ሱባ ጋዲስ ንኣሰላልፋ ሰራዊት ራእሲ ማርየ ብርሑቕ ብመነፅር ርእየሙዎ። ቀኍፅሩ ዕፀ-ገዳም እዩ። ንብላታ ብሱሕ ኣፀዊያም፤ “ብላታ ፍሱሕ ምኽሪ ኣምፅእ።” ኢሎሙዎም። ብላታ ፍሱሕ ትቕብል ኣቢሎም፤ “ጐይታይ ምኽርስ ዓዲ ግራት ተሪፉ። ሐዚ ምስ ፀላኢ ፊት ንፊት ተረኣኢና ኣለና። ካብ ምግጣም ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ የብልናን።” ብምባል መሊሶሙሎም። ደጃት ሱባ ጋዲስ ምሉእ ዓቕሞም እንተየኽተቱ ኲናት ክገጥሙ ምስ ገዚፍ ሓይሊ ፀላኢ ምፍጣጦም ምሒር ኣቋጭጬዎም፣ ተናሲሖም እውን። “ርኢኻዶ ብላታ ፍሱሕ ብድሕረይና እውን ካብ ጌጋና ዘዩመሃሩ፣ መሊሶም ዝጋገዩ ኣዩሰኣኑን።” ከምዝበሉ ድማ ይንገር።

ደጃት ሱባ ጋዲስ፣ ብዙሕ እንተይፀንሑ ዝፈፀሙዎ ጌጋ ከም ዝተገሃደሎም ርእይና። እንተኾነ ግን፥ ኩነታት ናብ ዝደልዩዎ ኣብ ምምላስ ኣይሓገዞምን። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ሓይልታት ደማዊ ኲናት ተኻይዱ። ኣብ ዝተገበረ ኲናት ካብ ክልቲኡ ወገን ብዙሕ ሰብ ሃሊቑ። ራእሲ ማርየን ደጃት ሱባ ጋዲስን ብዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት መስዋእቲ ከፊሎም። ተፀጊዑ ስልጣን የጨናጭን ዝነበረ ትስፉው ደጃት ውቤ ሃይለማርያም ዳዕሮ በሲሉሉ። ንግዝኣት ራእሲ ማርየን ትግራይ ትግርኘን ጠቕሊሉ ዝገዝኣሉ ዕድል ረኺቡ። ደጃት ውቤ፥ ንዝተፈጠሩ ድኽመት መሪሕነት ደጃት ሱባ ጋዲስ ብምብላፅ፣ ህዝቢ ትግራይ ረጊፁ ቸቸ ዝብለሉን ዘገፍዐሉን ባይታ ረኺቡ። ደጃት ውቤ ሃይለማርያም ትግራይ-ትግርኘ ኣብ ምድኻም ዝነበሮ ብፅሒት ኣዝዩ ልዑል ምንባሩ ኣብ ታሪኽ ብሰፊሑ ይዝንተው።

## 2.3. ድሕሪ ሕልፈተ ህይወት ሓፀይ ዮሃንስ ራብዓይ

ሓፀይ ሚኒሊክ፥ ህርፋን ስልጣኑ ንምዕዋትን ንጉስ ነገስትነት ንምጭባጥን ካብ ትግራይ-ትግርኘ ናብ ሽዋ ዘውዲ ንምውሳድን ዘይፈንቀሎ እምኒ ኣይነበረን። ምእንቲ እዙይ፥ ምስ ባዕዳውያን (ምስ ወራሪ ሓይሊ መንግስቲ ጣልያን) ተሻሪኹ፤ ረብሓታት ሃገር ንፀላእቲ ኣሕሊፉ ሂቡ። ኣብ ልዕሊ ሓፀይ ዮሃንስን ካልኦት መራሕቲ ትግራይን ዘይተኣደነ ውዲት ጥፍኣት ፍሒሱ። ሓፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ጒርሒ ምኒሊክ ኣይተረ'ድኡን። ሓፀይ ዮሃንስ፥ ብሰንኪ ውዲት ምኒሊክ ንሕልፈት በቒዖም። ከም ኣበሃህላ ኣፈወርቅ ገብረየሱስ “ሓፀይ ዮሃንስ መስዋእቲ ዝኸፈሉ ብወታደራዊ ልዕልና ማህዲስታውያን እንተይኰነስ ብብልሓትን ሓፀይ ምኒሊክ እዩ።” ሓፀይ ዮሃንስ፥ ከባብያውን ዓለማውን ፖለቲካ ብዘይምንባቦምን ምስመንፈስ ጊዜ ዝኸዱ ዓቕሚ፣ ጒርሕን ብልሕን ብዘይምውናኖምን ህዝቢ ትግራይ-ትግርኘ ተጐዲኡ።

ሓፀይ ዮሃንስ ኣብ መተማ ቈሲሎም ኣብ ዝደቀሱሉ ድንኳኖም ኴኖም፣ ወዶም ራእሲ መንገሻ ወራሲ ዓራት ምዃኖምን መሳፍንትን መኳንንትን ትግራይ ክኸተሉዎምን ክእዘዙዎምን ሓደራ ገዲፎሙሎም፤ ኣብ እዋን ጦርነት ህይወቶም ከም ዝሓለፉ ይትረኽ (ሓዱሽ፣ 2011)። ስዕረት ሓፀይ ዮሃንስ ንትግራይ-ትግርኘ ከቢድ መዘዝ ሒዙሎም መፂኡ። ድሕሪ ዘበን መሪሕነት ሓፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ዝተፈጠረ ክፍተት መሪሕነት፣ ህዝብታት ትግራይ-ትግርኘ ንልዕሊ 100 ዓመታት ዋጋ ኣኽፊሉዎም። ምኽንያቱ፥ ድኽመት መሪሕነት እዩ።

መኳንንቲ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሓፀይ ዮሃንስ ሓያል ፍቕሪ ነይሩዎም። ዓራት፥ ንራእሲ መንገሻ ተናዚዞም ምስ ሞቱ፣ ካብ ፍቕሪ ሓፀይ ዮሃንስ ዝነቕል፣ ቃል ሓፀይ ዮሃንስ ንዘይምጥላምን ንዘይምዕፃፍን መኳንንቲ ትግራይ ንራእሲ መንገሻ ብፅቡቕ ተቐቢሎሙዎም። እንትኾን ራእሲ ኣሉላ፣ ኣብ ሰዓቱ ራእሲ መንገሻ ንምንጋስ ዓብዩ ድሌት ነይሩዎም፤ ብተግባር እውን ከም ዝተንቀሳቐሱ ይግለፅ (ሓዱሽ፣ 2011)። ካብ ህዝቢ ትግራይ-ትግርኘ እውን ምሉእ ደገፍ ነይሩዎም። ራእሲ መንገሻ፥ ኣብ ቦታ ኣቦኦም፣ “ብመዓርግ ንጉሰ-ነገስትነት ኣብ ማርያም ፅዮን ኣክሱም ሎሚ ፅባሕ ይቕብኡ።” ዝብል ተስፋ ህዝቢ እውን ነይሩ። ህዝቢ፥ ዘውዲ ኣብ ቦታኣ ክትከውን ልዑል ባህጊ ኣሕዲሩ ነይሩ። ራእሲ መንገሻ ግን፣ ንኸምዚ ዝበለ ዘዩነፅፍ ኩለመዳያዊ ደገፍ ጒዝጓዝ ብምግባር ፍናን ህዝቢ ንምሕላውን ሰላምን ድሕንነቱን ንምውሓስን ብዙሕ ሰናይ ነገር ክሰርሑ ይኽእሉ ነይሮም። ግን ኣይኰነን።



ራእሲ መንገሻ፥ ኣቦኦም ዝገደፉሎም መንበር ኣፅኒዖም ክሕዙ ኣይከኣሉን። ዘውዲ ኣቦኦም ንምሕላው ዘኽእሎም ስጉምቲ ቀልጢፎም ኣይወሰዱን። ተፋዚዞም። ንዝነበሮም ደገፍ መኳንንትን ህዝብን ኣይተጠቐሙሉን። ጠባያት ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ-ትግርኚ ብኣግባቡ ኣይተገንዘቡን። ራእሲ ኣሉላ፣ ራእሲ መንገሻ ኣብ ናይ ኣቦኦም ዙፋን ኮፍ ክብሉ፤ ኢትዮጵያ ክመርሑን ከመሓድሩን ፃዕሪ ገይሮም። ግን ኣይተዓወተን። ራእሲ መንገሻ፥ ምኽሪ ራእሲ ኣሉላ ሸለል ኢሎሙዎ (ሓዱሽ፣ 2011)። ራእሲ ኣሉላ እውን ተስፋ ቈሪፆም። ራእሲ መንገሻ ብጠባዮም ተወላዋሊ ከም ዝነበሩ እውን ይሕ'በር። ላንጋ ላንጋ እንትሓሰቡ ጊዜ ከይዱ። ኣብ መንጎ፥ ነገራት ኣብ ሓፂር ጊዜ ተለዋዊጦም። ምኒሊክ፥ ተቐዳዲሙ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ እንጦጦ ማርያም ቅብኣ ንጉሰ-ንግስነት ተቐቢኡ። ራእሲ መንገሻ፣ ዙፋኖም ብሚኒሊክ ተመንጢሎም። ኣዋጅ ንጉሰ-ነግስነት ሓፀይ ምኒሊክ ኣብ መላእ ሃገር ምግዋሕ ጀሚሩ። ድሕሪ'ዙይ፥ ህዝቢ ትግራይ-ትግርኚ ተስፋ ቈሪፁ። ብዙሓት መሳፍንቲ ትግራይ እንኮላይ ሰራዊቶም ንራእሲ መንገሻ እናራሕርሑ ኣብ ትሕቲ ምኒሊክ ክሓድሩ ከይዶም።

ሽዑ ዝነበረ ኹነታት መበገሲ ብምግባር እንተይኰነ ኣዩተርፍን፣ ህዝቢ ትግራይ ሓዘኑን ምረቱን ንምግላፅ ከምዚ ብምባል ዝደጐዐ፤

ራእሲ መንገሻ ንጊዜኡ እውን እንተኾነ ሰራዊቶም በቲኖም ናብ ዓዲ ኣቦኦም ናብ ተምቤን ከይዶም ንዝተወሰኑ እዋናት ከም ዝተቐመጡ ድርሳናት ታሪኽ የመላኽቱ (ዝኒ ከማሁ)። ህዝብታት ትግራይ-ትግርኚ ብሰንኪ ለማስ ነመሪሕነቶም ካሊእ ወርቃዊ ዕድል ኣምሊጡዎም፤ ከሲሮም።

ነገር ራእሲ መንገሻ ዘይብልኹም ሜላ
እተሰዓርኩም ብናይ ጣልያን ማሕላ
ዝኣተኹም ብናይ ድኻ ምህለላ
ንመተማ ኰዓቲት ዳላ
ኣባ ነጋ እንተዝህሉ ኣሉላ
ሓንቲ ወገን ኣንፊ መውፀኣላ
ጐይታ ሰራየ ምስ ተኸላ
ጐይታ ሓማሴን ምስ ኣስገደ በቐላ
ጐይታ ሃገረ ናግራን ምስ ከሰላ
ሰደዱኹም በዓል ንብላ ንብላ
ጸሎት ዘይብሎም ብዘይዳይላ
ትርፎ ደርፊ ዘይብሎም ምህለላ
ስሬኹም ሽዋ ተሰቒላ

ያእቆብ (1909፣6 - 7)

ኰይኑ ድማ፥ እዛ ሐዚ ኢትዮጵያ እንብላ ሃገር ክትሕዞ ይግባእ ዝነበረ ቅርፂ ተሪፉስ፣ ንትምክሕተኛታት ሸወቶት እትጥዕም ግዝኣታዊት ሃገር ተፈጢራ። ህዝቢ ትግራይ፥ ፍሒት ክብል ዘዱደልዩዎ መራሕቲ ሸዋ ነቲ ኣጋጣሚ ብምብላፅ ኣብ ዝባኑ ሸሸ (ቸቸ) ኢሎም። ትግራይ ትግርኚ ሓይሉ ገማሚያሙዎ። ሸወቶት፥ ውዳበ ትግራይ ትግርኚ ዝፈርሑዎ ፈተና ብምዃኑ ነንባዕሉ ከም ዘዱናበብ ገይሮሙዎ።

ሓፀይ ምኒሊክ፥ ትግራይ ንባዕላ ኣብ ኣርባዕተ ክፍላተ ምሕደራ ብምምቃልን ብምጉዛይን ንራእስታት ትግራይ ከም ስጋ ቀረመት ኣከፋፊሎሙዋ። ራእስታት ትግራይ ኣብዚኣ በጊሖም ኣይለበሙን። ኣንዊሖም ኣይኣመቱን። ዘለዎም ዕንተየር ኣነነት (ego) ብምድሓር፣ ረብሓ ህዝቢ ኣየቐደሙን። 'ምእንቲ ህዝቢ' ኣይበሉን። ተሳንዮም ህዝቢ ክመርሑ ኣይከኣሉን። ነንባዕሎም ተተፋኒኖም። ኣብ መንጎ ራእሲ ሓጐስን ራእሲ ኣሉላን ዘጋጠመ ቀይናን ህልኽን ወደርን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ክልቲኦም ራእስታት፣ "እዛ እምባይ መን ይወርሳ?" ተበሃሂሎም። ኣብ ዝፃሕትሩዎ መጋርያ ኲናት ተሃናኹቶም። ክልቲኦም ንሕልፈት ህይወት በቒዖም። ህዝብታት ትግራይ-ትግርኚ ብዘይመራሕቲ ተሪፎም። ሸወቶት ከምቃሕታኦም ክፅንድሩሉ፣ በሪ ጋሕጊሖም ሓዲጎሙሎም።

## 2.4. ካልኣይ ወያነ
## 2.5.1. ምምጥጣን ሰራዊት

ህወሓት ካብ 1967 ዓ.ም. ኣትሒዙ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጐኑ ብምስላፍ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ። ኣብ ምዝዛም ቃልሲ፥ ካልኦት ውድባት ብምሕቛፍ ኢህወደግ ዝበሃል ግንባር ፈጢሩ። እዚ ጥምረት ንፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ስዒሩ። ኢህወደግ፥ "በይነይ ተቓሊሰ ንደርግ ካብ ደምሰስኩ ስልጣን ንበይነይ ክብሕቶ።" ኣይበለን። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ተነሓናሕቲ ፖለቲካውያን ውድባት ከካብ ዝነበሩዎ ውሻጠ ብምፅዋዕ፣ ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ሓሳባቶም ከቕርቡ ዕድል ፈጢሩሎም። መዓልታት ዝወሰደ ልዝብ ተኻይዱ። ንዝተፈጠረ መድረኽ ረጊፁ ዝወፀአን ኩናት ዝመረፀን ፖለቲካዊ ውዳብ እውን ነይሩ። ብሓሳብ ዝተኣማመኑ ፖለቲካውያን ግን፣ ኣብ መወዳእታ፥ ነዚ ኩነታት መሰረት ብምግባር፣ መንግስቲ ስግግር ኣጣይሾም። ኣብ ዘበነ ኢህወደግ/ህወሓት ዘጋጠመ ኩነታት ቃልሲ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ፣ ሓያል ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን መድረኽ ነይሩ። መሪሕነት ኢህወደግ፣ ንዘጋጠሙ ፈተንቲ መድረኻት ዓቕሚ ክንዲ ዝፈቐደ ብጥበብን ብብልሓትን ንምስጋር ፈቲኑ። እንተኾነ ግን፥ ምስዚ እነልዕሎ ዘለና ዋኒን ድኽመት መሪሕነት ደሚርካ እንትረአይ፣ ብዕሊ ክሳብ ዝፈርስ ኣብ ዝነበሩ 27 ዓመታት ምሕደራ፣ ጥንካረታቱ ከምዘለዉ ኴኖም፣ ኣብ ብዙሓት ምዕራፋት ቃልሲ ዝተፈላለዩ ክፍተት መሪሕነት ተራእዮም።

ኢህወደግ፥ ብመንግስቲ ስግግር ኣቢሉ ኣብ ኢትዮጵያ በትረ ስልጣን እንትጭብጥ ካብ ዝወገኖም ገዘፍቲ ፍፃመታት ሓዲኡ ምምጥጣን ሰራዊት እዩ። ሰራዊት ኢህወደግ ፈሪሱ፤ ኣብ ክንድኡ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር (ኢትዮጵያ) ክኸውን ተወሲኑ። ተዋፅኦ ካልኦት ብሄር ብሄረ-ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብኣባልነት ክሓቑፍ ከምዘለዎ ስለዝተኣመነሉ፣ ኣብ በረኻ ኣብ ቃልሲ፣ ዕድመ ንእስነቱ ዘቃፀለን ረዚን መስዋእቲ ዝኸፈለን መብዛሕትኡ ምኩር ተጋዳላይ ህወሓት ኣብ መወዳእታ 1985 - መጀመርታ 1986 ዓ.ም. ቍንጣሮ ቅርሺ (ካብ 2 - 3 ሽሕ ብር) እናተወሃቦ ነናብ ገዝኡ ተፋኒዉ። ብስም ምምጥጣን ሰራዊት ዝተወሰደ ስኩፍ ስጉምቲ ብዙሕ በሰላ ዝሓደገ ኰይኑ ሓሊፉ። ሞራል ተጋዳላይ ትግራይ ኣይሓለወን። መፃኢ ዕድልን ተስፋታትን ትግራይ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይነበረን። ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብ ምድኻምን ኣብ ምብታንን ውህሉልን ውዱብን ዓቕሚ ትግራይ ዝለዓለ እጃም ነይሩዎ። ትግራይ፥ ንሓደጋ ተቓላዕነታ ዘዛየደ ክስተት ነይሩ። ብተወሳኺ፥ ንተመለስቲ ተጋደልቲ ዝተወሃባ ቍንጣሮ ቅርሺ ኣይኰነን ዶ ክጣየሸለንን ህይወቱ ክልውጠለንስ መዐደጊ ቅያር ክዳን እውን ዝኣኽላ ኣይነበራን። ከምኡ ብምዃኑ፣ ተሰናበትቲ ኣባላት ተጋደልቲ ህወሓት ኰኑ ስድራ ተጋደልቲ ኣብ መሪሕነት ትግራይ ሓያል ቅርታ ኣሕዲሮም። ኣብ ልዕሊ ዝወደቦም፣ ዘዕጠቖምን ዘቃለሶምን ውድብ ህወሓት ሓያል ቂም ቋጺሮም።

ኣብቲ ጊዜ ኣብ ላዕለዋይ ፀፍሒ ስልጣን ሰራዊት ካብ ዝነበሩ ሓዲኡ ፃድቃን ገብረትንሳኤ ሽዑ ንዝነበረ ከይዲ ምምጥጣን ሰራዊት ፍትሓውነት ከምዝጐድሎ፤ ኣብቲ ጊዜ ተጋዳላይ ህወሓት ዝኸፈሎም መስዋእቲታት ኣብ ግምት ከምዘየእተወን ፖለቲካዊ ውሳነ ዝዓረፈሉ ምንባሩን የዘኻኽር። ምኽንያቱ ከዓ፣ "መስዋእቲ እናኸፈልና ዓዲ ነድሕን፤ ኢትዮጵያ ብመስዋእትና ትሕወይ። ዝኸፈል ከፊልና ዓዲ ንግበራ።" ካብ ዝብል መርገፅ ከም ዝብገስን ሽዑ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ብፍላጥ ዝተገበረ ምዃኑን የዳግግ (ፃድቃን፣ 2015) ። ኣብ ክሊ እዙይ፥ ብስም ብሄራዊ ተዋፅኦ፣ ዝሰልጠነ ሰራዊት ህወሓት ብምፍናው ዘይሰልጠነን ዘይበቐዐን ሰራዊት ማዕሮ መዓርግ ጀነራልነት እውን ተዋሂቡዎ (ዝኒ ከማሁ)

ብሓቂ፥ ዝተገበረ ፖለቲካዊ ውሳነ ትኽክለኛ ውሳነ ኣይነበረን (ሙሉጌታ፣ 2015) ። ዝተወሰነ ውሳነ እኹል ዘተ ኣይተገበረሉን። ዝኸፈአ ዝገብሮ፤ ተጋደልቲ ህወሓት ነናብ ገዝኦም ይፋነዉ ከም ዝነበሩ እውን ብግልፂ ኣይተነገሮምን። ንፁር ኣንፈት ተዋሂቡዎም ነናብ ቦትኦም ኣይተፋነዉን። ነፍሲ ወከፍ ደርዘን ደፍተርን ቢሮን እናተዓደሎም ናብ ምህሮ ከም ዝኣትዉ ተነጊሩዎም። ከምኡ እንትገብር፥ ብዛዕባ ተኸልቲ እግሪ ተጋደልቲ "ዝተፃፈ መረዳእታ ኣይነበረን። ጉዱእ ኲናት ጥሮታ ይተተሓዘሉን። ዘይተጐደአ ከዓ መሰል ጡረታ ዘኽበረሉ ባይታ ነይሩ። ካብዙይን ካብቱይን ዝተዋህለለ ገንዘብ ብተሓታትነት ኣብ መዓልኡ ኣይወዓለን። ምትእስሳር ኣይነበረን። ይግበር ዝነበረ ደገፍ ኣብ ጠለብን ድልየትን ተጣየሸቲ መሰረት ዝገበረ ኣይነበረን። ንኣብነት፡- ክጣየሱሉ ይወሃቦም ዝነበረ መሬት ልሙዕ ኣይነበረን። መብራህቲ ኣይነበሮምን። ብዙሓት ፀገማት ነይሮም።" ጨርቆስ (2015)።

## 2.5.2. ምፍንጫል መራሕቲ ህወሓት

ከም ዝፍለጥ፣ ሰራዊት ኤርትራ ጉንበት 1990 ዓ.ም. ንመሬት ትግራይ ብሓይሊ ወሪሩ። መሪሕነት ኢህወደግ፥ ኣብ እዋንን ድሕርን ኲናት ኢትዮ - ኤርትራ ብሓይሊ ዝተወረረ መሬት ኢትዮጵያ (ትግራይ) ንምምላስ ኣብ ዓለም ለኸ መጋባእያ ጥርዓን ኣቕሪቦም። ተማጒቶም። ብኣብዝሓ ግን ተሳዒሮም። ክኸውን ይግበኦ ዘይነበረ ሰፊሕ መሬት ትግራይ ንኤርትራ ተፈሪዱ። ንስዕረቶም ከም ምኽንያት ኰይኑ ዝፅራሕ፣ ዝምልከቶም ምሁራት ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዘይምምኻሮምን ዘድልዩ ሰነዳት ታሪኽ ብኣግባቡ ወዲቦም ዘይምቕራቦምን ምዃኑ ብሓያሎ ይለዓል። እዚ ገዚፍ ክፍተት ብዓብዩኡ ይንቀፉሉ። ድሕሪ ምትሕልላፍ ውሳነ ቤት ፍርዲ እውን እንተኾነ፣ መሪሕነት ኢህወደግ፥ ሰንኪ ኲናት ኣለልዮም ዘላቒ ዕልባትን መፍትሕን ኣየንበሩሉን። መልክዕ ኣየትሓዙዎን። ከምዚ ዝበለ ክፍተት መሪሕነት፣ ትግራይ መዋእላ ኣብ ስግኣት ክትሸመምን ከም ኣብ ገደል ዝሰፈረ ወዲ በረኻ ምዩቕ ምዩቕ እናበለት ክትነብርን ገይሩዋ።

ድሕሪ መልሲ ኲናት ኢትዮ - ኤርትራ ትግራይ ኣይጠዓማን። ፖለቲካውን ወታደራውን መሪሕነት ትግራይ ተፈሓፊሖም። ኣብ ዝተኻረረ ስምዒት ኣቲዎም (ኣትዮም)። መራሕቲ ነንባዕሎም ተተፋኒኖም፤ ዓልካ ሓደርካ ኣብ ዘዩበሃሃሉሉ ኵነታት በፂሖም። እዙይ ዘንቀሎ፣ ኣብ 1993 ዓ.ም. ኣብ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ምግምማዕ ኣጋጢሙ። መራሕቲ ውድብ ህወሓት ብሰንኪ ዝተኸተሉዎ ዘይውሕሉል ኣተኣላልያ ጕነፅ ፍርቂ ሓይላ ስኢና። መራሕቲ ህወሓት፥ ሳልሳይ ኣማራፂ ከም ሓደ መይላ መእለዩ ጕነፅ ግብራዊ ኣይገበሩን። “ስረይ ስረኻ ... ቃለይ ትዕበ ... ንሕና ዝበልናያ እንተዘይኰይና ኵሉ ብላሽ ... ኵሉ ከንቱ እዩ።” በሃልቲ ብምብዘሖም፤ ተገማሚዖም። ህወሓት ከም ፖለቲካዊ ውድብ ከሲራ። ማእገራ ፈኺሱ። ብቕንዱ ከዓ ህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ልቦናዊ ሃሰያ ወሪዱዎ።

ኢህወደግ፥ ድሕሪ’ዙይ’ውን ኣብ መሪሕነት ኣሎ። ኢትዮጵያ ኣብ ስሉጥ ቀኍጠባዊ ምዕባለ ኣላ። ኢህወደግ፥ ኣብ መንጎኡ ኣብ 2002 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ናዝሬት (ኣዳማ) ኣብ ዘካየዶ ጉባኤ ነባርን ላዕለዋይን መሪሕነት ብትኵስ ሓይሊ እናተተከአ ክኸይድ፣ መንእሰይ ወለዶ ስልጣን ክርከብን ሃገር ከመሓድርን ኣንፈት ኣቐሚጡ። ምትኽኻእ ከም ክልስ ሓሳብ ፀገም የብሉን። ነባር ኣመራርሓ ብመናእሰይ ክትክኡ ምድላይ ቅኑዕ ኣካይዳ እዩ። ነዙይ ስዒቡ፣ ኣብቲ ጉባኤ ከም መርኣያ ገለ ነባር መራሕቲ ብኽብሪ ተሰናቢቶም። እንተኾነ ግን፥ ብሓደ ገፁ፣ ኣብ መንጎ ተተካእቲ ኣመራርሓ ሓባራዊ ምትእምማን ዝተገበረሉ ኣዪመስልን። ብፍላይ ካብ ህወሓት ወፃኢ ዝነበራ ኣባላት ውድባት ኢህወደግ ምስጕርሐን ዝተቐበለኦ ውሳነ ከም ዝነበረ ይግመት። ደሚርካ እንትረአይ፣ ስልጣኑ ክለቅቕ ፍቓደኛ ዘይኰነ ኣመራርሓ ብዙሕ ነይሩ። ስልጣን ከም መናበሪ ዝቘፅርን ብመንግስታውን ውድባውን ስልጣን ይግልገል ዝነበረን ኣመራርሓ ኣብ ስምዒት ኣቲዉ፣ ናብ ካሊእ ዘየድልይ ሕርኽሩኽ ዘምረሐ ውሑድ ኣይነበረን። ብኻሊእ ገፅ፥ መናእሰይ ወይ ተካእቲ ኣካላት ብፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያውን ጥበብ መሪሕነትን ክበስሉ ኣብ ምግባር ኣቐዲምካ ዝተሰረሐ ስራሕ ኣይነበረን። ኣብዚ መዳይ፣ ሰፊሕ ክፍተት ተፈጢሩ።

ስለዚ፥ ተካኢ ኣመራርሓ እንተየብቃዕኻ፣ ምኩር ኣመራርሓ ካብ ግንባር ፖለቲካዊ ቃልሲ ክእለዩ ምግባር፣ ፖለቲካዊ መሪሕነት ካልኦት ክሕዙዎ ምግባር ካብ መኽሰቡ መዘዙ በዚሑ፤ ጒድኣት እውን ኣስዒቡ። ብፍላይ ከዓ ከም ትግራይ ብዙሕ ነገር ተበላሺዉ። ካልኦት ኣባላት ውድባት ኢህወደግ ዝተኸተለኦ ኣካይዳ ጥዕና ኣይነበሮን። ፈለማ ከምስላ ነባራት ኣመራርሓአን ኣሰናቢተን። ዘካየደኦ ምትኽኻእ ስማዊ ምንባሩ ግን ደሓር ተራእዩ። ምኽንያቱ፥ “ተሰናቢቶም።” ዝተበሃሉ ሓለፍቲ ብዙሕ እንተይፀንሑ ናብ ዝነበሩዎ ወይ ናብ ካልኦት ቦታታት መዝነትን ፖለቲካዊ መድረኽን ተመሊሶም፣ ገበርቲ ሓደግቲ ኴኖም ቀፂሎም። መራሕቲ ህወሓት ግን ኣይተዓፃፀፉን። በታ ዝተበሃለት መስርሕ ምትኽኻእ ዘሊቖም። ከምዚ ዝበለ ግርህነት ዝዓሰሎ ኣካይዳ ንፖለቲካ ትግራይን ንህዝቢ ትግራይን ንዝኸፈአ ሓደጋ እናቃለዖ መፂኡ።

## 2.5.3. ድሕሪ ሕልፈት ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ወርሒ ነሓሰ/ 2004 ዓ.ም. ብሞት ካብ ዓለም ተፈልዩ። ነዚ ይ ስዒቡ፣ ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ሓጓፍ ተፈጢሩ። ፖለቲካ ኢትዮጵያ ብዙሕ ተናዊዉ። ዝተፈጠረ ሕቑንቁኑ ብናህሪ ቀጺሉ። ፖለቲካ ኢትዮጵያ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ተኣናፍን ተኣፋፍን እናኾነ መጺኡ። ሙስና፣ ብልሹው ኣሰራርሓ፣ ስልጣን ንውልቀ ረብሓ ምውዓልን ብዝምድና ብፍልጦን ሃፍቲ ገነት ሃገርን ህዝብን ኣብ ዘይመዓልኡ ክውዕል ምግባር መግለፅታት ፖለቲካውን መንግስታውን መሪሕነት ኮይኑ። ህዝቢ ብስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ስእነት ፍትሕን ተሳቒዩን ሰንሰን ኢሉን። ኣብ መረበቱ ብሰላም ንምንባር ውሕስነት ስኢኑ። ኣብ መንገ ተጐራበትቲ ብሄር ብሄረሰባትን ክልላትን ጐንፂ ይለዓል። ዝተለዓለ ጐንፂ፣ ህይወት ሰብ ይበልዕ። ብዙሕ ህዝቢ ካብ መረበቱ ይፈናቐል። መንነት መሰረት ዝገበረ ጥቕዓትን ተነፅሎን ብኢሱዎ።

ነዞም ውፅኢት ብልሹው ምሕደራ ዝኾኑን ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ዝፍፀሙ ጥቕዓታትን ዝቈፃፀሮም ኣመራርሓ ተሳኢኑ። ስግኣታት ህዝቢ ሰማይ ዓሪጎም። ምሒሉ ... ጥሒሉ መንበረ ስልጣን ዝተቔናጠጠን “ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ወፂአ ... ንህዝቢ ከገልግል እየ።” ዝበለን መራሒ ዋሕስ ህዝቢ ክኸውን ኣይከኣለን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ይወርዱ ዝነበሩ ዓፀባታት ባሊህ ክብል ኣይከኣለን። ፀገማት ህዝቢ ዝፍትሑሎም ኣንፈታት ክሕንፅፅ ኣይተረኣየን። እዙይ፥ ከም ሃገር ዝነበረ ኵነታት እዩ።

---



ከምዚኦም ዝበሉ ክፍተታት መሪሕነት፣ ህዝቢ ትግራይ ዝያዳ ተጠቂዑሎም። ካብ ትግራይ ወፃኢ ይነብሩ ዝነበሩ ተወለድቲ ትግራይ፣ ተጋሩ ብምዃኖም ጥራይ ንሕልፈት ዝተዳረጉ ብዙሓት እዮም። ንብረቶም ተቓፂሉን ተዘሪፉን። ብልሹው ምሕደራ፥ ኣብ ትግራይ እውን ብሰፊሑ ተራእዩ። ጥርዓን ህዝቢ ዘዳምፅ፣ ፍታሕ ዘቕምጥ መሪሕነት ተሳኢኑ። ኣብ ትግራይ ዓቕሚ ዘጥርይ በዓል ሃፍቲ ካብ ልክዕ ንላዕሊ ግብሪ ክኸፍል ይግደድ'ሞ ኣንፀርፂሩ ናብ ማእኸል ሃገር ይሃድም። ብሰንኪ ተናፃሒ ምሕደራ ትግራይ ካብ መንግስታውን ውድባውን ሓላፍነታት እናወፀአ እግሩ ናብ ዝመረሖ ዝኸደ ምሁርን በዓል ሙያን ኣዝዩ ብዙሕ ነይሩ። ህዝቢ ትግራይ ንፍትሒ ተቓሊሱስ ካብ ደቁን መቓልስቱን ፍትሒ ተሓሪሙ። ትግራይ፥ ዘለዋ ድምር ዓቕሚ ተገንዚቡ፣ ንዝተረኸበ ዓቕሚ ጠርኒፉን ኣዋዲዱን ዘተሓባብር መራሒ ተሳኢኑ።

ከም ተጋሩ፥ ተለዋዩ መሪሕነት ካብቶም ሰፍ ዘዩብል ዋጋ እናኸፈሉና ዝመፅኡ ባእታታት ድኽመታትና ሓደ እዩ። ካብ 1985 ዓ.ም. ኣትሒዙ፣ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ብግፍዕን ብልፍንትትን ክሳብ ዝውረር፣ ኣብ ክ'ሊ ምደባ ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ዝርከቡ መራሕቱ ብርክት ዝበሉ መረረታት እናስመዐ ዝመፀአ ህዝቢ እዩ። “መንግስቲ ዓቕሚ ዘይብሎም መራሕቲ ይምድብልና ኣሎ። ሰራሓም ዘስርሑ ኣመራርሓ ናብ ስልጣን ይደይቡ። ፃማ ቃልስና ኣይረኸብናን፣ ክንረክብ እውን ይግበር የለን።” ዝብሉ ሓሳባት እናድመፀ ፀኒሑ። እንተኾነ ግን፥ ኣብ ሰዓቱ ሰሚዑን ጥርዓን ህዝቢ ብልቢ ተገንዚቡን እወንታዊ ምላሽ ዝሀብ ዝምልከቶ ላዕለዋይ መንግስታዊ ኣካል ወይ ከዓ ንመንግስቲ ዝርሕ ውድብ ብኣግኡ ኣይተረኸበን።

ስእነት መስተውዓልን ኣማትን መሪሕነት፣ ከም ህዝቢ ከንፀርፅር ዝገብር ክስተት ነይሩ። ህዝቢ፥ ድስካለ መሪሕነት ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ህይወቱ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ብእንፅርፅሮት ይገልፆም ነይሩ። ነዚ ኵነታት ዝገልፅ ብግጥሚ ዝቐረበ ስነቃል ከም ኣብነት ክንጠቅስ፣

> ቈየፃ ወፂእኻ ካብ ‘ተስኣነ ዕንጨይቲ
> ጠቕሻ ወሪድካ ካብ ‘ተስኣነ ሰቲ
> በዓል እክለ ካብ ኰንኩም መሬት መቕልቲ ...
> መሬት መማቕልቲ
> ክሊ ከንቱ ዓለም ተኸተቲ

ኣብዚ ዝተጠቐሰ ህዝባዊ ግጥሚ፣ ብሰንኪ ልሕሉሕ ምሕደራ (መሪሕነት) ኣብ ሓደ ከባቢ ዝተኸሰቱ ሰለስተ ገዘፍቲ ክፍተታት ንዕዘብ። ሓደ፥ ብርሰት ተፈጥራዊ ደኒ ቈየፃ፤ ክልተ፥ ፀገም ምዕቃብ ጠሊ ዘስዓቦ ስእነት ሰቲ (ሰውሒ ጠቼሻ)፤ ሰለስተ፥ ኣብ መቐሎ መሬት ዝተፈጠረ ኣድልዎኣዊ ኣሰራርሓን ሌላን ጐሌላን እዮም። በዞም ሰለስተ ክፍተታት ምሕደራ ዘንፀርፀረ ህዝቢ ብሩህ ተስፋ እናተረኣዮ ኣብ መረበቱ ክነብር ከም ዝተፀገመ፣ ህይወት (መነባብሮ) ከም ዘማረሮ ብግልፂ ንዕዘብ። ካብዚ ተበጊሱ፣ ምስ ከምዚኦም ዝበሉ ኣመራርሓን መራሕትን እምክነብር ማዕሮ ፍፃመ ዓለም ንምምናይ በቒዑ። ካብዚ ዝኸፈአ ነገር እንታይ ኣሎ? ከምዚ ዝበለ ኵነታት ዳርጋ ኣብ መ’ላእ ትግራይ ነይሩ፤ ሐዚ’ውን ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ሰናይ ምምሕዳር ብስም’ምበር ብግብሪ ዳርጋ ኣይረኣዮን። እንኰላይ ኣበሃህልኡስ ህዝቢ “ኣብ ትግራይ ሰናን ምምሕዳር’ምበር ሰናይ ምምሕዳር የለን፤ … ቀንጢባ’ምበር ከንቲባ ረኺብና ኣይንፈልጥን።” ብምባል መረረቱ ይገልፅ ነይሩ።

ኣብ ትግራይ በብጊዜኡ ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ሓላፍነታት ዝነበሩ፣ ተገምጊሞም ብሰንኪ ምንኣስ ዓቕሚ ካብ ቦታኦም ክለዓሉ ይግ’በሩ። ለቕዛይ ሹመኛኡ ዘፋነወ ህዝቢ ዘሐሸ መራሒ ክመፅአሉ ብሃንቀውታ ይፅበይ። ብግብሪ ግን፥ ኣብ ሓደ ወረዳ ብስእነት ዓቕሚ ተገምጊሙ ዝወረደ ኣመራርሓ፣ ናብ ካሊእ ወረዳ ይሸየም። ኣብ ሓደ ዞባ ዝነበረ ኣመራርሓ ብሰንኪ ብልሹው ስነ-ምግባርን ምንኣስ ዓቕሚ ኣመራርሓን ካብ ዝነበሮ ቦታ እንትባረር ናብ ዝበለፀ ቦታ ይምደብን ክሰርሕ ይግበርን። ብርኪ ስራሕ ቀኒሱ ዝምደብ ኣመራርሓ ዳርጋ ኣዩረአይን። “ኣዩኽእልን” ተባሂሉ ዝተፋነወ መራሒ እውን ናብ ካሊእ ተመሳሳሊ፣ ምናልባት እውን ዘሐሸ ደረጃን ብርኪ መሃያን ናብ ዝረኽበሉ ቦታ ይምደብ። እዙይ ኣዝዩ ዝውቱር ተርእዮ ነይሩ። ውሱናት ኣመራርሓ ከም ፀፀር ገበጣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ። ቦታ መሪሕነት ርስቲ ክሳብ ዝመስል ይስረሐሉ። በዚ ኵነታት ህዝቢ ኣይዓግብን ገምጋም መስርሕ እዩ። ይዕበይ ይንኣስ፣ ይውሓድ ይብዛሕ ስራሕ ይስራሕ’ሞ ንህዝቢ (ማሕበረሰብ ሓዊሱ) በብብርኩ ዝርከቡ ተዋሳእቲ ኣካላት ስረሖም ክግምግሙ ኮፍ ይብሉ። ኣብ ክሊ እዙይ፣ ክልተ መሰረታውያን ፀገማት ይዝውተራ ነይረን። ብሓደ ገፅ፥ ዓርሰ-ነቐፌታን ነቐፌታን ስራሕን ስራሕን ማእኸል ብምግባር ብዘይንሕስያ ዝግበሩ ኣዩመስሉን። ገምጋም ስማዊ እናኾነ ይኸይድ። ንኣመሉ ይትግበር ግን “እንተዘይነኺእኻኒ ኣይነኽእካን” ዝብል መንፈስን እምነትን ይዓስሎ። ተገማገምቲ ኣካላት ኣዩቀላለሱን። ይፈራርሑ፣ ይከኣኣሉ። ፀገማት ዝጐደፉሉ ተረካቢ ይዓድዮ (scapegoat) ይድለይ። ብልሕን ትርርን ኢሉ ንኻልኦት ዝግምግምን ዝቃለስን እንትርከብ፣ “ድሕሪ ባይታኡ ይፀናዕ።” ዝብል ሕንጉዳይ ሓረግ ይድርበዮ። “ኣረኣእያኻ፣ መንፈስካን ኣካይዳኻን” እናተበሃለ ይጭፍጨፍ። ይጥለፍ። “ኣብ ገምጋም ድላይካ ሓሳብ ክተልዕል ትኽእል ኢኻ።” ንዝብል ደምባር ኣካይዳ ጕዝጓዝ ብምግባር መደራጉሕ መፀለምታታትን ጠቐነታትን ይዘንቡዎ። ብግዲ “ዝበልናካ መዓጉ።” ይበሃል። ዘይርኾብ ይረከብ።

ንኸምዚ ዝበለ “ባህሊ ገምጋም” ዝፃወር እንግዳዕ ዘለዎ፣ “እናተቓለስኩ ነገራት ከመዓራርይ እየ።” ዝብል፣ ነገራት ዕረ እናጠዓሙዎ ክቕፅል ይፍትን። ግን ብዙሕ ኣዩጐዓዝን። ብስም ጥርናፈ፣ ዋላ ግጉይ ምዃኑ እናተረደኦ ዕስለ ናብ ዝሓዞ ቅዋም ክጥርነፍ ይግደድ። ዕስለ እንትጋገይ ኪጋገይ ፀቕጥታት ይበዝሑዎ። ኣወፋፍራ ዕስለ ወይ ጕጅለ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ይኾኖ። ኣብቲ ዕስለ ተጣቢቑን መተንፍሶ ስኢኑን (suffocated ኮይኑ) ይነብር። ባዕሉ ክኸውን ዘኽእሎ ዕድል ይፅንቀቕ። ሓቂ ይጕሰይ። ሓሳባት ብብልጫ ድምፂ (vote) ይፀድቁ። ክቃለስን ህዝቢ ከገልግልን ህልኽ ዝነበሮ ካብ ዝፈትዎ ሓዲድ ፖለቲካ ይወፅእ። ይሰናበት። በብብርኩ ዝተርፍ መሪሕነት እውን ሓይሉ እናበተነ ይቕፅል።

ብኻሊእ ገፅ፥ ምስ ዘልዐልናዮ ነጥቢ ተኣሳሲሩ፤ ዝርካቡ በብብርኩ ዝተኻየደ ገምጋም ተጠቕሊሉ ተጠቕሊሉ ናብ ላዕሊ ይጥመር። ኣብ ክ’ሊ መሪሕነት ኣፈፃፅማ ትልምን ሓፈሻዊ ገምጋም ይግበር። መንግስትን ውድብን ኣፈፃፅማ ስራሕን ሓፈሻዊ ድምዳመ ይበፅሑ። ውፅኢት ገምጋም ግን ኵሉ ጊዜ ሓደ ዓይነት እዩ። “ትሑት ኣፈፃፅማ ስራሕ ተራእዩ፤ ህዝቢ ብፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ኣይዓገበን፤ ብላዕን ብዝምድና ዝስርሑ ብልሹው ኣሰራርሓታትን ብስፍሓት ተራእዮም፤ ኣብ ምርግጋፅ ፍትሒ ጕድለታት ኣለዉ፣ ኣብ ምሕደራ መሬት ከተማን ኣብ ምእካብ ግብርን ዘይስገርናዮም ፀገማት ኣለዉ።” ዝብሉ ኣገላልፃታት ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢት ገምጋም ውድብን መንግስት እዮም።



እዞም ነጥብታት ድሕሪ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ዝግበር ገምጋምን ውፅኢቱን ኣዱተርፉን። ምንም ዓይነት ለውጢ ኣዪረኣየሎምን። ኵሉ ጊዜ፣ "መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ እዙይ ክፍደይ ኣይምነበሮን … ንፍትሒ ዝተቓለሰ ህዝቢ ፍትሒ ክስእን ግቡእ ኣይኮነን … ኣብ ቀፀሊ ክነስተኻኽል ኢና ወዘተ. ወዘተ." ዝብሉ መግለፅታት ከም መእሰሪ ገምጋማት ይግበሩ።

ነገራት ብኸምዚ ቀፂሎም። ኣብ 2008 ዓ.ም. ውድብ ህወሓት፥ "ንባዕለይ ከፅሪ እየ … ውሽጣዊ ኣሰራራሓይ ክፍትሽ እየ … ፀገማተይ ካብ ሱሮም ብምምሓው፣ ህዝቢ ክኽሕስ እየ …" ዝብል ተበግሶ ወሲዱ። በብደረጅኡ ዝርከቡ ኣመራርሓ ህወሓት (ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ) ንልዕሊ 35 መዓልታት ኣብ ገምጋም ኣብ ኣዳራሽ ተዓፂዎም። ዓሚቕ ገምጋም ተሓድሶ ኣካይዶም። ብዙሕ እንተይፀንሑ፣ ውፅኢት ገምጋሞም ዕላዊ ገይሮም። ንህዝቦም ብተሓታትነት ይሰርሑ ከም ዘይነበሩ፣ ብላዕን ብልሹው ኣሰራርሓን ዓሲሉ ከም ዝነበረ፣ ፍትሒ ከም ዝተዛበዐን ህዝቢ ትግራይ ፍትሒ ከም ዝሓረሞን፤ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ይሳቐ ከም ዝነበረን ብኣውርኡ ውድብ ከም ውድብ ከም ዝበስበሰን ብዘየማትእ ቋንቋ ገሊፆም። ነገራት ኣተዓራርዮም ህዝቦም ክኽሕሱ ቅሩባት ከም ዝኾኑ እውን ቃል ኣቲዮም። ካልኦት ኣባላትን ኣጋርን ውድባት ፖለቲካ ኢህወደግ፣ ህወሓት ንዝወሰዶ ተበግሶ ብምኽታል ንባዕሎም ከፅርዩ ከም ዝግባእ ምኽሪ ሓሳብ ቀሪቡ። ህወሓት ድኽመቱ ብምድሕዓሕ፣ ጓጉኡ ጋሕጊሑ ብምኽፋት ብገርሂ ንኻልኦት ውድባትን ተበለፅቲ ሓይልታትን መውቅዒዓ ጐመድ ኣቕቢሉዎም። ኣብ ህወሓት ዝተፈጠሩ ክፍተታት መሰረት ብምግባር ህዝቢ ትግራይ ንምጥቃዕ ዘኽእል በሪ ከፊቱ። ዝተጀመረ መንነት መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ሓዩሉ ቀፂሉ። እዚ ስንኩል ኣካይዳ መሪሕነት ዝወለዶ፣ ህዝቢ ትግራይ ካብ ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ተነፂሉ። ሃለዋቱን ድሕንነቱን ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑ።

ህዝቢ ትግራይ፥ ኣብ ዘበነ መሪሕነት ህወሓት/ኢህወደግ ፍሉይ ተረባሒ እናተገበረ ይሰኣል ነይሩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ንእከይ ፖለቲካዊ ጐስጓስ ዝተጠቐሙሉ ኣካላት እውን ተበራኺቶም። ህዝቢ ትግራይ፥ ንጥቕዓትን ተነፅሎን ዝዳረጉዎ ምኽንያታት ግን ከምቲ ዝውረይን ዝፀሓፍን ብፍሉይ ስለዝተጠቐመ ኣይኮነን። ይውረዩ ንዝነበሩ ቤላቤሎታት መበገስን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ይሰሓሉ ንዝነበሩ ማሕፀታት መጋደድን መንቀሊ ነጥብታት ነይሮም። መራሕቲ ትግራይ ኣብ ዝተፈጠረ ግጉይ "ስእሊ ተጠቃምነት ትግራይ" ዝፈጥ ኢድ ነይሩዎም። ኣብ ገለገሊኡ ዓውዲ ስራሕ (ኣብነት፦ ሕርሻ፣ መንገዲ፣ ትምህርቲ፣ ማይ፣ ጥዕና …) ሓለፍቲ ዘይፈፀሙዎም ዕማማት ከም ዘሳለጡ … ዘይወዓሉዎ መደብ ስራሕ ከም ዘዐወቱ መሲሎም ክቐርቡን ዝሓዙዎ ስልጣን ከዩሸረፎምን ብዕቱብ እንትሰርሑ ብግልፂ ይረኣዩ ነይሮም። ኣብ ትግራይ፥ ፀብፃባት ኣፈፃፅማ መደባት ተጋኒኖም ይቐርቡ ነይሮም። ዘይተሰርሑ ስራሕቲ፣ "ተሰሪሖም።" እናተበሃሉ ብሚድያታት ትግራይ እንተይተረፈ ይቐርቡ ነይሮም። ፀብፃብ ዝቐበል ኣካል እውን ናብ ባይታ ወሪዱ ከረጋግፅ ተበግሶ ኣይነበሮን። ውዒሉ ሓዲሩ ብኣመራርሓን ካድረታትን ትግራይ፣ ይቐርቡ ዝነበሩ 'ኵሉ ነገር ምኢቲ ምኢታዊት ምዕባለ ኣርእዩ።' ዝብሉ ፀብፃባት ሓሰት ፥ ህዝቢ ትግራይ ብፍሉይ ተረባሒ ከምዝኾነ ክሰኣል፣ ኣብ ዓይኒ ከኣትው፣ ብኻልኦት ህዝብታት ክንፀልን ክጥቃዕን መንገዲ ፀሪጎም። እዙይ እውን ለቕዛይ መሪሕነት ትግራይ ዝፈጠሮ ጋሕጋሕ ክፍተት እዩ።

## 2.5.4. ምፍራስ ኢህወደግ

ትግራይ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ፅግዕተኛ ሓይልታት ኣዩበትኩሳን። ተፀጊው ጥጡሕ ጊዜ ይፅበይ ዝነበረ ተስፈኛ ሓይሊ ንድኽመታት መሪሕነት ህወሓት/ኢህወደግ ብምብ'ላፅ ኣብ መፋርቕ 2010 ዓ.ም. ኲረቻ ስልጣን ተቘናጢጡ። ናብ ኲረቻ ስልጣን ናይ ዝተቘናጠጠ ጉጅለ መሪሕነት ፈለማ ኣንደበቱ ኣለዚቡ ህዝቢ ትግራይ ንምድንጋር ፈቲኑ። ብዙሕ እንተይፀነሐ ንኢህወደግ ኣፍሪሱዎ። ነገራት ንባዕሉ ብዝጥዕሞ እናመቻቸወ ቀፂሉ። ህዝቢ ትግራይ ንምንብርካኽን ንምጥፋእን ድቃስ ስኢኑ። መንግስቲ ፌደራል ዝምውለን ሚድያታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ፀለመታት ለፊፈን። ሓዱሽ ጉጅለ መሪሕነት፥ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ክስለፍ ንምእማንን እኪይ ግብሩ ኣብ ምዕዋት ሓገዝቲ ንምትእኽኻብን ብዙሕ ፅዒሩ። ብፀላእቲ ዝተኣነበ ውዲት ኣይተረፈን። መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያ ካብ ውሽጢ ዓዲ ተላፊንቲ ሓይልታት ብምእካብ፤ ካብ ወፃኢ ከዓ ዘራያት ሃገራት ብምዕዳም ህዝቢ ትግራይ ንምጭፍላቕን ካብ ገፅ ምድሪ ንምሕኻኽን ወፊሩ። ጥቅምቲ 24/2013 ዓ.ም. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወግዓዊ ኲናት ኣዊጁ። ካብ ኣፋዊ ፈኸራን ምጉብዕባዕን ሰጊሩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ሰፍ ዘዩብሉ ግፍዕታት ፈፂሙ።

ተጋሩ ሕልፊ መስዋእቲ ከፊልና ዝተኸልናዮ ስርዓት ብሰንኪ ለቐዛይ መሪሕነት ንምፅብፃቡ ዝኸብድ ተወሳኺ መስዋእቲ ከፊልና፤ ንኽፍል'ውን ኣለና። ምናልባት ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ርእዩዎን ሓሊፉዎን ዘዩፈልጥ ረዚን መስዋእቲ ይኸፍል ኣሎ። መሪሕነት ትግራይ፥ ረብሓታት ህዝቢ ኣየቐደመን፣ ብስም ሓድነት ህዝብታት ኢትዮጵያን "ከዩብሉና" ብዝብል ስኩፍ ኣተሓሳስባ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ቍጠባውን መኸሰባትን መሰልን ህዝቢ ትግራይ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ቀሪቡ። ፋሽስታውያንን ተላፈንቲ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ሰፍ ዘዩብል ክሳራ ኣብፂሖም። እዚ ኲነታት ሐዚ'ውን ጠጠው ኣይበለን። መሪሕነት ትግራይ፥ ነንባዕሉ ክተሓላለውን ክተሃላለኽን ህዝቢ ዘሰከሞ ሓደራ ዘንጊዑ። ነገራት ኣብ ሰከንድታት ኣብ ዝቀያየሩላ ዓለም እናራጠጠ ፀገም ፈጢሩ። እዚ ዝጕብጕብ መሪሕነት ኮረቻ ስልጣኑ እንትቕይንን ናብ ህዝቢ እናተለሓገ፣ ኣብ መወዳእትኡ ግን ንህዝቢ ካብ ተዋጋኢት ቀራን ላሕሚ ከናግፎ ኣይከኣለን።

# 2.5. መሪሕነት ትግራይ ድሕሪ ሰነ 21/2013

ክፍተት መሪሕነት ትግራይ ዝተረኣየሉ ሓደ መድረኽ ቃልሲ ህዝቢ ክነልዕል። ብተደጋጊሙ ከም ዝተጠቐመ፣ ጥቅምቲ 24|2013 ዓ.ም. ኣብ ገፃት ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዘዩርሳዕ መዓልቲ እዩ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት፣ ኣብዚ ዕለት ብሰንኪ ዝተወለዐ ቅሉዕ ልፍንታዊ ወራርን ኲናት ፅንተትን፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ገጢሙዎ ዘዩፈልጥ ኣደራዕ ስለዝገጠሞ እዩ። ህዝቢ ትግራይ፥ ንብርሰት ተቓሊዑ፤ ንኹለመዳይ ዕንወት ተዳሪጉ፤ ዘርዚርካን ፀብፂብካን ዘዩውዳእ መስዋእቲ ዝኸፈለሉ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ። ልፍንታውያን ሓይልታት ጥፍኣት፥ ኲናት ካብ ዝወልዑሉ ዕለትን ወርሕን ክሳብ ሰነ 21|2013 ዓ.ም. ህዝቢ ትግራይ ኣብ ድቕድቕ ፀልማት ክነብር በዩነሙሉ። መንግስቲ፣ ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ብዘካየዱዎ ዘይተሓለለ ተጋድሎ፣ ብዝኸፈሉዎ መዳርግቲ ኣልቦ መስዋእቲ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ዓርሞሸሽ ሓይልታት ልፍንታውያን ወረርቲ ኣብ ሸውዓተ ሕጉምን ኣብ ካልኦት ከባብታትን ትግራይ ኣብ ዝተኻየዱ መረርትን ከበድትን ውግኣት ዝበዝሕ ሰራዊቶም ተደምሲሱ፤ ፀላእቲ ሰፍ ዘዩብል ስዕረት ተጐልቢቦም። ኲነታት ሓይሊ ሚዛን ተለዋዊጡ።



ነዙይ ስዒቡ፥ ኣብ በረኻ ዝነበረ መንግስቲ ትግራይ ናብ መንበሩ ናብ ከተማ መቐለ ተመሊሱ። ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሓምለ 2013 ዓ.ም. ካብ ውድብ ህወሓት ኣንፈት ገምጋም ናብ ህዝቢ ወሪዱ። ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ይሰርሕ ዝነበረ ሲቪል ሰራሕተኛ ኰነ በብጣብያኡ ዝነብር ህዝቢ ንዝወረደሉ ኣንፈት መሰረት ብምግባር ሓያልን ዓሚቝን ገምጋም ኣካይዱ። ኣብ ዝተሓረየ ቀንዲ መገማገሚ ዛዕባ ስዒቦም ዝጥቀሱ ሕቶታት ከለዓሉ ግድን ነይሩ፤ “ፀላእቲ ንትግራይ ምሉእ ብምሉእ ተቘፃፂሮም ብምስለነ የመሓድሩዋ ኣብ ዝነበሩሉም ሽሞንተ ኣዋርሕ ሰባት ብግሎም ኰነ ብጒጅለ ንፀላእቲ ከመይ መኪቶም? መን እንታይ ጥንካረ ነይሩዎ? መን እንታይ እንታይ ዝንባለታትን ድኽመታትን ነይሮሙዎ? መጋበርያ እከይ ዕላማታት ፀላእቲ መን ነይሩ? ምስ ፀላእቲ መን ወጊኑ? ንፀላእቲ መን መኪቱ? ሰራዊት ትግራይ ንምጥንኻርን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንምሕያልን መን በበይናይ ኣገባብ እንታይ ነጢፉ?”

ነዞም ሕቶታት መሰረት ብምግባር ዝተወዓዓየ፣ ፅዕፁዕን ሓያልን መድረኽ ገምጋም ኰይኑ ሓሊፉ። ህዝቢ፥ ብልብን ብቕንዕናን ተዋሲኡ። ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንምሕያልን ሽርሒ ፀላእቲ ኣብ ምፍሻል ዝተኸፈሉ መስዋእትታትን ብእርይ ቍፅር ብዝርዝር ኣቕሪቡ። መን እንታይ ዓይነት ኣበርክቶ ከም ዝነበሮ ዝነኣድ ንኢዱ፣ ዝምጒስ ኣመጒሱ። ብኣንፃሩ፥ ጒሓሎን ባንዳታትን ብዘይንሕስያ ነቒፉ፤ ኣቃሊዑ። ዝሾነኑ ኰኒኑ። ዘባል ፖለቲካዊ ውግንናን ርኢይ ሕመቕን ውልቀ ሰባት ገምጊሙ። ሰባት ዝነበሮም ፖለቲካዊ ሕመቕን፣ ዘይህዝባዊ መስመርን ኣካይዳን ነቒሱ ኣውፂኡ። ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ይኸዱ ዝነበሩ፣ ውልቃዊ ረብሓኦም ዘቕደሙ፣ ምስ ምስለነ ምምሕዳር ብልፅግና ብምሽራኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክጒትም ዝተዋሰኡን ንብረት ህዝብን መንግስትን ብዘይኣግባብ ንውልቀ ረብሓኦም ዘውዓሉን ኣካላት ኣቀሊዑዎም፤ ጭቡጥ መርተዖ እናቕረበ መጒቱዎም፤ ፖለቲካዊ ሕመቕ ንዝነበሮምን ብሕጊ ክሕተቱ ዝግበኦምን ኣካላት ክሕተቱ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ውሳነ ኣቕሪቡ።

እንተኾነ ግን፥ “ክሕተቱ ይግባእ።” ዝተበሃሉ ኣካላት በቲ ዝድለይ መጠንን ርዝነትን ኣይተሓተቱን። ዝወረደ ኣንፈት ገምጋም ተኸቢሱ። ፍትሒ ኣይነገሰን። ምእንቲ ዕውትነት ቃልሲ፣ ምእንታን ሓቂ ክትወፅእ፣ ካብ ሕሉፍ ጒዕዞ ሽሞንተ ኣዋርሕ ምእንታን ክንመሃሃር ብምሕላይ፣ ህዝቢ ኣብ ዝተፈጠረሉ መድረኽ ገምጋም ብቕንዕና ተቓሊሱ። መወዳእታ ገምጋም፣ ፃዕሪ ገምገምቲ፣ ብኽርያ ጨጒሪ ኣብ ኣፉ፤ ድኻም ትርፉ ኰይኑ። ኣብ መንጎ ገምገምትን ተገምገምትን ርኢይ ምትፍናን ተፈጢሩ። በለፀኛታት ተገምገምቲ፣ ንገምገምቶም “ሕርር በሉ … እንታይ ኣምፂእኹም?” ኢሎሙዎም። ተሳሊቖሞም። ማሕበረሰብ፥ ንዝገጠሞ ፈተና ሓቢሩ ክቃለስ እናተገበአ ብሰንኪ ዝወረደ ለማስ ኣንፈት ገምጋም ሕቘን ከብድን ኰይኑ። ቂምን ቅርሕንትን ተስፋሕፊሑ፤ ሰባት ምስ ፈተውቶምን ጒረባብቶምን ተኾራኺሖም። ህዝቢ፥ ማሕበራዊ ርክባቱ ሓርፊፉ። ብኣውራኡ ከዓ ህዝቢ ኣብ መራሕቱ ዝነበሮ ምትእምማን ዝያዳ ቀኒሱ። ከም ማይ ይሃርፎም ዝነበሩ መራሕቱን ደቁን ህዝባዊ ልእኽቶ ናብ ፀጋም ብምሕዳግ ውልቃዊ ጣጣኦም የሳልጡ ከም ዘለዉ ብምድምዳሙ፣ ነንባዕሎም ኣብ ምጥልላፍ ከም ዝተፀመዱ ብምእማኑ፣ ምሒር ሓዚኑ። ህዝቢ፥ መንግስትን ሰራዊት ትግራይን ኣብ በረኻ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ዝነበሮ ወነ ቃልሲ ዓቂቡ፣ ዝተጀመረ ፈታኒ ቃልሲ ኣብ ዳርቻኡ ንምብፃሕ፣ ሕራንኡ ኣበሪኹ ክዘልቕ ተፀጊሙ። ኣንፈቱ ዝሰሓተ መድረኽ ገምጋም ንዓቕሚ ህዝቢ ገማሚዑዎ። ደጀንነት ሓፋሽ ኣዝዩ ኣላሕሊሑዎ።

ህዝቢ፥ “ብስሩ’ውን ሓለፍትና ነንባዕልቶም እንተይተገማገሙ ነዓና ተገማገሙ ዝበሉና ቅንዕና ኣይነበሮን። እንተ ናይ ብሓቂ ፈለማ ነንባዕሎም ተገማጊሞም፣ ህዝቢ ትግራይ ንዝወረዶ መከራ ሓላፍነት ክወስድ ዝግበኦ ኣካል ሓላፍነት ክወስድ ነይሩዎ፤ ብሕጊ ዝሕተት ክሕተት ምተገበአ። እዙይ እንተይገበሩ፣ ነዓና ‘ተገማገሙ’ ምባሎም፣ መሕብኢ እዩ። መቐየሪ ኣንፈት ኣጀንዳ እዩ።” ወዘተ ወዘተ. ዝብሉ ሓሳባት ብስፍሓት ተንፀባሪቖም። ሓቂ እዩ፥ መራሕቲ ብዝግባእ ንባዕሎም እንተየፅረዩ፣ ሓፋሽ “ተገማገም።” ምባሎም መልክዕን ልክዕን ኣይነበሮን።

## 2.6. ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ

መሪሕነት ትግራይ ድሕሪ ክልተ ዓመታት ህልኽካ ዘወድእ ቃልሲ፣ ጥቅምቲ 23|2015 ዓ.ም. ምስ መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶርያ ተኸሲ ብዘላቕነት ጠጠው ክብልን ፍልልያት ብፖለቲካዊ ልዝብ ክፍትሑን ውዕሊ ስምምዕ ከቲሞም። ፅገማት፥ ሕዳር 1987 ዓ.ም. ብመሰረት ዝፀደቐ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ክፍትሑ ተረዳዲኦም። መራሕቲ ትግራይ ዝፈረሙዎ ውዕሊ ሰላም ኣብ ምትግባር፣ ንኣመሪካ ሓዊሱ ማሕበረሰብ ዓለም ብእወንታኡ ንምዕላውን ኣብ ጎኖም ንምስላፍን ንጡፋት ኣይነበሩን። ብኣንፃሩ፥ ሓይሊ ፀላኢ ፀብለልታ ነይሩዎ። ነገራት፥ ፀላኢ ንባዕሉ ብዝጥዕሞ'ምበር ብመሰረት ዝተኸተመ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ኣይተፈፀሙን። ከምኡ ብምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ናብ ዝኸፈ ፀገም ወዲቑ። ልፍንታውያን ወረርቲ ሓይልታት ብፍላይ ወታደራት መንግስቲ ኤርትራን ዕጡቓት ሓይልታት ኣምሓራን ካብ ግዝኣት ትግራይ ኣይወፅኡን። ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ኣይተኸበረን ኣይተመለሰን።

ብመሰረት ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ፥ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይገደብ ናብ ዝተፀገመ ማሕበረሰብ ኣይኣተወን። ኣፋውስ እውን እንተኾነ ንጠለብ ህዝቢ ትግራይ ዘማልእ ኣይነበረን። ኩሉ ነገር ኣብ ፍታውን ሰናይ ድልየትን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝድረኸ ኰይኑ። መራሕቲ ትግራይ ኣብዚሁይ እውን ጥበብ ውሒዱዎም። ብዙሓት ክንዲ ሓደ ብምኽንያን ውዲታት ፀላእቲ ብምፍሻል ህዝቢ ዝርበሖሉ ባይታ ኣይፈጠሩን። ኣብ ክንድኡ ኣብ ውሽጣዊ ሕርኹርኹ ኣቲዎም። ነንባዕሎም ኣብ ምትፍናንን ኣብ ምጥምማትን ጊዜ እንተባኽኑ ብግልፂ ተራእዮም። ህዝቢ ትግራይ ብመራሕቱ ተስፋ ቈሪፁ። ህዝቢ ኣፉ መሊኡ፣ "ድላዩ ዓይነት ዓፀባ እንተገጠመና ክንዲ ኹሉ ደቅና ኣለወዩና።" ከም ዘይበለ፣ ንሳቶም እውን፣ "ብኣና ተኣማመኑ።" ከምዘይበሉዎ፣ ሐዚ ኣብ መዋጥር ኣቲዉ፤ ውሕስና ክስመዖ ኣይከኣለን። ብኣብዝሓ፣ "ተጠሊምና ..." ዝብል ስምዒት ተሰሚዑዎ። ኣብ ህዝቢ ንዝተፈጠረ ሰንፈለል ዝጋልህ፣ ክፍተታት ብብልሓት ክኣልይ ዝኽእልን ዓቕሚ ኣይተረኸበን። ፖለቲካዊ መሪሕነት፣ ህዝቢ ንዘጋጠሞ ማሕለኻ ኣይፈተሐን።

ድሕሪ ምፍርራም ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ... ድሕሪ ጠጠው ምባል ተኸሲ፣ ጒዱኣት ኩናት ትግራይ ኣይጠዓሞምን። መራሕቲ ትግራይ፣ ኣብ ኣተሓሕዛ ውጉኣት ሰራዊት ትግራይ ዝተኸተሉዎ መንገዲ ፀገም ፈጢሩ። ብፃያዊ ሓልዮት ኣይከም ናይ በረኻን። ዝተረፈ ኣብዝሓ ኣባል ሰራዊት ኣይተሓጐሰሉምን። ውጉኣት ኩናት ትግራይ በቲ ዝድለይ መጠንን ፅሬትን ሕክምና ኣይረኸቡን። ምግቢ ክዳን ብኣግባቡ ኣይረኸቡን። "ኣየኹም ኣብ ጎንኹም ኣለና።" ዝብሎም መራሒ ሳሕቲ እዩ። ውጉኣት ተስፋ ቈሪፆም። ቀዅፅሮም ዘዩነዓቕ ኣባላት ሰራዊት ቃልሲ እናራሕርሑ ናብ ውሽጢ ዓድን ናብ ወፃኢ ናብ ስደትን ተበታቲኖም።

ውጉኣት ኩናት ትግራይ፣ እግሮም እናጐተቱን ጠለይ ጠለይ እናበሉን፣ ብርሃን ዓይኖም ዝሰኣኑ ብመራሒ ብተደጋጋሚ ሰላማዊ ሰልፊ ወፂኦም። ድምፆም ክስማዕ ኣምሪሮም ሓቲቶም። ኣብ ቃልሲ ዝነበሮም እምነት ተፈቲኑ። ላዕለዎት ወታደራዊ መራሕትን መናእሰይ ተጋደልትን ክናበቡ ኣይከኣሉን። ነዚ ኾነታት ብቐረባ ርሒቐት ኰይኑ ዝከታተል ህዝቢ እውን ኣምሪሩ ሓዚኑ። መስዋእቲ ዝኸፈሉ ደቁ ናብ በረኻ ዝወፅኡላ መዓልቲ ረጊሙ። እዚ ኹሉ ኣብ መሪሕነት ብሰንኪ ዝተፈጠረ ክፍተት እዩ። መሪሕነት ትግራይ ብኣብዝሓ ህዝቢ ተወሳኺ መስዋእቲ ክኸፍል ዘግብር ኣካይዳ ዝተኸተለ ኰይኑ።

ምስ ጒድለት ጥንኩር መሪሕነት ትግራይ ተኣሳሲሩ ካሊእ ተወሳኺ ነጥቢ ክነልዕል። ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ዝተኣወጀ ቅሉዕ ልፍንታዊ ወራርን ኩናት ፅንተትን ዝኸፈሎ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ፣ ቍጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ኣጋጢሙዎ። ፀላእቲ ብዝኸፈቱሉ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ፅንተት ኣብ ኢዱ ዝነበረ ሃፍተ-ንነት ተወሪሩ። ኢዱ ናብ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ንሰብኣዊ ሓገዝ ክዝርግሕ ተገዲዱ።

ገበርቲ ሰናይ ትካላት ዓላም ብሰብኣውነት ብኩናት ናብ ዝተጐደአ ናብ ህዝቢ ትግራይ ዝለኣኸኦ ሓገዝ ስርናይ "ንህዝቢ ንሕለቕ ኢና። ንህዝቢ ነገልግል ኢና፤ ህዝቢ ንመርሕን ነመሓድርን ኢና።" ብዝብሉ ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ትግራይ ብዝወፅኡ በብብርኩ ዝርከቡ፣ ኣመሓደርትን መራሕትን፣ ብዝተናበበ መልክዑ ብዝመስል ተጓሒሉ። መራሕቲ፥ ካብ ምንጋጋ ህፃናት፣ ሽማግለታትን ሓራሳትን ኣሕዲጎም ወሲዶሙዎ። ጫፍ ዝወፀኦን ፀግዒ ጭካነን ተራእዩ። ንስብእና፣ ባህሊ፣ ታሪኽን ክብርን ህዝቢ ትግራይ ዘዩምጥን ሕሱም ተግባር ተፈፂሙ። ገበርቲ ሰናይ ትካላት ዓለም ንህዝቢ ትግራይ ይህበኦ ዝነበራ ቀዅንጣሮ ሰብኣዊ ሓገዝ (ስርናይ) ብዕሊ ጠጠው ኣቢለነኦ። ህዝቢ ትግራይ ንሕሱም ጥምየት ተቓሊዑ። ከም ውፅኢት በብጊዜኡ ኣብ ገዝኦም ኰነ ኣብ ጣብያታት መዕቈቢ ተመዛቢልቲ ዝነብሩ ብኣሽሓት ዝቝፀሩ ኣደታት፣ ሽማግለታትን ህፃናትን ትግራይ ብሰንኪ ጥምየት ሞይቶም፣ ሐዚ'ውን ይሞቱ ኣለዉ።

## 3. ድምር ውፅኢት

ህዝቢ ትግራይ ወናኒ ብዙሓት ማሕበራውያን ክብርታት እዩ። ፍትሓውነት፣ ህዝባውነት፣ ጅግንነትን ሓድነትን ካብቶም ማሕበራውያን ክብርታት ህዝብና ገሊኦም እዮም። ካብ 1967 – 1983 ዓ.ም. ኣብ ዝነበረ ህዝባዊ ብረታዊ ቃልሲ ተጋደልትን መራሕትን ህወሓት ማሕበራውያን ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምብራኽ ዝለዓለ ግደ ተፃዊቶም። መንግስታዊ ስልጣን ድሕሪ ምሓዞም ግን ነገራት ተቐያዪሮም። መራሕቱ፥ ማሕበራውያን ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምሽርሻር ዝለዓለ እጃም ተፃዊቶም። ይሰርሑ ኣለዉ።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተጠቐመ፣ ግደ መሪሕነት ኣብ ልምዓትን ዕንወትን ሃገር ኣዝዩ ኣገዳሺ ከም ዝኾነ ንፁር እዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ በፂሑ እንርእዮ ዘለና ዓፀባ፣ ውርደት፣ ዕንወት፣ ብርሰት፣ ግፍዕን መከራን ንዓመታት እናተዋህለለ ብሰንኪ ዝመፀአ ፍሽለትን ስንክልናን ጉዕዞ መራሕቱ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ፥ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ጉሁይን ቅዩምን እዩ። ኣብ ህዝብን መሪሕነትን ምትእምማን የለን። በዚ ምኽንያት ምስ መራሕቱ ሕቼን ከብድን ኰይኑ ኣሎ። ክብርታቱ ስለዘዩፈቕዱሉ፣ እምኒ ኣየልዕልን። ከምካልኦት መስትያት እንተዘይሰበርኩ እናበለ ኣዩገላገልን። ኣብ መንገዲ ኣንፂፉ እናፀነሐ ንመራሕቱ፣ እስቲ ትሓልፉዋ!" እናበለ ጭዳድን ደናጉሉን ኣዩሕዝን። ነዞም ክብርታቱን ለባም ኣተሓሳስባታቱን ተረዲኦም ዝመርሑን ዘመሓድሩን መራሕቲ ግን ኣይረኸበን።

ኣብ ውድባዊ መሪሕነት ዝርከቡ መራሕቲ ህዝቢ ትግራይ ዓቕሞም ዝፀንቀቑ ይመስሉ። ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ብሰይሰኸፈት "ፀገም ስትራተጂካዊ መሪሕነት ኣጋጢሙና።" እውን ኢሎም። መራሕቱ ኣጋጢሙዎ ንዘሎ ፀገም ንምቕራፍ ፍታሕ ከመንጭዉ ከምዘዩኽእሉ ብግልፂ ቋንቋ ተዛሪቦም። ዙርያ መለሽ ብፀላእቲ ተኸቢቡ ኣብ ዘለወሉ ሰዓት፤ ተፈጥራውን ሰብ ሰራሕን ፀገማት ዓቕሉ ኣብ ዘፅበቡሉ እዋን ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ምስምዑ፤ ብዘገምታ ናብ ዝገደደ ደልሃመት ይሳለ ከምዘሎ ግልፂ ይኾነሉ ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ፣ "ክንመርሐካ ዓቕሚ የብልናን።" ብዝብል ቃል መራሕቱ ቈዚሙ እንተይወደአ፤ ሓደ ኣፋፍኖት ኣመራርሓ ሒዞም ከመፅኡን ካብ ስግኣቱ ክገላግሉዎን እናተፀበየ፤ ልዕሊ ስሳ መዓልታት ኣዳራሽ ዓፂዎም ተኣኪቦም ዝፀንሑ መራሕቱ፣ "ብዛዕባኻ ... ብዛዕባ ህልውናኻ ... ብዛዕባ ዘለዉኻ ውሽጣውን ደጋውን ፀገማትካ ኣይተዛረብናን።" ዝብል ተወሳኺ መርድእ ኣርዲኦሙዎ። እዙይ፥ ህዝቢ፣ ገዲዱ ተስፍኡ ፀልሚቱ።

እም ደኣ ቀፃሊ ዕጫ ህዝቢ ትግራይን መራሕቱን እንታይ ይኸውን? "ክንመርሐካ።" ዝብሉዎ ኣካላት ከመይ ክመርሑዎ ይሓስቡ ይኾኑ? ዝሃደመ ስምዒቱ ብኸመይ ክጥብሩዎ ይኾኑ? ከመይ ኢሎም ደፊሮም ክርእዩዎ ይኾኑ? ኣብ መንጎ ዝተፈጠረ ሰፊሕን ዓሚቕን ጋግ ኣሎ። መራሕቲ ብቐሊሉ ዘዩሰግሩዎ መንትግ ኣብ ቅድሚኦም ኣሎ። ዝተፈጠረ ምፍንታት ብኸመይ ክፀብቡዎ ይኾኑ? ከም ንቡር ተሳንዮም ንምኻድ እንታይ ዓይነት መይላ ክጥቀሙ ይኾኑ? ብስሩ ኸ ተናቢቦም ክኸዱ ይኾኑ ዶ? ኣብ ኣዝዩ ፈታኒ ኩነታት ኣለና። እዚ ኩነታት ኣዝዩ የሰክፈካ።




# 4. እንታይ የሐይሽ?- ውልቃዊ ርእይቶ

ንታሪኽ ህዝቢ ትግራይ እናተጐዝጐዝና ብዛዕባ ለቐዛይ መሪሕነት ትግራይ ብዙሕ እናውጋዕና መፂእና። ብሰንኪ ለማስ መሪሕነት፥ ህዝቢ ትግራይ ዝጐደሉዎን ዘምለጡዎን ወርቃውያን ዕድላት ንፅብፅብ ኣለና። ከምኡ ስለዝበልና ናብ ድሕሪት እናተመለስና እነመዓራርዮም ጌጋታት የለዉን። ብውሑድ ግን ንቐፃሊ ንመሃረሎም። ወለዶታት እውን ይመሃሩሎም። ኣብ መዋእልና፣ ተመሳሳሊ ገርሂ ኣካይዳታት ከዩኽየድን ህዝቢ ናብ ዝኸፈአ መነባብሮ ከዩኣትውን ልዑል ጥንቃቐ ንምግባር ዕድል ይፈጥሩ።

ሀ) ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ቀዳምነት ብምሃብ … ጠለባት ህዝቢ ትግራይ ክንምልስ ድቃስ ክወስደና ኣዩግባእን። ኣብ መንጎ መራሕቲ ይረአይ ዘሎ ምትህልላኽን ንሕንሕን ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ መዕለቢ ክረክብ ኣለዎ።

ለ) ኣብ ኣተሓሕዛኡን ኣካይዳኡን መትከላዊ ዝመስል እንተኾነ ግን ብህዝቢ ቅቡልነት ዝሓረሞን ዝተነፈገን፤ ብኻሊእ ገፅ ከዓ ዝኾረየን ዝተቐየመን መሪሕነት ትግራይ፣ ካብ ማሕበራዊ ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ዝቕድሑ ክብርታት መሪሕነት ብምልባስ፣ ህዝቡ ብዝህቦ ዕድል ህዝባዊ ኣገልጋሊ ብምዃን ህዝቡ ካብ ዝኣተዎ ደልሃመት ዘናግፉሉን ዝኽሕሰሉን ባይታ ክፈጥር ይግባር።

ሐ) ለባም ኣካይዳ ምኻድ የድልየና። ትግራይ ካብቲ ዘላቶ ዓሚቕ ኵለመዳያዊ ቍስሊ ክትሓውን እግሪ ክትትተክልን ከምዝግባእ ብዙሕ እንትዝረብ ንሰምዕ። እንተኾነ ግን፥ ምሕዋይን እግሪ ምትካልስ ይትረፍ፣ በዚ ኣካይዳናን ኣተሓሕዛናን ጠቕሊልካ ምጥፋእ እውን ከጋጥም ስለዝኽእል ኵሉ ዓይነት ውሽጣውን ደጋውን ባዕላዊ ዓቕምታት ትግራይ ብምእካብ፣ ብምውዳብን ብምውፋርን ሕቶታት ትግራይ በብደረጅኡ ዝምለሱሉ ዕድል ምጥጣሕ የድሊ። ኣብዚ ዝባኽን ጊዜ ክህልው ኣዩግባእን።

መ) ኣብ ህልኽ፣ ምንቋርን ምትፍናንን ጊዜኡ የቃፅል ዘሎ ቍፅሩ ዘይውሑድ መሪሕነት ካብ ዝተሸኸለሉ ድሑር ዝንባለ፣ ቀይናን መትከል፣ ባዕላዊ ሕትኾትኾን ምጒጅጃልን ወፂኡ፣ ንሳቶምን ንሕናን ካብ ምብህሃል ተናጊፉ፣ ክልቲኦም ጕጅለታት ዝዕወቱሉ ሳልሳይ ኣማራፂ (third alternative) ብምንዳይ ብመንፈስ ጣዕሳ ህዝቦም ኣቲዉዎ ካብ ዘሎ መሃምቕ፣ ዙርያ መለሽ ፖለቲካዊ፣ ማሕበረባህላውን ቍጠባውን ፀገማት ከድሕኑ፣ ከውሕሱን እግሪ ከትክሉን ለይትን ቀትርን ክረባረቡ ይግባእ።

ረ) በብብርኩ ዝርከብ ኣመራርሓ ኵሉ፥ ትግራይ በፂሓቶ ኣብ ዘላ ህሞት፣ ፈተና፣ ሕሰምን ቅልውላውን ክትበፅሕ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝግለፁ ጥፍኣታት ኣጥፊኡ እዩ። ሓደ ንኻሊእ መነስሂ፣ ሓታቲ፣ ወሳኒ ክኸውን ኣዩኽእልን። ሓባራዊ ጥፍኣት ብሓባራዊ ምርድዳእ ክፍታሕ ከምዝግባእ ክኣምንን ነብሱ ነቒፉ ህዝቡ ካብ ዝኣተዎ ደልሃመት ንምውፃእ ብመንፈስ ነስሓን ጣዕሳን ንምኽሓስን ክረባረብ ይግባእ።

ሰ) ብሓፈሻ፥ መሪሕነት ትግራይ፥ ውሽጣውያንን ደጋውያንን ዓቕምታት ህዝቢ ትግራይ ዘለልይ፣ ንሰብኣውን ተፈጥራውን ፀጋታት ትግራይ ኣፍልጦ ብምሃብን ነዞም ኩሎም ሃፍትታት ብምጥማርን ብምትንታንን ናብ ረብሓ ህዝቢ ንምልዋጥ ቀኍርፀኛ ዝኾነ፤ ባህግታት ህዝቢ ትግራይ ብምድማፅን ብምግንዛብን ነዓኣቶም ንምዕጋብ ለይትን ቀትርን ዝተግህ፤ እንተወሓደ ሓደ ስዳሮ ንቕድሚት ብምስጓም ህዝቢ ዝምረሐሉ ቅኑዕ መንገዲ ዝእምትን ዝእንፍትን፤ ኣብ ዝባን ህዝቢ ዝዓልብ በትሪ ዝባኑ ዘሰንብሮን ቃንዛ ህዝቢ ዘቋጭጭን፤ ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ዘለዎ ከርፋሕ መነባብሮ ንምልዋጥ ዘኽእል ራእይ ከመንጭው ብቕዓት ዘለዎ፤ ዕስላዊ ኣካይዳ መሪሕነት፥ ንምትሕኽኻኽን ነፍሲ ወከፋዊ ኣበራት ንምሽፍፋንን እንተይኰነስ መነባብሮ ህዝቢ ንምልዋጥ ልፍንታዊ ዓቕሚ ንምውህላል ዝጥቀም፤ ወንበር ንምርስታይ ነንባዕሉ ዝመናጨት እንተይኰነስ ከምወዮ ቅድም ክብል ይበሃል ዝነበረ 'ሳእኒ ሓፋሽ' ንምኳን ዝጠጕጕ፤ "ብቕምሽ እነይ ተሓንኩለ" ዘየመ'ኻንይ፤ ነፍሲ ወከፋዊ ግላዊ ረብሓኡ ብምርሕራሕ ህዝባዊ ባህጊ ንምርዋይ ፍቓደኛ ዝኾነን ነዚ ንምዕዋት ግንባር ዝስለፍን፤ ህዝቢ ትግራይ ይኣትዎ ኣብ ዘሎ ሓዱሽ ምዕራፍ ግንባር ተሰሊፉ ንወለዶታት ዝተርፍ ቅያ ንምስራሕ ጕሁር ትምኒት ዝወደየ ክኸውን ትፅቢት ይግበር። ህዝበ ዝሰረሖ ቅያ መስዋእቲ ናብ ቅያ ምዕባለን ዕብየትን ዝቕይር ክኸውን ይግባእ።

ሸ) ትግራይ፥ ግርድያ ኴና ኣላ። ብዕራይ ናብ ዝኸደ ይኺድ፣ ዕርፊ ኣፅኒዕኻ ሓዝ እዩ'ሞ ኣካይዳ መራሕቲ ብዘየገድሽ ከም ህዝቢ ብሓደ ልቢ ዓቕምታትና ብምጥርናፍን ብምውዳድን ኣብ መዓልኡ ክነውዕል፣ ባህግን ሃረርታን ህዝቢ ትግራይን ትግራይን ብምግሃድ ክንወሓሳ ይግባእ።

## ዝተቐረቡ ርእይቶታት

- ✓ ዝተወሰነ ናይ ታሪኽ ምዝባዕ ኣሎ። ኣብ ናይ ራእሲ ስሑል ሚካኤል ውድቐት ዝኾነ ኣብ ናይ ሃፀይ ዮውሃንስ ምቕራብ፣ ሃፀይ ዮውሃንስ ዝሰርሕዎ ብዙሕ ናይ ዲፕሎማሲ ስራሕ እውን ኣይቀረበን። ብሓፈሻ ፍርሒ ኣሎ ናይ ሕወሓት ኣይቀረበን። ህወሓት ትካል ክሃንፅ ፈቲኑ'ዶ ዝብል ኣይተፈተሸን።
- ✓ ትካላት ሃይማኖትና እውን እንተሪእናዮም ዓርሶም ኣይኸኣሉን። ካብ ናይ ህወሓት ተፅዕኖ ነፃ ኣይኾኑን። ብድምር ነፃ ዝኾና ትካላት ኣይተሃነፃን እዚ ድማ ናብዚ ኣብፂሑና ኣሎ ዝብል ምውሳድ ይከኣል።
- ✓ ሃፀይ ዮውሃንስ እናሃለዉ ታሪኽ ዝሰርሑ ዝነበሩ ጀነራላት ድሕሪ ሞት ሃፀይ ዮውሃንስ ተረዳዲኦም መንግስቲ ተኺሎም ዓዲ ከቕፅሉ ኣይከኣሉን። ነንባዕሎም ኣብ ምንኻስ እዮም ኣትዮም። ከምውፅኢቱ ድማ መንግስትነት ብናይ ህወሓት ወለዶ ክሳብ ዝምለስ ን100 ዓመት ትግራይ መንግስቲ ኣልቦ ኾይና እያ ፀኒሓ። በቲ ግዜ እቲ ስርዓተ መንግስትና ኣብ መተማ ኢና ሲኢናዮ። ሎሚ ድማ ዝመረፅናዮ ስርዓተ መንግስትና ኣብ ፕሪቶሪያ ሲኢናዮ ኣለና። ድሕሪ ፕሪቶርያ እቶም ጀነራላትና ኣለዉ። ይኹን እምበር እዞም ናይ ሎሚ ጀነራላት ካብቶም ናይ ዘመነ ሃፀይ ዮውሃንስ ጀነራላት ኣይተምሃሩን። ኣብ ናይ ባዕሎም ሕቱኽቱኽን ናይ ረብሓ ቁርቑስን ኣትዮም ዓዲ እናጠፈኣት ካብ ኣቦታቶም ከይተምሃሩ ተሪፎም ማለት እዩ። ስለዚ እንታይ ንግበር? ዝብል እዩ እቲ ወሳኒ። ነቲ ዘሎ ስርዓት ኣወጊድና ንኹሉ ዘማእኽል ሓዱሽ ስርዓት ክንተክል ኣለና እየ ዝብል።
- ✓ ሃፀይ ዮውሃንስ ኢትዮጵያ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓልዮም ዘፅነሕዋ ጅግና እዮም ነይሮም። እቲ ናብ መተማ ከይዶም ዝብል እውን መተማ ትግራይ እያ ነይራ ዓዶም ስለዝኾነ እዩ።



ተወልደ ገብረተንሳይ

ኮሎኔል

## ወድዓዊ ፈተናታትን ዕድላትን ትግራይ፣ ታይኸ ይገበር?

## ሓደጋታትን ዕድላትን (threats and opportunities)

## ሀ . ሓደጋታት (threats)

ህዝብና ንምዕናት ዝተካየደ ዝተወደበ ናይ ፀላእቲ ወፍሪ ብዙሕ ዕንወትን ሳዕቤን ዋላ እንተምፀአ ብጥሙር ቅልፅም ህዝቢ ትግራይ በርዒኑ ኣሎ። ንግዚኡ በርዒኑ ኣሎ ዋላ እንተተብሃለ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእን ምፅናትን ድሌትን ዓቕምን ፀላእትና ግን ሕዚ እውን ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። ካብ መሪርን ከፉእን ዓውደ ውግኣት ወፂእና ሕዚ ኣብ ተነፃፃሪ ሰላም ኣለና። ይኹን እምበር ሕዚ እውን ሰላም ዘይረኸበ በቢመዓልቱ ዝቕተል ናይ ደቡብ፣ ፀለምትን ምዕራብን ትግራይ፣ ኢሮብ፣ ዛላምበሳ፣ ጉለመኸዳ፣ ኣድያቦን ራማን ህዝቢ ኣለና።

ሕዚ ኣብ ናይ ሰላም መስርሕ ኣለና ማለት ህዝብና ናይ ምብራስን ምፅናትን ድሌት ፀላእትና ኣብቂዑ ኣሎ፣ ወይ ካብ ሕዚ ንድሓር እዚ ሓደጋ እዙይ የለን ማለት ኣይኮነን። ናብ ናይ ሰላም መስርሕ ክንኣቱ ዝገበረና ተወዲብና ኩሉ ህዝቢ ከም ሓደ ሰብ ንህልውንኡ ፀኒዑ ስለዝመከተ እዩ። ንቐፃሊ ህልውናና ውሑስን ሕልውን ክንገብር ንኽእል እውን ሓድነትና ኣሰጢምና ዘይብገርን ዘይንካእን ዓቅሚ እንተሃኒፅና ጥራሕ እዩ። እስራኤላውያን ኣብ ኣማኢት ሚልዮናት ፀላእቲ ክነብሩ ዝኽኣሉ ካብ የማን ፀጋም ክመፅእ ዝኽእል ናይ ፀላእቲ ወፍሪ ክምክት ዝኽእል ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ስለዝሃነፁ እዩ። ሓድነት ንተጋሩ ከም ሓደ ፅቡቕ ነገር ጥራሕ እንተይኮነስ ናይ ህልውና ጉዳይ እዩ።

ስለዝኾነ ሕዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ካብ ታሪኹ ይኹን ካብ ኣቀማምጥኡ ብቐፃሊ ተጠማቲ ከኸውን ዝገብሮ ናይ ፀላእቲ ወፍሪ ኣለዎ። ሕዚ ዘለናሉ መድረኽ እውን ገና መልክዑ ዘይፈለየ መስቀለኛ መንገዲ እዩ። ስለዝኾነ እውን ቐፃሊ ኣብ ጉዕዞና ዘለውና ሓደጋታት ብምቅናስ ዘለው ዕድላት ብምስፋሕን ብምዝማንን ድሕንነት ውሑስ እንገብረሉ ኩነታት ክነስፍሕን ክንረባረብን ይግባእ። እዚ ፅሑፍ እዚ እውን ነዚ ኣብ ግምት ኣእትዩ ንፍሉይ ትኹረትን /Guiding to focus/ ንፍሉይ ተግባርን ዝተዳለወ ምኳኑ ግምት ተዋሂቡ ከርኣን ክትግበርን ይግብኦ ይብል።

## 1.1 ካብ ውሽጣዊ ኩነታት ዘለው ሓደጋታት

### 1.1.1 ድኹም ናይ መሪሕነት ዓቕሚ ምህላው

ናብዚ ኩሉ ሓደጋታት ክንበፅሕ ምኽንያት ዝኾነ ናይዚ መሪሕነት እዚ ምድካምን ንሓደጋ ቅሉዕ ኮይኑ ክንፀንሕ ምግባሩን እዩ። ኣብ ከይዲ እዚ ግጥም ውጥናትና መደባትና ብኣግባቡ ሽቶኣም ክወቅዑ ዘይከኣሉን፣ ተሰናኺሎም ክተርፉ ምኽንያት ዝኾኑን መወዳእታ እውን ናብ ናይ ስዕረት ገደል ከብፅሐና ዝኽኣለን ናይዚ መሪሕነት እዚ ድኽመት እዩ።

ቐፃሊ ጉዕዞና ውሑስን ዘተኣማምንን ንከይኸውን ዕንቅፋት ዝኸውን እውን ናይዚ መሪሕነት እዚ ኣካይዳ እዩ። ኣብ ህዝብና ዘለው ናይ ሰናይ ምምሕዳር ፀገም፣ ስርቂ፣ ስእነት ፍትሒ፣ ኔትዎርክን ዝተሓላለኸን ዝተጠላለፈን ቐፃሊ ፀገማት ናይዚ መሪሕነት እዚ ምብስባስን ሕመቕን እዮም።

ኣብቲ ጠቕላላ ኣመራርሓና ናይ ሲቪልን ሰራዊትን ዘይስልጡንን ዘይብቁዕን ኣፈላላይ ናይ ምፍታሕ ከይዲ ምህላው፤ ሓቢርካ ምውጋእ እምበር ሓቢርካ ኣፈላላይካ ብስልጡን መንገዲ እናፈታሕካ ተሓጋጊዝካ ናይ ምስራሕን ምግዳልን ባህሊ ዘይምህላው፤ ብሓድነቱ ዘኹርዕ ታሪኽ ኣመዝጊቡ እንተብቅዕ እናተመናጨተ ዝውዕል ሓይሊ ምኳኑ፤ ብውልቃዊ ኣፈላላይ ፍፁም ክግመት ናብ ዘይኽእል ምፍርራጅን ምትሕምማይን ዝኣቱ ሓይሊ ምኳኑ፤ ስነ-ኣእምራዊ ዘይምርግጋእ /phychological syndromes/ ምህላው እዙይ ከዓ ንዘይምጥዕዓምን ዘይምርድዳእን ዝዕንቅፍ ሓደገኛ ባህሪ ምኳኑ፣ ወዘተ እቶም ዓበይቲ ፀገማትና እዮም።

እዙይ ከምዚ እናሃለወ ኣብቲ ሰለማዊ መስርሕ ዝኣተናዮ ናይ ድርድር ጉዕዞ ካብ ጠንካራ ተደራዳራይነት ናብ ለማናይነትን ድኹም ናይ ድርድር ዓቕሚ ክህልወናን ተገይሩ እዩ። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ኣብ መኸተ ዝተፈጠረ ሓድነት ክዳኸም ክንበታተን ዘግብር ሽርሒ ኣብ ውሽጥና እናተሰርሐ እዩ ዘሎ። ብሓፈሻ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ ኣመራርሓና ካብ ጁባ ክራይ ኣካቢ እንተዘይወፅዩን እንተዘይፀርዩን ሕዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደጋ እዩ።

## 1.1.2 ኣብ ከቢድ ኢኮኖሚያዊ ውድቀትን ዕንወትን ምህላውና

ኣብ ትግራይ ልዕሊ 1.8 ትሪልዮን ብር ናይ መንግስቲ ሃፍቲ ዓንዩ በሪሱ እዩ። ካብዚ ንላዕሊ ድማ ናይ ግልን ህዝብን ሃፍቲ በሪሱ፣ ተዘሪፉ ዓንዩ እዩ። ናይ ሓረስታይና ኣቡዑርን ናይ ሕርሻ መሳርሒን ተሓሪድምን ተዘሪፎም እዮም፤ ኣርዑተ ነዊቱ ተቓፂሉ እዩ፤ ኮነ ተባሂሉ መሳርሒ እቶት ክስእን ተገይሩ እዩ።

ከም ህዝቢ ከቢድ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ውድቀት በፂሑና እዩ። ነንባዕሉ ክተሓጋገዝ ኣብ ዘይኽእለሉ ደረጃ በፂሑ እዩ። ትግራይ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ሰራዊት ተሸኪማ እያ። ንደሞወዝ ይትረፍ፣ ንቐለብ፣ ንክዳኑ፣ ንሕክምንኡ ዘድሊ በጀት ክተቕርብ ዘይትኽእል ክልል እያ። ብጠቕላላ ኣብ ከቢድ ኢኮኖሚያዊ ውድቀትን ዕንወትን ኢና ንርከብ።

## 1.1.3 ኣብ ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላውን ቀውስን ምህላውና

ትግራይ በቲ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ምኽንያት ትካላታ ኩሎም ዓንዮም እዮም። ሕክምናና፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ናይ ህዝቢ ማያት፣ መንገድታት፣ ቴሌኮም፣ መብራህቲ ዓንዮም ተዘሪፎም፤ ኮነ ተባሂሉ ከባላሽው ተገይሮም እዮም።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ልዕሊ 2.8 ሚልዮን ህዝቢ ተመዛቢሉን እዩ። ተመፅዋቲ ህዝቢ ኮይኑ እዩ። ሓዳር ተበቲኑ፣ ቤተሰብ ፋሕፋሕ ኢሎም ውልድ ብዘይወላዲ፣ ወላዲ ብዘይጠዋሪ ተበቲኖም እዮም። በቢኸባቢኡ ዘሎ ህዝብና ሕዚ እውን በቢከባቢኡ ተፀፋፊፉ ይነብር ኣሎ። መንእሰይ፣ መንግስቲ ሰራሕተኛ፣ ምሁር ኣብ ከቢድ ስደት ወፊሩ ይርከብ። ፀላእቲ እውን ነዚ ብስፍሓት ወፊሮምሉ እዮም። ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ብዓሰርተታት ኣሽሓት ተዓሚፀን እየን፤ ንስነኣእምራውን ሕ/ሰባውን ተፅዕኖን ሓደጋን ተቓሊዖን እየን።

ብምኽንያት ውግእ ትግራይ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ውጉኣት ኣካለ ስንኩላን ተሸኪማ እያ። ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ዝነበሩ ናይ ሰራዊት ኣባላትን ሲቪል ናይ ሕ/ሰብ ክፍልን ብፀላኢ ተኣሲሮም፣ ተቐቲሎም፣ ንብረቶም፣ ሃፍቶም ተዘሪፉ ንከቢድ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፀገም ተቓሊዖም እዮም፣ ካብ ስራሕ ወፃኢ ኮይኖም እዮም። ኣብ ትግራይ ወላዲ ብዘይጠዋሪ፣ ህፃውንቲ ብዘይወለዲ፣ ገዛ ብዘይዓፃዊ፣ ዝተረፉ ቤተሰባት ብዘሓት እዮም። ባህላዊን ሃይማኖታውን ታሪኻውን ማእኸላት፣ ሃፍቲ፣ ንብረቱ ቅርሱ ተሰሪቑ እዩ፤ ኮነ ተባሂሉ ክዓኑ ክቓፀል ተገይሩ እዩ።

## 1.1.4. ኣብ ውሽጢ ህዝብና ዘይፅሩይን ዘይምዕሩይን ፖለቲካዊ ኩነታት ምህላው

ኣብ ከባቢያዊ ኣተሓሳስባ እናሰፍሐ ብምምፅኡ፤ ንዲጋዊ ፀላእቲ ባይታ ክፈጥር ዝኽእል ፖለቲካዊ ኣተሓሳስታት እናዓበዩ ይመፁ ኣለዉ። እቲ ዝዐየ ፀገም ኮይኑ ድማ ዘሎ ሰሪቅካ እዩ ዝህፍተም ዝብል ኣተሓሳስባ ምምፅኡ፤ ህሊ ህዝቢ ምቕያሩ፤ እቲ ናይ ስርቂ ኣተሓሳስባ እናተሓላለኸ፣ እናረቐቐን ልሙድ መልክዕ እናሓዘን ምምፅኡ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ሃይማኖታት ኣብ ውሽጠን ዘለዉ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣመንትን ጎንፅታት እናተኣኣሱ ምምፅኦም ወዘተ ዝኣመሰሉ ፀገማት ምህላዎም።

## 1.2. ካብ ሃገራዊ ኩነታት ዘለው ሓደጋታት

ኣብ መንጎ ፈዴራል መንግስትን ትግራይን ዝተፈፀመ ስምምዕነት ሰላም ኣብ ሙሉእ ምትእምማን ዝተመስረተ ሰላማዊ ጉዕዞ ዘይምህላዉ ኮይኑ፤ ናይዚ መግለፅታት ድማ ምትእምማንን ምትላልን(Convice and confuse) ዝብል ሽርሒ ኣባና እውን እቲ ተግባር ይፍፀም ምህላዉ እዩ። እዚ ዘገንዝበና ነገር እንተሃለወ ህዝቢ ትግራይ ንምብራስ ዘይተገባደደ ናይ ፀላእቲ ወፍሪ ከምዘሎ የርድእ።

እዞም ሓይልታት ሕዚ እውን ህዝብና እናብረሱ ምህላዎም። ብፍላይ ኣምሓራ ምስ ሻዕቢያ ኮይኖም ተጋሩ ናይ ምብራስ ዘመትኦም ኣጠናኺሮም ዝቕፅሉ ዘለው ምዃኖም።

ኢትዮጲያ ከም ሃገር ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊ፣ ዲፕሎማሲያዊ ቀውሲ ጥሒላ ምህላዋ ንዕባሉ እውብ ኣብ ልዕሌና ናይ ምፍራስ ሓደጋ ሒዞልና ዝመፅእ ምዃኑ እዩ።

## 1.3 ካብ ዓለማውን ከባቢያውን ኩነታት ዘለው ሓደጋታት

ናይ ኤርትራ መንግስቲ ሕዚ እውን ናይ ህልውንኡ ሓደጋ ገይሩ ዝወስድ ንህዝቢ ትግራይ መሪሕነትን ትግራይ እዩ። ነዚ ዕላምኡ ንምዕዋት ድማ ንዓፋርን ኣምሓራን ብምሓዝ ብቐፃሊ ፀረ-ትግራይ ሰፊሕ ስራሕ ኣብ ምስራሕ ዝርከብ ሓይሊ ኮይኑ፤ ካብዚ ብተወሳኺ በቢመዓልቱ ናይ ትግራይ ተቓወምቲ ዝበሃሉ ሓይልታት እናሜጭሐ ዝውዕል ዘሎ ሓይሊ ምዃኑ፡፡ከምኡ እውን ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ንምቕያር ለይትን ቀትርን ዝሰርሕ ዘሎ ሓይሊ ምዃኑ፤ ኣብ መንጎ ሓያላት ሃገራት ዘሎ ንሕንሕ ተጠቒሙ ናይ ውክልና ውግእ/Proxy war/ ናብዚ ዞባ ጎቲቱ ንምእታው ሒኹ እናበለ ዝሓድር ዘሎ ፀላኢ እዩ።



*ኣብ ትግራይ ናይ ሕቡእ ውግእ /covert action/ ስራሕቲ ኣጠናኺሩ ዝቕፅል ዘሎ ምዃኑ፡-*

I. ናይ ሳቦታጅ ስራሕቲ ምስራሕ፣

II. ናይ ስነ ኣእምሮ ኲናት ስራሕ ኣጠናኺሩ ዝቕፅል ዘሎ ምዃኑ፡-

- ✓ ነዚ ዘድሊ ሚድያታት ምድላው፤
- ✓ ኣመራርሓ ናይ ምፅልእላእ ዘመቻ ኣጠናኺሩ ምቕፃሉ፤
- ✓ ብሽባቢ፣ ብሃይማኖት ንምፍላይ ፃዕሪ ዝገብር ዘሎ ምዃኑ እዩ።

III. ናይ ትግራይ ፖለቲካ ንምሕማስ ብግልፅን ብሕቡእን ፈዴራል መንግስትን ሻዕብያን ተኣሳሲሮም ሰፊሕ ናይ ተቓወምቲ ፓርቲታት ኣብ ምጭጫሕ ዝውዕሉ ዘለው ምዃኖም ክሳብ ሕዚ እንተሪኢና ሻዕቢያ 2፣ ማእኸላይ መንግስቲ ድማ 7 ፓርቲታት ሒዞም ይርከቡ።

IV. ምስ ፈዴራል መንግስትን ኣምሓራን ብዝተኣሳሰረ ሕዚ እውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ናይ ኢኮኖሚ ኲናት ዘካይዱ ዘለው ምዃኖም። ካኣቶም-

- ✓ ዓቕሚ ህዝብን መንግስትን ክዳኸም ምግባር፤
- ✓ ትግራይ ሓጋዚት ከይትረከብ ክትዕዖ ፃዕሪ ምግባር፤
- ✓ ናብ ትግራይ ዝኣትው ሸቐጣት ኩሎም መስተ፣ ጫት፣ ሓሸሽ ከኾኑ ምግባር ዝኣመሰሉ እዮም።

V. ኣብ ትግራይ ማሕበራዊ ዘይምርግጋዕ (social disorder) ክሰፍሕ ምግባር፤

- ✓ መናእሰይን ሙሁራትን ክኹብሉሉ ምግባር፤
- ✓ ዕጥቂ ሰራዊትና ክፈትሕ ዘግብር ስራሕቲ ምስራሕ ክሽጦ ሰፊሕ ገንዘብ ምውፋር፤
- ✓ ጉቦ፣ ስርቂ፣ መስተ፣ ሓሸሽ፣ ጫት ክስፋሕፋሕ ምግባር፤
- ✓ ፍትሒ ዘይብላ፣ ናይ ሕጊ ልዕልና ዘይብላ ትግራይ ክትኸውን ምስራሕ እዮም።

VI. ንስትራተጂክ መረዳእታ ዘድልዩ ሰባት ኣብ ውሽጥና ክፍልፈሉ ይገብሩ ኣለው

## 1.4 ካብቲ ዓለማዊ ከባቢ ዘለው ሓደጋታት

## 1.4.1 መልክዑ ዘይፈለየ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ኣብዚ ዞባ ምህላው

ቻይናን ራሻን ነዚ ከባቢ ካብ ሓደ ዋልታ (Unipolar) ተፅዕኖ ናብ ብዙሕ ዋልታ (Multi polar) ተፅዕኖ ንምቕያር ሓያል ርብርብ ዝገብራሉ ዘለዋ ግዜን ጉዕዞን እዩ። ኣሜሪካ ንኢትዮጵያ ሒዛ፣ ራሻ ከዓ ንኤርትራ ብምሓዝ ኣብዚ ዞባ ንዘሎ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ንምቅያር ለይትን ቀትርን ርብርብ ዝገብራሉ ግዜ ምዃኑ ምርዳእ ከድሊ እዩ።

1.4.2 ኣሜሪካ ናይ ዶላር ዓቕሚ ብምጥቃም ዓለምና ንምቁፅፃር ዝተጠቐመትሉ ጉዕዞ ንምውቃዕ ራሻ፣ ቻይና፣ ህንዲ፣ ብራዚል፣ ደቡብ ኣፍሪካ ዝፈጠርኦ ሕብረት ንካልኦት ዓድታት እውን ብምስሓብ ናብ ከቢድ ግጥምን ርብርብን ከኣትዋ ገይርወን ኣሎ።

ናይ ኣሜሪካ ዶላር ብናይ ቻይና የን ናይ ምትካእ ድሌታት እናሰፍሐ ይመፅእ ኣሎ። ብኣንፃሩ ቻይና ድማ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ትገብሮ ዘላ ወፍሪ (ሳውዲን ኢራንን ናይ ምትዕራቕ ጉዕዞ) ኣብዚ ከባቢ ንዝህሉ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ከየተሓላኾ ዘስግኣሉ ግዜ ምህላው ንዓና እውን ዓብዪ ትርጉም ሒዙ ዝመፅእ ዘሎ ነገር እዩ። ብኣጠቃላሊ ሕዚ ዘለውና ሓደጋታት /threats/ ንህዝብና ኣብ ምህላውን ዘይምህላውን ዘቃልዑ ሓደጋታት ስለዝኾኑ ብጥንቃቐ ክፍትሑን ክምርሑን ዘለዎም ሓደጋታት እዮም።

## ለ. ዕድላት /opportunities

## 1. ካብ ውሽጣዊ ኩነታትና ዘለው ዕድላት

- ✓ ንብሄራዊ መንነቱን ክብሩን ኣብ ዋጋ ዕደጋ ዘየውድቕ ሕሩር፣ ውፉይ ህዝቢ ምህላው፤
- ✓ ብሓዊ ተፈቲኑ ንፀላኢ ኣሕፉሩ ናብዚ ደረጃ ዝበፅሐ ሰራዊትን ናይ ሰራዊት ኣመራርሓን ምህላው፤ ዓለማዊ ትኹረትን ቀለብን ዝሰሓበ ሓይሊ ምዃኑ፤
- ✓ ንዲፕሎማሲያዊ ርከባትና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘብፅሕን ክብፅሕ ዝኽእልን ሕሩር ናይ ዲያስፖራ ሓይሊ ምህላው፤
- ✓ ኩለመዳያዊ ዓቅሚ ንምህናፅ ዝኽእል ውህሉል ናይ ሞያ ዓቅምታት ምህላው እዮም።
- ✓ 2. ካብቲ ሃገራዊ ኩነታት ዝውሰድ ዕድላት
- ✓ ዓቅሚ ፀላእትና እናተዳኸመን እናተመናመነን ምምፅኡ፤
- ✓ ኣብ መንጎ ፀላእቲ ዘለው ጎንፂ ከዕረቕ ናብ ዘይኽእለሉ ደረጃ እናበፅሐ ምምፅኡ፤
- ✓ ኣብዚ ሕዚ ግዜ ንህዝቢ ትግራይ ዝደሊ ሓይሊ እናበዝሐ ምምፅኡ፤
- ✓ 3. ካብቲ ዓለማዊ ኩነታት ዘለው ዕድላት
- ✓ ኣብ ልዕሌናን ልዕሊ ህዝብናን ዝበፅሐ ጥቕዓት ዓለም ሕዚ እኹል መረዳእታ ምርካቡን ብዘይኣግባብ ዝተጠቓዕና ህዝቢ ምዃና ምፍላጥን፤
- ✓ በቲ ዝሓለፈ ወታሃደራዊ ስራሕቲ ሰራዊት ትግራይ ዓለም ንስርሒት ንሰራዊትና ፍሉይ ትኩረት ምሃቡን፣ ካብ ልምድታቱን ተሞክርኡን ከመሃሩ ዝለዓለ ሃንቀውታን ድልውነትን ምህላው፤

## ሐ . ሓደጋታትና ብምቅናስ ዕድላትና ከመይ ነስፍሕ?

ዘለው ሓደጋታት ብምቅናስ ዕድላትና ንምስፋሕ

I. እቲ ሕዚ ዘለናዮ ኩነታት ካብ ኩሉ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ዝተፈለየ ኩነታትን ዝሓመቐ ግዜን ምህላውና ክንኣምን ይግባእ። ኣብዚ እዋን ኩሉ ዓቕምታትና ተመናሚኑ እዩ ሃፍትና፣ ንብረትናን ገንዘብናን ተወሪሩ፣ ዓንዩ፣ ተበላሽዩ፣ ተበሳቢሱ እዩ። እቲ ዝኸፈአ ድማ ሞራል ህዝብና ኣዐርዩ ተነኺኡ፣ ስነልቦናዊ ጉድኣት በጺሑና እዩ። ስርዓትና ብደረጃ ካብ ቁፅፅር ወፃኢ (State of captured) በጺሑ እዩ። እዚ ኣብ ፖለቲካናን ኢኮኖሚናን እዩ ዘሎ። ብተወሳኺ እውን ናይ ፍትሕን ፀጥታን ኣካላትና ካብ ኢድ ኣእታውነት ናፃ ዝኾና ትካላት ኣይኮናን። ሕዚ ኣብ ትግራይ ሕጊ ኣብ ዘይኽበረሉ፣ ነብሰወከፍ ሰብ መሰሉን ግቡኡን ፈሊጡ ኣብ ዘይፍፅመሉ፣ ገበነኛታት ከም ድላዮም ገይሮም ኣብ ዝነብረሉ፣ ፍትሒ ብገንዘብ ኣብ ዝግዘኣሉ፣ ሃፍትን ዓቕምን ዘለዎ ከም ድላዩ ገይሩ ኣብ ዝነብረሉ ህዝቢ ኣብ መሪሕነቱ ፍፁም ተስፋ ኣብ ዝቆረፀሉ ግዜ ኢና ዘለና። መንእሰይና ልዕሊ 85% ስራሕ ኣልባ ኮይኑ ትምህርቲ ኾነ ሓዳር ፀሊኡ ስደት ኣብ ዝመርፀሉ ኣብ መዓልቲ ክሳብ 500 መንእሰይ ኣብ ዝስደደሉ ግዜ ኢና ዘለና። ሕዚ ዘሎ ኩነታት ብዝተፈላለዩ ፀምቲ እናተሓመሰ ዝኸደሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። ሚድያ፣ ምምሕዳር፣ ናይ ፍትሒ ኣካላት (judiciary) ምውሳድ ይከኣል እዩ። ሕዚ ዘሎ ዝሓመቐ ኩነታት ናይ ፀላኢ ኢድ ኣእታውነት እውን ተሓዊስዎ ንኩነታትና ኣብ ምግዳድ ናይ ባዕሉ ተራ ይፃወት ኣሎ እዩ። ሸርሒ (Sabotage) ንምውሳድ ሰፊሕ ምንቅስቃስ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ኢና ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ከቢድ ምፅልእላእ ዝግበረሉ ግዜ እዩ ዘሎ። ውሽጣዊ ምክፍፋል ንምፍጣር ሰፊሕ ናይ ተቓወምቲ ውድባትን ማሕበራትን ምፍጣርን ምምራትን ጉዕዞ ሰፊሕ እዩ ማሕበራዊ ምምዝባል (social disorder) ንምፍጣር ሰፊሕ ምንቅስቃስ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ኢና ንርከብ። ብፍላይ ዕጥቂ ሰራዊትና ክሸየጥ ምግባር፤ ስነምግባር መናእሰይና ክበላሾ ምግባር፤ ፍትሕናን ዕዳጋን ክበላሾ ምግባር ብጠቅላላ ሕዚ ዘለናዮ ኩነታት ኣብ ምንባርን ዘይምንባርን ኣብ ምህላውን ከም ህዝቢ ምጥፋእን፤ ኣብ ዝውስን ግዜ ምህላውና፣ ፀላእትና እውን ተኾሊፎም እምበር ሕዚ እውን ከም ህዝቢ ከጥፍኡና መደቦምን ድሌቶምን ምዃኑ ብኣግባቡ ምርዳእ የድሊ።

II. ካብዚ ሕዚ ዘለናዮ ዝሓመቐ ግዜ ንምውፃእ ዝተፈለየ ወፍሪ (Special compaign) ይሓተና እዩ፤ ካብ ፍሉይ ወፍሪ ወፃኢ ሕዚ ዘሎ ኩነታት ከምዘይፍታሕ ንእመን።

III. ሕዚ ንዝህሉ ፍሉይ ወፍሪ ንምዕዋት መሪሕነትና ዝተፈለየ ድልውነት ዝሕተተሉ ግዜ ኢና ዘለና (Special commitment)፤

- ✓ ድሌትካን ውልቃዊ ጉዳይካን ብካልኣይ ምስራዕ ይሓትት፤
- ✓ ምእንተ ቐፃሊ ዕድል ወለዶታትና ኢልካ ንባዕልካ መስዋእቲ ምዃን ይሓትት፤

IV. ሕዚ ዝህሉ ፍሉይ ወፍሪ ኩሉ ትግራዋይ ብሓደ ልቢ ከምሓደ ሰብ ገይርና ክወፍር ክኸትት ምግባር ይሓትት፤

V. ሕዚ ዘሎ ናይ ትግራይ ውሽጣዊ ሽግር ኣመራርሓ ዝለዓለ ተራ ክፃወት ከምዝግባእ እኳ ምርዳእ ዝከኣል እንተኾነ ኩሉ ትግራዋይ ግን እዚ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ክዋፈረሉን ክኸተሎን ይግባእ። ኣነ ኣይምልከተንን ኢልካ ንውልቐ ሰባት ዝግደፍ ኣይኮነን። እዚ ሽግር እዙይ ኩላትና ተጋሩ ቖሪፅና ክነውግዶ እንተዘይከኢልና ደማ ንህልውና ተጋሩ ናብ ሓደጋ ዘእቱ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ሕቶታት

- ✓ እቲ ናይ ትግራይ ፀገም ኣብ ውሽጢ ናይ መሪሕነት ውድቀት ኣሎ። ካብ ደገ ድማ እቲ ትግራዋይ መሊእኻ ናይ ምጥፋእ ባህጊ ፀላእቲ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ግና ኣብ ክብርታትና ምሽርሻር ከመይ ኢና ንሪኦ? ንትግራይ እቲ ሓደ ይሞተላ እቲ ሓደ ይሰርቃ። እዚ ከመይ ኢኻ ትሪኦ ብፃይ ተወልደ?
- ✓ እቲ ሐዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ፀገም ብዙሕ እዩ ግን ናይዚ መድረኽ እዚ ገዛኢ ፀገም እንታይ እዩ ትብል? ካልእ እቲ ፀገም ዝፈጠረ ክሕተት እየ ኢሉ ዘተዓናቕፈሉ ከይዱ ኣሎ፤ በቲ ካልእ ድማ ኩልና ኢና ፀገም ፈጢርና ዝብል እውን ኣሎ። እዚ ከመይ እዩ ዝኸይድ?



# ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ርእይቶታት

- ✓ ኣብ ትግራይ እቲ ህዝብን እቲ መንእሰይን ዝግበኦ ገይሩ እዩ። ኣመራርሓ ዘለና ግና ውግንናና ንህዝቢ ገይርና ኣብ ምኻድ፣ ጀጋኑና ዝተሰውእሉ ዕላማ ኣንሕና ከንምልኦ ምሿና ፈሊጥና ክንኸድ እንተለና እዩ። ምኽንያቱ ስዋኣትና ኣሚኖምና እዮም ተሰዊኦም።
- ✓ ኣብ ኤርትራ ህግደፍ ጥራሕ እዩ ፀላኢና ኢልካ ምሕሳብ ጌጋ እዩ። እቲ ናይ ኤርትራ ሃገራውነት እዩ እቲ ዋና ፀላኢና፣ ፀላኢ መንነቱ እውን ስለዝኮነ፤ ኤርትራዊ ሃገራውነት፣ እቲ ተሃኒፀምሉ ዝመፁ ኣገባብ እዩ እቲ ዓብዩ ሕማም፤ እዚ ክፍተሸ ኣለዎ።
- ✓ ትግራይ ኣብ ቀራና መንገዲ ኣላ ዝብል ተደጋጊሙ ይልዓል ኣሎ። ኣነ ድማ ትግራይ ኣብ ቀራና ዘይኮነትስ ኣብ ፀቢብ ዓሚቕ ገደል ዝኣተወት ግን ዘይመተት እያ ኮይና ዘላ። ግን እዚ ኩሉ መራሕቲ፣ ዓበይቲ ዓዲን ሙሁራንን እናሃለዉዋ ሓደ ከይኾኑ ዝኽልኽሎም ዘሎ እንታይ እዩ? ከምዝመስለኒ እታ ዓባይ ንኩሉ እትፀምድ ሰላም (ፍቅሪ) እትበሃል ስለዘየላ እዩ። ጠቅሊላ ድያ ወፂኣ? ኣብ ርእስና'ማ ኣላ፤ ግን እቶም ሰለስተ ዓበይቲ ናብ ሓደ ተደሚሮም ተኣማሚንካ ኣብ ምኻድ ኣብ ትግራይ ፀገም ኣሎ። ከም ውፅኢቱ ድማ ዝኾነ ርእሱ ዘቐነዐ ይፃወተላ ኣሎ። ስለዚ ሰለስቲኦም ሓያላት ሓደ እንተኾይኖም ዝመርሕ ምንግስቲ ቀጥ ኢሉ ክመርሕ ይኽእል እዩ። ተዘይመሪሑ ድማ ውረድ ክበሃል እዩ። ስለዚ ፖሊቲካ ክበዝሕ ኣለዎ ግን ድማ ተኸባቢርና ክንኸድ ኣለና። ሰላም ካብ ትግራይ ልዕል ኢላ ትርሕቐና ኣላ እያ። ኮይኑ ግን መሊኣ ኣይጠፈኣትን። ስለዚ ተቀራሪብና እንተሰሪሕና ኩሉ ነገር ክስተኻኸል እዩ።
- ✓ እቶም ዝቐርቡ ዘለዉ መፅናዕቲታት ናብ ተግባር ኣብ ምሽራፍ ዓብዩ ክፍተት እዩ ዘሎ'ሞ እዚ ከመይ እዩ ዝትግበር? ሓደጋታትና ነፂርና ናይ ትግራይ ቀይሕ መስመር ነፂርና ክነቀምጥ እዩ ዘለና።
- ✓ ሓድነትና ኣጠናኺርና ክንኸይድ ኣለና ይበሃል እዩ። ግን ሓድነት ክህልወና እንተኾይኑ ኩልና ክንሰማዐ ኣለና። ናይ ሓደ ልዕልና ኣየዋፅአናን። ኩሉ ግዘ ናይ ኲናት ሃርበኛ ጥራሕ ክንፈጥር ኣኾናን፣ ናይ ልምዓት ሃርበኛ እውን ክንፈጥር ኣለና።
- ✓ ብሄራዊ ሓድነትና ክሽርሽር የብሉን እሱ እዩ መዋፅኦና ንብል ኣለና ግን ተጋሩስ ሰላም ደለይቲ ዲናኸ? ዝብል ተዝፍተሸ። ሓድነትና ኣብ ኲናት ጥራሕ ዝመፅእ ገይርና ኢና ንወስዶ ዘለና። እታ ዓባይ መፍትሒ ዝብላ ድማ ኣብ ስነ ኣእሙሮ በፂሑና ዘሎ ጉድኣት ኣብ ምሕዋይ ዝዓበየ ስራሕ እዩ ዘድልየና።
- ✓ መንእሰይ ትግራይ ለቂቑ ይወፅእ ኣሎ፤ እዚ ብዝምልከቶ ኣካል ብኣግባቡ ተዝፍተሸ፤ ተዘይኮይኑ ወጣት ትግራይ ይበርስ እዩ ዘሎ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ድማ ብዝተፈላለየ መልክዑ ይሳቐዩ እዮም ዘለዉ።
- ✓ ኣብቲ ናይ ክልተ መዓልቲ ዘተና ብርክት ዝበሉ ንትግራይ ዝረብሑ ዛዕባታት ተላዒሎም እዮም። ንኩለን እትጠምረን ድማ እታ ገዛና ነፅሪ እትብል ሓሳብ ብዕምቆት ተትርኣ'ሞ ገረዓልታ ኢንስቲትዩት እውን ብደንቢ ተዝሕዛ እየ ዝብል።
- ✓ ተጋሩ ኣብ ሽግር እንሄና፤ ከመይ ካብ ፀገም ከምእንውፅእ ብዙሕ ሰብ ተጨኒቑ ብዙሕ ይዛረብ ኣሎ። ግን ከመይ ከምዝወደቕና ንዘክር። ሐዚ እውን ኣብ ትዕቢት ኢና ዘለና፣ ፀላእትና ኣንኢስና ተዘይንርኢ፤ እቲ 27 ዓመት ኣብ ልምዓት ነይርኩም ግን ኣብ ክልተ ዓመት 100 ዓመት ንድሕሪት መሊስናኩም ዝብል ዘረባ ተዘይንርስዖ።
- ✓ ካልእ ኣብ ዲያስፖራ ዘለና ኣረዳድኣ ዝተጋገየ ከይኮውን ተንሪኦ። ዲያስፖራ ገንዘቦምን ፍልጠቶምን ጥራሕ ዲና ንደልዮምስ ኣብ ድሕንነቶምከ ንሓስብዶ? ብዙሓት ኣሕዋትና ኣብ ሱዕዲ እናተሳቐዩ ኣልዒልናዮም ኣይንፈልጥን። እዚ ብትኩረት ተንሪኦ።
- ✓ ተጋሩ ከመይ እና ካብ ብራኽ ወሪድና ዝብል እንተንሓስብ ሓደ ብረት እንትትከስ ንሓብር እሞ ድሕሪ ጦርነት ነንባዕልና ንባላዕ፤ ፖለቲካዊ ምትኽኻእ የለን። ንስልጣን ክንሓስብ ከለና ንውልቀ ረብሓናን ንቤተሰብናን ከመይ ከምእንረብሕ ኢና ንሓስብ እምበር ንህዝቢ ሓሲብና ኣይኮንናን። ሎሚ ድማ ዝገደደ ፀላእትና ዘይኮነስ ህዝብና ኢና ረሲዕና ዘለና።



ካሰፋ ፍስሃ
ፕሮፌሰር

# ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ
# ብረብሓ ትግራይ እንትረአ

# 1. መእተዊ

ሃገራት ዝተመስረታሉ ፖለቲካዊን ታሪኻዊን ከይዲ እንትረአ ዳርጋ መብዛሕተአን ብጉልበት (through blood and iron[1]) ከም እተመስረታ ዝፍለጥ'ዩ:: ኮይኑ ግና ብፍላይ እተን ህብረ ብሄር ኮይነን እሞ እቲ ንኡስ ብሄር (non core nation) ዓርሰይ ናይ ምምሕዳር መሰል ይተሓለወለይ: እቲ ማእኸል እውን ፍትሓውን ሓቓፊን ይኹን ዝብል ሕቶ ዘጋጠመን ሃገራት: ኣብ 1970 (ኣ/ፈ.) አቢሉ እት ብጉልበትን ብሓደ ብሄር (core nation) ተታሒዙ ዝነበረ ስልጣን: ተረኺን ብድርድር: እቲ ማእኸል ፍትሓዊ ንምግባር: እቲ ንኡስ ብሄር ድማ ዓርሱ ዘመሓድረሉ ስርዓት ንምፍጣር ተኻኢሉ እዩ:: ኣብ ገሊኡ ኣብ ትሕቲ ኣሃዳዊ ስርዓት ኮይኑ ዘይምእኹል ምምሕዳር መልክዕ እንትሕዝ (ንኣብነት እንግሊዝ ምስ ስኮትላንድ: ስፐይን ምስ ካታላን): ኣብ ገሊኡ ድማ ብፌደራል ስርዓት: (በልጀም ኣብ መንጎቶም ፈረንሳይን ደች ቓንቓ ተዛረብትን: ካናዳ ድማ ምሰ ቶም ፈረንሳይ ተዛረብቲ) መልክዕ ሒዙ እዩ:: በዚ ኣቢለን ድማ ዴሞክራሲያዊን ህብረ ብሄራዊን ዝኾነ ስርዓት ክሃንጻ ክኢለን እየን (democratic unity in a multinational federal or quasi federal state):: ብታሪኽ ንነዊሕ እዋን በት ገዛኢ ብሔር ኣብቲ ንዑስ ብሔር ተጻዒኑ ዝነበር ናይ ጉልበት ሓድነት እውን በቲ ንዑስ ብሔር ዝተገብረ መሪር ቃልሲ ቀስ ብቐስ ናብ ዴሞክራሲየዊ ሕብረ ብሔር ሓድነት ክሰጋገር ክኢሉ እዩ::

ናብ ኢትዮጰጵያ እንትንመጽእ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን መወዳእታን መበል 20 ክፍለ ዘመን መባእታን ዝተመስረተ ኣሃዳውዊ: ፊውዳልን ጨፍላቒን ስርዓት ምንም ዓይነት ሪፎርም ከይግበር ብ1966 ዓ/ም ኣብዮት እንትጽረግ ኣብቲ ናይ ህዝቢ ዓርሰኻ ምምሕዳር መሰል ዝምልከት (ደርጊ ዋላ እኳ ኣብቲ ፈለማ ናይ ስልጣን ዘመኑን ኣብቲ 1980 ዝአወጀ ሕገ መንግስቲን ብተወሰነ መልክዕ ተሞከረ እዉን ምስቲ ናይቲ ስርዓት ባህሪ ተሓዊሱ) ንነዊሕ እዋን ናይ ኲናት ምኽንያት ኮይኑ እዩ:: ብናይ ህወሓት ኢህወደግ ዝመርሖ ከቢድን መሪርን መስዋእቲ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ንመጀመርያ ግዘ ዴሞክራሲያዊ ሓድነት ኣብ ትሕቲ ህበረ ብሄራዊ ፌደራል ስርዓት ብዝብል እቲ በኣጼ ምንሊክ ዝተተኸለ ናይ ጉልበት ሓድነት ብውስን መልክው ክእርሞን ክምልሶን ፈቲኑ እዩ:: አዚ ድማ ድሕሪ ቀዳማይ ምኒስተር ነበር ሃይለ ማርያም ደሳለኝ ካብ ስልጣን ምልቃቕ እታ ሃገር ተመሊሳ ናብ ጉልበት መሰረት ዝገበረ ሓድነት ዝብል ናይ አጼ ስርዓት ተመሊሳ ትመስል:: ብሓጺሩ እንትረአ እዛ ሃገር ብውስን መልክው ብዘይካ ካብ 1983-2010 ዓ/ም ዘሎ ዘመን: ናይ ጉልበት ሓድነት እምበር ዴሞክራሲያዊን ሕበረ ብሄራዊ ፌደራል ሓድነት ዝበሃል ኣይትፈልጥን:: ኣይትፈልጥን ጥራሕ እንተይኮነስ ሓድነት ንዝብልዎ ነገር ንምርግጋጽ እስካብ ፋሽስታዊን ጽንተት ምፍጻምን[2] ከም ትኸድ ኣብቲ ናይ አጼ ዘመን (ምንሊክን ሃይለስላሰን)[3] ይኹን ወታደራዊ መንግስቲ (ደርግ) ከም ኡውን እቲ ሕዚ ኣብ ስልጣን ዘሎን ብዘይ ምንም አፈላላይ: እኳ ደኣስ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናኸፍአን እናበኣሰን ከም ዝኸድ ተራእዩ እዩ::

ፓሊሲ ኢምፓየር ኢትዮጵያ ቀደም ኢድካ ሃብ ወይ ዓጺና ብጥምየት ክነርግፈካ (surrender or starve)[4] ዝብል ዝነበረ እንትኾን ሎሚ ድማ ኢድካ ሃብ ወይ ክነጥፈአካ ኢና (surrender or perish)[5] ዝብል ልዕል ዝበለ ናይ ጽንተት ብርኪ ኮይኑ መጺኡ::[6] ህዝቢ ትግራይ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተፈላለዩን መልከዖም እናቐየሩን ንዝመጹ ናይ ጉልበት ሓድነት ፈጻምትን እስካብ መዓስ እዩ ንብረቱን ሃፍቱን እናተዘመተ፣ ምሩጻት ደቁ እናገበረ፣ አዴታቱ እናተዓመጻ፣ ሓዊ ኣብ ዝባኑ እናነደደን: ጽንተት እናተፈጸሞ ክነብር? እዛ ሃገር እት ፈልጦ ናይ ጉልበትን ፋሽስታዊ ሓድነትን ጥራሕ እንተኾይኑ እሞ እዙይ ድማ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ብዝኸፍአ እንትፍጸም ረብሓ ትግራይ ከመይ ጌርካ ኣብ ከምዙይ ዝበለ ስርዓት ምርግጋጽ ይከኣል ዝብል ሕቶ ናይ ሕዚ ወለዶ ክምልሶ ዝግባእ መሰረታዊ ሕቶ ኮይኑ ይርከብ::[7] ከም ተረዳእኸዎ ድማ እቲ ኲነታት 2013 ዓም ምስ ጀመረ መብዛሕትኡ ተጋዳላይ ትግራይ: 'ትግራይ ትስዕር' እናበለ ግንባሩ ንዓረር ከም ዝሃበ ይፍለጥ:: ኣብ ዝተፈላለይ ክፋል ዓለም ተኣምር ዝሰርሐ ድያስፖራውን ተኾነ በዚ እንፈት ይቃለስ ከም ዝነበረ ይፍለጥ:: ከም ውድብ እንታይ ዓይነት መደብ ከም ዝነበሮ ብግልጺ ዝነጸረን ዘጠራጥርን ምንባሩ ዝጥቁሙ ነገራት አለው:: ድያስፖራ ትግራይ ኣብ ነሓሰ ቅድሚቲ ናይ መወዳእታ ወራር ኣብ አሜሪካ ኣዳልይዎ ኣብ ዝነበረ መድረኽ ብ TMH ዝተመሓላለፈን ወኪል ውድብ ዘቕረብዎዎ ይኹን: ሰራዊት ትግራይ ካብ ደብረ ብርሃን ንኸምለስ ዝገበሮ ፖለቲካዊ ምኽንያት ምስ ንጽረት ዕላማ ዝተታሓዘ ይምስል::[8] ብዝኾነ እቲ ድሕሪ ምፍራም ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘሎ ኲነታት (ናብ ቅድሚ ኲናት ዝነበርኩሞ ኲነታት ምምላስ ዝብልን ብዝተፈላለዩ ከባቢያዊን ዓለምለኸ ሓይልታት ድጋፍ ተፈረመ)[9] መሰጋገሪ መድረኽ እምበር ዘለቒታ ዘለዎ ስርዓት ኣይመስልን:: እዚ መድረኽ እዚ መሰጋገሪ እዩ ዝብለሉ ካሊእ ተወሳኺ ምክንያታት እዉን ምቕራብ ይከኣል'ዩ::

# እታ ሃገር ትኹን ትግራይ ኣብ ስግግር ዘለዋ ምኳነንን፡

# ኣብ ስግግር ግዘ ክግበር ዝግበኦን

ናይ ኦሮሞ ዴሞክራሲያዊ ፓርቲን እዜማን ብጥምረት[10] ዝመርሖ መንግስቲ እታ ሃገር ናበይ ትኸድ ኣላ ዝብል ሕቶ ማንም ብርግጸኝነት ክመልሶ ዝኽእል ዘሎ ኣይመስለንን። ኮይኑ ግና ጥዕና ኣብ ዘለዎ መንገዲ ከምዘይኮነት ግን ብግልጺ ምርኣይ ይከኣል'ዩ። ብዙሕ ክፋል ኣምሓራ ክልል፣ ምዕራብን ደቡብ ኦሮምያን ፌደራል መንግስቲ ኣይቆጻጸሮን ጥራሕ ተይኮነስ ቁሉዕ ኪናት ኣሎ። ምናልባት እዉን ዘመናዊ ታሪኽ ተባሂሉ ካብ ዝፍለጥ፣ እታ ሃገር ከም ዝሓለፉ 5 ዓመታት በዝሒ ኲናትን ጎንጽን ተራእዩ ኣይፈልጥን። በት ተፈጥረ ኪናትን ተታሓሓዘ ምኽንያትን ድማ ኣብዝ ሕዚ እዋን እታ ሃገር ልዕሊ 5 ምልየን (ብዓለም ብርኪ እተ ዝለዓለ ቁጽሪ) ናይ ባዕላ ተፈናቐልቲ ህዝቢ ኣለዋ። Monopoly over the legitimate use of violence is the defining feature of any state[11] ዝብል ናይ ማክስ ዌበር መግለጺ ሓደ መንግስቲ፡ ኢትዮጵጵያ ካብ እትስእኖ ነዊሕ ገይራ እያ። ከም ሃገር ሕግን ስርዓትን ምርግጋጽ ካብ ዝኣብያ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብይዋ ጥራሕ እውን ተይኮነ ብዝገርም መልክዑ እቲ ስቴት ኣብዛ ሃገር ምንጪ ዋና ናይ ዘይምርግጋዕን ራዕድን ኮይኑ ይርከብ። ገለ ናይ ጸጥታ ሰብ ሞያ ከም ዝብልዎ መራሕቲ ሃገራት ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ዓዲ ንምርግጋእ ክሰርሑ ይግባእ ይብሉ። ኣብዛ ሃገር ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ግን 24 ስዓት ነዙይ ተቃራኒ ዝኾኑ ነገራት ይሰርሕ። ናይዚ ዕላማ መወዳእታ እንታይ ከም ዝኾነውን ንምርዳእ ኣጸጋሚ እዩ።

ኣብ ትግራይን ኣብተን ዝተገልጸ ክፋል ክልላትን፡ መንግስታዊ ግልጋሎት ንእብነት ትምህርቲ ኾነ ጥዕና ዳርጋ የለን፡ ተሃልዩውን ብክፋል ጥራሕ እዩ። ንግዲ ይኹን ናይ ግለሰባት ካብ ሓደ ኸባቢ ናብ ካሊእ ኸባቢ ምንቅስቓስ ኣብ ሓደጋ ካብ ዝኣቱ ጸኒሑ እዩ። ኢኮኖሚ ታሃገር ቁልቁል ምኻድ ካብ ዝጀምር ጸኒሑሎ፡ እዚታት ደሚርካ ትረአ እታ ሃገር ፈይልድ ስቴት (failed state) ንምባል ዘ'ኽእል'ዩ፡ ቀጺሉ'ኸ ንዝብል ሕቶ ግን ብርግጸኝነት ምዝራብ ኣይከኣልን። ብ'ኻሊእ ወገን እንትረአ ዕደጋ ዘመናዊ ኣጽዋራትን ድሮንን፡ እታ ሃገር ትምረሐሉ ተረኽ ('EPRDF's ethnic basic federalism is disruption to Menlik's nation building project')፡ ብዛዕባ ቀይሕ ባሕርን ወደብን ዝግበር ዘሎ መድረታት፣ ሰበ ስልጣን ክልላት ካብ ስልጣን ዝእለይሉ ከይዲ፣ እቲ ገዛኢ ፓርቲ ነተን ዝነበራ ኣባላት ውድባት ዝጨፍለቐሉ ከይዲን፣ መሰረታዊ ፖለቲካን ኢኮኖሚያዊ ዋኒናት ታሃገር ዝውሰነሉ ከይዲ ትረአ ተሎ እታ ሃገር ኣብ ኢድ ውልቀሰብ ከምዝወደቐት ብግልጺ ምርኣይ ይከኣል። ደሚርካ ትረአ እታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ውልቀሰብ ትርከብ ፈይልድ ስቴትያ ምባል ይከኣል። ብካሊእ ኣገላልጻ ልክዕ ከምት ቀደም ዝነበረቶ ናብ እምፓይር ዘመን ተመሊስና ኣለና ማለት'ዩ። ኢምፓየር ድማ ሓይሊ ተረኺቡ ሕግን ስርዓትን ዘይገዝኡ ብጉልበት ድላዩ ናገበረ ዝነብር ስርዓትዩ።

ብካሊእ ገጽ እንትረአ እታ ሃገር ምስ ካልኦት ናይ ኣፍሪካ ሃገራት ብንጽጽር እንትረአ ዘለዉዋ ንነጻነትን ዓርሰ ምምሕዳር ዝቃለሱ ዕጡቓት ናይ ብሔር ሓይልታትን ብዝሓት ሪከርድ ምባል ይከኣል።[12] እዞም ሓይልታት ዋላኳ ንዝሓለፉ 60 ዓመታት ማእኸላይ መንግስቲ ከጥፈኦም ዘሎ ዝየለ ሓይሉ እንተሞከረ ካብ ማንም ግዘ ንላዕሊ ብተደራጀወን ብሕልኽን ምስ ማእኸላይ መንግስቲ ኣብ ምልታም ይርከቡ። በቲ መንነት ንምጥፋእ ኣብ ዝነበረ ከይዲ ዝበጽሖ ግፍዕን በቲ ድሕሪ 1983 ዝተፈጥረ ምችው ፖለቲካዊ ኩነታትን ናይ ኢህወደግ ናይ መደብ ፖለቲካ ውድቀት ተኸቲሉ ዝመጸ ናይ እይዲዮሎጂ ክፍተት ወይ ለውጢ13 ተደሚሩ ኣብታ ሃገር ናይ መንነት ፖለቲካዊ ሕቶ ኣብ ላዕለዋይ ጠርዝ ይርከብ። ማእኸላይ መንግስቲ እውን ካብ ማንም ግዘ ንላዕሊ ንቲ ሕቶ ካብ ብሰላም ብሓይሊ ጥራሕ ክፈትሕ ዝወሰነ ይመስል።[14] እዞም ሓይልታት እዚኦም ካብ ልስልስ ዝበለ ናይ ፖለቲካ ሪፎርም ሕቶ፡ እስካብ ሙሉእ ናይ ሃገርነት ሕቶ ዝሓቆፈ ናይታ ሃገር ግዝኣታዊ ሓድነትን ህልውናን እውን ኣብ ሕቶ ዘእቱ ኣጀንዳ ዘለዎም ስለዝኾኑ ካብ ኣብ ካልኦት ናይ ኣፍሪካ ሃገራት ዘሎ ሕቶ ፍልይ የብሎ። ስለዝኾነ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ሓይሊ ዝግበር ውጥጥን ኲናትን ናበይ የምርሕ? ንሕናኸ ኣብዚ ኸይዲ ታይ ንግበር? ናብየናይ ንውግን? ብምንታይ መለክዒ? ዝብል ወሳኒ ሕቶ ክንምልስ እንግደደሉ ግዝ'ዩ። ብሓጺሩ ግን እዚ ክነታት (sustainable) ዘለቕታዊ ዘይኮነን (ዋላኳ ከም ዘለዎ ናይ ምቅጻል ጸቢብ ዕድል እንተሃለወ) ኩነታት ደሚርካ እንትረአ ግን ሕዚ ዘለናሉ ኩነታት ዘለቕታ ዘለዎ ኣይኮነን ከምዙይ ኢሉውን ንነዊሕ እዋን ክኸድ ኣይኽእልን። እኳ ደኣስ ኣብ ስግግር ክምዘለና ዘመላኽት እዩ።

ብኽልል ብርኪ ትግራይ ዘሎ ኩነታት እንትረአ እውን ናይ ባዕሉ ስግግር ዘድልዮ እዩ። እቲ ቅድሚ ኲናት ተመስሪቱ ዝነበረ መንግስቲ: ውዕል ፕሪቶርያ ምስተፈረመ ህልውንኡ ከብቅዕ ተገይሩ እዩ። እቲ ዝነበረ ምምሕዳር ይኹን ውድብ ቅድሚ ምፍራሱ እውን ናይ ባዕሉ ገዘፍቲ ሕጽረታት ነይሮሞ እዮም። ዝኀደሉን ዝተሰውኡን መራሕቱ ተይተከአን እቲ ምስ ጸላእቲ ከዋደቐ በረኻ ዝወረደ ሓዱሕ ሓይሊ ተይሓቆፈን ከምዝነበሮ ክቕጽል ኣይነበሮን። መብዛሕትኡ ትግራዋይ ድሕሪ ምምላስ ናብ መቐለ እቲ ኽልል ይኹን ውድብ ነቲ ኹነታት ዝምጥን ወሰንቲ ምትዕርራያት ይጽበ ነይሩ እዩ። ቅድሚ ነዊሕ ግዘ ዝተወሰነ ናይ ማእኸላይ ኮሚቴ ይኹን ፖሊት ቢሮ ቑጽሪ ስፍሕ ኢሉ ነቲ ሓዱሽ ወለዶ እውን ብዝሓቁፍ መንገዲ ምትዕርራይን ኣብቲ ነባርን ሓዱሽ ወለዶን ናይ ምውርራስ ስርዓት ክግበር ትጽቢት ነይሩ እዩ። እዚ ምስተገብረ ድማ ክልላዊ: ሃገራዊን ዞባዊን ኩነታት ብ collective leadership ተራእዮም ዝሓሸ ውጽኢት ክመጽእ ትጽቢት ነይሩ እዩ። ኮይኑ ግና ነገራት ምንም ከይተቐየሩ ውዕል ፕሪቶርያ ምስተፈረመን ፌደራል መንግስቲ ሓዱሽን ግዝያዊን ምምሕዳር ኣብ ክልል ክምስረት ምስ ተገብረ ብናይ ውሽጥን ናይ ደገ ጸቕጥን እቲ ሓዱሽ ምምሕዳር ክንድትዝድለ ውጽኢታዊ ክኾን ኣይከኣለን። ውዕል ፕሪቶርያ ንኽፍጸምን እቲ ኽልል ዘለዎ ዓቕሚ ምስ ሰብ ሃፍቲ ይኹን ድያስፖራን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ኣለዓዒሉ ሕውየት ትግራይ ክመርሕ ከረጋግጽን ኣይከኣለን። ብሓጺሩ ኣብዚ ሕዚ እዋን ትግራይ መንግስትን ውድብን ብዝገጠሞም ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጸቕጢን ቅልውላውን ተቐባልነት ዘለዎ (legitimate) መንግስታዊ መሓውር ዳርጋ የለን። ከምእዙይ ዓይነት ጸገም እንተጋጥም ድማ እስካብ ቀጻላይ መረጻ ዝመጽእ ናይ ግድን መሰጋገሪ ስርዓት የድሊ። እዚ መሰጋገሪ ስርዓት ኣብ ትግራይ ዘለው ፖሊተካዊ ሓይልታትን ዝምልከቶም ኣካላትን ህዝብን ብሓባር ዝምስርትዎ ኮይኑ ሰለስቲኡ መንግስታዊ ኣካል ዝምስርትን ኣብቲ ግዘ ስግግር ክግበሩ ዝግበኦም ዋኒናትን ዝውሰንን ዝፍጽምን ይኸውን።[15] ቀዳማይን ህጹጽ ዕላምኡ ውዕል ፕሪቶሪያ ኣብ ምፍጻምን ትግራይ ኣብ ምሕዋይን ኮይኑ ህዝቢ ትግራይ፣ ድያስፖራን ካልኦት ኣካላትን ዘለዓዕልን[16] እቲ ክልል ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብእግሩ ጠጠው ኢሉ ናይ ባዕሉ ሰላምን ጸጥታን ኣረጋጊጹ ናይቲ ክልል ኢኮኖሚ ሂወት ክዘርእን ኢቲ ክልል ብናይ ባዕሉ እቶት ናብ ልምዓት ክሰጋገርን ምግባር እዩ።[17]



ረብሓ ትግራይ ኣብዚ እዋን እንታይ'ዩ ዝብል ምምላስ ወሳኒ ግን ከቢድ ሕቶ እዩ። በቲሓደ ወገን ካብ 1983- 1987 ዓ/ም ዝተኸልናዩ መስርሕ ብሰለስተ ምኽንያት ረብሓ ትግራይ (በቲ ሕገ መንግስቲ መሰረት ዝሰፈረ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርስኻ ምምሕዳርን)[18] ከረጋግጽ ኣይከኣለን። ቀዳማይ ንኽሰርሕን ክፍጸምን ሙሉእ ዕድል ኣይሃብናዮን። ከምዝፍለጥ እቲ ሕገ መንግስቲን ፌደራል ስርዓትን ናይ ፌደራልን ክልላት ተቋማትን ብአውራ ፓርቲን ዴሞክራቲክ ሰንትራሊዝምን ተጨፍሊቑ'ዩ ነይሩ። ብሓጺር እንትግለጽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብፖለቲከኛታት ሸዋ ንዝበጽሖ በደል ክምልስ፣ ደደቢት ትወርድ ዝነበሮ ዕላማ ዝጻረር ብዝመስል መልክዑ ሸዋ ካብ ሸዋውያን ንላዕሊ ሃኒጹ ክልላት ኣዳኺሙን[19] ተመሊሱ ቆላ ተምብየን ወሪዱ'ዩ። ክልላት ብናይ ባዕለን ሃፍቲ ናይ ልምዓት ማእኸል ምኺን ይቅረሞ፣ ደሞወዝ ንምኽፋል እኳ ዝንገዳገዳ ገይርወን'ዩ። ክልላት ባዕለን ብዝመረጸአ መራሒ ክምረሓ እናተገበአ ፓርቲ ብዘቐመጠለን ሞግዚት ተተኪኡ እዩ። ካልኣይ እቲ ፌደራል ስርዓት ንክሰርሕ ዕድል ሂብናዩ ተንኾን እውን፣ እቲ ሕገ መንግስቲ ንትግራይ ረብሓ ዕንቅፋት ዝኾኑ ናይ ትሕዝቶ ጸገም ኣለዎ። ንኣብነት ናይ ክልላት እቶት ብጣዕሚ ውስን ኮይኑ እት ዝዓበየ እቶት ን ፌደራል መንግስቲ ዝህብ'ዩ። ናይ 2016 ዓ/ም በጀት እንትረአ ኣዲስ ኣበባ 140 ቢልየን ብር እንትምደበላ ተቐራራቢ በዝሐ ሕዝቢ ዘለዎ ኽልል 20 ቢልየን ብር እዩ ተመዲብሉ። እዙይ ማለት ወዲ ኣዲስ ኣበባ ብነብሰ ወከፍ 7ብር ትረክብ ወዲ ት ኻሊእ ኽልል 1ብር ጥራሕ ይረክብ ማለት እዩ።

ርግጽ እቲ ፌደራል መንግስቲ ልምዓታዊ እንተሎ እቲ ሃፍቱ ኣብ ክልላት ዓበይቲ ናይ ልምዓት ፕሮጀክትታት ብምክያድ ከካሓሶ ተሞክረ ድሕሪኡ ዝመጸ ስርዓት ግን እት ሃፍቲ ኣብ ምንታይ የውዕሎ ከም ዘሎ ዝፍለጥ'ዩ። እቲ ፌደረሽን ቤት ምኽሪ በቁጽሪ ብዙሓት ንዝኾኑ ምቾዉ ክኾን ተገይሩ

ተቀርጸ’ዩ:: ብኡ ምኽንያት እዉን ኣብዘሓ ቁጽሪ ዘለዎም ክልላት ነቲ ፌደረሽን ከምድላዮም ንክገብርዎ ምቹዉ’ዩ:: ገለልተኛ ዝበሃሉ ተቋማት ብዘይ ምፍጣሩ ድማ እቲ ፌደረሽን ቤት ምኽሪ እቲ ማእኸል ዝሓዘ ሓይሊ ከም ድላዩ ክዝውሮ ኮይኑ’ዩ:: ኣብ ካልኦት ሃገራት ወሰንቲ ዝኾኑን ናይ ክልላት ስልጣን ዝጻባእ ነገር ብፌደራል ብርኪ ኣብ ዝግበር ከይዲ እንትለዓል ነተን ክልላት ቪቶ ስልጣን (veto power) እንትህብ (ኣብነት ናይ ደቡብ ኣፍሪካ ስዊዝ በልጅምን ጀርመን ሕገ መንግስቲ) ኣባና ከምኡ ዝበለ መስርሕ ይብሉን:: ብተወሳኺ ክልላት ብፌደራል ደረጃ ዝወጽእ ሕጊ ይኹን ፖሊሲ ዝሳተፉሉን ጽዕንቶ ዝፈጥራሉ አሰራረሓ ይብሉን:: ከም ዝፍለጥ እቲ ፌደረሽን ቤት ምኽሪ ሕጊ ናይ ምውጻእ ስልጣን የብሉን::[20] ሳልሳይን ትዝኽፍአን ግን ፖለቲካ ከም ሃገር ይኹን ከም አፍሪካ ብስርዓት ብህገ መንግስቲን ብልዕልነት ህግን ዝምራሕን ዝግዛእ ፖለቲካዊ ስርዓት አይተተኸለን::[21] ስለ ዝኾነ እውን ዋላ ቶም ተገልጹ ጎደሎታት ኣብቲ ሕገ መንግስቲ ተስተኻኺሎም ተዝነብሩ እውን ብስርዓት ዝምራሕ ፖለቲካ ሓይሊ እስካብ ዝየለ እዋን ስልጣን ሒዙ ድላዩ ናይ ምግባር ድሑር ባህሊ እስካበ ዘሎ ግዘ እቲ ጸገም ቀጻሊ እዩ:: ኣብ ኣፍሪካ እዛ ሃገር ሓዊሱ ፖለቲካ ስልጣን ንህዝቢ ረብሓን ህዝቢ ዝሐሸ መነባብሮ ንኽፍጠርን ናብ ስልጡን ኣሰራርሓን ክኸይድ ተይኮነስ ትፖሊተካ ሓይሊ ስልጣን ንናይ ውልቀ ወይ ውሱን ጉጅለ ረብሓ ምውዓልን ናይ ሃገር ሃፍቲ ኣብ ምጉሓል ተጸምደ እዩ:: እዚ ድሑር ፖለቲካዊ ባህሊ እስካብ ዘይተረፈን ዘይ ቅቡል ምኟኑን ምርድዳእ ተዘይተበጺሑን ድላይና ሕገ መንግሲቲ ተቐመጥና ሕገ መንግስቲ ንጎኒ ገዲፉ ናይ ባዕሉ ረብሓ ጥራይ ዘረጋግጽ ሓይሊ እስካብ ዝሃለወ ረብሓ ትግራይ ምርግጋጽ ከቢድ እዩ:: እዚ ትግራይ ሕዚ ዘላቶ ኹነታት እውን ዝምልከት እዩ:: ከም ዝፍለጥ ብነበር ቀዳማይ ምኒስተር መለስ ዜናዊ ዝምራሕ ዝነበረ ፓርቲ ካብ ኣፍሪካ ፍልይ ዝበለ እዩ[22] ዝባሃል ዋላ ተነበረ ብድሕሪኡ ግን እቲ ፓርቲ ይኹን እቲ ሃገር ከም ካልኦት ሃገራት አፍሪካ ምናልባት እውን ብዝባኣሰ መልክዑ እቲ ሕመቕ ተራእዩ እዩ::



# ረብሓ ትግራይ እንታይ እዩ?

ረብሓ ትግራይ ዋላኳ ምስ ህዝቢ ብዝግበር ነጻ ምይይጥ ዝውሰን እንተኾነ ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ግን ዝነጸረ ነገር አሎ:: ንሱውን ቀዳማይን ካልኣይ ወያነ ይኹን እቲ ጥቅምቲ 24 /2013 ዓም ዝተኣወጀ ናይ ጽንተት ኪናት ትግራይ ዓርሰይ ከመሓድር መሰል ዓርሰ ዉሳነ ይከበር ስለዝበለት’ዩ ሓደ መንቀሊ ትውጥጥ:: እንተኾነ ግን ዓርስኻ ናይ ምምሕዳር መሰል ብኣርባዕተ ተፈላለየ ብርኪ ክረአ ይኽእል’ዩ:: ኣብ ፌደረሽን: Asymetric federalism: ኮንፌደረሽን ከምኡዉን ነጻ ሃገር ክፍጸም ይኽእል’ዩ:: ዓርስኻ ምምሕዳር አብ ትሕቲ ፌደራል ስርዓት ልዕል ኢሉ ከምተገለጸ ረብሓ ትግራይ ከረጋግጽ አይካኣለን: ግን ምስ ምፍራም ውዕል ፕሪቶርያ ተታሓሓዘ ስለ ዝኾነ ከም መበገስን ንኡስ ዕላማ (minimum goal) ገይርካ ክውሰድ ይከኣል እዩ:: Asymetric federalism ከም ትግራይ ዝበለን ፍልይ ዝበለን ፖለቲካዊ ን ታሪኻውን ምኽንያት ዘለዎ ከባቢ ዋላ እኳ ታሃገር ብፌደራል ትመሓደር እምበር ካብተን ካልኦት ክልላት ብዝተፈለየ መልክዑ ልዕል ዝበለ ዓርስኻ ናይ ምምሕዳር ስልጣን ዝህብን ግደ ት ፌደራል መንግስቲ እውን ውስን ዝኾነሉ ስርዓት እዩ:: ዓርስኻ ምምሕዳር ኣብ ኮንፌደረሽንን ነጻ ሃገርን ድማ ካብ ቶም ላዕላይ ዝተገልጹ ልዕል ዝበሉ ናይ ዓርስኻ ምምሕዳር ብርክታት እዮም::

እቶም ዝተገልጹ ናይ ዓርስኻ ምምሕዳር ብርክታት ከም ዘለው ኮይኖም ግን ኣብ ኢምፓየርን ብጉልበት ምስ ዝጎብጥን ኮይንካ ረብሓ ትግራይ ምርግጋጽ ዝከኣለሉ ዕድል ዘሎ ኣይመስልን:: ዋላኳ ዓርስኻ ምምሕዳር ኣብ ትሕቲ ፍደራል ኢትዮጲያ ይፈተን ተዘይኮይኑዉን ብ ኣንቀጽ 39 ኣቢልካ ምውጻእ ይከኣልዩ ዝብል መስርሕ እንተሃለወ ኣብ ትሕቲ ኢምፓይር እዙይ ዝከኣል ነገር አይኮነን: ተፈቲኑ እውን ዘምጸአ ተራእዩ እዩ:: ኪናት እዉን ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመት ተርአየ ጉድአቱ ከቢድ ኮይኑ ተረኺቡ’ዩ:: ስለዝኾነውን እተን ዝቐረያ ክልተ መማረጺ ምርኣይ ግድን ይኸውን::

እቲ ሕዚ ዘሎ ሕገ መንግስቲ ረብሓ ትግራይ ከረጋግጽ ዝይከኣሉ ኩነታት ኣብ ላዕላይ ሕጽር ብዝበለ መንገዲ ተሓቢሩ’ዩ:: ንናይ ትግራይ ሕቶ መልሲ ዝህብን ምስት ናይ ትግራይ ናይ ነዊሕ ዘመን ባዕልኻ ናይ ምምሕደዳር ድልየትን ዝመጣጠንን ብጣዕሚ ልሕሉሕ ማእኸልን መብዛሕትኡ ፖለቲካዊን ኢኮነሚያዊ ስልጣን ንክልላት ዝህብ ፖለቲካ ስርዓት ምስ ከምኡ ድልየት ዘለዎም ሓይልታት ኮይንካ ምስራሕ’ዩ::[23] ኣብዚ ስርዓት እዙይ እቲ ማእኸላይ መንግሲቲ ዝህልዉዎ ስልጣን ብጣዕሚ ውስንን እተን ውስናት ዝበሃላ ስልጣንውን ምስ ተን ክልላት ብዝግበር

ልዝብን ዝውሰን ይኸውን (based on consensus or qualified majority)። እተን ክልላት ወሰንቲ ዝኾኑ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያዊ ጉዳያትን ናይ ምውሳን ምሉእ ስልጣን ዝህብዩ። እዙይ ብብዙሕ ምኽንያት ተመራጺ ስርዓት'ዩ። እት ሓደን ዋናን ምኽንያት ምብትታን ዘይበሉ ግን ድማ ነተን ኣባል ክልላት ዝዓበየ ስልጣን ዝህብ ስለዝኾነ ብዛዕባ ምፍራስ ታሓገር ንዘተሓሳስቦም ናይ ውሽጢ ይኹን ናይ ደገ ሓይልታት ስግኣት ዝምልስ'ዩ። በቲ ካሊእ ወገን ድማ ነቶም ንዝሓለፍ 60 ዓመታት መሰል ዕርሰ ውሳን ዝሓቱ ሓይልታት ናብ ሓዱሽ ሃገር ምምስራት ዝቀረበ እት ዝዓበየ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝህብ'ዩ። ብተወሳኺ ሓዱሽን ነጻ ሃገር ኣብ ምምስራት ዘሎ ሕልኽልኽን ስግኣትንውን ዘቸሪ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ናይ መወዳእታ መማረጺ ነጻ ሃገር ምምስራት'ዩ። እዙይ ድሕሪ 1990 (ዓ/ም/ፈ) ናብ 28 ዝኾና ሓደሽቲ ዓድታት ምስ ምዉላድን ካብቲ ቅድሚ 1990 ዝነበረ ኣሳሪ መስርሕ ዝሐሸ ኩነታት ከምዘሎ ዘርኢ ተኾነ[24] እቲ ኸይዲ ግን ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ተራእየ ይመስለኒ። ጎረባብቲ ይኹና ዓለም ለኸ ሓይልታት ንናይ ባዕሎም ረብሓ ክብሉ ብዙሕ ጸቕጢ ክፈጥሩ ከም ዝኽእሉ እውን ይፍለጥ'ዩ። ካብዙይ ብተወሳኺ ኣብ ዓለም መድረኽ ወጺኻ እውን ተቐባልነት ምርካብ ቀሊል ዝበሃል ኣይኮነን። በቲ ካሊእ ወገን ካልኦት ገለ ሓይልታት እዉን ንናይ ባዕሎም ረብሓ ክብሉ ምስረታ ነጻ ሃገር ዝድግፉ ክህልው እዮም ግን በዝሓም ክንድቶም ዘይድግፉ ኣይኾኑን፡ ስለዝኾነ እዚ መማረጺ እዙይ ዋለ ዕጽው ኣይኹን ግን ቀሊል ዝበሃል ኣይኮነን። እቲ ዘሎ መማረጺ እቶም ተጠቐሱ ኮይኑ ሕዝቢ ትግራይ ብነጻ መድረኽ ቀራብሉ ክውስኖ ዝግባእ እዩ። እዙይ ከም ዘሎ ኾይኑ ግን እቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ድላዩ ይኹን ብዘየግድስ ናይ ግድን ክንክተሎምን ክንገብሮም ዘለና ኸልተ ቅድመ ኩነታት ኣለው።

1. ትግራይ በቲ ዝሓለፈ 3 ዓመት ዝበጽሐ ኪናትን ጽንተትን ናይ መንግስቲን ፓርቲን ኣመራርሓ ውድቀትን ኣብ ከቢድ ፖለቲካው ኢክኖሚያዊን ማሕበራዊን ብስርውና ትርከብ። እቲ ኣብ ላዕሊ ነታ ሓገር ዝገለጽናሉ ፈይልድ ስቴት (failed State) ዝብል መግለጺ ንትግራይዉን ዝምልከትን ዝገልጽ'ዩ። ትግራይ ህዝባን ግዝኣታን ኣይመለሰትን። ህዝቢ ምስ 1977 ዝገጠመና ድርቅን ጥምየትን ዝመሳሰል ኣብ ከቢድ ድርቂን ጥሜትን ይርከብ። ኣብ ብዙሕ ቦታ መንግስታዊ ግልጋሎት ብስርዓት ከምዝየለ ይግለጽ፡ ስርቅን ወንጀልን ኣብ ብዙሕ ቦታ ይፍጸም ኣሎ ወዘተ። ስለ ዝኾነ ድማ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ገዛና ነዕሪ፡ ትግራይ ካብ ፈይልድ ስቴት (failed state) ናብ ብስርዓትን ህግን ዝምራሕ ዓለም ለኸ ኣፍልጦ ጥራሕ ዝቐረዩ ምሉእ ክልላዊ ምምሕዳር (ዲፋክቶ ስቴት De Facto State) ነሲጋግረ[25]። እዙይ ዝብለሉ ምክንያት ምርዳእ ወሳኒ'ዩ። ቀዳማይ ምኽንያት ገዛናን ናይ ውሽጢ ጉዳይናን እንተይ ኣዕሪና ብዛዕባ ዓርሰ ምምሕዳርን መሰል ዓርስ ውሳነን ምዝራብ ትርጉም ክህልዎ ኣይኽእልን። ትግራይ ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣሳታፊ፡ ንህዝቡ ዘዳምጽ ተሓታታይነት ዘለዎ ፖለቲካዊ ስርዓትን እቲ ቢሮክራሲ ድማ ብብቕዓትን በሞያ ስነምግባር ዝተሃንጸ ቅልጡፍን ጽርየት ዘለዎ ግልጋሎት ዝህብ ስርዓት ክትተክል ኣለዋ።26 ተዘይኮይኑ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካብ ሓደ ገዛኢ ናብ ካሊእ ዝኸፍአ ገዛኢ ምስግጋርን እቲ ተኸፍለ ክቡር መስዋእቲ ምሕንሻሽን እዩ። ስለ ዝኾ ነውን ህንጸት እታ እን ምነያ ትግራይ ኣብ ኢድ ግለሰብ ይኹን ሓደ ፓርቲ ተይኮነ ኣብ ዴሞክራሲያዊን በሕጊ ዝግዛእ ስርዓትን ምትካል ግድን ክኾን ኣለዎ። እዙይ እንተይገበርና ብዛዕባ መሰል ዓርሰ ውሳነ ኮንፌደረሽን ወይ ነጻ ሃገር እንተተዛረብና ውን ማንም ዝሰምዐና ናይ ቀረባ ይኹን ናይ ደገ ሓይሊ ክንረክብ ኣይንኽእልን።[27] ብዙሓት መጽናዕትታት ከም ዘርእይዎ ዓርሱ ናይ ምምሕዳር ሕቶ ዘለዎ ህዝቢ ዋላ ኣብ ምቸው ኩነታት እይኹን ከባቢኡ ብስርዓት ዝመርሕ ምኺኑ፡ እቲ ዕድል እንተተዋሂቡ ክትግብሮ ዝኽእልን ዘየጠራጥር ሓይሊ ምኺኑን ክርኢ ግድን እዩ። ተዘይ ኮይኑ ከም ደቡብ ሱዳን ዝወደቐ መንግስቲ እናራኣዩ ንስኹም እውን ክምኡ ክትኮኑ ኣይንፈቅድን ዝብል ክበዝሕ'ዩ።



2. ካልኣይ ኣብ ቀረባ ይኹኑ ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ከባቢያዊን ዓለምለኸ ሓይልታት ቃልሲ ሕዝቢ ትግራይ ዝከታተሉ ሓይልታት ኣብቲ ናይ ጽንተት ኪናት ትግራይ ዘርኣየቶ መስተንክራዊ ጀግንነትን ተሰማዕነትን ኣብ ሰላም ግዜ ክድገምን ኣብ ከባቢና ጽዕንቶ ፈጠርትን ተሰማዒ ሕይልን ክንኮን ተኾይኑ ካብ ሕትኽቱኽ ወጺና ትግራይ

ብብቐዓት መሪሕና ከባቢና ንጸልወሉ ስርዓት ክንፈጥር ክንክእል አለና። ምስ ዞም ሓይልታት ናይ ሓባር ረብሓን ጥቕሚን መሰረት ዝገበረ ዱልዱል ረኽቢ ምፍጣር እውን የድሊ። ኣብቲ ናይ ጽንተት ኪናት ግዘን ምስ ምፍራም ውዕል ፕሪቶርያን ተታሒዙ ምስ ከባቢያዊን ዓለምለኸ ሓይልታት ዝተፈጥረ ረኽቢ ንረብሓና ክነውዕለሉ ንኽእል ዕድል ሂቡናዩ።

3. እንትጥቕለል ከም ሃገር ይኹን ከም ክልል ቀጻሊ ፖለቲካዊ ምዕባለ ናበይ ይኸድ ዝብል ካብ ማንም ግዘ ንላዕሊ ዘይተገማታይ ግን ድማ ኣብ ዘለቐታዊ ዘይኮነ ስግግር ኩነታት ንርከብ። እዚ ስግግር መድረኽ ናብ ረብሓና ክነውዕሎ ንኽእል ገዛና አጽሪና ኣብ ቀረባን ርሑቕን ምስ ዝርከቡ ከባቢያዊን ዓለም ለኸ ሓይልታት ረብሓ ትግራይ መሰረት ዝገበረ ጥንኩር ረኽቢ ፈጢርና ክልልና ብአግባቡ መሪሕና ቀጻላይ አንፈት ንውስነሉ ወሳኒ መድረኽ ምኻኑ ምርዳእ የድሊ። ምስ ምፍራም ውዕል ፕሪቶርያ ንግዚኡ ናብቲ ቅድሚ ኪናት ዝነበረ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ተመሊስና በቲ 1987 ዓም ዝጸደቐ ሕገ መንግስቲ ክንማሓደር እንተተገደድና፡ ቀዳማይ እቲ ናይቲ ውዕል ወሳናይ ክፋል (ኣብ ኢድ ጸላእቲ ዘሎ ህዝብን ግዝኣት መሬትን ምምላስ) ዝፍጸም ኣይመስልን፡ እኳ ድኣ ከም መጣልዒ ይጥቀሙሉ ኣለው (ገለ ስነዳት ከም ዝሕብርዎ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ናይ ኦሮሞ ሓይሊ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ሞንጎ ትግራይን፡ ኣምሓራን ደማዊ ኪናት ክግበርሞ ክልቲኡ ሓይሊ ክደቀሉ ዓብይ ፕላን ከም ዝለዎ ይሕብሩ)። ካልኣይ እታ ሃገር ሕዚ ዘለቶ ኩነታት ንነዊሕ ግዘ ዘኽይድ አይኮነን። ስለዝኾነ ዓርስና ካብ ማንም ግዘ ንላዕሊ ኣዳሊና ገዛና ኣመዓራሪናን ምስ በዓል ከመይ ዝበሉ ናይ ቀረባን ርሕቑን ሓይልታት ኮይና ቀጻላይ ዕላማን ረብሓን ትግራይ ነረጋግጽ ዝብል ጽባሕ እንተይኮነስ ሎሚ እንውስነሉ መድረኽ ንርከብ።

# Riferences

[1]This is a famous speech made by Otto von Bismarck in 1862 who played a major role in unifying Germany. For details See Charles Tilly, ed., The Formation of National States in Western Europe, (Princeton: Princeton University Press, 1975) 75

[2]The costs of maintaining Ethiopia's 'unity and territorial integrity' has become so high that in most cases 'unity and territorial integrity,' seen from those who do not control the center and aspire for democratic multination federation/ confederation, unity means imposed fascist rule, ethnic cleansing and genocide. This has been the dominant feature of the Ethiopian empire and continues to be so.

[3]Alemseged Abay, Identity Jilted or Re Imagining Identity? The Divergent Paths of the Eritrean and Tigrayan Nationalist Struggles, (Lawrenceville: NJ, 1998); Alex de Waal, Evil Days: 30 Years of War and Famine in Ethiopia, An African Watch Report (1991)

[4] Robert Kaplan, Surrender or Starve: Travels in Ethiopia, Sudan, Somalia and Eritrea (New York: Vintage books, 1988); Augustus Wylde, Modern Abyssinia (London: Methuen and Co. 1901)

[5] Assefa Fiseha, 'Tigray: A Nation in Search of Statehood?' International Journal of Minority and Group Rights 30:4 (2023): 742-788

[6] Another very strange feature of the Ethiopian empire both in the past and present is it can go great distance to conspire with foregin forces to to quash internal political differences and consolidate power. This was the case with the Shown elite in its bid to consolidate power leading to the split of Eritrea and Tigray and during the genocidal war in Tigray

[7] There are a few Tigrayans who think ethnic federalism has diminished the role of Tigray in Ethiopia's political system and who provide history as evidence. This group thinks Tigray has been reduced to wereda like situation and may even suggest doing away ethnic federalism altogether. Old guards from the TPLF think the current context is the result of leadership crisis and if this is fixed, multinational federalism remains a feasible alternative. A large part of the new generation and particularly those who fought the regime between 2020-2022 see no hope in Ethiopia and thus pursue Tigray's independence. There are also a few ones who favor a new Tigrigna speaking nation state that includes the Tigrigna speaking part of Eritrea.

[8] Reports issued by some international news media following TPLF's retreat from North Shewa hint, the party failed to provide clear political raod map to the international community on the possible post-war period and thus supported the regime in power shifting the balance of power.TPLF's long held view is 'class in content, ethno national in form.' There are evidences that show that TPLF/EPRDF led Ethiopia focused more on class: peasant based democratic centralism, revolutionary democracy, developmental state while suppressing ethno nationalism. The four major coalitions and affiliate parties were ethno national based but were all ideologically of one type. When the class element vanished after the death of former Prime Minster Meles Zenawi, ethno nationalism erupted. Marxists often had difficulty understanding ethno nationalism. They thought it is a transient phenomena that will wither away with triumph of socialism (the proletariat has no nationality was the slogan) but as seen in the former Yugslavia, ethno nationalism prevailed over class, it killed it actually.

[9]The Pretoria peace deal was mainly the result of the devastating two year war in Tigray and international and regional pressure on the regime. The peace deal has an international character and it is vital to keep its international feature alive by engaging all those important actors. Experince elsewhere shows if Tigray keeps its engagement with these forces by regularly updating the main actors it can serve as deterent in case regime fails to implement the contents of the agreement.

[10] When the regime assumed power in 2018, Oro-Amhara (ODP-ADP) coalition took center stage and was responsi-

ble for what happened thereafter. Yet the ADP wing seems to have slowly lost its influence particularly since the last Congress of PP, following the dismissal of some of the senior leaders from party and government. The ODP, weaker ADP and fraction of Ezema seem to be in charge of the country's affairs since then.

[11] Max Weber, Politics as a Vocation (Politik als Beruf), in Gesammelte Politische Schriften, Munich, 1919 [1921] pp. 396-450.

[12] See Assefa Fiseha, Federalism, Devolution and Cleavages in Africa (Springer, 2024) chapter 4

[13] Prosperity party ideology is not as coherent as one wants to be. Its Amhara wing initially insisted for example on the need to shift to geographic federalism while the Oromo wing plays dubious role. PP has distaned itself from developmental state and declared homegrown economic policy but experts say there is little that makes it home grown, it is shift towards liberal market and privatization of the economy as see in in the sugar and telecom industry.

[14] The Pretoria peace deal is the only effort that the regime was induced to stop the violence in Tigray partly because of the impact of the devastating two year war and as a result of external pressure, otherwise from Sidama and Wolyta demand for regional state to the wars in Oromia and Amhara, there has been little or no effort to provide political solution.

[15] When an exisiting political arrangement faces a crisis of one type or another, it is common practice to establish a new and interim political settlement for a period of defined transition. The political settlement should in principle be open and inclusive of all section of society and political actors. It should have an inclusive government, legislative and judicial body to decide political and economic issues during the period of transition. The interim government prepares the ground for next democratic election and thus its life comes to an end after a new elected government takes over power.

[16] ኣብ እዚ ሕዚ እዋን ብዙሕ ትግራዋይ ዘለዓዕሎን ዝመርሖን ተረኺቡ ብዙሕ ክገብር ዝኽእል ምኺኑ ዘርኢ ኣብነት 3 መናእሰይ ኣብ ኣበርገለ ዘጋጠመ ጥምየት ሪኦም ብዝገበርዎ ምልዕዓል ኣብ ሓጺር እዋን ካብ 50 ምልዩን ብር ንላዕሊ ምእካብ ክኢሎም እዮም

[17] Singapore was expelled from Malaysia in 1965 because of its poverty. Since then Singapore's founding father Lee Kuan Yew transformed it and made it to world class economy. It has the highest quality of education and health in the world today. The secret of the success is well known. Lee invited all competent citizens of Singapore both at home and abroad and created merit based developmental system and with his visionary leadership transformed the countrt forward in four decades

[18] ኣብዝ ሕዚ እዋን ረብሓ ትግራይ ድሕሪ ጽንተት ኪናት ካብ ቲ ናይ ካልኣይ ወያነ ዘመን ትሕዝቱኡ ዝቐየረ ይመስል

[19] Studies on fiscal federalism show on average regional states depend for 80% of their regional expenditure from federal grant and they cover only 20% from their own revenue. Although federal budget and regional state annual budgets significantly increased since 1991, the percentage remained almost the same. EPRDF led federal government was 'developmental'and thus spent a large part of the federal budget on capital projects such as expansion of universities, air ports, industrial parks, roads etc, it was based on discretion of the federal government and was not constitutionally entrenched. When propseprity party assumed power in 2018, a bulk of the federal budget is used to buy war equipemnts and for the construction of imperial style palaces and parks and little is left for development project. As we speak one fourth of Ethiopia's population needs emergency food

[20] A few experts think the 1995 constitution is a 'model' constitution and attribute the current crisis to political leadership and party crisis. No doubt leadership has role and crisis within party has serious impact. Yet Ethiopia's constitution has many flaws and these were pointed since long. For example most of the generously listed human rights in chapter three (one third of the constitution) can not be enforced. There is neither a political will nor appropriate institution to enforce it. This has made the constitution paper tiger. It leaves the crucial mandate of enforing and interpreting the constitution to the House of Federation, a political body controlled by the same party to enforce

it. This is like expeting the fox to guard the sheep, it has serious birth defects. Many working constitutions establish either a constitutional court or supreme court that is autonomous to enforce the constitution. A constitution however good is not worth the paper on which it is written if it is not enforced.

[21] Africa's political system is characterized as neo-patrimonial extractive state where there is little distinction between private and public and those who hold power make the country and its resources as if it is an extension of their private kitchen. In medivial Europe, there was no distinction between private and public. It took centuries to end that kind of regime and establish a well functioning state and this happened in the 19th and early 20th century. Functioning state instituions replaced the patrimonial state and then democratization followed. In Africa although many countries have constitutions that provide separation of powers, rule of law, cheks and balances, behind such crude formality, exists an elite that could be an army (as in Sudan, Egypt, Uganda and Zimbabwe), party (as in South Africa and Ethiopia), business elite or clan as in Somalia that control political instituions and divert their role to serve factional interests (state capiture) instead of using power to serve the public. This is also called politics of the Belly or neo-patriminial state and such widely spread malpractise kills institutions, democratization, federalism and building of politics under rule of law.

[22] Arkebe Ukbay's book (Made in Africa: Industrialization in Africa (Oxford University Press, 2015) rejects the neopatrimonial regime as inapplicable to Ethiopia and argues Ethiopia as a model of industrilizalization in Africa. Others have argued that Ethiopia is not immune to the risks of neopatrimonial political regime in so long as the public sector is not run by meritocratic civil service as it remains politicized and very much neglected. Authoritariansim and one party rule without system of checks and balances and rule of law exposed the regime to neo patrimonial regime and that is what post Meles Ethiopia became. See Assefa Fiseha, 'Ethiopia: Development with or without Freedom?' in Human Rights and Development Legal Perspectives From and For Ethiopia Eva Brems, Christophe Van der Becken, Solomon Abay eds., (Leiden: Brill Nijhoff, 2015

[23] The regime remains in power not because of its strength but because the other side is fragmented, divided and engaged in endless horizontal conflicts. If the other side establishes a a broader coalition based on common and minimum political platform, it is possible to end the country's misry and change its course for a better

[24] Glen Anderson, 'Unilateral Non-Colonial Secession and Internal Self-Determination: A Right of Newly Seceded Peoples to Democracy?' Arizona Journal of International and Comparative Law 34:2 (2017) p. 2; Margaret Moore, 'Introduction, The Self-Determination Principle and the Ethics of Secession,' in Margaret Moore ed. National Secessionand Self Determination (Oxford: Oxford University Press, 1998) p.6; Susanna Mancini, 'Rethinking the Boundaries of Democratic Secession: Liberalism, Nationalism and the Right of Minorities to SelfDetermination,' International Journal of Constitutional Law 6:3-4 (2008) pp.581

[25] For all intents and purposes de facto state means running a democratic country under a rule of law with the only exception that it lacks international recognition. It has full control over its territory and consistently claims its territory in case it is lost temporarily; it provides basic services to its people including security and safety, education and health. It has state capacity and enjoys monopoly over the use of legitimate force in its territory to ensure law and order and persists as an entity for a long time despite the fact that it may lack recognition. See Scott Peg, International Society and De Facto State (Routledge, 2019)

[26] By now it should be clear that the young generation has to takeover leadership and lead. There must be a peaceful process to do that. The new generation that paid sacrifice sine the start of the war in 2020 has to takeover and assume leadership

[27]Oliver Mcpherson-Smith and Jendayi Frazer, The Kosovo Conditions and the Case for American Unilateral Recognition of Somaliland (Hover Institution, Standford University, 2023

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ሕቶታት

- ✓ እቲ ኣቐራርባ ደስ ብዝብል ኣገባብ እዩ ቀሪቡ። ይኹን እምበር ሐዚ እውን ትኹረትና ብዛዕባ ፌደራሊዝም ወይ ኮንፈደሬሽን ኢና ነውግዕ ዘለና። ካልእ መማረፅታት የለዉን ድዩም? ትግራይ ናብ ናይ ቐደም ነባር ትሕዝቶኣ (ስልጣነኣ) ኣብ ምምላስ እንታይ ትሓስብ?
- ✓ ትግራይ ብተደጋጋሚ ብኢትዮጵያ ጀኖሳይድ እናተፈፀመላ ዝመፀት ክልል እያ። ብፍላይ እቲ ኣብ 21 ክ/ዘመን ዘጋጠመ ድማ ብኩሉ መነፅር ዝተፈለየ እዩ። እዚ እናሃለወ ተጋሩ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደራሊዝም፣ ብኮንፌደሬሽን ወይ ብካልእ ምንባር እንኽእለሉ ዕድል ኣሎ ድዩ የዋፅኣና ድዩ ኸ? ረብሓ ተጋሩ ዝረጋገፅ ናፅነታ ዝኣወጀት ትግራይ እንትህልወና እዩ ጋህዲ ዝኮውን። ይኹን እምበር ብሓይሊ ኣብ ዝተመስረተ ስርዓት ኮይንና ብዛዕባ ሪፈረንደም እኳ እንተኣልዒልና ናብ ጎነፅ ኢና ንኣቲ ዘለና ማለት እዩ። ስለዚ ኣብዚ ከም ህዝቢ መዋፅኦና እንታይ እዩ?

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ርእይቶታት

- ✓ ዘተ ፅቡቕ እዩ፤ ግን ኣብ ሓቂ ዝተደረኸ ክኸውን ኣለዎ። ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ትግራይን ተጋሩን ከምዝወኽዕ፣ ክመሓየሽ እውን ከምዘይክእል ተገይሩ እዩ ተሰሪሑ።
- ✓ ናይ ህወሓት ኣይድዮሎጂ ምስቲ ሕገ መንግስቲ ዝስማዕማዕ ኣይኮነን። ህወሓት ኣብዮታዊ ዲሞክራሲ እዩ ዝኸተል። እዚ ከዓ ተናሓናሕቲ ውድባት ክፍጠራ ኣይደልን። እቲ ሕገ መንግስቲ ዝተፈለየ ኣተሓሳስባ ምሓዝ ይፈቕድ እዩ። ህወሓት ግና ዝተፈለየ ኣተሓሳስባ ፈፂሙ ኣይፈቕድን።
- ✓ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ዝተዋለደ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነስ ሓደ ህዝቢ እዩ። ብፖለቲካ መራሕቲ ግና ኮነ ተባሂሉ ብተደጋጋሚ ክዳመ ይግበር ኣሎ። እዚ ሓደ ህዝቢ ከመይ ይቐፅል ዝብል ተፀኒዑ መፍሒ ተዝግበረሉ።
- ✓ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ሕገ መንግስቲ ሓቢርካ እብ ምቕፃል ኮነ ኣብ ምፍልላይ ከም መልዐሊ ሰነድ ገይርና ተወሰድናዮ ዝሓሸ እዩ። ናይ ረፈረንደም ሕቶ'ኮ በቲ ሕገ መንግስቲ ኣቢልካ ምልዓል ይከኣል እዩ። ይኹን እምበር ዋላ ንዓካ ዝጥዕም ሕገ መንግስቲ ሃልዩ እቲ ዝመርሕ መንግስቲ ብካልእ ተርጉሙ ዝቐፅዐካ ተኮይኑ ሕጊ ዋሕስ ኣይኮነካን።



ታደሰ የማነ
ኢንጅነር

# ምትዕርራይ ፖሊሲን ኣንፈትን ንምዕብልቲ ትግራይ

# ምዕራፍ ሓደ

# ሕቶን ባህግን ትግራይ

ሕቶና ዉሑስ ሰላምን ዘይተገደበ ዕብየትን ባህግና ድማ ብሕግን ስርዓትን ኩላትና ብማዕርነት ቀሲንና እንነብረላ ሓደ ትግራዋይ ክነዲ ትግራይ እትርኢ እንተነኣሰ ኣብ ኣፍሪካ Role Model ዝኾነት ደቂ ሰባት ዝሃርፍዋ ምዕብልቲ ትግራይ ምህናፅ እዩ። እዙይ ማለት፣ እንተነኣሰ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት፣ ህንፅት ሰማይ ዘይተማዓዱን ብብዕራይ ዘይትርሓርስን ትግራይ ማለት ጥራይ ዘይኮነስ ማእኸላይ ዓመታዊ ነብሲ ወከፍ እቶት ተጋሩ 10,000 ዶላር ብምብፃሕ መርኣያ ፖለቲካን ኢኮኖሚን ኣፍሪካ ዝኾነት ዓለም ዝሃርፉ ምዕብልቲ ትግራይ ምህናፅ ማለት እዩ።

ሰፍ ዘይብል ፀገም ሰፍ ዘይብል ዕድል ክወልድ እንተኾይኑ ህዝቢ ትግራይ ብዘርኣዮ መስደመም ተጋድሎ ዕጥቂ ቓልሲ ልክዕ ንብዓት ትግራይ Never Again ብዝብል ተራእዩ ዘይፈልጥ ሕራነ ካብ ውሽጢ ብዝነቐለ ጣዕሳ ክሕበስ እተኾይኑ፣ ከምቲ በሊሕ ርእሲ ዓለምና ኣልበርት ኣነስታይን ዝበሎ We cannot solve our problems with the same thinking we used when we created them ስለዝኾነ፣ ልዕሊ እንሽፍሎ ዘለና መሪር መስዋእቲ ምስ ሕመቕና እንገብሮ ውሽጣዊ መሪር ቓልሲ ምኺኑ ምእማን የድሊ። ትግራይ መሊኣ እትስዕር ውሽጣዊ ሕመቕና እንትንስዕር ምኺኑ ብዕቱብ ምርዳእ የድሊ።

ማህደር ታሪኽ ዘሪኣና ብሕልፊ እስካብ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን ወነንቲ ዓለም ዘደመመ በሪኽ ስልጣነ ኣኽሱም'ኳ እንተነበርና ብፍላይ ድሕሪ ዓሸራይ ክፍለ ዘመን ኣሰሩ ጠፊኡ እስካብ ካልኣይ ወያነ ትግራይ ኣፋፍኖት ልምዓት ዘምፅእ ልዕሊ ሺሕ ዓመታት ኣብ ዓይኒ መርፍኡ ዝጠፈኦ ዓዘቕቲ ድኽነት ጢሒልና ከም ዝነበርና ይፍለጥ። ድሕሪ ዘመናት ብኽቢድ መስዋእቲ በላሕቲ ኣሓትና ዝረኸብናዮ ኣፋፍኖት ብርሃን ልምዓት'ውን ክብርታት ወያነና ምዕቃብ ኣብዩና ህዝብና መሊሱ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ብርኪ ተበሳቢሱ እዩ። ይኹን'ምበር ህዝብና ብሰንኪ ተራእዩ ዘይፈልጥ ግፍዒ ፀላእትና ድሕሪ ዘመናት ብዝገርም ኩነታት ተራእዩ ብዘይፈልጥ ብርኪ ዘርኣዮ ስሙር ተጋድሎ፣ እንተተጠቒምናሉ፣ ሓዱሽ ወርቃዊ ዕድል ምዕባለ ሒዙልና መፂኡ እዩ።

ትግራይ ቴክኖሎጂ፣ ሕርሻን ድሕንነትን እንትሓስብ ተሞክሮ እስራኤል፣ ፅርየት ትምርቲ፣ መነባብሮን ግልጋሎት ህዝባን እትሓስብ ተሞክሮ ሲንጋፖር፣ ትልሚ ስሉጥ ምዕባለን ስታንዳርድ ማኑፋክቸሪንግን እንትሓስብ ተሞክሮ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ዝመሳሰላ ብሉፃት ሃገራት ቤንች ማርክ ገይራ እትሰርሕ ሓዳሽ ምዕብልቲ ብልፅቲ ተምሃሪት ሃገር ክንገብራ እንተኾይና ፀላእትን ሽግርን ሓለፍቲ ምኺኖም ተረዲእና ጊዜ የለን ብዝብል መንፈስ ፀላእትና ዝፈጠሩልና ዋዒ ስምረት ህዝብና ከይዘሓለ ናብ ስምረት ዘላቒ ረብሓና ክነሰጋግሮ ይግባእ። ስለዝኾነ'ውን Denial can be a most useful, temporary shield. Unfortunately, such flimsy armor will not last a lifetime. It is best to face your past, and do so quickly, before your past returns to face you ከምዝበሃል፣ እንነብሮ ዘለና ከርፋሕ ናብራ ብዘየዳግም መልክዑ ክቕየር እንተኾይኑ፣ ቁልፊ ፀገም ትግራይ መንቀሊኡ ውሽጣዊ ሕመቕና ምኺኑ ኣሚና ምስ ሕመቕና ብዘይ ንሕስያ ክንገጥም ይግባእ።

ነስተውዕል፤ ህዝቢ ትግራይ ክነብር ይዋጋእ እምበር ክዋጋእ ኣይነብርን። ካብ ትማሊ ትመሃር'ምበር ኣብ ትማሊ ኣይንበርን። ናብራና ኣዝዩ መስከፊ መዋእሉ ትካቦት ዓለም ዘማዓዱ ስለዝኾነ ብዘኹርዕ ብራኽ ታሪክ ስልጣነ ኣክሱምን ብዘሐብን ልዑል ስብእና ህዝብናን ዝተዓጀበ መንነትና ብዝበለፀ ከደምቕ እንተኾይኑ ዘለናሉ ትሑት ብርኪ ናብራ ህዝብና ክንቕይሮ ግድን እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ታሪክ ዝዝክረና ብስራሕና'ምበር ብስራሕ ወለድና ዘይምኺኑ ብዕቱብ ክንርዳእ ይግባእ። ስለዝኾነ'ውን ልዕሊ ፀላእትና፣ ኣብ ዘላቒ ረብሓና፣ ንሕበር፤ ንስመር።

## 1.1 ቁልፊ ሃፍቲ ትግራይ

ቁልፊ ሃፍቲ ትግራይ ታይ እዩ? ስፍሓት መሬት፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ባሕሪ ወይስ በዝሒ ሰብ? ኩሎም ናይ ሓደ ህዝቢ ምዕባለ ዝዉስኑ ኩሉ ዝምነዮም ዓበይቲ ሃፍቲ ምዃኖም ግልፂ እዩ። ይኹን’ምበር ብንፅረት ክንምልሶ ዝግባእ ሕቶ መተካእታ ዘየብሉ ሃፍቲ መን’ዩ ዝብል እዩ? ኣሽንኳይ’ዶ ትግራይ ፈሰስ ተፋሰስ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘይብላ ብደረጃ ኣፍሪካ ሰፊሕ ልሙዕ መሬት ሒዞም ሱዳናውያን እተጠምዮም፣ ብደረጃ ዓለም ኣዝዩ ልዑል ዕቑር ሃፍቲ ወርቅን ኣልማዝን ዝመሰሉ ክቡራት መዓድናት ተነፂፎም ደቂ ኮንጎ እንተጠምዮም፣ ባሕሪ ተቐኒቶም ኤርትራውያን ኣሓትና እንተጠምዮም፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ ይኹን በሪ ባሕሪ ዝበሃል ዘየብላ ቑንጣሮ መሬት ሒዛ ሉግዘንበርግ እትበሃል ዓዲ ብነብሲ ወከፍ ሃፍቲ ዓለም እንተመሪሓ፣ ደቡብ ኮርያ፣ እስራኤል፣ ሲንጋፖር ዝመሳሰላ ሃገራት ድማ ጥር ትብል ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘየብሉ ቑንጣሮ መሬት ሒዘን ብፀላእቲ ተኸቢበን መሪሕነት ሃፍቲ ዓለም እንተተቖፃፂረን፣ ቁልፊ ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ሃፍቲ ሰብ ምዃኑ ሓደን ክልተን የብሉን።

ሃፍቲ ሰብ፣ ቁልፊ ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር እዩ ካብ በልና ብመንፅር መፍረያይነት ኣብ ዓለም ኣበይ ብርኪ ንርከብ? ቅድሚ ዝገጠመና ዘይተሓሰበ ከቢድ ቅልውላው ከባቢ 900 ዶላር ዝነበረ ዓመታዊ ነብሲ ወከፍ ተጋሩ እንትንርኢ 36 ተጋሩ ክንዲ ሓደ ደቡብ ኮርያዊ፣ 48 ተጋሩ ክንዲ ሓደ እስራኤልዊ፣ 69 ተጋሩ ክንዲ ሓደ ወዲ ሲንጋፖር፣ 139 ተጋሩ ክንዲ ሓደ ወዲ ሉግዘንበርግ እንትነፍሪ ዓለም ብዓለማ እንተሪኢና ድማ 13 ተጋሩ ብማእኸላይ ክንዲ ሓደ ዜጋ ዓለም ነፍሪ። ብሓፂሩ ሓደ ትግራዋይ ክንዲ ሓደ ወዲ ሲንጋፖር ተዝሰርሕ ትግራይ ልዑል ናብራ ንዘለዎም ልዕሊ 400 ሚልዮን ህዝቢ ምኣኸለት። ስለዝኾነ’ውን ድኻ ሰብ’ምበር ድኻ ዓዲ ከምዘየለ ተረዲእና ብተለምዶ ከምእንብሎ መቐይሮ ነጥቢ ሃፍቲ ትግራይ ጉልበትን መሬትን ዘይኮነስ ትኽክለኛ ኣታሓሳስባ፣ ፍልጠትን ክእለትን ዝተዓጠቐ ሓይሊ ሰብ ምዃኑ ብዕቱብ ምርዳእ የድሊ።

| COUNTRY | AREA | | CENSUS | | NOMINAL GDP IN USD | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | KM2 | % | POPULATION | DENSITY/KM2 | PER CAPITA | COMPARISON |
| TIGRAI | 53,638 | - | 6,000,000 | 112 | 900 | - |
| SOUTH KOREA | 100,363 | 187 | 51,446,201 | 513 | 32,000 | 1 : 36 |
| ISRAEL | 20,770 | 39 | 9,009,200 | 434 | 43,000 | 1 : 48 |
| SINGAPORE | 723 | 1.35 | 5,638,700 | 7,804 | 62,000 | 1 : 69 |
| LUXEMBOURG | 2,586 | 4.82 | 602,005 | 233 | 125,000 | 1 : 139 |
| WORLD - COUNTRIES | 14,894,000 | - | 7,530,000,000 | 506 | 12,000 | 1 : 13 |
| ትግራይና ሲንጋፖር ተተኾንስ | | | | 418,613,966 | | |

ሓንቲ ዓዲ ኣብ ህንፀት ሓይሊ ሰብ ፍሉይ ጠመተ ገይራ እትሰርሐሉ ዋና ምኽንያት ዘለዉዋ ፀጋታትን ክትፈጥሮም እትኽእሎም ፀጋታትን ብዝለዓለ ብርኪ ናብ ረብሓኣ ብምውዓል ቁጠባ፣ ፍትሒ፣ ዴሞክራሲን ሰላምን ህዝባ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ምውሳድ እዩ። ደቡብ ኮርያውያን ቅድሚ ሓይሊ ሰቦም ከም ቁልፊ ሃፍቲ ምንፃሮም ከባቢ 60 ዓመት ልድሕሪት እንትንርኢ 10 ኮርያውያን ክንዲ ሐዚ ዘሎ ሓደ ትግራዋይ ይሰርሑ ነይሮም ጥራሕ ዘይኮነስ ሰላምቶኦም ኣብ ከክንዲ ደሓን ዶ ውዒልኹም፣ ልብላዕ ዶ ረኺብኩም ይብሉ ምንባሮም ክንዝክር ከለና ልዑል ፍልጠትን ክእለትን ዝወነነ ሓይሊ ሰብ ብዋጋ ክትመን ዘይከኣል ኣዝዩ ክቡር መዓድን ሙዃኑ ግልፂ እዩ። ትግራይ፣ ሰብ እያ።



## 1.2 ቁልፊ መወዳደሪ ዓቕሚ ትግራይ

ሕሱም ድኽነት ብሄራዊ ክብርታትኻ ከይተረፈ ክትዋገ ዝገብር እናሃለወ ስለምንታይ ህዝቢ ትግራይ መዋእሉ ደቂ ሰባት ክፀርዎ ዘይኽእሉ ፀገማት እንትገጥምዎ ብሓባር ፈንጊሑ ዝወፅእ? ትግራይ ልዕሊ 99 ሚኢታዊ ሓደ ዘርኢ ወይከኣ ልዕሊ 95 ሚኢታዊ ተኸታሊ ሓደ ሃይማኖት ስለዘኾነ ዘይኮነስ ኣብ ታሪክ ትግራይ ሓደ ዘርኢ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዘርኢ፣ ሓደ ሃይማኖት ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ኢዱ ከልዕል እሞ ይትረፍ ዝኾነ ዘርኢ ይኹን ኣማኒ ሃይማኖት ልዕሊ ነብሱ ኣሓቱ ዘኽብር ኣብ ብጣዕሚ ፅኑዕ ድሲፕሊን ዝተሃንፀ፣ ልዑል ሞራል ስብእና ዝወነነ፣ ካብ ውሽጣዊ ተቓርኖ ሓራ ዝወፀ Homogenous ህዝቢ ስለዝኾነ እዩ።

ሃገራት ብዘረኢ፣ ሃይማኖት፣ ቀለምን ፈላላይ ሃፍትን እንትሕመሳ፣ ትግራዋይ፣ ተዛራባይ ትግርኛ፣ ኢሮብ፣ ኩናማ፣ ክስታናይ፣ ኣስላማይ ከይፈለየ ከም ማሕበረሰብ ስርቅን ሓሶትን ዝፅየፍ፣ ናይማቱ ዘይደሊ፣ ሰሳዕ ዘይፈልጥ፣ ፍጡር ኣዝዩ ዘኽብር፣ መዋእሉ ንፍትሒ ደው ዝበለ ፅኑዕ፣ ጅግና፣ ፅዋር፣ ሓቦኛ ዝኾነ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሓደ ዓይነት ልዑል ስነልቦና ዘለዎ ዝገርም ህዝቢ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ቁልፊ መወዳደሪ ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ፣ ሰረት ልዑል ሞራል ስብእንኡ ኣብ ዝኾኑ ፅኑዕ ብሄራዊ ክብርታቱ ዝተሃንፀ ሓድነቱ እዩ።

ርግፀኛ ኮይንካ ምዝራብ ዝከኣል ብስመ ብሄራዊ ክብርታትና ዘራኽስ መሸቀቒ ዘፍተሐ መሰል፣ ዘርኢ፣ ከባቢ፣ ሃይማኖት ይኹን ሃፍቲ ክንቆራቖስ ብሌን ዓይኒ ህዝብና ዝኾነት ሓድነቱ ተዘይዘሪግናዮ፣ ገባር ትግራዋይ ምስ ዘለዎ ትሑት ፍልጠትን ክእለትን ውፅኢቱ ዋላ ድኻም ጥራሕ እንተኾነ ኣብ ዓመት ዳርጋ 365 መዓልቲ መሬት እስካብ ትመሺ ብዘይ ምቁራፅ ዘፍስሶ ጉልበት እንትርአ ልዑል ፍልጠትን ክእለትን ክውንን እንተኺኢሉ ስሉጥ ምዕባለ ምስ ዘረጋገፃ ሃገራት ቻይና፣ ደቡብ ኮርያ፣ እስራኤል፣ ሲንጋፖር ዝመሳሰላ ሃገራት ከደላድል ዝኽእል ሰረት ዘለዎ ህዝቢ እዩ።

ይኹን'ምበር ክነስተብህሎ ዝግባእ ኣገዳሲ ነገር እንተሃለወ ሓድነት ቁልፊ መወዳደሪ ዓቕሚ Homogenous ህዝቢ ብዝኾኖ ልክዕ ሓደጉሑ ድማ፣ ባህሊ ሓሳብ ልዕልና ተዘይሃኒፅና፣ ውሽጣዊ ተቓርኖ ስለዘይብሉ ዕስለነት እዩ። ካልእ ክነስተብዕሎ ዝግባእ ትግራይ ዝመስል Homogenous ህዝቢ ዝኾነ ዓይነት ውሽጣዊ ወፅዓ ከተኣናግድ ኣዝዩ ዝፅገም ረቂቕ ስሚዒት ዘለዎ ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ትግራይ እትኽተሎም መስመር ፖለቲካን ቁጠባን ግልፅነት ብዘለዎ መንገዲ ድምፂ ህዝቢ ማዕረ ዘተኣናግዱን ማዕረ ተጠቃሚነት ዘረጋግፁን ክኾኑ ግድን እዩ።

ስለዝኾነ ድማ ትግራዋይነት ምእንታን ኣብ ፅኑዕ ሰረት ዘላቒ ረብሓ ትግራይ ክረግፅ መሰል ደቂ ሰባት ዘኽብር ማዕረ ተጠቃሚነትን ቀፃልነት ዘለዎ ስሉጥ ምዕባለን ተጋሩ ኣብ ዘረጋግፁ ብሉፃት ሓሳባት ክስርት ኣለዎ። ካብዙይ ወፃኢ ዝህሉ ናይ ድሑራት ኣከያይዳ ንዓኻ ዝመስል የለን ዝተጎልበበ ኣነ ጥራሕ ይፈልጠልካ ዝዓይነቱ መንገዲ ግን ኣዝዩ በታኒ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ህዝቢ ትግራይ ዘድልዮ ብፍሉይ ዝውንኖ ዘይኮነስ ብፍሉይ ዝሰርሐሉ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ትግራዋይነት ዝመስል ፍሉይ መወዳደሪ ዓቕምና ከም ብሌን ዓይንና ተዘይ ሓቢሒብናዮ ኣብ ዘቐመጥናዮ ዝፀንሕ ውህብቶ ዘይምዃኑ ተረዲእና ብሰንኪ ባዓቲ ድሑራት ዝኾና ከባቢ፣ ሃይማኖት፣ ዘርእን ብሄራዊ ክብርታትና ዘራኽስ መሸንቀቒ ዘፍተሐ መሰልን ብሰንኪ ሕሱም ድኽነት ዝመፅእ ፍልሰትን ምሽርሻር ብሉፃት ክብሪታት ማሕበረሰብ ብሌን ዓይንና ከይነንቁር ኣዚና ክንጥንቀቕ ይግባእ። My country, right or wrong ወትሩ ሃገረይ if right to be kept right; and if wrong, to be set right.

## 1.3 ዋሕስ ሰላም ትግራይ

ቅድሚ ኹሉ ኣቲናዮ ዘለና ከቢድ ሓደገኛ ጎንፂ ብቕልጡፍ ፖለቲካዊ ፍታሕ ክረክብ ኣለዎ። ስለዝኾነ'ውን የማን ፀጋም ከቢቦምና ዘለዉ መዋእሎም ዕብየቶም ብውድቀትና ዝዕቅኑ ድርዕቶ ድሕረት ዘብፅሕሉና ታሪክ ዘይርስዖ ባርባራዊ መጥቃዕቲ ኣራዊት ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ብዝኸፍአ ብርኪ ምትእምማን ከይህሉ ብምግባር ዝፀንሐ ድሑር ፖለቲካ

ሽርሕን ሃልክን ናብ ሓዱሽ ብራኸ ምጥልላፍ ስለዝወስደና ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሃበና መሰል ተጠቒምና ድሕንነትን ሃፍትን ተጋሩ ብዘረጋግፅ መንገዲ መፃኢና ክንውስን ግድን እዩ። ብዝተረፈ ብከቢድ መስዋእትነት ዝርከብ ወታደራዊ ዓወት ብናይ ፖለቲካ ዓወት እንተዘይ ተዛዚሙ ትርጉም ስለዘይህለዎ ብየመና ሕርቃን ድኹዒ ፖለቲካ ፀላእቲ ካብ ምዃን ወረርቲ መሬትና ክለቁን ናብ ህልዊት ዘምርሕ ዘሎ ህዝብና ሰብኣዊ ሓገዝ ክረክብን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ይከበር ኣብ ዝብል ፀኒዕና ሕጋውን ፖለቲካውን ቃልሲ ክንሐይል ይግባእ።




ካልእ ክነስተውዕሎ ዝግባእ ገዛእቲ ብዝፈጠርዎም ዝተፈላለዩ ድርዕቶ ድሑር ምቁሳላት ጎረባብትና ምፍታውን ምፅላእን ይከኣል ይኸውን'ምበር ምቕያር ፈፂሙ ስለዘይከኣል ምእንተ ቀፃሊ ስሉጥ ምዕባለ ቁጠባ ትግራይ የማን ፀጋም ምስ ዝህልዉ ኣሓት ህዝብታት ሰላም ክነስፍንን ናፃ ፍሰት ዕዳጋ ክህሉን ብዕቱብ ክንሰርሕ ይግባእ። ሃለዋቱ ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ ዝኾነ ዓይነት ህዝቢ ዘላቶ መማረፂት ሓንቲ ምስ ምዃና ተመላሊኡካ ናብ ምጥፋእ ተኽእልኡ ኣዝዩ ዓብዩ ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ድኩት አእትዮም ዝዓብዩ ጎረባብቲ ከም ዘይህልዉ ኹሉ ጎረባብታ ድኩት አእትያ እትዓቢ ትግራይ ስለዘይትህሉ ብኣንፃር ዘላቒ ረብሓ ህዝብና ፖለቲካ ትግራይ ልዕሊ ብሰንኪ ሕሱም ሽርሕን ሃልክን ዝፍጠር ዐዕናዊ ኹናት ተወሳኺ መማረፂ ዘለዎ ኣዝዩ ተዓፃፃፊ ክኾን ይግባእ። ይኹን'ምበር እንወስዶም መማረፅታት ግን ትግራይ ኩሉ ጊዜ ዘይተረጋገአ ሱር በቆስ ፖለቲካዊ ይኹን ዶባዊ ሕቶ ክህልዋ ዘይገብሩ ምዃኖም ብዝተኽኣለ መጠን ልመወዳእታ ጊዜ ምርግጋፅ ኣዝዩ የድሊ። እንተዘየለ፣ መዓዝ ከምዝባራዕ ዘይፍለጥ ዝተደጎለ ሓዊ ሒዝካ ኣብ ሞንጎ ድርዕቶ ድሑራት ዝግበር ፖለቲካዊ ጉዕዞ መሊሱ ክቡር ደም ከፍሰልና እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝቢ ትግራይ ክዋጋእ ዝተፈጠረ ይመስል ብዘይ ዕረፈቲ ኹናት ክቀባበሎ መጨረሽኡ ከም ህዝቢ ብየመና መከራ ክበርስ ዝኽእል ምዃኑ ብዕቱብ ምርዳእ የድሊ።

ብዝተረፈ ቀንዲ መንቀሊ ድሑር ፖለቲካ ሽርሕን ሃልክን ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ ይኹን ትግራይ ድኽነት እዩ። እትሃርፎ ናብራ እንድሕር ዘየብልካ እትሃርፎ ሰላም የለን፤ ታይ ክትገብረሉ!? ስለዝኾነ'ውን ትግራይ ውሽጣዊ ይኹኑ ደጋዊ ሓደጋታታ ብቐፃልነት ክትምክት እንተኾይና ልዕሊ ኹሉ ትግራዋይ ዝሃርፎ ቁጠባ ክትሃንፅ ግድን እዩ። መንነትና ከብርሱ እንትመፁ ብፍፁም ሓድነት ሓራስ ነብሪ ብንኾኖ ልክዕ ዝዓተርናዮ ቁጠባዊ ረብሓ ክምንዝዕ ዝመፅእ ፀላኢ'ውን ሓራስ ነብሪ ክንኾን ባህርያዊ እዩ። ብሓፂሩ ዋሕስ ሰላም ትግራይ እንተነኣሰ ኣብ ኣፍሪካ ኣብነት ክኾን ዝኽእል ካብ ተጋሩ ሓሊፉ ከባቢና ዘለዉ ህዝብታት ተስፋ ዝህብ፣ ዝሃርፈዎን ዝቋደስዎን ስሉጥ ምዕባለ እዩ።

ኣብ መወዳእታ፣ መራሒ ደቡብ ኮርያ ዝነበረ ጀነራል ፓርክ ብፀላእቲ ዝተኸበበት ድኻ ዓዲ እንትርከብ ርእዩ Rich Nation, Strong Army ምዃኑ ብዘገለፆ ልክዕ ሺሕ ጊዜ ዋላ ፅቡቕ እንተተመነና ዕብየቶም ብውድቀትና ዝዕቅኑ ሓልታት ድርዕቶ ድሕረት የማን ፀጋም ምስ ህላዎም ፎተና ፀላእና ከም እስራኤላውያን ቴክኖሎጂ ተሓንጊጥና ወትሩ ንኽፉእ ክንዳሎ ግድን ስለዝኾነ ብሄራዊ ግልጋሎት መናእሰይ ትግራይ ኣገዳሲ እዩ። ከባቢ 75 ሃገራት ዓለም ብሄራዊ ግልጋሎት መናእሰይ ዋላ'ኳ እንትህልወን ክንዲ እሰራኤልን ሲነጋፖርን ግን ተሞክሮ ክንወስደሉ ዝግባእ ካብ ውሕስና ደሕንነት ሃገር ሓሊፉ መሪሕ ተራ ህንፀት ሓይሊ ሰብ ዝፃወት ዕውት ፕሮግራም የለን።

ስለዝኾነ'ውን መናእሰይ ትግራይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ምስወድኡ ቅድሚ ዩኒቨርሲቲ ምእታዉ ብሄራዊ ግልጋሎትን ዝደለዮ ዓይነት ሙያዊ ስልጠናን ዝወስደሉ Gap Year Program ተዝህሉ ይምረፅ። ሽዱሽተ ወርሒ ወታደራዊ ስልጠና ካልኣይ ክፋል ሽድሽተ ወርሒ ድማ ዝደለዮ ዓይነት ሙያዊ ስልጠና ይወስድ ማለት እዩ። ብመሰረት ውፅኢት ብሄራዊ ፈተና ድማ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ነጥቢ ዘይረኸቡ ልሓደ ዓመት ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ምክልኻል ትግራይ ኾይኖም ብዝተምሃርዎ ሙያ ህዝቦም ብናፃ እንተገልግሉ ዩኒቨርስቲ ዝኣትዉ ድማ ኣርባዕተ ክረምቲ በብዓመቱ ክልተ ወርሒ ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ምክልኻል ትግራይ ኾይኖም ብዝሰልጠንዎ ሙያ ህዝቦም ብናፃ የገልግሉ ማለት እዩ።

## 1.4 ባህሊ ፖለቲካ ትግራይ

ባህልና ኣዝዩ ዓፋኒ እዩ። ይትረፍ ብብርኪ ሃገር ብብርኪ ስድራ'ውን ግልፅነት የለን። እመነሉ ኣይትእመነሉ ኣብዝሓ ተዘይመሲልካ ዝበፅሖካ ውግዘት ማሕበረሰብ ፍርሒ ኣብ ዘይኣመንካሉ ደንበ ዕስለ ትነብር። ብዙሕ ጊዜ ከም ኣብነት እነልዕሎም እስራኤላውያን ብኣንፃሩ ነገራት መርሚሮም እስካብ ዝርድኡ መንገዲ ዕስለ ፍፁም ኣይሓስብዎን ጥራሕ ዘይኮነስ ውግዘት ማሕበረሰብ ኣይታዮምን። ትግራይ ትሰምዕ'ምበር ኣይትዛረብን፤ ትኣምን'ምበር ኣይትምርምርን።

ዘመናዊ ፖለቲካና'ውን እንትንርኢ ቅዳሕ ባህልና እዩ። ዝተፈለየ ሓሳብ እንተምፂእኻ ብብርኪ ፀላኢ ይፍርጀካ ጥራሕ ዘይኮነስ ሃለዋትካ እስካብ ዝጠፍእ ህዝቢ እናጣቐዐ መንግሰታዊ መሓውር ከይተረፈ ተጠቒሙ እናተኸታተለ ይቕጥቕጠካ። መብዛሕትና ምስቲ ገጢሙና ዘሎ መስካሕከሒ ፀገም ሓዋዊስና ገዛኢ ውድብ ፈሊና ብፀረ ዴሞክራሲያዊነት ኣምሪርና ክንወቅስ ይረአ። ልክዕ'ዩ ብዝነበሮ ድኽመት ልክዕ ክውቀስ'ውን ይግበኦ። ይኹን'ምበር ድሕር ባህሊ ፖለቲካ ትግራይ ልዕሊ ሓደ ውድብ ሱር ዝሰደደ ማሕበረሰባዊ ፀገም ምዃኑ ክንርዳእ ይግባእ።

እንምነያ ምዕብልቲ ዓባይ ትግራይ ብዘይ ስክፍታ ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ሓሳባትና እንገልፀላ ክትኾን ይግባእ ጥራሕ ዘይኮነስ ፅኑዕ ሰረታ ብሉፅ ሓሳብ ክኾን ይግበኦ። ስለዝኾነ'ውን መሓውር ፖለቲካን መንግስትን ፍፁም ክፈላለዩ ኣለዎም። ሕጊ መውፅኢ ባዕልኻ፣ ሕጊ ፈፃሚ ባዕልኻ፣ ሕጊ ተርጓሚ ባዕልኻ፣ ኢንቨስተር ባዕልኻ፣ ቢሮክራሲ ባዕልኻ፣ ማሕበራት ባዕልኻ እንተኾይኑ ህዝቢ ካባኻ ወፃኢ ህይወት ስለዘይብሉ ይጥዓሞ ኣይጥዓሞ ካብ ምጥቃዕ ወፃኢ ታይ መማረፂ ኣለዎ!? ዴሞክራሲ መማረፂ ዘይኮነስ ሰረት ምዕብልቲ ትግራይ ስለዝኾነ ሓሳብ ክንፈርሕ ኣይብልናን ጥራሕ ዘይኮነስ ናፃ ዕዳጋ ሓሳብ ብዝዓምበበ ቑፅሪ ፍርያት ብሉፃት ሓሳባት እንሓፍሰሉ ዓውዲ እዩ።

ብዝተረፈ ብልጫና Homogeneity ዝሃበና ሓድነት ብዝኾኖ ልክዕ ሓደጋና ድማ ብዋሕዲ ፍልጠትን ክእለትን ዝተጠቕዐ ዉሑድ ቁፅርናን ድሕር ፖለቲካናን ምዃኑ ግልፂ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ብቐፃሊ ኣብ እንሃንፆ ስርዓት እዘን ዝቕፅላ ዓርባዕተ ነገር እንተነስተውዕለን ፅቡቕ ይመስለኒ።

- ✓ ሓድነት፣ ቀይሕ መስመር ፖለቲካ ትግራይ እዩ። ሓድነት ተጋሩ ክዕቀብ እንተኾይኑ ድማ ቁልፊ መፍትሒኡ፣ ድምፂ ተጋሩ ብዘይ ሌላን ጉሌላን ማዕረ ዝሰምዕ፣ ሰረቱ Level Playing Field ዝገበረ ብሕጊ ዝግዛእ መፃወቲ ማይዳ ፖለቲካ እዩ።
- ✓ ትግራይ፣ ሽያጢት እምበር ገዛኢት ክትኮን ኣይትክእልን። ቑፅርናን ባህግናን እንትንሓስብ እንምነያ ፈላጥን ክኢላን ትግራይ ከም በዓል ደቡብ ኮርያ፣ ሲንጋፖርን እስራኤልን ብመሸጣ ምህርትን ግልጋሎትን እምበር ከም በዓል ቻይናን ህንድን ብናይ ምግዛእ ዓቕማ ተኣማሚና መፃኢኣ ክትውስን ኣይትኽእልን።
- ✓ ህንፀት ሓይሊ ሰብ፣ ፕሮጀክት ሞትን ሕየትን ትግራይ እዩ። ትግራይ ካብ ማንም ዘይነኣኣሱ ፀጋታት'ኳ እንተሃለይዋ ዝለዓለ ፍልጠትን ክእለትን እንተዘይፈሲሱዎም ግን ብጥሪኡ ዝሕፈሱ ኣይኮኑን። እንምነያ ምዕብልቲ ትግራይ፣ ዓበይቲ ፍልጠትን ክእለትን ብዝዓተሩ ተጋሩ ትግለፅ።
- ✓ Homogeneity ህዝቢ ትግራይ ካብ ተረዳዳእና፣ ስርዓት መረፃ ትግራይ፣ ዝተለመደ 50+1 ብዝብል ኣሰራርሓ ናይ ልዕሊ 49 ሚኢታዊ ድምፂ ህዝቢ ዝድርቢ ልሙድ ኣከያይዳ ዘይኮነስ እስራኤል ዝመሰሉ ሃገራት ዝክተልዎ Proportional Representation ዝዓይነቱ ሕድ ሕድ ድምፂ ህዝቢ ማዕረ ዋጋ ብዝህብ መንገዲ ክቃነ ይግባእ።

## 1.5 ፀጋታት ትግራይ

ኩነታት ናብራ ሓንቲ ሃገር ብድምር ውፅኢት ናብራ ህዝባ ይግለፅ። ስለዝኾነ'ውን ትግራይ ዘለዉዋ ተፈጥራዊ ፀጋታትን ክትፈጥሮም እትኽእል ፀጋታትን ምእንታን ልረብሓ ተጋሩ ብዝላዓለ ብራኽ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ እቲ ዝዓበየ ብሉፅ ፀጋኣ ዓዱ ሰሪሑ ክሓልፈሉ ዝህንጠ ትግራይ ሰፔሻላይዝድ ዝገበረ ዝለዓለ ብራኽ ፍልጠትን ክእለትን ዝዓተረ ዜጋኣ ምኺኑ ክንርዳእ ይግባእ። ትግራይ ሰፔሻላይዝድ ዝገበረ ትግራዋይ ፈላጥን ኪኢላን የድልየና እንተይልና ቅድሚ ኹሉ ፀጋታት ትግራይ ምንፃር የድሊ።



ትግራይ ብጣዕሚ ምቹው ዝኾነ ኩሉ ዓይነት ኩነታት ኣየር ምስ ምህላዉ፣ ዘመናዊ ሕርሻ ማለት'ውን ምርባሕ ብዕራይ፣ ላሕሚ፣ ጠለ በጊዕ፣ ደርሁ፣ ንህቢ፣ ዓሳ፣ ዘራእቲ፣ መግቢ እንስሳ፣ ኣሕምልቲ፣ ቀዋሚ ተኽሊ ኣባያኣ ምኺኑ ይፍለጥ።

ብመዳይ መዓድን'ውን እተሪኢና ዝተፈላለዩ ዓይነት ሳፋየር፣ ወርቂ፣ ብረት፣ ኮፐር፣ ግራናይት፣ ማርብል፣ ፅርቢ እምንን ካልኦት ሰፊሕ ፅንዓት ዝደልዩ ብርክት ዝበሉ ፀጊና ዘይፈለጥናዮም መዓድናት ከምዘለዋ ይግመት። ኢትዮጵያ ኣለኒ እትብሎ ዳርጋ ኩሉ ታሪክ፣ ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ፍልስፍና፣ ስነ ፅሑፍ፣ ስነ ህንፃን ሰሓባይ ኣቀማምጣ መሬትን ትግራዋይ ምኺኑ ክትርኢ ከለኻ'ውን ቱሪዝም ዘይተተንከፈ ዓብዪ ፀጋ ትግራይ ምኺኑ ብቐሊሉ ትርዳእ። ቱሪዝም ትግራይ ብውነ ተዝስረሐሉ ምስ ስልጣነ ኣክሱም ኣተኣሳሲርኻ ፅላተ ሙሴን መስጊድ ነጋሽን ክርኢ ዘውሕዝ ህዝቢ ዓለም ይኣክል።

ብመዳይ ኢነርጂ'ውን ሃይድሮ፣ ፀሓይ፣ ነፋስን ፅዑይ መፅናዕቲ ዝደሊ ኦይል ሼልን ፀጋታትና ምኺኖም ዝፍለጥ ኾይኑ ትግራይ ዘለውዋ ፀጋታት ሕርሻ፣ መዓድን፣ ቱሪዝምን ኢነርጅን ብዝለዓለ ብርኪ ክትርብሐሎም እንተኾይና ድማ ማኑፋክቸሪንግን ዝተፈላለዩ ዘመናዊ ግልጋሎትን ስራሕቲ ቴክኖሎጂን ክትፈጥሮም ዝግብኡ ፀጋታት ምኺኖም ግሁድ እዩ። ይኹን'ምበር ምስ ዝኾነ ሃገር እንትነፃፀር ዝሐሸ'ምበር ዝነኣሰ ፀጋታት ዘይብላ ዓዲ ልዕሊ ሓፈሻዊ ፍልጠት ዝዘለለ ፅዑይ ፍልጠት መሰረት ዝገበረ ጭቡጥ ሓበሬታ ፀጋታትናን ንፁር ኣንፈት ክንፈጥሮም ዝግበኣና ፀጋታትን ዘይምህላው ጥራሕ ዘይኮነስ ብሰንኪ ትሑት ፍልጠትን ክእለትን ኣለዉዋ ተባሂሎም ብዝፍለጡ ፀጋታት ልክዕ'ውን ክትርባሕ ከምዘይከኣለት ይፍለጥ። ስለዝኾነ'ውን እንምነያ ምዕብልቲ ትግራይ ክትገሃድ እንተኾይና ኣንፈት ቁጠባ ትግራይን ትምህርቲ ትግራይን ክናበቡ ግድን እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ
# ህንፀት ሓይሊ ሰብ

Confucius ዝተብሃለ ቻይናዊ ፈላስፋ If you think in terms of a year, plant a seed; if in terms of ten years, plant trees; if in terms of 100 years, teach the people ብዝብሎ ልክዕ ምዕብልቲ ትግራይ እትግለፅ ዓበይቲ ፍልጠትን ክእለትን ብዝወነኑ በላሕቲ ተጋሩ እንተኾይና ታይ ይገበር?

ቁፅራዊ መዐቀኒ Intelligence ወይከኣ Intelligence Quotient (IQ) እታ ንዘመናት ዝነበርናላ ሃገር፣ ትግራይ ሓዊሱ፣ ማእኸላይ ናይ ህዝባ IQ 69 ምዃኑ ፅንዓታት የመላኽቱ። ብመሰረት Wechsler (WAIS–IV, WPPSI–IV) IQ classification ድማ ልዕሊ 130 Very Superior፣ 120–129 Superior፣ 110–119 High Average፣ 90–109 Average፣ 80–89 Low Average፣ 70–79 Very Low ፣ ትሕቲ 69 Extremely Low ብዝብል ይሰርዖም። ብሕልፊ ኣብ ትግራይ ሱር ዝሰደደ ፀገም ድኽዳኽን ከምዘሐሸሉ ብዕድሉ ይዕበ ዝዓይነቱ ፍልጠት ዝጎደሎ ኣተዓባብያ እሸላትን ድማ ዝለዓለ ኣሉታዊ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ይፍለጥ።

ድኽዳኽ ኣመልኪቱ ውድብ ጥዕና ዓለም ብሕልፊ ጥንሲ ካብ ዝጀመረትላ ዕለት ጀሚሩ ዘለዋ 1000 መዓልቲ ኣብ ናይ ወዲሰብ ምዕሩይ ዕብየት ሓንጎል መተካእታ ዘየብሉ ጊዜ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብዚኣ ዝተበላሸወ ዕብየት ሓንጎል ብሕክምና'ውን ክዕሪ ከምዘይኽእል የመላኽት። ስለዝኾነ'ውን መግብን ጥዕናን ህፃናትን ኣዴታትን ልዑል ጠመተ ከም ዘድልዮ ብዕቱብ ይመክር። ብካልእ ሸነክ Fuller ዝተብሃለ ፍሉጥ ኣሜሪካዊ ከምዝብሎ All children are born geniuses, and we spend the first six years of their lives degeniusing them … 9,999 out of every 10,000 are swiftly, inadvertently degeniusized by grownups ህፃናት ምእንታን ክንዲ ድሌቶም ሓቲቶምን ተረዲኦምን ዕላማ ዘለዎም ምኽንያታውያን ኮይኖም ክዓብዩ ብልዑል ኣመሃህራ ሜላን ኪኢላታት መማህራንን እናተሓገዙ መዋዕልቲ ሳይንስ፣ ኪነ ጥበብ፣ ስፖርት፣ ታሪኽ፣ ቋንቋ፣ ባህልን ክብርታት ዓዶምን ክኾኑ ይግባእ።

ሓንቲ ሃገር ኣብ ህንፀት ሓይሊ ሰብ ፍሉይ ጠመተ ገይራ እትሰርሐሉ ዋና ምኽንያት ዘለዉዋ ፀጋታትን ክትፈጥሮም እትኽእሎም ፀጋታትን ብዝለዓለ ብርኪ ናብ ረብሓኣ ብምውዓል ቁጠባ፣ ፍትሒ፣ ዴሞክራሲን ሰላምን ህዝባ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ምውሳድ ስለዝኾነ ህንፀት ሓይሊ ሰብ ትግራይ፣ ትግራይ ተኮር ክኾን ይግበኣ። ሓፈሻዊ ፍልጠት ፖለቲካ፣ ሕርሻ፣ መኣድን፣ ቱሪዝም፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ቴክኖሎጂ፣ ግልጋሎት፣ ሃፍቲ ማይን ፃዓትን ዘይኮነስ ፈላጣት ፖለቲካ፣ ሕርሻ፣ መኣድን፣ ቱሪዝም፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ቴክኖሎጂ፣ ግልጋሎት፣ ሃፍቲ ማይን ፃዓትን ትግራይ የድልዩና። ብሓፂሩ ትግራዋይ ትምህርቲ የድልየና።

## 2.1 ትግሪኛ - ቋንቋ ሳይንስን ቴክኖሎጅን

ወዲ ሰብ ኣፉ ብዝፈትሓሉ ቋንቋ እንትሓስብ፣ እንትዛረብ፣ እንትሰምዕ፣ እንትፅሕፍን እንትመራመርን ብዘይ ፀገም ዓቕሙ ፀንቂቑ ከም ልቡ ክዕንድር ስለዝሕግዞ ኣዝዩ ውፅኢታዊ ከም ዝኾን ካብ በዓል ቻይና፣ ጃፓን፣ ኮርያ፣ እስራኤል፣ ጀርመን፣ ጣልያን፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያ፣ ስፔይን፣ ፖርቹጋል፣ ኢራን፣ ግሪክ፣ ኣሜሪካ፣ እንግሊዝ ምምሃር ይከኣል ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ናይ ህዝባ ኣፍ መፍትሒ ቋንቋ ወፃኢ ተማሂራን ተመራሚራን ዝላ ዘመዝገበት ሃገር ምርካብ ኣፀጋሚ እዩ።

ሰብ ሙሉእ ስነ ኣእምሮ ከምዝብልዎ as the Subconscious mind controls 95 percent of our thoughts and beliefs which are formed on a subconscious level between 2 to 7 years of age when learning is subconscious and when it comes to language, the window starts to close and it becomes very difficult to reach the proficiency of a native speaker if you start to learn later than age ten ትግራይ ብዝለዓለ ብርኪ ክትሓስብ፣ ክትዛረብ፣ ክትሰምዕ፣ ክትፅሕፍን ክትመራመርን እንተኾይና ብኸይዲ ቋንቋ ትግርኛ ቋንቋ ስርዓት ትምህርቲ ትግራይ ክኾን ይግብኦ ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ቋንቋ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክዓቢ ግድን እዩ።

## 2.2 Digital Education

ሕፅረት ብቑዓት መማህራን፣ ሕፅረት መፃሕፍትን ሕፅረት ቤተ ፈተነን ብቐሊሉ ክቕረፍ እንተኾይኑ ካብ መውኣለ ህፃናት ጀሚሩ

እስካብ ዩኒቨርስቲ ዝርከቡ ተምሃሮ ዝመሃርዎም ትምህርትን ተዛመድቲ ሓገዝቲ መፃሕፍተን ቨርቹዋል ቤተ ፈተነን ሓዊሱ ብፅሑፍ፣ ብድምፅን ብምስልን ተዳልዮም ሕድ ሕድ ተምሃራይ ጊዜን ቦታን ከይገደቦ ምእታን ትምህርቱ ክከታተል ብመልክዕ ታብሌት ዝረኽበሉ ዕድል ክዝርጋሕ ኣለዎ። Digital Education ማለት ብሉፅ ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ብሉፅ መምህር፣ ብሉፅ መፅሓፍትን ብሉፅ ቨርችዋል ቤተ ፈተነን ብሓንቲ ታብሌት ኣቢልካ ኣብ ዝደለኻዮ ሰዓትን ቦታን ምርካብ ማለት እዩ።

## 2.3 School Feeding

ትግራይ ዓቕሚ ሓይሊ ሰባ መሊኣ ክትጥቀም እንተኾይና ፀገም ድኽዳኸ ብቕልጡፍ ከብቅዕ ኣለዎ። ስለዝኾነ'ውን ጠንቂ መንቀሊ ድኽዳኸ ሕፅረት መግብን ሕክምናን ምስ ምዃኑ ሕድ ሕድ ቤት ትምህርቲ ትግራይ ልተምሃሮአን ናፃ ምግብናን ሕክምናን ብዘቕርባሉ መንገዲ ምትዕርራይ ክገብራ ኣለዎን። ምግብና ተምሃሮ እግረ መንገዱ ባኒ ሓዊሱ ቀረብ እንቋቁሖ፣ ስጋ፣ ፀባ፣ መዓር፣ ኣሕምልቲ ይኹን ፍራምረን በብኸባቢኡ ዘሎ ገባር ስለዝውንኖ ቁጠባ ገባር ትግራይ ኣብ ምብርባር'ውን ዓብዪ ግደ ክህልዎ እዩ።

## 2.4 National Examination

ፅርየት ትምህርቲ ቁልፊ ዕማም ህንፀት ሓይሊ ሰብ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ሓደ ካፍቶም መዐቀኒ ፅርየት ትምህርቲ ፈተና ምስ ምዃኑ ዲጂታል ስርዓት ብምጥቃም ካብ ቀዳማይ ብርኪ እስካብ ዩኒቨርሲቲ ዝርከቡ ተመሳሳሊ ትምህርቲ ዝመሃሩ ተምሃሮ ካብ ማእኸል ብዝዳሎ ብሄራዊ ፈተና ውፅኢት ሕድ ሕድ ተምሃሮ፣ መምህርን ቤት ትምህርትን በብሰሚስቴሩ እናተገምገመ ክምራሕ ይግባእ።

## 2.5 Competency

ወለዶ ክቐርፁ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ሰብ ሙያ ልዕሊ ኹሉ ልዑል ስብእና፣ ፍልጠትን ክእለትን ክህልዎም ስለዝግባእ ሕድ ሕድ መምህር እንተነኣሰ በብኸልተ ዓመት ዝቐርበሉ መረጋገፂ ብቕዓት ክሓልፍ ግድን ዝገብር ስርዓት ክዝርጋሕ ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ ብቑዕ መምህር'ውን ዘተባብዕ ስርዓት Performance Related Pay ክህልወና ይግባእ።

## 2.6 Gifted and Talented Education

ትግራይ ዓለም ዝቋመታ ዓዲ ክትኾን እንተኾይና ልዑል ፍልጠትን ክእለትን ሰብ ሙያ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብበዝሒን ብተነፃፃሪ ትሑት ዋጋን ዝርከቡላ ዓዲ እንተኾይና እያ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብፍላይ ልዑል ዓቕምን ድሌትን ዘለዎም ተምሃሮ ኩሉ ነገር ኣብ ዝተማለአለን በብወረድኡ ኣብ ዝተመረፃ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እስካብ ዩኒቨርሲቲ ዝመሃርሉ ዕድል ተዝመቻቾ ኣብ ሞንጎ ብሉፃት ተምሃሮ ብዝግበር ንሕንሕ ጥራይ ተኣምር ክፍጠር ይኽእል እዩ። ብኣውርኡ ድማ ትግራይ ዘለውዋ ፀጋታት ሕርሻ፣ መዓድንን ቱሪዝምን ክትፈጥሮም እትኽእል ፀጋታት ማኑፋክኣሪንግ፣ ቴክሎኖሎጅን ስራሕቲ ግልጋሎትን ቴክኖሎጂ ክመርሖ ስለዝግባእ ዓበይቲ ሰብ ሙያ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ልዕሊ ምፍራይ ቀፃሊ ዕዳጋ ዓለም ዲጅታል ምስ ምዃኑ ስራሕቲ ዓበይቲ ትካላት ዓለምና ብተነፃፃሪ ብዝተሓተ ዋጋን ብዝለዓለ ፅርየትን ሰለጤንን Online ብዝሰርሑ ተጋሩ ትካላት ኢንፎሜሽን ቴክኖሎጂ ትግራይ ብቐሊሉ ቢልዮናት እትሓፍሰሉ ዓውደ ስራሕ ምፍጣር ይከኣል እዩ።

## 2.7 መረጋገፂ ብቕዓት ኮሌጅ ቴክኒክን ሙያን

ቀዳማይ ምዕራፍ ኢንጅን ቁጠባ ትግራይ ስራሕቲ ሕርሻ፣ መዓድን፣ ቱሪዝም፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ግልጋሎትን ኮንስትክሽንን ምስ ምዃኑ ብቕዓት ምሩቓት ኮሌጅ ቴክኒክን ሙያን ዝለዓለ ጠመተ የድልዮ ጥራሕ ዘይኮነስ ትግራይ ካብ ሕርሻ እስካብ ማኑፋክቸሪንግ ዘለዋ ሃፍቲ ብሙልኡ እተፍሰሉ ሓይሊ ስለዝኾነ ብቕዓት ኮሌጃት ቴክኒክን ሙያን ትግራይ ዓለም ለኸ ትካላት በብጊዜኡ ኦዲት እናገበሩ ኣድላዪ ምትዕርራይ ዝግበረሉ ስርዓት ክዝርጋሕ ኣለዎ። ብሕልፊ ስራሕቲ ሕርሻ፣ መዓድን፣ ቱሪዝም፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ግልጋሎትን ኮንስትክሽንን ትግራይ ምስ ዓለም ከደላደል እንተኾይኑ ልዑል ክእለት ምሩቓት ቴክኒክን ሙያን ትግራይ መተካእታ ዘይብሉ ስለዝኾነ እነፍርዮም ሰብ ሙያ ኣብ ዝኾነ ናይ ዓለም ኹርናዕ ክሰርሑ ዘኽእሎም ዓለም ለኸ መረጋገፂ ብቕዓት ሙያ ዝረኽብሉ ዕድል ክመቻቸ ኣለዎ። ብቕዓት ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ብምፍራይ ልዓበይቲ ዓለም ለኸ ትካላት ብምቕራብ ዝፍለጥ ናይ ፊሊፕንስ Technical Education and Skills Development Authority (TESDA) ዝመሰሉ ብሉፅ ተሞክሮ ሃገራት ዓለም ምፍታሽ'ውን ኣድላዪ እዩ።

## 2.8 Gap Year Program

መንእሰይ ትግራይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቱ ምስ ወደአ ቅድሚ ዩኒቨርሲቲ ምእታዉ ብሄራዊ ግልጋሎትን ዝደለዮ ዓይነት ሙያዊ ስልጠናን ዝወስደሉ Gap Year Program ክህልዎ ኣገዳሲ እዩ። ሽዱሽተ ወርሒ ወታደራዊ ስልጠና እንተወስድ ሽድሽተ ወርሒ ድማ ዝደለዮ ዓይነት ሙያዊ ስልጠና ይወስድ ማለት እዩ። ብመሰረት ውፅኢት ብሄራዊ ፈተና ድማ ዩኒቨርስቲ መእተዊ ነጥቢ ዘይረኸቡ ልተወሳኺ ሓደ ዓመት ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ምክልኻል ትግራይ ኾይኖም ብዝተምሃርዎ ሙያ ህዝቦም ብናፃ እናገልገሉ ምስፀንሑ ኮሌጃት ቴክኒክን ሙያን እንትፅምበሩ ዩኒቨርስቲ ብቀጥታ ዝኣትዉ ድማ ኣርባዕተ ኽረምቲ በብዓመቱ ልኽልተ ወርሒ ዝኣክል ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ምክልኻል ትግራይ ኾይኖም ብዝተምሃርዎ ሙያ ህዝቦም ብናፃ የገልግሉ ማለት እዩ።



Gap Year Program ብሄራዊ ግልጋሎት፣ መናእሰይ እግረ መንገዱ ሰላም ትግራይ እናኸበረ እንተነኣሰ ሕድ ሕድ ትግራዋይ ሓደ ናብርኡ ዘሳልጠሉ ተወሳኺ ሙያ ክህልዎ ይገብር፣ መንእሰይ ፅኑዕ ድሲፕሊን ክህልዎ ይገብር፣ መናእሰይ ቀፃሊ ናብ ረብሓ ክሽረፍ ዘኽእል ርክብ ይህልዎም፣ ቅድሚ ዝለዓለ ትምህርቲ ይኹን ስራሕ ምጅማሮም ጭቡጥ ተመክሮ ህይወት ክህልዎም ይገብር፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ቀፃላይ ክመሃርዎን ክሰርሕዎን ዝደልይዎ ነገር ብውኑ ክውስኑ ይሕግዞም፣ ሰረት መንነቶም ዝኾኑ ክብርታቶም ኣብ ባሕሪ ህዝቦም ኣትዮም ይመሃሩ፣ መሪሕነት፣ መሃዛይነት፣ ፅንዓት፣ ወዘተረፈ ብተግባር ክመሃሩ ይገብር። በዚ ኣጋጣሚ ሰረት ምሽጥር ልዑል ምዕባለ እስራኤል መናእሰያ ዝተፈላለዩ ሙያን ዓርሰ እምነት መሪሕነት ብግበሪ ዝመሃርሉ መስርዕ ብሄራዊ ግልጋሎቶም ምስ ምዃኑ ብሉፅ ተመክሮ እስራኤል ምስ ኩነታት ትግራይ ኣታኣሳሲርኻ ምፍታሹ ፅቡቕ እዩ።

## 2.9 መዘናግዒ መናእሰይ

ትግራይ ጥዕንኡ ዝተሓለወ በሊሕ መፍረያይ መንእሰይ የድልያ። ስለዝኾነ'ውን ካብ ሕድ ሕድ ቤት ትምህርቲ ብተወሳኺ ሕድ ሕድ ወረዳ ብቐፃልነት እስካብ ብርኪ ፕሮፈሽናል ዝጥምቱ ስራሕቲ ልምዓት ስፖርት ተሓሳቢ ዝገበረ መናእሰይ ዝዘናግዕሉ እንተነኣሰ ከባቢ 200 x 300 ሜትሮ ሰፍሓት ዘለዎ መሬት ፀሪገን ብቐሊሉ ምቹው መስርሒ ስፖርት መናእሰይ ብቕልጡፍ ክዳልዋ ኣለወን። ብተወሳኺ መናእሰይ ብስፍሓት ዘሳትፉ ከበባት ስፖርት፣ ሰርከስ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ሙዚቃ፣ ተዋስኦ፣ ንባብ፣ ታሪክ፣ ዓድኻ ፍለጥ፣ ወለንታውያን፣ ወዘተረፈ ብምጥያሽን መናእሰይ ብሕልፊ ክረምታዊ ናፃ ግልጋሎት ስራሕቲ ማሕረስ፣ ፃህያይን ዓፂድን ዓምዲ ትግራይ ንዝኾነ ገባር ብቀዋሚነት ዝሕግዝሉ ኣወዳድባታት ክዳሎ ይግባእ።

## 2.10 Mobile Medical Facilities

ህፃናት ይንኣስ ይዕበ ሕክምና ክረኽቡ ግድን እዩ። ስለዝኾነ' ውን ዝዓነዉን ዝተዘርፉን ትካላት ጥዕና ብእንደልዮ ስታንዳርድ እስካብ ዝማልኡ ህዝቢ ኣርሒቑ ናብ ግልጋሎት ጥዕና ዘይኮነስ ግልጋሎት ጥዕና ናብ ህዝቢ ክኸድ ይግበእ። ብመሰረት ቀውሲ እትገጥም ዓለምና እትኽተሎ ተሞክሮ፣ ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳ ኣብ መዓልትታት እትገጣጠም ሓንቲ Mobile Hospital ን ሓንቲ Mobile Medical Truck ን ሓዊሱ ልዕሊ ዝኾነ ጊዜ ህዝብና ጥዕና ግልጋሎት ደለያ ኣርሒቑ ከይኸይድ በብጣብይኡ ቀረብ Ambulance ሓዊሱ Mobile Medical Facilities እንተዝተኣታቶ ዝሐሸ ቅልጡፍ ፍታሕ ይመስለኒ።

## 2.11 ፍሉይ ፈንድ ትምህርቲ

ህንፀት ሓይሊ ሰብ ትግራይ ሱር በቆስ ለውጢ ክምፅእ እንተኾይኑ ገዚፍ ፋይናንስ ከምዝጠልብ ግልፂ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ቁጠባ ትግራይ ማእኸላይ እቶት ሃገራት ዓለም እስካብ ዝበፅሕ ንዝቕፅሉ ዓሰርተ ዓመታት ዝፀንሕ ኣብ መሸጢ ዋጋ ካብ 5 ሚኢታዊ ዘይበልፅ ፍሉይ ግብሪ ፈንድ ትምህርቲ ትግራይ ክተኣታቶ ይግባእ። ብዝተረፈ ህንፀት እነሃርፋ ምዕብልቲ ትግራይ መንግስቲ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ሕድ ሕድ ትግራዋይ ተሳትፎ ዝጠልብ ምስ ምኳኑ ዓለም ሙሉእ ዝርከብ ትግራዋይ ብዝተማእኸለ መንገዲ ኣብ ትሕቲ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ተወዲቡ መተካእታ ዘየብሉ ማሕበራዊ ሓላፍነቱ ክዋፃእ ይግባእ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ቀፃሊ ኣንፈት ልምዓት ቁጠባ

ትግራይ ድርዕቶ ድሕረት የማን ፀጋም ተዛሪዮም ዐዕንዮማ እዮም። ስለዝኾነ'ውን ትግራይ ልዕሊ ዝኾነ ጊዜ ናይ ሓፂርን ነዊሕን ንፁር መሪሕ ትልሚ ስሉጥ ምዕባለ ቁጠባ የድልያ። ትግራይ ሰለስተ ዓመት ሙሉእ ኣይሰርሐትን ጥራሕ ዘይኮነስ ቅድም ኢላ ዝሰርሐቶ'ውን ናይ ሰብ ፍጥረት ክፍፅሞ እዩ ተባሂሉ ብዘይግመት ብርኪ ብጠባናት ፀላእቲ ተዘሪፉን ዓንዩን እዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ኹናት ዝተርአየ ምእማኑ ዘፀግም ስምረት እንትንርኢ እንተወሰናና ኣብ ሓፂር ጊዜ ተጋሩ ዝሃርፍዋ ትግራይ ክነግህድ ዓቕሚ ከምዘለና መርአያ እዩ።

ቅድሚ ኹሉ ግን ሰገር ገጢሙና ዘሎ ዘላ ተሃራፊት ትግራይ ክንርኢ እንተኾይና ብሰንኪ ዘሕለፍናዮ ዐዕናዊ ኹናት ኣብ መንቀራቕኦ ናብራ ኣትዩ ዘሎ ልዕሊ 70 ሚኢታዊ መንእሰይ ዝሓዘ ከባቢ ሓደ ሚሊዮን ስድራ ቅልጡፍ ፍታሕ ክረክብ ኣሎዎ። ብምቕፃል ህዝብና ውርደት ይኣኽሎ ዝብል ጣዕሳ ዝወለዶ ሕራነ ዝተመልአ ንፁር ናይ ነዊሕ ጊዜ ትልሚ ስሉጥ ምዕባለ ቁጠባ ክንሕንፅፅ ግድን እዩ። ኢድ ረድኤት ዓለም ለኸ ትካላት እናማዓደኻ ክብሪ ዝበሃል የለን። ስለዝኾነ'ውን ህንፀት ተጋሩ ዝሃርፍዋ ምዕብልቲ ትግራይ ብሕታዊ ገዛ ዕዮ ተጋሩ ምስ ምዃኑ ህዝብን መሪሕነትን ኣንፃር ወረርቲ ሓራስ ነብሪ ብዝኾኖ ልክዕ ኣንፃር ድኽነት ሓራስ ነብሪ ክኾን ይግባእ።

ነስተውዕል! ትግራይ ሰለስተ ዓመት ኣይሰርሐትን ጥራሕ ዘይኮነስ ቅድም ኢሉ ዘፍረየቶ ጥሪትን'ውን ተዘሪፉን ዓንዩን'ዩ ማለት ሰገር ኹናት ከቢድ ፀገም ውሕስና መግብን ስራሕ ስእነት መናእሰይን ክገጥማ ከምዝኽእል ግልፂ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ውሕስና መግቢ ትግራይ ብዘረጋግፅን ስራሕ ስእነት መናእሰይ ብዘቃልልን መንገዲ ሕድ ሕድ ትግራዋይ ስድራ ተጠቃሚ ዝገብር ህፁፅ ናይ ሓፂር ጊዜ ትልሚ ቁጠባ ክቕረፅ ግድን እዩ። ተዘየለ፣ ብኸቢድ ተጋድሎ ሓርነቱ ዝዓተረ ተስፋ ዘይረአዮ መንእሰይ ዘለዎ ህዝቢ ሒዝካ ቀፃላይ ሰላምን ደሕንነትን ትግራይ ብናይ ውሽጢ ሽግር ኣብ ዓብዪ ሓደጋ ክኣቱ ከምዝኽእል ብዕቱብ ምርዳእ የድሊ።

ስለዝኾነ'ውን ትግራይ ምስ ዘለዋ ጭቡጥ ዓቕሚ ፀገም ውሕስና መግብን ስእነት ስራሕ መናእሰይን ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ልምፍታሕ ሚልዮናት ከሳትፍ ዘኽእል ስራሕቲ ሕርሻ ብዝተወደበ መልክዑ ፍሉይ ጠመተ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ሜካናይዝድ ሕርሻ ዞባ ምዕራብ፣ ሰሜን ምዕራብን ደቡብን ብፍላይ ፍርያት ስጋ፣ ፀባ፣ መዓርን ዓሳን ኩለን ዞባታት ትግራይ ተሓሳቢ ዝገበረ ብዝተወደበ መልክዕ ዓበይቲ ተጋሩ ሰብ ሃፍትን ህዝብን ብኣውርኡ ድማ መናእሰይን መሪሕ ተራ ዝፃወትሉ ስራሕቲ ሕርሻ ፍሉይ ጠመተ ክግበረሉ ይግባእ። ብተወሳኺ፣ መናእሰይ ነበርቲ ከተማ ብፍሉይ ኣብ ስራሕቲ ሓፂን መፂንን ኮንስትራክሽንን ብስፍሓት ዘሳትፍ ገዚፍ ፕሮጀክት ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን ብቕልጡፍ ምቕራፅ'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ሚልዮናት ዘሳትፍ መንጠሪ ዘመናዊ ሕርሻ ትግራይ ዝኾነ ገዚፍ ህፁፅ ፕሮጀክት ሕርሻን ስራሕቲ ሓፂን መፂንን ኮንስትራክሽንን ኣብ ሓፂር ጊዜ ክሳኻዕ እንተኸውይኑ ዘለውና ዕድላት ታይ እዮም? ከመይ ንወደብ? ክገጥሙና ዝኽእሉ ሕፅረት ገንዘብ፣ ቀረብ ማይን ኢነረጅን ከመይ ይፌትሑ? ስልጠና መናእሰይን ክርከብ ዝኽእል ገዚፍ ረድኤት ዓለም ለኸ ትካላትን ምስ ዘላቒ ረብሓና ከመይ ይተኣሳሰር? ብቐፃሊ ጠመተ ዘድልዮም ዓውደ ስራሕቲ ታይ እዮም? ብኣጠቓላሊ ህዝቢ ተጠቃሚ ዝገብር ስሉጥ ምዕባለ ትግራይ ክገሃድ እንተኾይኑ ብቐፃሊ ክንኽተሎም ዝግባእና ኣንፈታት ቁጠባ ታይ ክመስሉ ይግባእ?

## 3.1 ሜካናይዝድ ሕርሻ ዞባ ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን

ብሰብ ልክዕ ብመዓልቲ ክልተ ኪሎ ተሓሳቢ ዝገበረ ትግራይ ዓመታዊ እንተነኣሰ ከባቢ 40 ሚልዮን ኩንታል እኽሊ ከምእትደሊ ይፍለጥ። ዞባ ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን ጥራሕ ካብ ዝርከብ ከባቢ 800,000 ሄክታር ልሙዕ ተሓራሲ መሬት 500,000 ሄክታር ህዝብን ሰብ ሃፍቲ ተጋሩን ብዘሳተፈ መልክዑ ገዚፍ ሜካናይዝድ ፕሮጀክት ሕርሻ ተዝቕረፅ ብዘይ ምንም ፀገም ውሕስና መግቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ምርግጋፁ፣ ክልተ ሰብ ብሄክታር ተሓሳቢ ዝገበረ፣ ከባቢ ሓደ ሚልዮን መንእሰይ ብቐሊሉ ስራሕ ዕድል ኣብ ልዕሊ ምፍጣሩን ሕርሻ ትግራይ ኣብ ምዝማን ፈፂሙ መተካእታ ዘየብሉ ግደ ከምዝህልዎ ጥርጥር ኣይብሉን።

ስለዝኾነ'ውን ዞባ ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን መቐይሮ ነጥቢ ትንሳኤ ዘመናዊ ሕርሻ ትግራይ ብዘረጋግፅ መንገዲ ዓበይቲ ዓለም ለኸ ሰብ ሙያ ሕርሻን ዕዉት ተሞክሮ እስራኤል ዝመሰላ ሃገራት ተሓሳቢ ዝገበረ ገዚፍ ኢንተግሬትድ ኢንቨስትመንት ሜካናይዝድ ሕርሻ ብቕልጡፍ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ። ብሕልፊ ውሕስና መግቢ ትግራይ ኣብ ምርግጋፅ ቀዳምነት ሂብካ ኣብ ዝስራሕ ሕርሻ

ዘራእቲ እግረ መንገዱ ገዚፍ ቀረብ መግቢ እንስሳ ስለዝፈጥር መላእ ትግራይ ዝርከብ መፍረዪ ዘራእትን እንሰሳን ተመላሊኡ ሰፊሕ ናይ ቀረብ ዕዳጋ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ገዘፍቲ ስራሕቲ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ተሓሳቢ ዝገበረ ሕርሻ ዘራእትን ሃፍቲ እንስሳን ቀዳምነት ክውሃቦ ይግባእ።

ፕሮጀክት ሜካናይዝድ ሕርሻ ዞባ ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን ገዚፍ ምስ ምዃኑ ፅዑይ ፅንዓት ሓዊሱ ዘድልይዎ ገዘፍቲ ስራሕቲ ትሕቲ ቅርፂ ተማሊኦም ናብ ስራሕ እስካብ ዝኣቱ እንተነኣሰ ትግራይ ዝህሉ ዋጋ ዕዳጋ ካብ ምርግጋፅ ሓሊፉ ኣብ ከባቢና ዘሎ ዕዳጋን ትካል መግቢ ዓለም ዝመሰሉ ረድኤት ዓለም ለኸ ትካላት ዝደልይዎ ቀረብ እኽልን ዝጥምት ናይ ሓፂር ጊዜ ትልሚ ክህልዎ ይግባእ።

## 3.2 ዘመናዊ ሕርሻ መስኖ ዞባ ደቡብ

ዞባ ደቡብ፣ ማይ ዝተተርኣሰ ልዕሊ 140,000 ሄክታር ዘራእቲ ሓዊሱ ኣሕምልቲ፣ ፍራምረ፣ ቅመማ ቕመምን ቀዋሚ ተኽልን ብሰፍሓት ክፍሪ ዝኽእል ኣዝዩ ልሙዕ መሬት ከምዘለዎ ይፍለጥ። ፍርያት ኣሕምልትን ፍራምረን ብባህሪኡ ልዑል ጥንቃቐ ስለዝሓትት እንተነኣሰ ኣርባዕተ ሰብ ብሄክታር ስለዝጠልብ ህዝብን ሰብ ሃፍቲ ተጋሩን ብዘሳተፈ መልክዑ ኢንተግሬትድ ዘመናዊ ሕርሻ መስኖ ፕሮጀክት ተዝቕረፅ ብዘይ ምንም ፀገም ውሕስና መግቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ምርግጋፁን ዞባ ደቡብውን ተወሳኺ ከባቢ ፍርቂ ሚልዮን መንእሰይ ብቐሊሉ ናይ ስራሕ ዕድል ኣብ ልዕሊ ምፍጣሩን ዘመናዊ ሕርሻ መስኖ ትግራይ ብዝለዓለ ብርኪ ኣብ ምትእትታው መተካእታ ዘየብሉ ግደ ኣለዎ።



ስለዝኾነ'ውን ዞባ ደቡብ መቐይሮ ነጥቢ ትንሳኤ ዘመናዊ ሕርሻ መስኖ ትግራይ ብዘረጋግፅ መንገዲ ዓበይቲ ዓለም ለኸ ሰብ ሙያ ሕርሻን ዕዉት ተሞክሮ እስራኤል ዝመሰላ ሃገራትን ተሓሳቢ ዝገበረ ገዚፍ ኢንተግሬትድ ኢንቨስትመንት ዘመናዊ ሕርሻ መስኖ ብቕልጡፍ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ። ስራሕቲ ሕርሻ እግረ መንገዱ ገዚፍ ቀረብ መግቢ እንስሳ ስለዝፈጥር መላእ ትግራይ ዝርከብ መፍረዪ ዘራእተን እንሰሳን ተመላሊኡ ሰፊሕ ናይ ቀረብ ዕዳጋ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ገዘፍቲ ስራሕቲ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ተሓሳቢ ዝገበረ ሕርሻ ዘራእትን ሃፍቲ እንስሳን ብተመሳሳሊ መንገዲ ቀዳምነት ክውሃቦ ይግባእ።

## 3.3 ዘመናዊ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ

ቀረብ መግቢ እንስሳን ማይን እንተረጊጺቡ መላእ ትግራይ ዘመናዊ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ኣዝዩ ምቹው ምዃኑ ይፍለጥ ጥራሕ ዘይኮነስ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ስድራ ገባር ብቐሊሉ ክሳተፈሉ ዝኽእል መድሕን ትግራይ ዝኾነ ዓውደ ስራሕ ምዃኑ ብቐሊሉ ምርዳእ ይከኣል። ሕድ ሕድ ስድራ እንተነኣሰ ከባቢ 100,000 ቅርሺ መልዐሊ ካፒታል ተዘረክብ መፍረ ብዕራይ፣ ጠለ በጊዕ፣ ፀባ ላሕሚ፣ ደርሆ፣ እንቋቑሖ፣ ንቦታት ትግራይ ዝተተርአሰ ምህርቲ መዓር፣ ብቐሊሉ ኣብ ገንኢ ዝፈሪ ዓሳ፣ ኣሕምልትን ቀዋሚ ተኽልን ሰገር ውሕስና መግብን ምቅላል ስራሕ ስእነት መናእሰይን ናብራ ህዝቢ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ናይ ምስጋር ዓቕሚ ኣለዎ።

ይኹን'ምበር እዚ ፕሮጀክት እንተነኣሰ ከባቢ 100 ቢልዮን ቅርሺ ዝኣክል ገዚፍ ካፒታል ስለዝጠልብ ብኽነት ሃፍቲ ኪይገጥም ብቑዕ ስልጠናን ፅፉፍ ኣወዳድባ ህዝብን ይጠልብ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ቀረብ ማይ፣ ኢነርጂ፣ ሕርሻ ቴክኖሊጂ፣ ምሩፅ ዘርኢ፣ ድጋፍ ቴክኒክን ማሕበር ሓላፍነት ዝወስደሉ ቀረብ ፋይናንስ ብዘይ ትሕጃ ብሰፍሓት ክቐርቡ እንተኾይኖም እንተነኣሰ 10 ስድራ ብመልክዕ ስራሕ ማሕበር ክውደቡ ይምረፅ። ውዳበታት ሕብረት ስራሕ ማሕበር ከምናይ እስራኤል ውዳበታት kib-butz ድኽነት ብሕብረት እንድርዕመለን ፀጋ ህዝቢ ትግራይ ምዃነን ብዕቱብ ክንርዳእ ይግባእ። በዚ መንፅር ሰገር ምምላእ ድሌት ትግራይ ዘማዓዱ ስራሕቲ ቀረብ ልዑል ፅርየት ምህርቲ ስጋ፣ ተዋፅኦ ፀባ፣ መዓር፣ ዓሳ፣ እንቋቑሖ፣ ቆርበት፣ ተረፈ ምህርቲ እንስሳ፣ ወዘተረፈ ፍሉይ ትኹረት ክረክብ ኣለዎ።

በዚ ኣጋጣሚ ተሞክሮ ዓለም ዘሪኣና ህዝብና ብቐሊሉ ምህርቲ ዓሳ ኣብ ድሕሪ ገዝኡ ክሰርሐን ብዝኽእል ናይ ማይ ገንእታት ልምዓት ዓሳ ብስፍሓት ክተኣታቶ ዝኽእል ስራሕ ምዃኑ ምሕባር የድሊ። ብተወሳኺ ንቦታት እስራኤል ዘፍርይዎ ምቁር ፍራምረ እንትርኢ ንቦታት ትግራይ ቀፀልቲ ተሓለብቲ ምቁር ሃፍቲ ፍራምረን ኣሕምልትን ከምዝኾና ጥርጥር የብሉን። ይኹን'ምበር ብዘላቕነት ብዝለዓለ ደረጃ ምጥቃም እስካብ እንጅምር ክረምታዊ እነካይዶ ወፍሪ ሓምለዋይ ልምዓት ክንድዝከኣል እንተነኣሰ ሰብ፣ እንስሳ ወይከኣ ብዉሑዱ ንህቢ

ዝጥቀመሎም ካሳሻ፣ በለስን ሞሪንጋን ሓዊሱ ቀዋሚ ኣግራብ ክነተኩር ከምዝግባእ ምሕባር የድሊ።

## 3.4 ፍሉይ ስልጠና መናእሰይን ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን

ድሕሪ ኸቢድ ዐፅናዊ ኹናት መናእሰይ ልዕሊ ቴክኒካል ስልጠና ብሉፅ ተሞክሮ ወታደራዊ ስሪሒቱ ኣብ ስሉጥ ምዕባለ ትግራይ ከመይ ክንጥቀመሉ እንኽእል ኣብ ዝብል ፍሉይ ስልጠና ስነ ልቦና የድሊ። ዘይከኣል ዝኽኣለ ኩለ መዳያዊ ሰዓራይ ስነ ልቦና። መንእሰይ ድሕሪ ኹናት ሓዘን ዘይኮነ ክንቕመጥስ ዘይከኣል ዝኽኣለ ጅግና ስለዝኾነ ኣድላዪ ቴክኒካል ዕጥቂ ዓጢቑ ሞተር ቁጠባ ትግራይ ዘወንጭፈሉ ጊዜ እዩ።
ስለዝኾነ'ውን መናእሰይ ብፍላይ ቴክኒካል ስልጠናን ተወዲቦም እስካብ ሓደ ሚልዮን ቅርሺ ዝበፅሕ ብናይ ማሕበርም ውሕስና ብዘይ ትሕጃ ፋይናንሻል ልቓሕን ዝረኽቡለን እንተነኣሰ ሕድ ሕደን 10 መናእሰይ ዝሓዛ ብዓሰርተ ኣሻሓት ዝቑፀራ ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን ክጣየሻ ኣለወን። ይኹን'ምበር መናእሰይ ቅድሚ ኣብ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ትካላት ምውዳቦም ስልጠና ስነልቦናን በብወረደኦም ኣብ ዝተመረፃ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ እንተነኣሰ ናይ ሰለስተ ወርሒ ሓፂር ቴክኒካል ስልጠና ስራሕቲ ሕርሻ፣ ሓፂን መፂንን ኮንስትራክሽንን ዝወስድሉ ኹነታት ክመዓራረ ኣለዎ። ስራሕቲ ሕርሻ ብፍላይ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ብየዳ፣ ሃናፂ፣ ነዳቒ፣ ለሳኒ፣ ፌራዮ፣ ቀለም፣ ኤልክትሪክ፣ ስራሕቲ ቡምባ፣ ምህርቲ ብሎኬትን ጡብን፣ ፅርበት እምኒ፣ ስራሕቲ ፊኒሺንግ፣ ወዘተረፈ ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ብኣማኢቲ ሽሕ ዝቑፀሩ መናእሰይ ብቐሊሉ ስራሕ ዕድል ክረኽቡ ይሕግዝ።

## 3.5 ትካላት ኣግሮ ፕሮሰሲንግን ሰደድን

ገዚፍ ህፁፅ ትልሚ ስራሕቲ ሕርሻ ክሳኻዕ እንተኾይኑ ገዚፍ ዕዳጋ ይጠልብ ጥራሕ ዘይኮነስ ገባር ትግራይ ዓቕሙ ፀንቂቑ ብዘይሓሳብ ከፍሪ እንተኾይኑ ሰፊሕ ዕዳጋ ክህልዎ ኣለዎ። ስለዝኾነ'ውን ፍርያት ገባር ተጠቒሞም ተውሳኺ ሃፍቲ ዝፈጥሩ ናይ ሓባር ኢንቨስትመንት ብሕልፊ ኣብ ስጋ፣ ፀባ፣ መዓር፣ ዓሳ፣ ቆርበት፣ ዘራእቲ፣ መግቢ እንስሳ፣ ኣሕምልቲ፣ ፍራምረን ተረፈ ምህርቲ እንስሳን ዘራእትን ኣተኲሮም ዝሰርሑ ትካላት ኣግሮ ፕሮሰሲንግን ሰደደን ብስፍሓት የድልዩ።

ፍርያት ገባር ተጠቒሞም ተውሳኺ ሃፍቲ ዝፈጥሩ ናይ ሓባር ኢንቨስትመንት ብሕልፊ ኣብ ስጋ፣ ፀባ፣ ማዓር፣ ቆርበት፣ ዘራእቲ፣ መግቢ እንስሳ፣ ኣሕምልቲ፣ ፍራምረን ተረፈ ምህርቲ እንስሳ፣ ዘራእቲ፣ ኣሕምልትን ፍራምረን ኣተኲሮም ዝሰርሑ ናይ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ዕድላት ልዕሊ ዝኾነ ጊዜ ሰሓባይ ምስዝኾኑ ናይ ኢንቨስትመንት መተባብዒ ፓኬጃት ክዳለዉ ይግባእ። ሰፊሕ ኢንቨስትመንት ኣግሮ ፕሮሰሲንግ፣ ገባር ቀንዲ ወናኒ ቀረብ ብዕራይ፣ ፀባ፣ ጠለ በጊዕ፣ ደርሁ፣ መዓር፣ ዓሳ፣ ዘራእቲ፣ መግቢ እንስሳ፣ ኣሕምልቲን ፍራምረን ስለዝገብሮ መሪሕ ተራ ስሉጥ ጉዕዞ ምዕባለ ቁጠባ ትግራይ ክህልዎ ይገብር።

በዚ መሰረት መንግስቲ ትግራይ ካብ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ እስካብ ጥረ ሰደድ ሃፍቲ እንስሳ ዝሰርሑ ሰፊሕ ዕዳጋ ዘለዎም ወፃኢተኛታት ሓዊሱ ቁልፊ መሳለጢ ገዚፍ ስራሕቲ ሕርሻ ዝኾኑ ትካላት ፍሉይ ደገፍ ክግበረሎም ይግባእ። እዙይ ማለት ካልእ ተወሳኺ ዓለም ሙሉእ ዝርከብ ትግራዋይ ብሼር ክሳተፈሉ ዘኽእል ፕሮጀክት ሓድነት ተጋሩ ዝኾነ ገዚፍ ዕድል ኢንቨስተመንት ኣግሮ ፕሮሰሲንግን ሰደድን ክፍጠር ይገብር። ትካላት ኣግሮ ፕሮሰሲንግን ሰደድን ብሕልፊ ገንዘብ ተነፂፉ ዝርከብ ዕዳጋ ማእኸላይ ምብራቕ ሰንጢቑ ዘእቱ ቁመና ክሕንገጣ ይግባእ። ዕዳጋና ዓለም መለለይና ድማ ልዑል ፅርየትን ብተነፃፃሪ ትሑት ዋጋን ክኾን ይግባእ።

## 3.6 ትካላት ባዮ ቴክኖሎጂ፣ ሕርሻ ቴክኖሎጂ፣ ዱኽዕን መድሓኒትን

ገዚፍ ትልሚ ዘመናዊ ሕርሻ ትግራይ ክዕወት እንተኾይኑ ስፍሕ ዝበለ ጠለብ ባዮ ቴክኖሎጂ፣ ዘመናዊ ሕርሻ ቴክኖሎጂ፣ ቀረብ ድኹዕን መድሓኒትን፣ መጓዓዝያ፣ ወዘተረፈ ከምዝጠልብ ፍሉጥ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ትልሚ ዘመናዊ ሕርሻ ትግራይ መሕረሲ፣ መዕፀዲ፣ መኣከቢ ፍርያትን መጓዓዝያን ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጠለብ ቀረብ ዘመናዊ ሕርሻ ቴክኖሎጂ ስለዝህሉ ምልላይ፣ ምምሕያሽን ምፍራይን ምሩፃት ሕርሻ ቴክኖሎጂ ማእኸል ገይረን ዝሰርሓ ትካላት ክዕምብባ ዕድል ክፈጥር እዩ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ሕድ ሕድ ስራሕቲ ሕርሻ ሰፊሕ ጠለብ ቀረብ ድኹዕን ምሩፅ ዘርእን ማለት ብዕራይ፣ ላሕሚ፣ ጠለ በጊዕ፣ ደርሁ፣ ንህቢ፣ ዓሳ፣ ዘራእቲ፣ ኣሕምልቲ፣ ቀዋሚ ተኽሊን መግቢ እንስሳን ስለዝህሉ ኣብ ቀረብ ድኹዕን ምልላይ፣ ምምሕያሽ፣ ምርባሕን ምክፍፋልን ምሩፅ ዘርኢ እንስሳት፣ ዘራእቲ፣ ኣሕምልቲ፣ ፍራምረን መግቢ እንስሳን ዝሰርሓ መቐይሮ ነጥቢ ትካላት መፍረይቲ ዱኽዕን ባዮ ቴክኖሎጅን ክዕምብባ ሰፊሕ ዕድል ክፈጥር እዩ።

በቲ ካልእ ገፅ ድማ ብዝሕ ዝበለ ህዝቢ ተመሳሳሊ ስራሕቲ ስለዝሰርሕ ሰብ፣ እንስሳ፣ ዘራእቲ፣ ኣሕምልቲ ይኹኑ ቀዋሚ ኣትክልትን ፃህያይን ለበዳ ሕማም ሓዊሱ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ ምጥቃዕ ዕድል ሰፊሕ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ትልሚ ዘመናዊ ሕርሻ ትግራይ ክዕወት እተኾይኑ ቀረብ መድሓኒት ሰብ፣ እንስሳ፣ ዘራእቲ፣ ኣሕምልትን ቀዋሚ ኣትክልትን ወሳኒ ስለዝኾ ዓብዩ ዕድል ልትካላት መድሓኒት ክፈጥር እዩ።

## 3.7 ትካላት ሎጂስቲክስ

ገባር ትግራይ ቀትርን ለይትን ክሰርሕ እንተኾይኑ ቀረብ እታወትን ፍርያቱን ብስፍሓት ዝሸጠሉ ዕዳጋ የመና ስለዘድልዮ ትግራይ ሓዊሱ ብሕልፊ ብቐሊሉ ብመኪና ክብፃሕ ናብ ዝኽእል ከባብታት ፍርያት ገባር ትግራይ ኣንፃራዊ ትሕት ብዝበለ ዋጋን ብበዝሕን ዘቕርብ ገዚፍ ትካል ሰንሰለት Hypermarket/Supermarket ክጣየሽ ዕድል ይፈጥር። ካብ ከባቢና ሓሊፉ ድማ ብሕልፊ ከባቢ ማእኸላይ ምብራቕ ብተመሳሰሊ መንገዲ እንተነኣሰ ኣብ መዓልቲ ሓንቲ ካርጎ መጓዝያ ኣየር ዝጥቀም ካልእ ደረጅኡ ዝሓለወ ገዚፍ ትካል ሰንሰለት Hypermarket/Supermarket ተዝፍጠር ተወሳኺ ዕድል ኢንቨስትመንት ኣብ ልዕሊ ምፍጣሩ ፍርያት ትግራይ ዓለም ለኸ ብራንድን ተጠላብነትን ክህልዎ ይገብር።

ስለዝኾነውን ሰፊሕ ምንቅስቓስ ቁጠባ ትግራይ ካብ ብሽክሌታ፣ ሞቶር ሳይክል፣ ባጃጅ፣ ትራክተር፣ ፒክ ኣፕ፣ ማእኸለወትን ከበድትን ናይ ፅዕነት ማካይን ጀሚሩ መጓዓዝያ ኣየር፣ ባቡርን መርከብን ክጥቀም ዝኽእል ጠለብ ሎጂስቲክስ ስለዝህልዎ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ ተጋሩ ካልእ ብሓባር ክሰርሕሉ ዝኽእሉ ዝተፈላለያ ገዘፍቲ ትካላት መከፋፈሊ ፍርያት ዓለም ለኸ ሰንሰለት Hypermarket/Supermarket መጓዓዝያ መኪና፣ ባቡር፣ ኣየርን ባሕርን ዝሓዘ ገዚፍ ትካል ሎጂስቲክስ ክፍጠር ዝኽእል ዓቕሚ ኣለዎ።




## 3.8 ቀረብ ማይ

ስራሕቲ ሜካናይዝድ ሕርሻ ዞባ ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን፣ ዘመናዊ ሕርሻ መስኖ ዞባ ደቡብ፣ ዘመናዊ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳን ልምዓት ኣሕምልትን ቀዋሚ ተኽልን ክንሓስብ ከለና ቀረብ ማይ ቁልፊ መቐይሮ ነጥቢ ፀገም ስራሕቲ ሕርሻ ትግራይ ከምዝኾነ ግልፂ እዩ። ትግራይ ብሃፍቲ ማይ ከርሰ ምድሪ ሃፍታም ምዃናን ብሕልፊ ሚልዮናት ዘሳትፍ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ኣሕምልትን ቀዋሚ ተኽልን ብዙሕ ማይ ዘይደሊ ምዃኑ ግልፂ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ዓቕምና ፀንቂቕና ብዘላቕነት ፀገም ቀረብ ማይ ልምፍታሕ ቅድሚ ሓዚ ሳርት ጀሚርዎ ዝነበረ ዓይነት ሱር ቦቆስ ገዚፍ ፕሮጀክት ኣቢልካ ብበዝሒ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ግድባት ምህናፅ ግድን ኾይኑ ምስ ዘለና ሕፅረት ሃፍትን ጊዜን ብትቱት ካፒታል ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ክህነፁ ዝክእሉ ዝተፈላለየ ዑምቀት ዘለዎም ስራሕቲ ጎዳጉዲ ማይ ፍሉይ ጠመተ ክግበር ይግባእ። ብዝተረፈ ኣዝዩ ክባር ዝኾነ ሃፍቲ ማይ ኣጠቓቕማና ኣዝዩ ቆጣባይ ክኾን ስለዝግብኦ ትግራይ ቴክኖሎጂ መስኖ መንጠብጠብ ክተኣታቱ ግድን ምዃኑ ብሉፅ ተሞክሮ እስራኤላውያን የርኤና።

ቁልፊ ፀገም ቀረብ ማይ ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ክፍታሕ እንተኾይኑ ህዝቢ፣ ሰብ ሃፍትን መንግስትን ብሓባር ክሰርሑ ግድን እዩ። ቀዳማይ ሕድ ሕድ ስድራ ጉልበቱ ተጠቒሙ ቴክኒካዊ ሓገዝ እናተገበረሉ እንተነኣሰ ሓንቲ ማይ ጉድጓድ ኣብ ድሕሪ ገዝኡ ክኹዕት ይግባእ። ቀረብ ማይ መቐይሮ ነጥቢ ስራሕቲ ሕርሻ እዩ እንተይልና፣ ምእንተ ሙሉእ ሓርነት ቁጠባ፣ ህዝቢ ብኡ ልክዕ ክሰርሕ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ መንገዲ መንግስቲ፣ ዓለም ለኸ ረድኤት ትካላትን ሰብ ሃፍትን ኣብ ቀረብ ማይ ፍሉይ ጠመተ ክገብሩ ይግባእ።

ትግራይ ብማእኸላይ ዓሰርተ ስድራ ዝጥቀመለን ብዓሰርተ ኣሻሓት ማይ ጎዳጉዲ የድልያኣ እንተልና እንተነኣሰ ብኣማኢቲ ዝቖፀራ ዘመናዊ ድሪሊንግ ማሽን ከምዘድልያ ግልፂ እዩ። እዙይ ድማ ብተርኡ ብብርኪ ትግራይ ክጣይሽ ዝኽእል ዓለም ሙሉእ ዝርከብ ትግራዋይ ብሼር ክሳተፈሉ ዝኽእል ገዚፍ ፕሮጀክት ሓድነት ዝኾነ ዕድል ኢንቨስተመንት ትካል ማይ ኺዕቲ ክጣየሽ ይገብር። ስራሕቲ ዝጣየሽ ትካል ኮንስትራክሽን ብቐፃልነት ዓበይቲ ግድባትን ቀረብ ማይ ከተማታትን ዝህልዉ ዕድላት ተሓሳቢ ዝገበረ ክኾን ይግባእ።

## 3.9 ቀረብ ኢነርጂ

ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝነበረ መረዳእታ 7,874,758,042 ህዝቢ ዓለም ብድምር ኣብ ዓመት 26,823,200 GWh ኢነርጂ እንትተቀም 117,876,227 ዝነበረ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ብዓመት 15,192 GWh ከምዝተጠቐመ የመላኽት። ዓለም ብማእኸላይ ብነፍሲ ወከፍ ብዓመት 3,406 KWh ኢነርጂ እንትጥቀም ትግራይ ድማ ብነፍሲ ወከፍ 129 KWh ተጠቒማ ማለት እዩ። ስለዝኾነ'ውን ብዘላቕነት ልዑል ባህጊ ምዕባለ ትግራይ እንትንሓሰብ፣ ዘለና ኣፈላላይ መሬትን ሰማይን ክፀብብ እንተኾይኑ፣ ትግራይ ዘለዉዋ ፀጋታት፣ ኑክሌር ሓዊሱ፣ ሃይድሮ፣ ፀሓይ፣ ነፋስን ኦይል ሼልን ብኽይዲ ፀንቂቓ ክትጥቀም ግድን እዩ።

ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሐዚ ዘለዋ ቀረብ ኢነርጂ ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ክበፅሐላ ዝኽእል ሓይሊ ፀሓይ እንተነኣሰ 10 KW ዓቕሚ ዘለዎ ልሕድ ሕድ ስራሕ ማሕበር፣ መንግስቲ፣ ዓለም ለኸ ረድኤት ትካላት፣ ሰብ ሃፍትን ህዝብን ብምትሕብባር እስካብ 1000 MW ዝበፅሕ ምህርቲ ሶላር ኢነርጂ ክሕሰብ ይግባእ። እዙይ ድማ ብተርኡ ብደረጃ ትግራይ ክጣይሽ ዝኽእል ዓለም ሙሉእ ዝርከብ ትግራዋይ ብሼር ክሳተፈሉ ዘኽእል ካልእ ሜጋ ፕሮጀክት ሓድነት ዝኾነ ገዚፍ ዕድል ኢንቨስትመንት ትካል ኢነርጂ ክፍጠር ክገብር እዩ። ዝጣየሽ ትካል መፍረዪ ኢነርጂ ፀሓይ፣ ንፋስ፣ ሃይድሮ፣ ኦይል ሼል እናበለ እስካብ ኑክሌር ዘማዓዱ ትካል ክኾን ይግባእ።

## 3.10 ኢንዳስትሪ ፓርክ ቁልፊ ኣንፈት ማኑፋክቸሪንግ

ትግራይ ዘለዉዋ ፀጋታት ሕርሻ፣ መዓድን፣ ቱሪዝምን ኢነርጅን ብዝለዓለ ብርኪ ክትጥቀመሎም እንተኾይና ብሕልፊ ቀለልቲ ዝበሃሉ መሳርሕታት ብበዝሕን ብተነፃፃሪ ዝተሓተ ዋጋን ክተፍሪ እንተኺኢላ እዩ። ህንፀት ማእኸል ማኑፋክቸሪንግ ሰፊሕ መሬት፣ ብዙሕ ካፒታል፣ ቀረብ ማይን ሙብራህትን፣ ስራሕቲ ድሕንነት፣ ዝሰልጠነ ሰብ ሓይሊ፣ መከላኸሊ ሓደጋ ባርዕ፣ ባንኪ፣ ኢንሹራንስ፣ ግልጋሎት ጉምሩክ፣ መዕረፊ ኣጋይሽ፣ ማእኸላት መዘናግዒ፣ ድሕንነቱ ዝተረጋገፀ ሓፁርን ደረጅኡ ዝሓለወ ናይ ውሽጣ ውሽጢ መንገድን ዝመሳሰሉ ስራሕቲ፣ ግልጋሎት ትራንስፖርት፣ ቀረብ ጥረ ዓቕሓ፣ ከምኡ ድማ ልዑል ክእለት ማናጅመንት ምሕደራ ሃፍቲ ዝመሳሳሉ ከበድቲ ነገራት ይሓትት።

ስራሕቲ ማኑፋክቸሪንግ ብኹሉ መዳይ ገዚፍ ዓቕሚ ኢንቨስትመንት ስለዝሓትት ስብ ሃፍቲ ብዙሕ ኣይደፍርዎን። ልዕሊ ኹሉ ድማ ትሑት ካፒታል ዘለዎም ሰብ ፍሉይ ፍልጠትን ክእለትን ፈፂሙ ኣየቕርብን። ስለዝኾነ'ውን መስርሒ ቦታ፣ ልቓሕን ግብርን ዝመሳሰሉ ብጣዕሚ ሰሓባይ መተባብዒ ፓኬጃት ብምድላው ዓበይቲ ናይ ደገ ሰብ ሃፍቲ ሓዊሱ መሳለጢ ማእኸላት ማኑፋክቸሪነግ ዝኾኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ህንፀት ኢንዳስትሪ ፓርክ ክነጥፉ ምግባር ቁልፊ ኣንፈት ማኑፋክቸሪንግ ትግራይ ክኾን ይግባእ። ሰብ ሃፍትን ሰብ ፍሉይ ፍልጠትን ክእለትን ብዝተሓሓተ ክራይን መልዐሊ ካፒታልን ኩሉ ነገር ዝተማለአሉ መስርሒ ቦታ ክረኽቡ ስለዝሕግዝ ማነፋክቸሪንግ ትግራይ ኣዚዩ ክስጉም ልዑል ተራ ክህልዎ እዩ።

ህንፀት ኢንዳስትሪ ፓርክ መፍረይቲ ትካላት ኣግሮ ፕሮሰሲንግ፣ ሕርሻ ቴክኖሎጂ፣ መስኖ ቴክኖሎጂ፣ ፍርያት መዓድን፣ ግራናይት፣ ማርብል፣ ፅርበት እምኒ፣ መድሓኒት ሰብ፣ እንስሳ፣ ዘራእትን ኣትክልትን፣ ስራሕቲ ቆርበትን ዓለባን፣ ባዮ ቴክኖሎጂ፣ እደ ጥበባት፣ ቀለልቲ ካርን መጓዓዝያ ማለት ትራክተር፣ ብስክሌት፣ ሞቶር ሳይክልን ባጃጅን፣ ወተር ፓምፕ፣ ኬሚካል፣ ኮንስትራክሽን ማሽነሪ፣ ባዮጋዝ፣ ባዮ ማስ፣ ሶላርን ነፋስን ሓይሊ ኢነርጂ፣ ላፕቶፕ፣ ታብሌት፣ ሞባይል ስልኪ፣ ፍሪጅ፣ ቲቪ ዝመሳሰሉ ስማርት ኤሌክትሮኒክስ፣ ተንቀሳቓሲ ቱሪስት ፋሲሊቲ፣ ወዘተረፈ ብበዝሕን ብተነፃፃሪ ትሑት ዋጋን ከፍሪ ዝኽእል ካልእ ተጋሩ ብሓባር ክሰርሕሉ ዝኽእሉ ገዚፍ ዕድል ኢንቨስትመንት ክፈጥር እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ልዑል ክእለትን ስግግር ቴክኖሎጅን ዘይፈጥሩ፣ ብብዛሻ ብትርፊ ጊዜ ዝሰርሑ ተዘይኮይኖም፣ ስፌት ጨርቅን ቆርበትን ዝመሳሰሉ ወፃእተኛታት ርካሽ ጉልበት፣ ልቓሕ ገንዘብ፣ ከለላ ግብርን ፍሉይ ድጋፍ ዓለም ለኸ ዕዳጋን ደለያ ዝረባረቡሎም ስራሕቲ፣ መናእሰይ ካብ ምድንዛዝ ወፃኢ ብዙሕ ረብሓ ከምዘይብሎም ብዕቱብ ምርዳእ የድሊ።

## 3.11 ኣንፈት ልምዓት መዓድን

ብርክት ዝበሉ መረዳእታታት ከምዝሕብርዎ ሳፋየር፣ ወርቂ፣ ብሪ፣ ኮፐር፣ ብረት፣ ኦይል ሼል፣ ማርብል፣ ግራናይት፣ ፅርቢ እምኒ፣ ኖራ ብዝመሳሰሉ መዓድናት ትግራይ ሃፍታም ምዃና ይፍለጥ። ይኹን'ምበር ልዕሊ ኹሉ ሰብ ሃፍቲ ኢንቨስት ክገብሩ ብዝኽእል ብርኪ ኣዝዩ ፅዑይ መፅናዕቲ የድሊ። ብተወሳኺ ልምዓት መዓድን ብሓፈሻ ዓብዪ ዓለም ለኸ ምጭብርባር ዝፍፀመሉ ስራሕ ምስ ምዃኑ ክንድዝከኣል ህዝብን ኣሻሓት ሰብ ሃፍትን ዐዕሲልካ ዓበይቲ ፕሮጀክት ሓድነት ዝኾና ገዘፍቲ ተጋሩ ትካላት መዓድን ምጥያሽ ኣገዳሲ እዩ።

ብዝተረፈ ለዋጣይ ብዝኾነ መንገዲ ትግራይ ካብ ዘለዋ ሃፍቲ መዓድን ክትርባሕ እንተኾይና ብረት፣ ኦይል ሼል፣ ዱኸዒ፣ ሲሚንቶን ካልኦት ፀፀር፣ ቀለም፣ ማቶኔላ፣ ፅርቢ እምኒ፣ ማርብል፣ ግራናይት፣ ጅፕሰም ዝመሳሰሉ እታወታት ኮንስትራክሽን ኬሚካልን ብሕልፊ ምስ ስራሕቲ መስኖ ተኣሳሲሩ ልዑል ጠመተ የድልዮም። ብዝተረፈ ብሕልፊ ምስ ኮንስትራክሽን ተኣሳሲሩ ዘለዉ ፀጋታት መዓድን ቀልጢፎም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ዝኽእሉን ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዕድል ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ዘለዎም ምኳኖም ምርዳእን ልዕሊ ኩሉ ድማ ፀጋታት ሃፍቲ መዓድን ብዝለዓለ ደረጃ ትግራይ ክትርብሖሎም እንተኾይና ብደረጃ ኣብ ዓለም ኣዚዮም ብሉፃት ዝበሃሉ ኪኢላታት ብምምፃእ እናተምሃርና Finished Products ሰደድ ኣብ ምግባር ክነተኩር ከም ዝግበእና ምርዳእ የድሊ።



## 3.12 ህንፀት መንበሪ ኣባይቲ

ቅድሚ ኹሉ ከተማታትና ግድን ፅፉፍ ማስተር ፕላን ክህልወን ኣለዎ። ናብራና ዘይኮነስ ናይ ቀረባን ነዊሕን ሕልምና ዘተኣናግድ ማስተር ፕላን ክህልወና ኣለዎ። ብዙሕ ሰብ ኣብ ውሱን ቦታ ውቁብ መንበርን መስርሕን ቦታ ከመይ ይፍጠር? እንተነኣሰ ሕድ ሕድ ስድራ መኪና እንትውንን መንገድታትን ፓርኪንግን ታይ ይምስሉ? ባቡር ዝመሳሰሉ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያኸ? ህዝቢ ኣበይ ይናፈስ? ምችው መንገዲ እግረኛ? ደረቕን ፈሳስን ጓሓፍ ከመይ ይእለ? ወዘተረፈ ብዝምልስ መልክዑ ብሉፅ ተሞክሮ ሲንጋፖር ዝመሳሰላ ከተማታትን ፍሉጣት ዓለም ለኸ ሰብ ሙያን ተጠቒምና ከተማታትና ግድን ፅፉፍ ማስተር ፕላን ክህልወን ኣለዎ ጥረሕ ዘይኮነስ መንግስት'ውን ሓደሽቲ ዝለምዑ ቦታታት ቅድሚያ እናሃበ ዝፀደቐ ማስተር ፕላን ብዝለዓለ ዲሲፕሊን ከፈፅም ይግባእ። እግረ መንገድና ክንመሃረሎም ዝግበእና ዓለም ሙሉእ ዘጣቐዐሎም ደቂ ሲንጋፖር ልጎኒ እንትሪኡ መሬት ምስ ፀቦቦም መወዳእታ ናብ ዘየብሉ ሰማይ ከምዝጠመቱ ክነስተውዕል ይግባእ። በዚ ኣጋጣሚ ነባራይ ገጠር ህዝብና መሰረታዊ ናይ ናብራ ግልጋሎት ዘማልኡ ዝተፈላለዩ ስታንዳርድ መማረፂ ዲዛይን ስራሕ ኣባይቲ ሓገዝ ክግበረሉ ከምዝግባእ ምሕባር የድሊ።

ትግራይ ምስ ዝገጠማ መስካሕክሒ ባርባራዊ መጥቃዕትን ክሕደትን ዓለም ሙሉእ ዘሎ ትግራዋይ ልዕሊ ዝኾነ ጊዜ ሃፍቱ ጠሪፉ ዓዱ ክኣቱ ስለዝደሊ ሕቶ መንበሪ ኣባይቲ ክባራዕ እዩ። ብሉፅ ተሞክሮ ሲንጋፖር ዝመሳሰላ ሓደሽቲ ምዕቡላት ከተማታት ዓለም ዘሪአና ሰባት ፓርኪንግ፣ መሐበሲ፣ ጅም፣ ስቲም፣ ሳውና፣ ስፓ፣ ሱፐርማርኬት፣ መዘናግዒ፣ ፅርየት፣ ሓለዋ፣ ወዘተረፈ ዘለዎ ኣብ ናይ ሓባር ኣፓርትመንት ውቁብ ናብራ ይነብሩ። ስለዝኾነ'ውን ተወዲቦም መንበሪ ገዛ ክሰርሑ ዝደልዩ ዜጋታትን ይኹን ኣብ ልምዓት መንበሪ ኣባይቲ ክነጥፉ ዝደልዩ ሰብ ሃፍትን ኩሉ ፋሲሊቲ ዝተማለአሎም ናይ ሓባር ኣፓርትመንት ክሃንፁ ኣንፈትን ፍሉይ መተባብዕን ክዳሎ ይግባእ። ህንፀት መንበሪ ኣባይቲ ዓሰርተ ኣሻሓት ስራሕ ዕድል ልዕሊ ምፍጣሩ ካልኦት ፕሮጀክት ሓድነት ዝኾና ገዘፍቲ ትካላት ኮንስትራክሽን፣ መፍረይቲ ሲሚንቶ፣ ፀፀር፣ ቀለም፣ ኣሉሙንየም፣ ሓፂን መፂን፣ ስራሕቲ ዕንፀይቲ፣ ማቶኔላ፣ ፅርቢ እምኒ፣ ማርብል፣ ግራናይት፣ ጅፕሰም፣ መስትያት፣ ወዘተረፈ ክፍጠራ ናይ ምግባር ዓቕሚ ኣለዎ።

## 3.13 ኣንፈት ቱሪዝም ትግራይ

ኢትዮጵያ እትኾርዐሉ ታሪክ፣ ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ስነ ፅሑፍ፣ ስነ ህንፃን ስሓባይ ኣቀማምጣ መሬትን ኩሉ ትግራይዋይ ምዃኑ እንትንርኢ ትግራይ ገነት ቱሪዝም ምዃና ግልፂ እዩ። ናይ ደገ በፃሕቲ፣ ታሪክ፣ ስነ ህንፃን ኣቀማምጣ መሬትን ትግራይ ኣዝዩ ይስሕቦም። ይኹን'ምበር ኣንፃራዊ ብዝተሓተ ዋጋ ጎና ጎኒ ፅቡቕ ዝበሃል ናይ ዕረፍቲ ጊዜ ከሕልፉ ስለዝደልዩ ምስ ካልኦት ሃገራት እንትነፃፀር ሰፊሕ ስራሕ ይፅበየና። ስለዝኾነ'ውን ቁፅሪ በፃሕቲ ደገ ምስ ምዕባለ ትግራይ ተኸቲሉ ከም ዝዓብን ብቐፃሊ ቀንዲ ተሓላቢ ሃፍቲ ትግራይ ከምዝኾነን ተረዲእና ክንሰርሕ ይግባእ። በቲ ካለእ ገፅ ግን ትግራይ ማእኸል እምነት ክርስትናን እስልምናን ምስ ምዃና በብዓመቱ ብሚሊዮናት ዝቑፀሩ ካብ ከባቢ ሃገራት ሓዊስካ ናይ ዓዲ ውሽጢ በፃሕቲ ዝሳተፉሎም ሃይማኖታዊ፣ ባህላውን ህዝባዊ ባዓላትናን ናይ ሓፂር ጊዜ ንፁር ትልሚ ኣውፂእና ክስርሖሉ ዝግባእ ኣብ ኢድና ዘሎ ሸቓይ ቱሪዝም በፃሕቲ ውሽጢ ዓዲ እዩ።

ስለዝኾነ'ውን መሰረተ ልምዓትን ጊዚያዊ መዕረፊ ኣጋይሽን ሓዊሱ ፅቡቕ ግልጋሎት ብተመጣጣኒ ክፍሊት ዝህቡ ምችው መዕረፊ ኣጋይሽ፣ ትራንስፖርትን ቱር ጋይድን ብበዝሒ ዝቐርብሉ ስራሕቲ ብምስራሕ ከምኣንፈት ክንድዝከኣል ኩሉም ዓይነት በፃሕቲ እንተነኣሰ ከባቢ ሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ትግራይ ክፀንሑ ዝኽእልሉ ዕድላት ምርኣይ የድሊ። ስለዝኾነ'ውን ቱሪዝም ትግራይ ብፅፈት ብትልሚ እንተተመሪሑ ብቑሊሉ ዓሰርተ ኣሻሓት ስራሕ ዕድል ክፈጥር ዝኽእልን በብዓመቱ ቢሊዮናት ዶላር ክሕለብ ዝኽእል ሴክተር ምኳኑ ግልፂ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ትግራይ በብዓመቱ ሚልዮናት በፃሕቲ ቱሪዝም ክስሕብ ዝኽእል ዓቕሚ ኣለዋ ማለት ቱሪዝም ሕክምና ካልእ ብቑፃልነት ክሕሰበሉ ዝግባእ ተወሳኺ ዓቢዩ ፀጋ ቱሪዝም እዩ። ዓለም ሙሉእ ዝርከቡ ላዕለዎት ክኢላ ሰብ ሙያ ሕክምና፣ ሰብ ሃፍትን ህዝብን ዐፅሲልና እንተነኣሰ ታይላንድ፣ ቱርክን ህንድን ዝወሃብ ግልጋሎት ሕክምና ብተነፃፃሪ ትሑት ዋጋ ዘቕርብ ካልእ ገዚፍ ፕሮጀክት ቱሪዝም ሕክምና ክንሓስብ ይግባእ።

## 3.14 ትካላት ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ

ስራሕቲ ሕርሻ፣ መዓድን፣ ኢነርጂ፣ ቱሪዝም፣ ማኑፋክቸሪንግን ግልጋሎትን ትግራይ ቴክኖሎጂ ክመርሖ ግድን ስለዝኾነ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ፍሉይ ጠመተ ክወሃቦ ይግባእ። እንተነኣሰ ናይ ዓዲ ውሽጥን ዓለም ለኸ ፍሰት ዕዳጋ ዘሳልጥ ስርዓት ኮሙኒኬሽን፣ ግልጋሎት ስልክን ኢንተርኔትን፣ መንግስታዊ ኣሰራርሓን ግልጋሎትን ዘሳላጥ ዲጅታል ግልጋሎት፣ ሓበሬታን ተሞክሮን ዝለዋወጥሉ ብፍሉይ ተጋሩ ዘተኣሳስር ማሕበራዊ ሚዲያ፣ ተጋሩ መፍረይቲ ምስ ዓለም ለኸ ዓማዊሎም ብትግርኛ ዝረዳድእሉ ኣሰራርሓ፣ ወዘተረፈ ዝመሳሳሉ ስራሕቲ ስርዓት ኮሙኒኬሽንን ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጅን ልዕሊ ዝኾነ ጊዜ የድሊ።

ትካላት ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ክዕምብባ እንተኾይነን ልዕሊ ኹሉ ተበፃሕነት Digital Education ክሰፍሕ ስለዝግባእ ሕድ ሕድ ተምሃራይ ዘድልይዎ ዓይነት ትምህርቲ ብፅሑፍ፣ ኦድዮን ቪድዮን ዝተፅዓነለን ታብሌት ክረክብ ኣለዎ። ብተወሳኺ ገባር ትግራይ ብዝተሓተ ዋጋ ቀረብ ስማርት ሞባይል ስልክን ኢንተርኔትን ዝረኽበሉ ዕድል እንተተፈጢሩ ዲጂታል ዕዳጋ ትግራይ ተኣምር ክሰርሕ ይኽእል ጥራሕ ዘይኮነስ ላፕቶፕ፣ ታብሌት፣ ስማርት ሞባይል፣ ፍሪጅ፣ ቴሌቪዥን፣ ወዘተረፈ ውሽጢ ዓዲ ዘፍርዩ ትካላት ተወሳኺ መቐይሮ ነጥቢ ሸሻይ ኢንቨስትመንት ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ኣለዎ።

ብዝተረፈ ልዕሊ ኹሉ ትግራይ ብዙሓት ትካላት ዝዓስላሉን ኣብ ዓለምና ፍሉጣት ዝበሃሉ ናይ ኣይቲ ትካላት Apple, Samsung, Microsoft, Huawei, Amazon, Alibaba, Google, Facebook, Twitter, different Financial Institutions ወዘተረፈ ስራሕቲ ብልፍንቲ ክሰርሕ ዝዓለመን ሓደሽቲ ምህዞ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ዝፈርየሉን ዓለም ለኸ ስታንዳርድ ዘማለአ ፍሉይ ኣይቲ ፓረክ ክትሃንፅ ግድን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ፍሉይ ክእለትን ድሌትን ዘለዎም ሰብ ሙያ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ መናእሰይ ብበዝሕን ብተነፃፃሪ ትሑት ዋጋን ክፈርዩ ግድን ስለዝኾነ ምጥያሽ ልምዓት IT Incubation Centers, Special Talent Schools and Special IT University ፍሉይ ጠመተ ክወሃቦ ይግባእ።

## 3.15 ዲያስፖራ ትግራይን ፍሉይ ፓኬጅ መተባብዒ ኢንቨስትመንትን

ዲያስፖራ ትግራይ ኣብ ዝተኻየደ ተጋድሎ ሓርነት ኣብ መዳይ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ታሪኽ ብዝሰርሖ ልክዕ ምስሊ ትግራይ ኣብ ምሕዳስን ዘለዎዋ ፀጋታት እናፋለጠ ናይ ደገ ፍሰት ቱሪዝምን ኢንቨስትመንትን ኣብ ምምፃእ ካልእ ታሪክ ኢኮኖሚክ ዲፕሎማሲ ክሰርሕ ይግባእ። ዓለም፣ ትግራይ ብመከራ ዘይኮነስ ገነት ኢንቨስትመንትን ቱሪዝምን ምኳኑ ክፈልጥ ኣለዎ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ፀገም ትግራይ ብዝተበጣጠሰ ሓገዝ ፈፂሙ ስለዘይፍታሕ ዲያስፖራ ትግራይ ልዕሊ ሓገዝ ኣብ ዓዱ መሪሕ ኢንቨስተር ክኾን ይግባእ።

ብዝተረፈ ትግራይ ኣብ እትጠልበን ዓይነት ኢንቨስትመንት ሃፍቶም ንዘፍሱ ወገናት ግልፂ ዝኾነ ፍሉይ መተባብዒ መሬት፣ ልቓሕን ግብርን ብምድላው ምድረ ገነት ኢንቨስትመንት ብዘበላ ልክዕ ምድላው ክትገብር ኣለዎ። ይኹንምበር ሃፍቲ ህዝቢ መፃወቲ ኪራይ ኣከብትን ደለልትን ከይኸውን ብዋጋ ዕዳጋ ሊዝ ዝተወሰደ መሬት ይኹን ዝተወሰደ ልቓሕ ባንኪ ብውዕሎም መሰረት ስራሕቶም ብኣግባቡ ንዘዐወቱ ኢንቨስተራት ልድሕሪት ተመሊሱ ዋጋ ሊዝ ብምስራዝ መሬት ብናፃ ምቕራብ፣ ክለሳ ወለድ ባንክን ናፃ ግብሪ እቶትን ዝመሳሰሉ ፍሉይ መተባብዒ ክተኣታቶ ይግባእ። እንትንሓብር፣ ኢንቨስትመንት ዓቕምና ይዓቢ፣ ሕብረትና ይድልድል፣ ኩላትና ንህፍትም።

## 3.16 ቀረብ ገንዘብ

ትግራይ እንተነኣሰ ቢልዮን ዶላራት ትደልላ። ስለዝኾነ'ውን ፋይናንስ ዓለም ክውሕዝ እንተኾይኑ ትግራይ ገነት ኢንቨስትመንት ብዘብላ ልክዕ ሰሓባይ ኣሰራርሓታትን መተባብዒ ኢንቨስትመንት ፓኬጅ ብምትእትታው ፍፁም ክትተዓራረ ኣለዎ። ልዕሊ ኹሉ ግን ተጋሩ ሰፍ ዘይብል ፀገም ትግራይ ብዘይረብሕ ሓገዝ ጥራሕ ፈፂሙ ስለዘይፍታሕ ቅድሚ ኹሉ ዓቕምና ፀንቒቕና ኢንቨስት ክንገብር ይግባእ።

ኣበይ ኢንቨስት ንግበር? ትግራይ እትሓስቦም ደቐቕትን ገዘፍትን ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ክትሰርሕ እንተኾይና ሰፊሕ ቀረብ ገንዘብ መቐይሮ ነጥቢ ስለዝኾነ ዓለም ሙሉእ ዝርከብ ትግራዋይ ሰሚሩ እንተነኣሰ ልዕሊ ንግዲ ባንኪ ኢትዮጵያ ክሰርዕ ዝኽእል ብውሑዱ 20 ሚኢታዊ ዓመታዊ ትርፊ ዘለዎ ሴክተር ፋይናንስ ብጣዕሚ ኣዋፃኢ ዝኾነ ባንኪ ልምዓት ትግራይ Development Bank of Tigray ብህፁፅ ክነጣይሽ ይግባእ።

ሙሉእ ዓለም ካብ ዝርከብ ትግራዋይ እንተነኣሰ 100,000 ትግራዋይ ሕድ ሕድ 10,000 ዶላር ኢንቨስት ተዝገብር ብውሕዱ 100 ቢልዮን ቅርሺ መልዐሊ ካፒታል ዘለዎ ባንኪ ልምዓት ትግራይ ብቐሊሉ ምጥያሽ ይከኣል። ብዝተረፈ ከምዙይ ዝበለ ዓብዪ መቐይሮ ነጥቢ ዓቕሚ ፋይናንስ ክንፈጥር እንተኺኢልና ይትረፍ ኢንቨስትመንት ሜካናይዝድ ሕርሻ ዞባ ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን፣ ዘመናዊ ልምዓት መስኖ ዞባ ደቡብ፣ ልምዓት ዘመናዊ ሃፍቲ እንስሳ፣ ምጥያሽ ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን መናእሰይ፣ ቀረብ ማይ፣ ቀረብ ኢነርጂ ይኹን ምጥያሽ ትካላት ኣግሮ ፕሮሰሲንግን ሰደድን ካብ ረግረግ ድኽነት መዝሒቕም ከውፅኡና ዝኽእሉ ካልኦት ዓበይቲ ትካላት ኢንቨስትመንት ከፍጥር ዝኽእል ዓቕሚ ከምዝህልወና ጥርጥር የብሉን።

Micro Finance ድማ ፍሉይ ጠመተ የድልዮ። ሚልዮናት ስራሕ ዕድል ክፈጥር ዝኽእል ብብርኪ Grassroots ቀረብ ገንዘብ እንተሃልዩ እዩ። ትግራይ ኣለዋ ተባሂሉ ዝግመት ከባቢ 100 ቢልዮን ቅርሺ ዕቋር ኣብ ትካላት Micro Finance ተዝዕቆር ከባቢ ሓደ ሚልዮን ስድራ ብማእኸላይ 100 ሽሕ ቅርሺ መልዐሊ ካፒታል ክረክብ ዘኽእል ዓቕሚ ኣለዎ። ዕቋር ተጋሩ፣ ትግራይ ክትርበሐሉ እንተኾይና ኣብ ትካላት Micro Finance ክንዓቁር ይግባእ ጥራይ ዘይኮነስ እንተነኣሰ ሕድ ሕድ ወረዳ ናይ ባዕላ ትካል Micro Finance ክህልዋ ጥጡሕ ባይታ ክንፈጥረላ ይግባእ። ኣቲናዮ ምስዘለና ዝተሓላለኸ መድረኽ፣ ትካላት Micro Finance ነጥቢ መቐይሮ ትንሳኤ ቁጠባ ትግራይ ምኳነን ክነስተውዕል ይግባእ።

ተወሳኺ ዓቕሚ ድማ ካብ ትእምት ምርካብ ይከኣል እዩ። ትእምት፣ እንትርፊ ብኣፃብዕቲ ዝቑፀራ መጥሓን እኽሊ፣ ጨና ፋብሪካ ዘይትፈልጥ ዝነበረት ትግራይ ወጋገን ጉዕዞ ልምዓት ብዘዕተራ ልክዕ፣ ካብ ዋንነቱ ጀሚሩ ዘሎ ኣወዳድብኡ ፈትሹ፣ ትካላቱ ንህዝቢ ብሼር ብምሻጥ፣ ትንኣስ ትዕበ፣ ዓቕሚ ትግራይ ናብ ኢንቨስትመንት ክትወፍርን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ናይ ሓባር ረብሕኡ ክዓስልን መሪሕ ግደ ዝፃወተሉ ጊዜ ሐዚ እዩ። ትእምት እናበረኸ ህዝቢ እናርከበ ክኸይድ እንተኾይኑ ድማ ካብ መሸጣ ሼርን ካሕሳን ብዝርከብ ገዚፍ ካፒታል፣ ቀረብ ማይን ሕርሻ ትግራይ ክዝምንን ገባር ብዋናነት ኣቕራባይ ዝኾነለን ትካላት Agro Processing ሓዊሱ፣ እንተነኣሰ ኣብ ሕድ ሕድ ዞባ፣ ማኑፋክቸሪግ ትግራይ ዘሳልጣ Industrial Parks ምህናፅ የድሊ። ብቐፃልነት ድማ ነጥቢ መቀይሮ ቁጠባ ትግራይ ኣብ ዝኾና ፕሮጀክት ድኹዒ፣ ኬሚካል፣ ኢነርጂ፣ ብረት፣ መዓድን፣ ቀረብ ማይ፣ ቴክኖሎጅን ቱሪዝምን ኣተኩርካ ምስራሕ የድሊ። እንትበስላ ድማ መሊስካ ብሼር ንህዝቢ ብምሻጥ ናብ ቀፃላይ ብራኸ ኢንቨስትመንት ብምድያብ፣ ትእምት፣ ዓቕሚ ቁጠባ ተጋሩ ኣብ ምድንፋዕ መሪሕ ግደ ክፃወት ይግባእ። ባህጊ ተጋሩ ክገሃድ እንተኾይኑ፣ ትግራይ ዘድልያ፣ ሃፍታም መንግስቲ ምእዙዝ ህዝቢ ዘይኮነስ ሃፍታም ህዝቢ ምእዙዝ መንግስቲ እዩ።

## 3.17 ኣንፈት ሓገዝ ረድኤት ዓለም ለኸ ትካላት

ትግራይ ድርዕቶ ድሕረት የማን ፀጋም ተዛርዮም ዐፅንዮማ እዮም ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ማንካ እስካብ ከበድቲ ማሽነሪኣ፣ እንሰሳኣን እኽላን ሓዊሱ ተዘሪፉ እያ። ዝፈሰሰ ደም ንፁሃት ተጋሩ እንትሕሰብ ካሕሳ ትግራይ ብገንዘብ ክትመን ኣይኽእልን። ይኹን'ምበር ህይወት ክቕፅል ስለዘለዎ ካሕሳ ክንፀባፀብ ግድን ስለዝኾነ ዝጠፍኣን ዝተሓረደን ንብረት ብእርይ ቑፅር ክነምልስ እንተይልና ኣዝዩ ከቢድ ሕልኽላኽ ምስ ምዃኑ ዝበፅሓና ገዚፍ ኪሳራ ዓለም ክርደኣልናን ኣብ ዳግመ ህንፀት ትግራይ ዓብዪ ግደ ክፃወትን ተዝስራሕ ዝሐሸ ሓፂር መውፅኢ መንገዲ እዩ። ዝግበር ሓገዝ ድማ ዝተለመደ ስርናይን ዘይትን ዘይኮነስ ትግራይ ብቑፃልነት ዓርሳ ኣብ ዘኽእላ ስልጠና መናእሰይ፣ ዕድጊት ሃፍቲ እንስሳን ዘራእትን፣ ቀረብ ማይን ኢነርጅን ቴክኒካዊን ገንዘባውን ሓገዝ ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተይን ክውዕል ብዘኽእል ብርኪ ፍሉጣት ዓለም ለኸ ክኢላታት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ብሉፃት ፕሮጀክት ብስፍሓት ዝቐርፅን ምትእኽካብ ሃፍቲ ብዝተማእኸለ መንገዲ ዝመርሕን ፍሉይ ቢሮ ክጣየሽ ይግባእ።



## 3.18 ፍሉይ ቢሮ ኢንቨስትመንት

ባህጊ ምዕብልቲ ትግራይ ክሳኻዕ እንተኾይኑ ትግራይ ፅፁይ ዳታ ባንክ ዘለዎ ፍሉይ ቢሮ ኢንቨስትመንት ግድን የድልያ ጥራሕ ዘይኮነስ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ቁልፊ መደብ ፕረዚደንት ትግራይ ክኾን ይግባእ። ስለዝኾነ'ውን ዝተማእኸለ ዝርዝር መረዳእታ ህዝቢ፣ ፅፉይ መረዳእታ ትሕዝቶ መሬት፣ ዝድህሰሱን ዘይድህሰሱን ቅርስታት ትግራይ፣ ፅፉይ መረዳእታ ትሕዝቶ መዓድናት፣ ዝርዝር መረዳእታ ሃፍቲ እንስሳን ስራሕቲ ሕርሻን፣ ዝርዝር መረዳእታ ተበፃሕነትን ፅርየትን ትምህርትን ጥዕናን፣ ፅፉይ መረዳእታ ሃፍቲ ማይን ኢነርጅን፣ ዝርዝር ፅንዓታት ዓበይቲ ፕሮጀክት፣ ዝርዝር መረዳእታ ዕዳጋ ዓለም፣ ዝርዝር ፕሮፖዛል ዓለም ለኸ ረድኤት ልምዓት፣ ወዘተረፈ ኣዝዩ ስለዘድሊ ቕልጡፍ ምትዕርራይ ክንገብር ይግባእ።

## ምዕራፍ ዓርባዕተ-መጠቓለሊ ሓሳባት

ሕቶና ዉሑስ ሰላምን ዘይተገደበ ዕብየትን ባህግና ድማ ብሕግን ስርዓትን ኩላትና ብማዕርነት ቀሲንና እንነብረላ ሓደ ትግራዋይ ክነዲ ትግራይ እትርኢ እንተነኣሰ ኣብ ኣፍሪካ Role Model ዝኾነት ደቂ ሰባት ዝሃርፍዋ ምዕብልቲ ትግራይ ምህናፅ እዩ። እዙይ ማለት፣ እንተነኣሰ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት፣ ህንፅት ሰማይ ዘይተማዓዱን ብብዕራይ ዘይትርሓርስን ትግራይ ማለት ጥራይ ዘይኮነስ ማእኸላይ ዓመታዊ ነብሲ ወከፍ እቶት ተጋሩ 10,000 ዶላር ብምብፃሕ መርኣያ ፖለቲካን ኢኮኖሚን ኣፍሪካ ዝኾነት ዓለም ዝሃርፋ ምዕብልቲ ትግራይ ምህናፅ ማለት እዩ። ርሑቕ እናተመነና ብቐሊሉ ከይንወድቕ ድማ እዘን ዝስዕባ ብፍሉይ ክነስተብህለን ይግባእ።

1. ኑክሌር ትግራይ፣ ሕብረት ተጋሩ እዩ። My country, right or wrong; if right, to be kept right; and if wrong, to be set right ተኣማንነትና ልትግራይ እስካብ ዝኾነ ኣፈላላያትና ትሕቲ ትግራይ እዮም። ትግራይ፣ መፃኢኣ ሌላን ጉሌላን ከይገበረት ተቓራሪባ ትዘቲ። መድሕን ትግራይ Level playing field ሰረቱ ዝገበረ ጥሙር ዓቕሚ ተጋሩ እዩ።

2. እምነ ኹርናዕ ትንሳኤ ትግራይ Post-traumatic growth (PTG) እዩ። ጉድኣትካ ዘይምርሳዕን ኣብ ቁስልኻ ምንባርን በበይኑ እዩ። ኣብ ቁስልኻ ዘንብር Post-traumatic stress disorder (PTSD) ቀታሊ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ዘድልዮ ጎደልኡ ዝመልእ ሰዓራይ ስነ ልቦና እዩ።

3. ትግራይ ማለት ድምር ውፅኢት ናብራ ተጋሩ እያ። ብፍላይ ዓቕሚ ዘለና ተጋሩ ትግራይ ብናይማን ክንሕግዛ እንተኾይና እንተኽኢልና ንንበረላ፤ እንተዘየለ ኢንቨስት ንግበረላ፤ እንተነኣሰ ግን ዕቋርና ኣብ እትውንኖ ቦኽራ ነቐምጠላ። ብተወሳኺ ድማ ዓቕሚ ዘለዎ ሕድ ሕድ ትግራዋይ ካብ ወርሓዊ ቀለብ ምስፋር ብዝዘለለ እንተነኣሰ ስድርኡ ብቋምነት ከጣይሽ እንተኺኢሉ ቁጠባ ትግራይ ሱር ሒዙ ክውላዕ እዩ።

4. ግዝኣታዊ ሓድነት፣ ፍትሕን ካሕሳን ቀይሕ መስመር እዮም። ግዝኣታዊ ሓድነት ተረጋጊፁ ህዝቢ ትግራይ ፍትሕን ካሕሳን እንተዘይረኺቡ ናይ ግዘ ጉዳይ እንተዘይኮኑ ካብ ኣዙሪት ኲናት ክንወፅ ስለእንፅገም ውዕሊ ፕሪቶርያ ብሙሉእነት ክፍፀም ኣበርቲዕና ክንሰርሐሉ ይግባእ።

5. ቀረብ ማይ ፕሮጀክት ሞትን ሕየትን ትግራይ እዩ። ሰብ ክነብር ይበልፅ እንምበር፣ እንሰሳ ይመስል፣ ክትበልፅ ምንባር ግቡእ ኣይኮነን። ትግራይ በሊዓ ክትሓድር እንተኾይና ድማ ሕርሻና ይዘምን ኣይዘምን ብዘየገድስ ቀረብ ማይ፣ ፕሮጀክት ሞትን ሕየትን ትግራይ እዩ።

*ትንሳኤ ምዕብልቲ ትግራይ - ፕሮጀክት ሓድነት ተጋሩ!*

# ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ሕቶታት

- ✓ ኣብዚ ዝቀረበ ፅሑፍ እቲ ትግራይ ክትበፅሖ እንደልዮ ሓሳብ እዩ። ብኣተሓሳስባ ናብ ሓደ እንተመፂእና ዘይንበፅሖሉ ምኽንያት የለን። ግን ምስ ካፒታሊዝም ተኣሳሲሩ፣ ምስ ብቁዕ ሓይሊ ሰብ ተኣሳሲሩ፣ ምስ ኣብ መናእሰይ ክነካይዶ ዝግበአና ስልጠናታት ተኣሳሲሩ ናብዚ ንክንበፅሕ ቀዲምና ክንሰርሖ ዝግብአና እንታይ እዩ? ዝብል ኣብ ሓበራዊ ስምምዕ ነጥቢ በፂሕናስ ኽንትልሞ'ዶ ኣይግበአናን እዩ?
- ✓ ውርደትና ከመይ ኢና ንርድኦ? ዓይነ መርፍኡ ዝጠፈኦ ፀገም ትግራይ ከመይ ነድሕኖ? ዓወትና እውን ተጠቂምናሉ ኣይንፈልጥን። እዚ ኢና ክንመሃረሉ ዘለና?
- ✓ ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ርእይቶታት
- ✓ ካልእ እቲ ኣብ እዋን 17 ዓመት ኾነ ኣብዚ ናይ ሐዚ ናይ ሰራዊት ትግራይ ዝረኸብናዮ ህዝባዊነት (ወያነነት- ለውጢ ደላያይ፣ ህዝባዊነት- ውፉይነት ማለት እዩ።) ክዕቐቡ ኣለዎም። እዚኦም ግና ነቶም መዐቐኒ ዘለዎም ክብሪታት ማለት ፍትሓውነትን ዴሞክራሲያውነትን ከይዕምፅፅዎም ክንጥንቀቕ ኣለና። ኻልእ ክንሓስበሉ ዘለና ሳይነስን ቴክኖሎጂን ከይሓዝና ኣብ ዝኾነ ብርኪ ክንበፅሕ ስለዘይንኽእል ብትኹረት ክንሰርሓሉ ኣለና።
- ✓ ኣብ ሓበራዊ ረብሓና እውን ተሰማሚዕና ኣይንፈልጥን። እዚ ዘተ ንኻልእ ዘተ ዝወልድ ክኾውን ኣለዎ። እዚኣ ነጠናኽራ ትካላት ነህጥረን እየ ዝብል።
- ✓ ኣብ መዓድን ዘሎ ዘይሕጋዊ ውራ ብጣዕሚ ተስፋሕፊሑስ ክሳብ ንቱሪዝም ዝረብሑና ጎቦታት ምፍራስ ይበፅሕ ስለዘሎ እዚ ብትኹረት እንተንሪኦ ዝሓሸ እዩ።



መሓሪ ታደለ
ፕሮፌሰር

# ትግበራ ውዕል ፕሪቶሪያን
# ቐፃልነት ሰላም ትግራይን

## 1. መእተዊ

ቺኑኣ ኣቸበ፣ ኣብታ “ሃገር ነይራ” እትብል መዘከርትኡ ከምዚ ይብል፤ “ኣብ ባህሊ ኢግቦ፣ ዝኾነ ኩነታት ነባሪ ኣይኮነን” ይበሃል። እዚ ሃብታም ግን ከኣ ዘሕዝን ታሪኽ ኢግቦ ሱር ዝሰደደ ግዜ ዘይስዕሮ ጥበብ፤ ብብረኪ ዓለም ብዝያዳ ድማ ኣብ ትግራይ ይድመፅ።

ቀርኒ ኣፍሪቃን ባሕራዊ ዓውዱን ዓበይቲ ምቅይያራት የርኢ ስለዘሎ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ጂኦ-ፖለቲካውን ወታሃደራውን ዓውዱ ርኡይ ለውጢ የስዕብ ኣሎ። ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኣብይ ኣሕመድ ዝመርሓ ኢትዮጵያ፣ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኤርትራ፣ ከምኡ’ውን ናይ መሓመድ ፋርማጆ ሶማልያ ተፈጢሩ ዝነበረ ምሕዝነት ሐዚ ፈሪሱ ይርከብ። ኣብ ትሕቲ ኣብይ ዝነበረት ኢትዮጵያ ሐዚ ኣብ ናይ ፕሮፖጋንዳ ኩናት ንላዕሊ ጥሒላ ኣላ። እቲ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተኻየደ ዘርኢ ናይ ምፅናት ኩናት ይመርሕ ዝነበረ ኪዳን ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብዪ ኣሕመድ፣ መንግስቲ ክልል ኣምሓራን ሓይልታቱን ዘሳተፈ ድሕሪ ሐዚ ኣይህሉን። ናይዚ መግለፂ እውን ፈዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ሓይልታት ኣምሓራን ኣብ ከቢድ ደማዊ ኩናት ዝኣተዉ ኮይኖም፤ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ እዋናዊ ወጥሪ ድማ ርኡይ እዩ። ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ዝተኸተመ ስምምዕነት ሰዒቡ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልያን ዓለምለኻዊ ዲፕሎማስያዊ ኩናት ይካየድ ኣሎ። ኢትዮጵያ፣ ኤርትራን ሶማልያን ወታሃደራዊ ዓቕመን ኣሰሊፈን ኣለዋ። ዘይውሕስነት ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ንገለ መስመራት መራኸብ ክቆራረፅ ገይርዎ ይርከብ። ቁጠባ ኢትዮጵያ ኣብ ቀፃሊ ውድቀት ብምህላዉ፤ ዓለምለኻዊ ትካላት ፋይናንስ (IFIS) ሓገዝ እንተዘይረኺቡ ክድሕን ኣብ ዘይኽእለሉ ብርኪ በፂሑ ይርከብ።

## 2. ንቕድሚት ዝጥምት ኣቐራርባ

እዚ ፅሑፍ እዚ ንቕድሚት ዝጥምት ኣረኣእያ ዝኽተል ኮይኑ ኣብ ዕድል ዘተኮረ መነፅር ብምጥቃም ፍሉያት ተግባራዊ ዝኾኑ ስጉምትታት ዝገልፅ እዩ። እቲ ፅሑፍ ኮነ ኢልካ፣ ነቲ ትኹረትን ኣተሓሳስባን ኪኖ ምቁራፅ ተፃብኦታት ናብ ‘ዘላቒ ሰላም’ ዝብል ኣገባብ ንምቕያር ዝዓለመ እዩ።1 እዚ ኣገባብ እዚ ናብ ኩናት ንከይምለስ ብምክልኻል፤ ንኹሉ ዝሓቁፍ ዲፕሎማስያዊ ዓቕምን ኣወሃህባ ህዝባዊ ኣገልግሎትን ኣገዳስነቱን ዘጉልህ እዩ። ብተወሳኺ ትርጉም ናይቲ ‘ስሉስ ምትእስሳር’ ዝብል ኣምር የጉልህ። ሰብኣዊ ሓገዝ፡ ልምዓትን ሰላምን ዘጠቃለለ እዩ። እዚ ኣምር እዚ ድሌታት ሰባት ብዝበለፀ ንምምላእ፣ ተቓላዕነት ንምንካይን ነባሪ ሰላም ንምምፃእን ኣብ መንጎ እዞም ሰለስተ ባእታታት ዘሎ ምትእስሳር ብኣድማዒ መንገዲ ንምሓዝ ይፅዕር። እቲ ፅሑፍ ንኩነታት ትግራይ፣ ኢትዮጵያን ሰፊሕ ክልልን ኣብ ዓውደ ፅሑፍ ብምስምማዕ፣ ዘላቒ ሰላም ኣብ ምምፃእ ወሳኒ ባእታ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ (CoHA) ውፅኢታውን ቅልጡፍን ኣፈፃፅማ ክግበር ይፅውዕ። ይኹን እምበር ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝምዕብል ዘሎ ምልውዋጥ ኣብ ውሽጢ እቲ ዞባ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ዘይዕግበትን ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ ሰላም ንምቕፃልን ዕጥቅታት ብቐዋምነት ዝዓግት ኣገባብ ንምትካልን ዝብል ናይ ነዊሕ ግዜ ዕላማ ንምምላእ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ መወዳእታ ናይቲ ጉዳይ ክኸውን ኣይክእልን። ኪኖ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ትግራይን ዝካየድ ጭቡጥ/ንዋታዊ ዝርርብ፣ ሕገ-መንግስታዊን ፖለቲካዊ-ፀጥታን እቲ እንኮ መንገዲ ኩናት ዘብቅዕዐሉ መንገዲ እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ እቲ ዝመፅእ ፖለቲካዊ ዘተ ንተግባራዊነት ምፍፃም ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ፣ ንምግምጋምን ንሰላም ንምድጋፍን ሓድሽ ዕድላት ንምፍጣርን ወግዓዊ ምድላው ኣብ ምክያድ ዓብዪ ኣገዳስነት ኣለዎ። መፃኢ ናይ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ እውን ክውስን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ተጀሚሩ ዘሎ ምቅርራብ ብምብራኽ ዝሓሸ ምትእምማን ክፈጥር ይኽእል እዩ።

## 3. ካብ ጥንቁቕ ተስፋ ናብ ዘይዕግበትን ፖላራይዘሽንን

ኣብ ሕዳር 2/2022 ኣብ ፕሪቶርያ-ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ኣብ መንጎ ፈዴራላዊ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ (GoE)ን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ስምምዕ ቀዋሚ ምቁራፅ ተፃብኦታት (CoHA) ብምፍራሙ ኣብታ ሃገር ንኽልተ ዓመታት ዝፀንሐ ጀሳይዳዊ ኩናት ክቋረፅ ገይርዎ እዩ። ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ድማ ኣብ ናይሮ-ኬንያ፣ ኣብ ኣገባብ ኣተገባብራ እቲ ስምምዕ ዝምልከት ብናይ ክልቲኦም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ተኣዊጁ እዩ። ነዚ’ይ እውን ዳርጋ ሙሉእ ማሕበረሰብ ዓለም ነቲ ስምምዕ ዝድግፍ ምኻኑ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣርእዩ እዩ።

---

*1 ካፓሪኒ ኤምን ሬጋን ኤን (2019)። ኣብ ስሉስ ምትእስሳር ዝርከቡ ነጥብታት ምትእስሳር፡ ሲፕሪ* [https://www.sipri.org/commentary/topical-backgrounder/2019/connecting-dots-triple-nexus](https://www.sipri.org/commentary/topical-backgrounder/2019/connecting-dots-triple-nexus) *(31 ጥሪ 2023 ዝተረኸበ)።*

እዚ ስምምዕ ካብቲ ኣብ መጋቢት 2022 ዝተሰማዕምዕሉ፤ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ፈሪሱ ኲናት ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዳግማይ ዝተጀመረሉ ዘይወግዓዊ ምቁራፅ ተፃብኦ ዝተፈልየ እዩ። ኣብ ፕሪቶርያ ዝተፈፀመ ውዕሊ ሰላም ብኽልቲኦም ወገናት ዝተኻየደ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ብናይ ሕብረት ኣፍሪቃ (AU) መደራደርቲ ተማእኺሉ ዝተፈረመ ብምዃኑ ሕጋወነቱን ተኣማንነቱን ክውሰኽ ገይርዎ እዩ። ብርግፅ ማሕበረሰብ ዓለም ብቐንዱ እታ 'ኣገዳሲ ስጉምቲ' ኢላ ዝገለጸቶ ኣመሪካን ን'ትብዓት' እቶም ወገናት ዘጣቕዐት ሕብረት ኣውሮፓን ነቲ ስምምዕ ብዓቢኡ ደጊፎሞ እዮም። እቲ ኲናት ንልዕሊ 700 መዓልታት ክናዋሕ ዝረኣየ ሓፈሻዊ ህዝቢ ኣፍሪቃ እውን ሓባራዊ ትንፋስ ዝገልጽ ይመስል ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ ትግራይ ዝተራእየ ግብረ መልሲ ግን ኣብ ክልተ ዓመት ንዝገጠሞ ኲናት ብሓጎስ ዘይኮነስ ብተስፋን ስግኣትን እዩ ሪኢዎ። ተሞክሮ ጭካነ ዝተመልአ ሕድሕዳዊ ኲናት ኣብ ዝኸሪ ብዙሓት ተጋሩ ሱር ዝሰደደ እዩ። ካብ ተስፋን ስግኣትን ዝብገስ ድማ ብጥንቃቐ ክሪኦ ተገዲዱ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኢዶም ዝዘርግሑ ሰባት ዳርጋ ተመሳሳሊ ስምዒት ገሊፆም እዮም። 'ስምምዕ ፕሪቶርያ ብኣድማዒ መንገዲ ምትግባር የድሊ። "ውዕል ፕሪቶርያ ኣብ መጀመርታ ተስፋ ኣምፂኡ፤ እቲ ተስፋ ግን ይብተን ኣሎ። ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ብስምምዕ ፕሪቶርያ ብሕጋውን መንፈሳውን መዳይ ተሰሪዙ። ካብ ቃላት ንላዕሊ ተስፋ ቆሪፀ ኣለኹ" ኢሉኒ ሓደ። ካሊእ ድማ 'ብመዳይ ተሓታትነት እቶም ህልቂት ዓሌት [sic] ነፃ ኮይኖም ክኸዱ እንከለዉ ተኸላኺልቲ [ትግራይ] ድማ ኣብተን ዝተኣልያ መዓስከራት ክህልዉ'ዮም። እዚ ንሰላም ዕድል ይህብ ድዩ?' ብዙሓት ተጋሩ ኣብቲ ስምምዕ ሓፂር ጫፍ በትሪ ዝረኸበት ትግራይ እያ ኢሎም ዝኣምኑ ይመስሉ፤ ሐዚ ድማ ኣብ ኣፈፃፅምኡ ምዕባለ ብዘይምርኣዩ ብዝገደደ ነቶም ኣብ እዋን ኲናት ክንድዚ ዝኣክል መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጨፍላቒ ዕንቅፋት ኮይኑ መፂኡ ኣሎ። ከምኡ'ውን ነቶም ዝተመዛበሉን ዝተመንዘውን።

ንስምምዕ ፕሪቶርያ ዘይተግባራዊን ዘይውፅኢታዊን ክገብሮ ዝኽእል ፖለቲካ፣ ጫፍ ዝረገፀ ዘይምትእምማን፣ ቂምታን ዘይዕግበትን ምምፃእ ዘይከኣል ኣይኮነን።

## 4. ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ (CoHA) መዐቀኒታትን ውፅኢቱን

ኣነ ዝማጎት መዐቀኒታትን ውፅኢትን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኮነ ኢልካ ሓፈሻውን ዘይንፁርን ኮይኑ እዩ ተዳልዩ ዝብል እዩ። ከምቲ ቀንዲ ሃንደስቱ ዝርድእዎ ሓቀኛ ባህርን መሰረታዊ ዕላማን ናይቲ ውዕል ዘንፀባርቕ እዩ። ዕላማ እቲ ስምምዕ ምቁራፅ ተኹሲ፣ ውሕስነት ንትግራይ፣ ልኡላውነት ንኢትዮጵያ፣ ሕጋውነት ንምምሕዳር ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ምርግጋፅ ዝብሉ ብዋናነት ይርከብዎ። ይኹን እምበር ድሕሪ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ፣ ትግራይ ተዳኺማ፣ ከቢድ ጥሜት ተስፋሕፊሑ፣ ግዝኣታዊ መሬታ ኣይተመልሰን፣ እቲ ፖለቲካዊ-ወታሃደራዊ ማሕበረሰብ ድማ ሰፊሕ ኣፈላላይ ፈጢሩ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኣብይን ብመንግሰቲ ኤርትራ ዝሕገዙ ሓይልታት ኣምሓራን ኣብ ከቢድ ጎንፂ ኣትዮም እዮም ዝርከቡ። ብጉልባብ መሰጋገሪ ፍትሒ ንፈፀምቲ ገበናት ግፍዒ እውን ናፅነት ብምሃብ ካብ ተሓታትንት ከምልጡ ዕድል ዝህብ ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ፅሑፍ ንስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ መለለዪ ዝህብ ኮይኑ ናይ ሓደ ዓመት ውፅኢት ኣተገባብርኡ ዘቕርብ እዩ። ክሳብ ሕጂ ዝተራእየ ምዕባለን ናይ ኣፈፃፅማ ዕንቅፋታትን የቕርብ። ብዓብዩኡ ድማ ከበድቲ ሕቶታት ዘልዕልን ስትራተጂካዊ ቅልውላዋት ትግራይ ዘነፅርን እዩ። ዕድላት ኣለልዩ ነዞም ዕድላት ንምምዝማዝን ንምስፋሕን ተባዕ እማመ የስጉም። ቁልፊ ነጥብታት ኣጠቓሊልካ ምቕራብን ኣገዳስነት ፅንዓትን ስትራተጂካዊ ውጥንን ኣብ ምፍታሕ ብድሆታትን ኣብ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ዝተረኸቡ ዕድላትን ኣብ ምጥቃም ትኹረት ይገብር።

## 5. መለለዪ ባህርያት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ (CoHA)

ስምምዕ ፕሪቶርያ (CoHA) ብመሰረቱ ተፃብኦታት ንምቁራፅ ዝዓለመ ስምምዕ እምበር ብጥብቂ ትርጉም ስምምዕ ሰላም ኣይኮነን። ልሙድ ስምምዕ ሰላም ነቲ ኲናት ብኹለመዳያዊ ፍታሕ ዝምልከት ዝርዝር ድንጋገታት፣ ሱር ጠንቂ፣ ሳዕቤናቱ ዝምልከት፣ ከምኡ'ውን ድሕሪ ኲናት ዝህሉ ውጥናት ሰላምን ልምዓትን ዝገልፅን ዘጠቓልል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ስምምዓት ሰላም ከም ምቁራፅ ተኹሲ፣ ቀዋሚ ምድላዋት ፀጥታ፣ ኣብ ሱር ናይቲ ጎንፂ ዝርከቡ ምሕደራን ፖለቲካዊ ጉዳያትን፣ ስልጣን፣ ምሕደራ ሃፍትን መንነትን፣ ከምኡ'ውን ስጉምትታት ተሓታትነት፣ እንተላይ ስምምዓት ኣብያተ ፍርዲ ወይ ቤት ፍርዲ፣ ከምቲ ንደቡብ ሱዳን ዝተመስረተ ድቅ-ቤት ፍርዲ ዝሸፍን እዩ። ስለዚ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ከም ኩለመዳያዊ ስምምዕ ሰላም ክውሰድ ኣይክእልን።

ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ተኹሲ ጠጠው ኣብ ምባል ውፅኢታዊ ኮይኑ ኣሎ። ብዙሓት ብቑዓት ናይ ዕላማ መግለፂታት ዘጠቓልል ኮይኑ ካብ መጀመርታ ግን ንፁርነቱን ኣተገባብርኡን ብዝምልከት ብተሪር ሕቶታት ዝጠልቀየ እዩ። እዚ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣገዳስነትን ድሩት ዓወታትን ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ንምንእኣስ ዝዓለመ ኣይኮነን።



ይኹን እምበር ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ገለ ኣገደስቲ ባእታታት ይጎድፍ እዩ። ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ዘቐመጠን፣ ሓይልታት ኤርትራን ኣምሓራን ካብ ትግራይ ምስሓብ፣ ተመዛበልትን ስደተኛታትን ናብ ዓዶም፣ መሬቶምን ንብረቶምን ምምላስን ምውህሃድን፣ ንምምላእ ኣዝዩ በዳሂ ኮይኑ ዝተረጋገፀ ፅኑዕ ናይ ምፍታሕ ኣፅዋር ናይ ግዜ ገደብ ምቕማጡ ብፍሉይ ክጠቅስ ኣይከኣለን።

ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ንውዕል ምቁራፅ ተፃብኦታት ዘይተለምዱ ድንጋገታት ዝሓዘ ኮይኑ ከም ምኽባር ቅዋማዊ ስርዓት ምፍታሕ ዕጥቅን ዳግመ ምጥያሽን፣ ምምላስ ስልጣን ፌደራል፣ ውክልና ትግራይ ኣብ ትካላት ፌደራል፣ መሰጋገሪ ፖሊሲ ፍትሒ፣ ከምኡ'ውን ብሰናይ ድሌት ምትግባር ዝብሉ መዐቀኒታት ኣይተማልኡን። ከም ምፍታሕ ዕጥቅን ዳግመ ምጥያሽን፣ ምድላዋት ፀጥታ፣ ተሓታትነትን መሰጋገሪ ፍትሕን ዝኣመሰሉ ባእታታት ንኹለመዳያዊ ስምምዕ ሰላም ዝያዳ ዝምጥኑ እዮም። ብሓፈሻ ምፍታሕ ዕጥቅን ዳግመ ምጥያሽን ዝትግበር ውድባት ምስ ውሕስነት ዝህቡ ሰባት ኩለመዳያዊ ስምምዕ ሰላም ምስ ዝፍርሙ ጥራሕ እምበር ተጻብኦታት ምቁራፅ ጥራሕ ኣይኮነን። ብመሰረቱ ምፍታሕ ዕጥቅን ዳግመ ምጥያሽን ኣብ ፖለቲካዊ-ፀጥታ-ቅዋማዊ ጉዳያት ዝተገብረ ስምምዕ ክኽተል ይግባእ፤ ወይ ብኻልእ ኣዘራርባ እንተተገልፀ ስምምዕ ምሕደራ ነቲ ናይ ፀጥታ ስምምዕ ይውስኖ። በዚ ድማ ኣድላይነት ምፍታሕ ዕጥቅን ዳግመ ምጥያሽን...። ስለዚ ውዕል ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኪኖ ተፃብኦታት ምቁራፅ ዝሓልፍ እዩ።

ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ምዕራፋት ምቕማጥ፣ መስርዕ ምቕማጥ፣ ምትእምማን ንምህናፅ፣ ፖለቲካውን ፀጥታውን ጉዳያት ንምምሕዳር፣ ሓቅታትን ተሓታትነትን ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ኣገባባት ናይ ግዜ መስመር ምትካልን ከምዘድሊ ዕሽሽ ይብል።

ድሕሪ ሓደ ዓመት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ንመሰረታዊ መዳያት ናይቲ ጎንፂ ከም ሱር ጠንቂ ኣብ ሰፊሕ ፖለቲካዊ-ወታሃደራዊ ኩነታት፣ ተሓታትነት ተጻብኦታትን ገበናዊ ተግባራትን ሳዕቤናትን ድሕሪ ኲናት ዝነበረ ምሕደራን ዝኣመሰሉ መሰረታዊ መዳያት ናይቲ ግጭት ንምፍታሕ ኣገባባት ኣይሃበን ወይ ጭቡጥ ስጉምትታት ኣይወሰደን።

## 6. ናይ ሓደ ዓመት ውፅኢት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ

## The goals of CoHA.

The ultimate goal of the CoHA could be summed up as a return to the status quo ante. The agreement's core components are defined in six areas: (1) Security, including the cessation of hostilities and the removal of external forces from Tigray; (2) Constitutional status quo ante, reaffirming the sovereignty of Ethiopia and the legitimacy of GoE control over Tigray (along with the restoration of Tigray's administration to all constitutional territories, DDR, return of refugees and IDPs and restoration of federal authority in Tigray); (3) Provision of humanitarian aid; (4) establishment of political dialogue, encompassing replacement of the Tigray government with an interim administration and addressing constitutional matters; (5) transitional justice; and (6) post-war reconstruction and development.

---

## 7. ስምምዕነት ምፍታሕ ኣፅዋር

ዓንቀፅ 3ን 6ን ናይቲ ስምምዕ ሰላም ምፍታሕ ኣፅዋርን ምውጋድን ህ.ግ.ደ.ፍ ዝምልከት ብብዙሓት ካብ ኩሉ ድንጋገታት ኣዝዩ ኣካታዒ ኮይኑ ተረኺቡ እዩ። እቶም ድንጋገታት ናይ ትግራይ ድሕንነት ዝምልከት፣ ዕማም ሰራዊት መከላኸሊ ኢትዮጵያ ምኳኑ ይገልፅ።



ብዙሓት ተጋሩ፣ ንስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ንግዳያት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር እቶም ግፍዒ ዝፈፀሙ ክወድቁ ብምግባር ግፍዒ ዝፈፀሙ ድማ ካብ ተሓታትንት ነፃ ክወፁ ዝገብር እዩ ኢሎም ይኣምኑ። ሓይልታት ኤርትራን ኣምሓራን ካብ ኩሎም ብሕገ-መንግስቲ ኣፍልጦ ዘለዎም ግዝኣታት ትግራይ ክሳብ ዘይወፁ ውሕስነትን ድሕንነትን ተጋሩ ርጉፅ ኣይኮነን። ድሕሪ ደጊም ንድሕነት ዝደልዩ ተጋሩ ዜጋታት ከም ናይ መወዳእታ ሓላዊ ኮይኑ ክረአ ኣይከኣልን። ብታሪኽ፣ ናይ ዜጋታት ድሕንነት ዝሕሎ በቲ ናይታ ሃገር ላእላውነት ዝሕሉ በዓል መዚ ምኳኑ ኣሚኑ እዩ። ይኹን እምበር ልኡላውነት ሃገረ ኢትዮጵያ ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ሓለዋ ክህብ ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ምስ መንግስቲ ኤርትራን ሰራዊታን ብቐረባ ብምትሕብባር ተጋሩ ንምጽናት መሳርሒ ኮይኑ ከምዘገልገለ መላእ ተጋሩ ይኣምኑ።

እዚ ዝርሪእሉ ኣገባብ ኢትዮጵያ ብሽም ላእላውነት ኣብ ልዕሊ ዜጋታታ ዝፈፀሞቶ ዘርኢ ምፅናት ተሓታትነት ከይረጋገፅ ከለላ ዝህብ እዩ ኢሎም ይገልፅዎ።

እዞም ዓንቀፃት ብቐንዱ ንጠለባት መንግስቲ ኤርትራ ዘዕግቡ ከምዝኾኑ፤ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ካብ ውሽጥን ደገን ክመፁ ዝኽእሉ ተጻብኦታት ናይ ምክልኻል ስልጣን ዘለዎ ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ምኳኑ ይድንግግ። ይኹን እምበር ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ንሓይልታት ተቓወምቲ ብሽም ምፍታሕ ኣጽዋር፣ ምውጋድን ምውህሃድን ንምውሓጥ ዝዓለመ እዩ። ጎኒ ጎኒ ከም በዓል መንግስቲ ትግራይ ዝኣመሰሉ ሓይልታት ቅዋማዊ ጉዳያት ክሳብ ዝፍታሕ ዕጡቓት ኣሃዱታቶም ከም ዘይተበላሸዉ ክቕጽሉ ክደልዩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ንህ.ወ.ሓ.ት ዕጥቂ ንምፍታሕ ዝግበር ስምምዕ ኣብ ሓደ ጎንፂ ዝሳተፉ ወገናት ብተለምዶ ብትካላዊ ኣገባባት ምትእምማን ክሳብ ዝምስረት፤ መብዛሕትኡ ግዜ ብሓባር ዝመሓደር ኣካል ወይ ብሳልሳይ ወገን ብጸጥታዊ ድንጋገ ኣቢሉ ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ብዝምልከት ዓሚቕ ዘይምትእምማን ስለዘርእዩ ዘደናግር እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ተዋጋእቲ ወገናት እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ዕጥቃዊ ጎንፂ ጉዳያት ቅዋማዊ

ምሕደራን ጸጥታን ገና ዘይተደራደርሉ ዘይተሰማምዓሉ ውሕስነት ከምዘይተዋህቦ ምስ ዝፈልጡ ሳሕቲ እዮም ዕጥቆም ዝፈትሑ። ኣብዚ ፍሉይ ዝገብሮ ኣብ ኲናት ፍጹም ወታሃደራዊ ስዕረት ምስ ዝስምዖም ጥራይ እዩ ዘጋጥም። ካብዚ ሓሊፉ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ትግራይ 'ካብ ወታሃደራዊ ስራሕ፣ ስልጠና፣ ምውፋር፣ ምልዕዓል፣ ወይ ንጎንፅን ተፃብኦን ካብ ምድላው ክትቁጠብ የገድድ። ብዘይንጹር ኣሃዛት ምፍታሕ ዕጥቅን ዳገመ ምጥያሽን ሰራዊት ትግራይ፣ ዝምድና ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን ትግራይን ምክብባርን ብሓፈሻ ምትሕብባር ዘለዎን ይመስል።

# 8. ሕገ መንግስታዊ ግዝኣታት ትግራይ ምኽባር

ብመሰረት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ሓደ ወሳኒ ክትግበር ዝነበሮ ጉዳይ ሓይልታት ኣምሓራን ደጋዊ ሓይልታትን (ሰራዊት ኤርትራ) ካብቲ ብሕገ መንግስቲ ኣፍልጦ ዘለዎ ግዝኣታት ትግራይ ዘይምውፅኦም እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ንሕገ መንግስትን ዞባዊ ዶባትን ንምኽባር ዝነበሮ ውፉይነት ገና ዘይተማልአ እዩ።

ናይዚ መሰረታዊ ፀገም ድማ ከምዝስዕብ ተተንቲኑ ቀሪቡ ኣሎ።

## 8.1. ምስሓብ ሓይልታት ኣምሓራ

ዳርጋ ኩሎም ድንጋገታት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ስልጣን ፌደራል ብምምላስን ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ክምለስ ብምፍቃድን ነቲ ዝነበረ ኩነታት ንምምላስ ዝዓለመ እዩ። ብፍላይ ከምቲ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ 1995 ዝተዘርዘረ፤ ሓይልታት ኣምሓራ ካብ ዝወረርዎ መሬት ትግራይ ክወፁ ዘይምእዛዞም እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ውዕል ሰላም ፕሪቶርያ ዓንቀጽ 10 ከምዝሕብሮ እንተኾይኑ፤ ውድባት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ንጉዳያት መከራኸርቲ ከባቢታት ንምፍታሕ ቃል ብልዝብ ከምዝውዳእ እዩ ዝገልጽ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሓይልታት ኢትዮጵያ፣ ኣምሓራን ኤርትራን ዘሎ ኩነታት ምዕራብ ትግራይ ይኹን ካልኦት ከባቢታት ትግራይ ብቐጥታ ኣይምልከትን። እዚ ቁፅፅር እዚ ወሳኒ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ምዕራብ ትግራይ ንትግራይ ናብ ወፃኢ ናይ መሬት ተበፃሕነት ክህብ ዝኽእል እንኮ በሪ ስለዝኾነ እዩ። ትግራይ ምስ ኣህጉራዊ ዶባትን ተበፃሕነት ቀረብን ንምዕንቃፍ ከም ወታሃደራዊ ሕንቅልሕንቅሊተይ ተጠቒሙ እዩ። ብተወሳኺ ምዕራብ ትግራይ ንፍርያት ሕርሻ ጥረ ገንዘብ-ዝራእቲ ኣገዳሲት ኢኮኖሚያዊት ካንሸሎ እያ።

ምዕራብ ትግራይ ኣብቲ ኲናት ከም ቀንዲ ግንባር ኮይና ወፂኣ ኣላ። ካብ ነሓሰ 2022 ጀሚሩ ብድምር ልዕሊ 50 መዓልታት ዝወሰደ ኣዝዩ ጽዑቕን ዝዓበየን ውግኣት ዝተኻየደሉ ግንባር እዩ። ብብዝሒ ወተሃደራዊ ዞባ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ፤ ሓይልታት መከላኸሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣምሓራን ብቐረባ ዝተሓባበሩሉ ጂኦፖለቲካዊ ወተሃደራዊ ቦታ፣ ዝተፈላለየ ዕድመ ዘለዎም ብሓይሊ ዝተሰደዱ ሲቪላት ሓዊሱ ድጋፍ ብምልኣኽ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘለዎም ምጭብባጥ ዘሐይል እዩ።

## 8.2. ምውፃእ ሰራዊት ኤርትራ

ዓንቀጽ 3 ውዕለ ፕሪቶርያ፣ 'ንኻልእ ወገን ንምርግጋእ ወከልቲ ምጥቃም ወይ ምስ ዝኾነ ንኽልቲኡ ወገን ተጻባኢ ዝኾነ ግዳማዊ ሓይሊ ምትሕብባር' ይኽልክል። እዚ ዓንቀጽ እዚ ግን ምስሓብ ሓይልታት ኤርትራ ዘመልክት ድዩ ኣይኮነን ክሳብ ሐዚ ድንግርግር ዝበለ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ እቲ ስምምዕ ኢትዮጵያ ምስቶም ኣንጻር ረብሓታት ተጋሩ ዝሰርሑ ሓይልታት ብፍላይ ምስ ናይ ኤርትራ ምትሕብባር ከተቋርጽ ብግልጺ ዝጠልብ ኣይኮነን። እዚ ስለዝኾነ ብዙሓት ቀበሌታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝቕጽሉ ዘለዉ ኮይኖም ኣብቶም ዝተቆፃፀርዎም ቦታታት ኩለመዳይ ሰብኣዊ ግህሰታት እነፈፀመ ይርከብ።

# 8.3 ኣገባብ ምክትታልን ምርግጋጽን

ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ሕብረት ኣፍሪካ ዝሰርሕ ናይ ምክትታል፣ ምርግጋጽን ምኽባርን ኣገባብ ይምስርት፣ ምስ ሓባራዊ ኮሚቴን ጉጅለ ክኢላታት ኣፍሪቃን። ልክዕ ከምቲ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝግበር መስርሕ ሰላም፣ እቲ ናይ ምርግጋጽን ምኽባርን ኣገባባት ርኡይ ጸጋታት ከምኡ'ውን ርኡይ ምትእስሳር ክሓትት እዩ። ኣገባባት ምርግጋጽ ኣብ ምወላ ካብ ለገስቲ ብብዝሒ ዝተመርኮሱ እዮም። ንኣብነት፡- ኣብ ለካቲት 2014 ኣብ መስርሕ ሽምግልና ብኢጋድ ዝተመስረተ ናይ ምክትታልን ምርግጋጽን ኣገባብ ደቡብ ሱዳን፣ ካብ ኣመሪካ፣ ዓባይ ብሪጣንያ፣ ዴንማርክ፣ ስዊድን፣ ፊንላንድ፣ ኖርወይ፣ ሆላንድ፣ ጃፓን፣ ሕብረት ኤውሮጳ፣ ቻይናን ካልኦትን ነይሮም። 22 ሚልዮን ዶላር ባጀት ዘለዎ፡ ኣገባብ ምርግጋጽ ደቡብ ሱዳን፣ ብማእከላይ ገምጋም ኣብ ወርሒ 2.3 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ይገብር። መብዛሕትኡ እዚ ምወላ ካብ ብዓይነት ዝተገብረ ኣበርክቶ ዝመጸ ኮይኑ ኣመሪካ ልዕሊ 80% ካብ ጠቕላላ ወጻኢታት ትሽፍን። ኣሜሪካ፣ ሕብረት ኤውሮጳን ሕቡራት ሃገራትን ኩለን ካብ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ተገሊለን እየን። ሕብረት ኤውሮጳ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘካየዶ ሓደ ሚልዮን ዶላር ወፈያ ምስቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ዕማምን ካልኦት ተመሳሰልቲ መደባትን ዘድሊ መጠን ገንዘብ ክነጻጸር እንከሎ እኹል ኣይኮነን።

ብመንጽር ጸጋታትን ምትእስሳርን ወግዓዊ ተሳትፎ ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራትን፣ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ንዕውትነት ናይቲ ምርግጋጽ ኣገባብ ወሳኒ እዩ። ክሳብ ሐዚ እቲ መደራደሪ ኮሚቴ ገና ምሉእ ህዝባዊ ጸብጻብ ኣየውጽአን። ብሕጊ ምናልባት'ውን ብፖለቲካዊ መዳይ ኣመሪካ፣ ሕብረት ኤውሮጳን ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ተበግሶ ናይ ሓደ ኣባል ዘይኮኑ ትካል ምሉእ ብምሉእ ክሳተፉ ኣይክእሉን። ከምቲ ኣብዚ እዋንዚ ዝተቐረጸ፣ እቲ ናይ ምርግጋጽ ኣገባብ ምሉእ ተሳትፎ ሕቡራት ሃገራት፣ ሕብረት ኤውሮጳን ኣመሪካን ዘፍቅድ ሓባራዊ ፕሮጀክት ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኤውሮጳን ዳግማይ እንተዘይተጣይሹ ውጽኢታዊ ክኸውን ኣይኽእልን።

ብዕለት 19 ግንቦት 2023 ዓ.ም. ብፍላይ እቲ ጸብጻብ ብዛዕባ ምስሓብ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ካብ ትግራይ ዝምልከት ኣይነበረን። እዚ ዘይምህላው ምዕባለ ሰብኣዊ ተበጻሕነትን ምምላስ ልዕሊ 1.8 ሚልዮን ተመዛበልትን ይተዓናቐፍ ኣሎ። እዚ ብቐንዱ ኣብ ጉዳይ ምፍታሕ ኣጽዋርን ምውጋድ ነተጉትን ዘተኮረ ጸብጻብ ሕብረት ኣፍሪካ፣ ሓይልታት ኤርትራን ዘይፌደራላውያንን ካብ ትግራይ ምሉእ ብምሉእ ክወጹ ዝብል ጠለብ ብግልጺ ከምዘይነበረ ይፍለጥ። ቀጻሊ ህላወ ሓይልታት ኤርትራን ኣምሓራን ኣብ ትግራይ ንዕውትነት ስምምዕ ፕሪቶርያን ኣብ ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ንምርግጋጽን ብዓቢኡ ይዕንቅፍ። እቲ ዘሕዝን ግን ድሕሪ ሓደ ዓመት ምምስራቱ፡ MVCM ብዛዕባ ኣተገባብራ ናይቲ ስምምዕ ዝምልከት ጸብጻብ ምዕባለ ኣይዘርግሐን፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝምልከቶም ወገናትን መሻርኽቶምን ጸቕጢ ንምፍጣር ዓቢ ተራ ምኾነ ነይሩ። ንኣገባብ ሕብረት ኣፍሪካ ዳግማይ ምሕያል ፡ ንውዕል ፕሪቶርያ ሓቀኛ ምትእስሳር ንምርግጋጽ ዝያዳ ክሕግዝ ይኽእል እዩ። እዚ ጽሑፍ ኣብ ዝጸሓፈሉ እዋን ከምዚ ዝኣመሰለ ውጽኢት ኣብ ዝበለጸ ኩነታት ርሑቕ ይመስል።




ብ1 ታሕሳስ 2023 ድሕሪ ልዕሊ ሓደ ዓመት ምፍራም ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ሕብረት ኣፍሪካ ሳልሳይ ሓባራዊ ኮሚቴ ኣኼባ ናይ ምክትታል፣ ምርግጋጽን ምኽባርን ኣገባብ (MVCM) መስርሕ ሰላም ኢትዮጵያ ጸዊዑ። ብመሰረት እቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ሕብረት ኣፍሪካ ኣብቲ ኣኼባ ተወከልቲ መንግስቲ ፈደራላዊት ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ (GoE)፣ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)፣ ከምኡ'ውን ላዕለዋይ ፓነል ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፎም። ብፍላይ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣብቲ ኣኼባ ተሳቲፉ እኳ እንተነበረ ኣብቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ግን ተሳትፎኦም ኣይተጠቕሰን። ዕላማ ናይቲ ኣኼባ "ብዕለት 02 ሕዳር 2022 ዝተኸተመ ስምምዕ ቀዋሚ ምቁራጽ ተጻብኦታት ኣብ ምትግባር ዘሎ ምዕባለታት ብድሆታትን ዕድላትን ንምትንታን እዩ ነይሩ።" እቲ ኣኼባ ብተወሳኺ "ኣብ ኢትዮጵያ ላዕለዋይ ፓነል ሕብረት ኣፍሪቃ ዘሳተፈ ስትራተጂካዊ ኣስተንትኖ ኣኼባ ኣብ ዝቕልጠፈ ግዜ ግን ከኣ ካብቲ ዝነበረ ግዜ ካብ ክልተ ወርሒ ዘይውሕድ ግዜ ክጽዋዕ ተሰማሚዑ።

# 9. መሰናኽላት ኣተግባብራ ግምት ከም ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ

ፈዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ነቲ ናይ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ መብጽዓታት እናኣተወ ክሳብ ሎሚ ኣይፈፀሞን። ኢትዮጵያ ሐዚ ምስ ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ኲናት ትርከብ፣ መንግስቲ ኤርትራን ዘካይድዎ ዘለዉ ብርቱዕ ናይ ፕሮፖጋንዳ ኲናት ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልያን ብሰንኪ ምስ ሶማሊላንድ ዝተኸተመ ስምምዕነት እናተጋደደ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ዲፕሎማስያዊ ጎንፂ ተተኪኡ ኣሎ።

ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ዘምፅኦ ምዕባለ ዘይምህላዉ እውን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን ፈዴራልን ማሕበረሰብ ዓለምን ኣድላዪ ፀቕጢ ክገብር ዝኽእል ውሁድ ኣመራርሓ ምስዘይምህላዉ ዝተኣሳሰር እዩ። ህወሓትን መንግስቲ ኢትየጵያን፣ ከም ፈረምቲ፣ ኣብ ኣተገባብራ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ወሳኒ ተራ ክጻወቱ እንከለዉ፣ ግደ ግምት ግን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓዘዘ ክኸይድ እዩ። ኩለን ውድባት ካብ ፖለቲካዊ መሰረታተን ጽዑቕ ጸቕጢ ስለዘጋጥመን ነዚ ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት ክተሓላለኽ ይገብሮ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ትግራይ ውሽጣዊ ወጥሪ ኣብ ቀፃሊ ኣኼባ ማራቶን ህወሓት ብግልፂ ይርአ። ኣብ ውሽጢ ህግደፍ ዝረአ ዘሎ ውሽጣዊ ዘይምርድዳእ ኣብ ስራሕ ግምት ጽልዋ የሕድር ኣሎ። እዚ ብድሕሪ ኲናት ዝነበረ ናይ ስልጣን ፖለቲካን ኣብ ኣመራርሓን መጻኢ ትግራይን ብዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ዝዓሞቐ ምፍልላይ፡ ትግራይ ከም ሓደ ንዲሞክራሲ ዝምነ ስሙር ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ንምዕቃብ ወሳኒ እዩ። ውፅኢት እቲ ዝካየድ ዘሎ ኣኼባ ግምትን ህወሓትን ወይ ክቕይር ወይ ከዳኽም ይኽእል እዩ። እዙይ ድማ ርኡይ ዞባዊ ፖለቲካዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ዝኾነ ግምት ገጽ ናይ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ እውን እዩ ። ዓወት ወይ ውድቀት ግምት ብኣድማዒ ኣተገባብራ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ዝዕቀን'ዩ። ቀንዲ ሓላፍነት ግምት ንኣተገባብራ ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ምምራሕ እዩ። ኣፈፃፅምኡን ሕጋውነቱን ኣብዚ ኣተገባብራ እዩ ዝምርኮስ። ግምት ሰፊሕ መሰረት ዘለዎን ንኹሉ ዝሓቑፍን መሓውር ምሕደራ ንምትካል ዝዓለመ እኳ እንተነበረ፤ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ቦርድ ንምእታው ዝገበሮ ጻዕሪ ግን ብኽፊል ፈሺሉ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግምት ኣብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ተዋሒጣ ትርከብ፤ ጥሜትን ሰብኣዊ ቅልውላዋትን ምፍታሕ፣ ብሕግን ስርዓትን ድሕንነት ምሃብ፣ ምስ ፌደራል መንግስትን ዓለምለኻውያን መሻርኽትን ዝምድናታት ምምራሕ፤ ከም ምምላስ ተመዛበልቲ፣ ምእላይ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን፣ ጻዕርታት ዳግመ ህንጸትን ዝኣመሰሉ ቁልፊ ጉዳያት ገና ኣብ ከይዲ ይርከቡ።

ግምት ኣብ መወዳእታ ናይቲ መሰጋገሪ እዋን ንነጻ፣ ፍትሓውን ተኣማንነትን ዘለዎ መረፃ ምቹው ሃዋህው ናይ ምፍጣር ሓላፍነት እውን ኣለዎ። ንውሓት ግዜኡ ገና ኣይተወሰነን። እንታይነት ናይቲ ዝቕጽል መረፃ ንዕውትነት ወይ ውድቀት ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ወሳኒ ክኸውን'ዩ። ከምቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ጽሑፈይ ብዛዕባ ክህልዉ ዝኽእሉ ትራጀክቶሪታት ግምት ዝዘተኹሉ ዓወት ዕዉት ምስግጋርን ተኣማንነትን ሰላማዊን መረፃ ምምችቻውን ሓዊሱ፤ ቀንዲ መብጽዓታት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ምፍጻም ዘጠቓልል እዩ። ጥሜት ንምክልኻል ሰብኣዊ ሓገዝ ምክፍፋል፣ ጎበጣ መሬት ተጋሩ ምቁራፅ፣ መሰረታዊ ግልጋሎት ናብ ንቡር ምምላስ፣ ንሰላምን ቁጠባዊ ልምዓትን መሰረት ምንፃፍ፣ ዓለምለኸ ምርመራታትን ኣገባባት ተሓታትነትን ምምችቻው እውን የጠቓልል። እዚ ከውንነት ኣብ መንጎ ኩሎም ሓይልታት ትግራይ ምርድዳእ፣ ቅልጡፍ ምምሕያሽ ኣብ ኣወሃህባ ረድኤት፣ ምምላስ ድሕንነት፣ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ልምዓት ትሕተ ቅርፂ፣ ሕገ መንግስታዊ፣ ዲሞክራስያዊ፣ ንኹሉ ዝሓቑፍ ስርዓት ምትካል ዝሓትት እዩ።

ምስሓብ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ኣብ ትግራይ ጎንፂ ንኸይለዓል ወሳኒ እዩ። ፖለቲካዊ ዘተ ንመሰረታዊ ጠንቅታት ሕሉፍ ግጭታት ዝምልከት ምክልኻል ምጽናት ዓሌት ከረጋግጽ ድሕሪ ጎንፂ ዝካየድ ዳግመ ህንጸት ምትግባር ከቀላጥፍ ኣለዎ።

# 10. ከበድቲ ሕቶታትን ካልኦት ከበድቲ ስራሕን

ዓንቀጽ 10 ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ግምት ንምቛም ዝዓለመ ኮይኑ፤ 'ኣብ መንጎ ውድባት ብፖለቲካዊ ዘተ ክፍታሕ እዩ።' ይብል። ብዙሓት ናይ ምሕደራ ጉዳያት እውን በዚ ዘተ ክፍታሕ እዩ። ይኹን እምበር ብመሰረት ዓንቀጽ 10 (2) ናይቲ ስምምዕ፣ እቲ 'ፖለቲካዊ ዘተ' 'ኣብ መንጎኦም ዘሎ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍልልያት ነባሪ ፍታሕ ንምርካብ' ዝዓለመ ክኸውን ከሎ፤ ብዛዕባ ኣድላዪ ኣገባባት ወይ ኢቃውማ ናይዚ ዘተ ግን ፍሉይ ሓበሬታ የብሉን።



ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪካ ምፍታሕ ዕጥቅን ዳግመ ምጥያሽን፣ ከምኡ'ውን ምምላስን ምጥያሽን ተመዛበልቲ [ውሽጣዊ ተመዛበልቲ]' ክቀላጠፍ ምግባር። ከምኡ'ውን ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ንዘለዉ ዘይተፈትሑ ጉዳያት ንምፍታሕ ፖለቲካዊ ዘተ ክጅመር ይፅውዕ። እዚ ኣብ ዓንቀጽ 10 (2) ዝተመርኮሰ ውሳነ ግን ኣገባባት ወይ ኣቃውማ እቲ ዘተ ብዝርዝር ዝገልጽ ኣይኮነን። ህወሓት ካብ ዝርዝር ግብረ ራዕዲ ምስተኣልየት ድሕሪ ሓደ ሰሙን ብ22 መጋቢት 2022 ዓ.ም ፖለቲካዊ ዘተ ኣብ መንጎ ፌዴራል መንግስትን ህወሓትን ክጅምር መደብ ተታሒዙሉ ነይሩ።

እንታይነት እቲ ፖለቲካዊ ዘተን ሕጋዊ ውክልና ትግራይን ብዝምልከት ሕቶታት ኣይተመለሱን። ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ትግራይን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘሎ ስርዓትን ዘሎ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ግምት ምስ ሰፊሕ ውክልናን ሕጋዊ ደረጅኡን ኣብዚ ዝርርብ ንትግራይ ዝያዳ ዝምጥን ወኪል ይመስል።

'ነቲ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍልልያት ነባሪ ፍታሕ ንምርካብ'፤ ኣብ መንጎ ማእኸላይ መንግስትን ግምትን ዝካየድ ዘተ ከምቲ ኣብ ናይ 2018 ጽሑፈይ ዝተዘተየሉ፤ ነቶም ኣብ ትሕቲ እቲ ጎንዒ ዝኾኑ ወሰንቲ ጉዳያት ዝምልከት ክኸውን ኣለዎ። እዚኦም ድማ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ፅንተት ዓሌት፣ ናይ ትግራይ ቅልውላዋት፣ ድሕንነትን ፍትሕን ተሓታትነትን ይርከብዎም። ወሰንቲ መዳያት ድማ ካልእ ምጽናት ዓሌት ንምክልኻል ድሕንነት ምርግጋጽ፣መሰል ዓርሰ ውሳነን ድሌትን ህዝቢ ትግራይ ምኽባር፣ ፖለቲካዊ ስልጣን ንርእሰ ምምሕዳር፣ ሕገ መንግስቲ ምኽባር፣ ግፍዒታት ተሓታትነት፣ እንተላይ ናይ ጸታዊ ዓመጽ ኣድማዒ መፍትሒታት ይርከብዎም።

# 11 ኣብ ስትራተጂካዊ ቅልውላዋት



ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ፖለቲካዊ ምስግጋር ኣይትርከብን። ማእከላይ መንግስቲ ናብ ሰላም ዝወስድ ምስግጋር ንምስዓብ ብዙሕ ተገዳስነት ዘይብሉ ይመስል፤ እዚ ድማ ናብ ሓደጋ ይወስዶ ኣሎ። እታ ሃገር ህጹጽ እዋን ኮማንድ ፖስት፣ ስምምዕ ሰላምን ወታሃደራዊ ዕብለላን እያ እትመሓደር ዘላ። ነዚ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ኣብ ኢትዮጵያ ሓቀኛ ምስግጋር ኣብ ቀረባ እዋን ክብጻሕ ይከኣል ድዩ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ።

ሓደ እዋን ሄንሪ ኪሲንገር፣ ነቲ ኣብ ፖሊሲ ወጻኢ ኣመሪካ ዘሎ ቅልውላው፡ 'ኣብ መንጎ ልዕሊ ዓቐን ሞራሊዝምን ካብ መጠን ንላዕሊ ፕራግማቲዝምን ዝፍጠር ምንቅጥቃጥ፣ ብኽልቲኡ ምኽንያት ካብ መጠን ንላዕሊ ብዛዕባ ስልጣንን ፍጹም ምንጻግን ዝለለ' ምዃኑ ይገልፆ። ብተመሳሳሊ ትግራይ እውን ካብ ከምዚ ዝበለ ጫፋት ብምውጋድ፣ ኣብ ክንድኡ ኣብ መሰረታዊ ክብርታት ከም ዓርሰ ውሳነ፣ ብሕገ መንግስታዊ ዴሞክራሲ ዝግለፅ ድሌት ህዝቢ ምኽባር፣ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ንምምላስን ትኹረት ክትገብር ኣለዋ። እዚ ብቐንዱ ምሕላው ሰብኣዊ ድሕነትን ምድግጋም ምጽናት ዓሌት ኩናት ምክልኻልን የጠቓልል።

ህሉው ኩነታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪቃን ብዙሓት ኣካላት ዝዋሰእሉ ተኣፋፊ ቦታ እዩ። እዚኦም ድማ ኣብ ኣምሓራን ኦሮምያን ዝተኻየዱ ኩናት፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተፈጠረ ወጥሪ፣ ኣብ ሱዳን ዝተፈጠረ ህድህዳዊ ኩናት፣ ኢትዮጵያ፣ ሶማሊላንድን ሶማልያን ዘሳተፈ ክትዕ፣ ኩናት ጋዛ፣ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ የመን ዘሎ ዘይውሕስነት ባሕሪ፣ ከምኡ'ውን ካብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ርኡይ ምትእትታው ... ሰዑድ ዓረብ ኣብ ዞባና። ነዚ ዝተሓላለኸ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ንዝኾነ ፍሉይ ወገን ተወፋይነት ምውጋድ፤ ብሓንሳብ ድማ ምክልኻላዊ ወታሃደራዊ ኣቃውማ ምሓዝ፣ ካብ ስትራተጂካዊ ዘይንጹርነት ዘለዎ መርገጺ ምዕቃብ ወሳኒ እዩ። እዚ ኣገባብ እዚ ምስ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ማሕበረሰብ ዓለምን ብምትዕፅፋፍ ጽምዶ ክምላእ ይግባእ።

## 12. ኣብ ድሕንነት

ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ፣ ወታሃደራዊ ጽምዶ ደው እናበለ፣ ንፍሉይ ጠለባትን ባህግታትን ትግራይ፣ ከም ጸጥታዊ ስግኣት ካብ ሓይልታት ኢትዮጵያ፣ ኤርትራ፣ ኣምሓራ፣ ወይ ድማ ትግራይ ንሕገ መንግስታዊ መሰላት ፖለቲካዊ ባህግታት ኣይምልከትን። ኣዲስ ኣበባ ዘይሓላፍነታዊ፣ ሕሳብ ዘይብሉ፣ ንበይኑ ኩናት ዝገብር ስልጣን ክሳብ ዝጥቀም፣ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘሎ ናይ ዓሌት ህልቂት ሓደጋ ጭቡጥ፣ ግልፂ፣ ወትሩ ህልው ኮይኑ ክቕፅል እዩ። ምድግጋም ምጽናት ዓሌት ንምክልኻል፣ ምቁጽጻር ምድላዋት ጸጥታ ንትግራይ ምስ ዝተመርጹ ሰበስልጣንን ናይ ገዛእ ርእሳ ጽላት ጸጥታን ክህልዋ ኣለዎ። ማእኸላይ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ፀጥታን ኩናት ምፍጣርን ዘለዎ ስልጣን ዝድርት ኮንፈደረሳዊ ኣወዳድባ፣ ትግራይ ክትሓስበሉን ክትጣበቐሉን ዘለዋ ኣማራጺ እዩ።

## 13. ኣብ ፍትሒ

'ቀዋሚ ኩነታት የለን' ዝብል ምስላ ኣብ ምምጻእ ዕድላት ጽኑዕ ተሓታትነት እውን ይምልከት። ጻውዒት ምርሳዕን ይቕረ ምባልን ዋጋ ዝህልዎ፤ ኣብ ክልተ ቀንዲ ረቛሒታት ኣበርኪቶ ምስ ዝገብርን ብቐንዱ ድማ ዝምራሕን ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ፡ እዚ ድማ ብዛዕባ እቲ ኲናትን ግፍዕታቱን ዝምልከት ሓቅታትን ምርግጋጽ፤ ከምኡ'ውን ኩሉ ምስ ፍትሕን ዕርቅን ዝተኣሳሰር ተግባራት ዝድረኽ ምዃኑ ምርግጋጽ፤ ምድግጋም ምጽናት ዓሌት ንምክልኻል ዝብል ቀንዲ ዕላማ ምዃኑ'ዩ። 'ጉንዲ ገረብ ይዝከር፣ ሓርማዝ ድማ ይርስዕ።' ትግራይ ከምዚ ዝበለ ጉንዲ ኣግራብ፣ ብኢሳያስ ኤርትራ፣ ብኢትዮጵያ ኣብይ፣ ሓይልታት ኣምሓራ ዘካየዶ ህልቂት ኲናት ጽንኩር መዘኻኸሪታት ክህልዋ ይግባእ። እዚ ዘይምንባር ዝብል ኣተሓሳስባ ነገራት ብኣውቶማቲክ ምስ ለውጢ ክሰማምዑ ምዃኖም ዝሕብር ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ለውጢ ነቶም ንዕኡ ዝተዳለዉ ይምችኦም እዩ።

## 14. ኣብ ምምላስ ግዝኣታትን ተመዛበልትን

ኣብ ምምላስ ግዝኣታት ምዕባለ ዘይምህላዉ፤ ብቕልጡፍ ክፍንድእ ዝኽእል ናይ ግዜ ቡንባ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ድማ ዳግማይ ኲናት ከልዕል ዝኽእል እዩ። እዚ ምዕባለ ዘይምህላው ነቲ ሰብኣዊ ቅልውላው ዘጋድዶን ልዕሊ 1.8 ሚልዮን ተመዛበልቲ ንምምላስ ንዘይተወሰነ እዋን ዘደናጉዮን እዩ። እዞም ጎበጣታት እዚኦም 'ውን 90 ሚኢታዊ ዋንነት' ብዝብል ሓሳብ ይቕፅሉ ብምህላዎም፣ ዝተጎበጠ ግዝኣታት ትግራይ ምስ ግዜ እናተሓላለኸ እናኸደ ናብ ኮነ ኢልካን ብድሌትን ዲሞግራፊካዊ ዳግመ-ምህንድስና ዘምርሕ ስክፍታታት ይግለፅ። እዞም ከባቢታት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ብዝጸንሑ መጠን፣ ትግራይ ንምምላስ እትገብሮ ጻዕሪ ዝያዳ ዝተሓላለኸ ይኸውን። ብሓይልታት ኤርትራን ኣምሓራን ዝፍጸም ዘሎ ብዝሒ ግፍዒ ኣብ ግምት ብምእታው፤ እቲ ኲናት ብሓድሽ ምሕዝነት ዳግማይ ብምውላዕ ሓድሽ ሚዛን ሓይልታትን ሕነ ምፍዳይ ግፍዕታትን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ሓይልታት ኤርትራን ኣምሓራን ንስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦ ክድግፉን ብወለንታኦም ክስሕቡን ምጽባይ የዋህነት እዩ። ስለዚ ኣብ ኤርትራን ትግራይን ዘሳትፍ ጎንፂ ተወሳኺ ኲናትን ግፍዕን ንምክልኻል ዝውሰድ ቁልፊ ስጉምቲ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ብህጹጽ ምእላይ እዩ።

## 15.ኣብ ዲሞክራሲ ዝህልዎ ረብሓ

ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ውሑስ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ብዙሕነትን ድሌት ህዝቢ ዘንጸባርቑ ርጉኣት ትካላትን ዘዕብዩ ፖለቲካዊ መሓውራት ንምህናጽ ዕድል ዝፈጥር እዩ።

ሓደ ካብ ነባሪ ጉዳይ ኢትዮጵያን ትግራይን ግዚኡ ዝሓለፎ ፖለቲካዊ ስርዓታ እዩ። ትግራይ ብመሰረቱ ሓዱሽ ስርዓተ ምሕደራ ምምዕባል ከድልያ ይኽእል እዩ። ትግራይ ኣብ ትሕቲ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይና ምቕፃላ ተፈጻምነት ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ። እዚ ድማ ዝተዋደደ ኣህጉራዊ ደገፍን ብዓቢኡ ድማ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ትግራይ ዝሓትት እዩ። ነዚ ዝሕግዝ ድማ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ (TIC) ምጥያሽ ኣድላዪ ይኸውን። ቁልፊ ተልእኾኡ እውን ነቲ ስግግር ምክትታል፣ ንለውጢ መረፃ ምድላው፣ ስሉጥ ምትሕልላፍ ስልጣን ምርግጋፅ ዘጠቓልል ክኸውን ይግባእ። ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ምስ ግምት ብምትሕብባር ህዝባዊ ኣገልግሎት ንምምርማርን ጽላታት ፍትሕን ጸጥታን ዳግመ ውደባ ብምግባር ኣብ እዋን ኲናት ንዝፍጸሙ ግፍዕታት ሓቅን ተሓታትነትን ንምርግጋፅ ይሰርሕ።

ኣብ ትግራይ ርኡይ ክፋል ግዝኣታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣምሓራ ክሳብ ዘጸንሐ፤ ወታሃደራዊ ሓይልታት ኤርትራን ሚልዮናትን ዝተመዛበሉ ወገናት ናብ ዓዶም ክሳብ ዘይተመለሱን ፍትሓዊ ሰላም ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ። እዚ ህሉው ኩነታት ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነኡን ህልውንኡን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እዩ። ስምምዕ ምቁራፅ ተጻብኦ ንነበጣን መግዛእትን ትግራይ ሕጋውነት ዝህብ ወይ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ንምዕንቃፍ ክውዕል የብሉን። እቲ ዘሕዝን ግን ስምምዕ ምቁራፅ ተጻብኦ ነቶም ጉዳያት ብዝኾነ ሓቀኛ ትርጉም ክምልሶም ኣይከኣለን። ስለዚ ኣብ ትግራይን ኢትዮጵያን ዘላቒ ሰላም ክረጋገፅ እንተኾይኑ ተጻብኦታት ምቁራጽ ጥራሕ እኹል ስለዘይኮነ ካልእ ሓዱሽ ማሕበራዊ ስምምዕነት ምፍጣር የድሊ።

# 16. መደምደምታ፣ ዕድላት ምስፋሕን ንቕድሚት ምጥማትን

ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ንምግምጋም ኣብ ዝግበር ወግዓዊ መድረኽ ክሳብ ሐዚ ኣብ ዝተፈፀሙን ቀፃሊ ክትግበሩ ዝግበኦም ኣንፈታት ትኹረት ገይሩ ክፍትሽ ይግባእ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሰላምን ጸጥታን ዘለዎ ጽልዋ ኣብ ግምት ብምእታው ኣገዳስነት ዝርርብ ቀጻሊ ምዕራፍ ልዕሊ ዓቕን ክግለጽ ዝኽእል ኣይኮነን። ንትግራይ፣ ከምኡ እውን እቲ ክልል ኪጋጥም ዝኽእል ብድሆታት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ተጋሩ ይኹኑ ዝተረፉ ኢትዮጵያውያን ግልፅነት ዘስፋሕፍሕን እምነት ህዝቢ ዝሃንፅን ፖለቲካዊ ዘተ ከድግፉ ዝኽእልሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ። እቲ ዘሕዝን ግን ንጹር ፍኖተ-ካርታን ኣገባባትን ናይቲ ዘተ ዘይምህላዉ፤ ምስቲ ሕብረት ኣፍሪካን ምክትታል፣ ምርግጋጽን ምኽባርን ኣገባብ (MVCM)ን ጸብጻብ ህዝባዊ ምዕባለታት ከውጽኡ ዘይምኽኣሎም ተደሚሩ፣ ብሰንኪ ምስጢራዊ ባህሪ ናይቲ ዘተ ሓደሽቲ ጎንፅታት ናይ ምፍጣር ሓደጋ ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጸብጻባት ምዕባለ ዘይምህላዉን ካብ መንነኛታትን ተቐጻጸርትን ዝነበረ ድሩት ርክብ፣ ኣብ መንን ተዃነፅቲ ወገናትን ህዝብን ዘይምትእምማን ኣጋዲዱ ኣሎ። ፖለቲካውን ቁጠባውን ባህግታት ምምላእ፤ ድሌት ህዝቢ ዘንጸባርቕ ቅዋማዊ ኣገባባት ምትካል፤ ገበነኛታት ግፍዒ ምልላይ፣ ንግዳያት ፍትሒ ምልላይ ዝኣመሰሉ ቁልፊ ጉዳያት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። እዞም ጉዳያት እዚኦም በቶም ፈረምቲ ተደራደርቲ ጥራሕ ክውሰን የብሉን።



ስምምዓት ሰላም ተቐባልነት ዝህልዎም ኣብ ኣተገባብረኦም ብዝህልዎም ኣፈፃፅማ ይውሰን። መብዛሕትኡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምድላዋት ዝረአ ውድቀት፣ ኣብ መስርሕ ኣተገባብራ ኣብ ዝህሉ ክፍተት፣ ዘይቅኑዕ ኣካይዳ ቅደም ተኸተል ወይ ኢድ ኣእታውነት ደጋፊ ሓይልታት ዝፍልፍል እዩ። ኣብ ኣተገባብራ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብዘጋጥሙ ዘለዉ ፖለቲካውን ጂኦፖለቲካውን ብድሆታት ሓደጋ ኣንፀላልይዎ ይርከብ። ኣብ ምፍጻም ቁልፊ መብጽዓታት ስምምዕ ፕሪቶርያ፣ ከም ምርግጋጽ ድሕነት ህዝቢ፣ ምውፃእ ሓይልታት እምሓራን ሰራዊት ኤርትራን ብዘይምፍፃሙ ኣብ ልዕሊ ግምት ጸቕጢ ክውስኽ ምኽንያት ኮይኑ ይርከብ። እዚ ድማ ኣድማዕነቱ ብምድኻም ህዝባዊ ቅቡልነቱ ኣጉዲልዎ ኣሎ። ምኽንያት ድኹም ኣፈፃፅማ ድማ መንግስቲ ፌደራል ነዞም ስጉምትታት ንምትግባር ተገዳስነት ወይ ዓቕሚ ዘይምህላዉ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ዝተፈላለየ ምኽንያታትን ረብሓታትን ዘለዎም ገለ ሃገራውያን፣ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪካን ካልኦትን ዘለዋ ሃገራት ነቲ ስግግር ካብ ባቡር ሃዲድ ንምውጻእ ክሰርሓ ይኽእላ እየን።

ነዞም ከበድቲ ሕቶታትን ከበድቲ ዕማማትን ንምምላስ ግምትን ፈዴራል መንግስትን ኣብ ጻውዒት ፖለቲካዊ ዘተ ሕብረት ኣፍሪካ ብዕቱብ ክሰርሑ፤ ንጹር መዐቀኒታትን ናይ ግዜ ገደብን ብምቅማጥ ክፍፅሙ ኣለዎም። ብፍላይ ኣብ ቀረባ እዋን ዝካየድ ፖለቲካዊ ዘተ መንግስቲ ፌደራል ግዴታታት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ትኹረት ገይሩ ክፍፅም ይግባእ።

ንምጥቕላል ዝኣክል ኣብ ቀረባ እዋን ዝካየድ ፖለቲካዊ ዘተ ነዞም ዝተሓላለኹ ጉዳያት ንምፍታሕ ንትግራይን ኢትዮጵያን ንቕድሚት ዘሰጉም መንገዲ ንምኽፋት ዕድል ዝፈጥር እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ መኸሰብ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ብምብራኽ፣ ኣብ ትግራይን ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያን ብሰንኪ ጥሜት ተወሳኺ ሞት ንኸይፍጠር ሰብኣዊ ሓገዝ ንምርግጋፅ ዝከኣሎ ኩሉ ክገብር ኣለዎ። ዝኾነ ይኹን ስምምዕ ሰላም ንመሰረታዊ ጠንቅታት ኲናት ማለት ምስ ርእሰ-ምሕደራ፣ ሓባራዊ ምሕደራ፣ ዝተኣሳሰሩ ቅዋማዊ ምሕደራን ጸጥታውን ጉዳያት ኣብ ምፍታሕ ዝተመርኮሰ ክኸውን ኣለዎ።

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ሕቶታት

- ✓ እቲ ዝተፈረመ ውዕሊ ፕሪቶርያ ንክትግበር ንድፈአላ ዝብል ሓሳብ ብሓደ ገፅ ኣሎ፣ በቲ ካልእ ወገን ድማ ዕጥቒ ምፍታሕ ቅድሚ ፖለቲካዊ ዘተ ምጅማር መፂኡ ዝብል ኣሎ'ሞ እዚ ከመይ ነጠዓዕሞ?
- ✓ ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣማራፂ ዘይብሉ መማረፂ እዩ። ይኹን እምበር ብሓደ ውድብ ዕደላትና ይሕምሽሹ ኣለዉ። እዚ እንተቐፂሉ ናብ ጎንፂ ከይንኣቱ እንታይ ክንገብር ኣለና?

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ርእይቶታት

- ✓ እቶም ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘፈራረሙ ኣካላት ናይ መጀመርታ ድልየቶም ላዕላውነት ትግራይ ምርግጋፅ ድዩስ ናይ ዶ/ር ኣብዪ ቅቡልነት ምርግግፅ? ምስ ዝሃለና ንሃሉ ኣብ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ክንደራደር የብልናይ። እዚ ውዕሊ ፕሪቶርያ እውን ዝሃበና ፀጋ ክንትቕመሉ ኣለና።
- ✓ ውዕሊፕሪቶሪያ ንክትግበር ምስ ናይ ዓለምለኸ መሓዙት ብሓባር ምስራሕ፣ ግምት ብሄራዊ ስምረት ብዘለዎ መልክዕ ዳግም ምጥንካር፣ ግምት ሸካሉ ኣብ ትግራይ ክከውን ኢና ክንሰርሕ ዘለና። ኣብቲ ውዕሊ ዘለዉ ክመሓየሹ ዘለዎም ነጥብታት ድማ-ኣከሮኽርቲ ቦታታት፣ ህውሓት እዩ ፈራሚ ዝብል ብግምት ክትካእ፣ ነዚ ውዕሊ ዝጠሓሰ ድማ መቕፅዒ ኣገባብ ክህሊ ክንሓትት ኣለና።
- ✓ ኣብ ናይ ትግራይ ፀገም እቲ ዋና ክፍተት ስትራቴጂክ መሪሕነት ተኮይኑ እቲ መፍትሒ ድማ ንዕኡ ምምላእ እዩ ዝኮውን። እዚ ብከመይ ዝብል ክንዛተየሉ ይግባእ። ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝጎደሎ ክመሓየሽ ኣለዎ ዝብል ሓደ ነገር ኮይኑ ባዕሉ ነቲ ውዕሊ ምጥቃምን ናብ ረብሓና ምልዋጥን ግን መማረፂ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ። እቲ ካለእ ምስ ኢትዮጵያ እውን ግልፂ ብዝኮነ መልክዑ ነቲ ውዕሊ ኣብ ምጥቃም ክስረሐሉ ኣለዎ።



ወ/ሮ መኣዛ ጊደይ

# ገበናት ጀኖሳይድ ትግራይን ተሓታትነትን

# መእተዊ

ኣብዚ ዛዕባ ዘልዕሎም ነጥብታት መሰረቶም ካብቲ ዘለኒ ናይ ሞያ ድሕረ ባይታን ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ካብ ዝውላዕ ናብዚ ኣብ ኣድቮኬሲን ዲፕሎማሲን ኣብ ዝነበረኒ ንጡፍ ተሳትፎን መሰረት ዝገበረ እዩ።

ከምዝፍለጥ እቲ ኲናት ምስተወለዐ እቲ ዝተመረፀ መንግስቲ ይኹን ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ትግራይ ናብ በረኻ ኣትዮም ይቃለሱ ኣብ ዝነበርሉ ግዘ ኣብ ደገ ዝነበረ ክኢላ፣ ሙሁርን ግዱስን ትግራዋይ ምስ ካልኦት ደገፍቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብምኽን ብናይ ባዕሉ ፍልጠትን ክእለትን ብዙሕ ተንቀሳቒሱ እዩ። በቲ እዋን እዚ ዝበሃል ፖለቲካዊ መምርሒ ዘቕርበሉ ኣካል እውን ኣይነበረን። ኣብቲ ስዓት እሱ ድማ ዲያስፖራ ትግራይ ዘይስኮን ሓይሊ ምዃኑ ኣመስኪሩ ወፂኡ እዩ። ማሕለኻታት እናሰገረ ምስ ብዙሓት ሃገራት ገጢሙ እቶም ዝፍለጡ ናይ ዲፕሎማሲ ዓወታት ዘመዝገበ ሓይሊ እዩ።

እዚ ሓይሊ ብዋናነት ከም ሽኻል ዝሓዞ ድሕንነትን ሓርነትን ህዝቢ ትግራይ ዝብል ስለዝነበረ እዚ ንዘይቕበሉ ሓይልታት ድማ ስግኣት እናኾኖም ከምዝመፀ ርዱእ እዩ። ከም ሳዕብየኑ ድማ ነዚ ሓይሊ ንምድኻም ሓበሬታ ካብ ዘይምሃብ ጀሚሩ ክሳብ ኣብ ወፃኢ ዝነበራ ሲቪክ ማሕበራት ኣንፈተን ንክቅይራ ተሰሪሑ እዩ። ብፍላይ መቐለ ሓራ ወፂኣ መንግስቲ ትግራይ ቦትኡ ምስሓዘ ነዚ ቃልሲ ብስነ-ስርዓት ክዳኸም ተገይሩ፤ ብፍላይ ኣብ ፍትሕን ተሓታትነትን ዝተሰርሑ ናይ ኣድቮኬሲ ኮነ ናይ ዲፕሎማሲ ስራሕቲ እዚ ዝበሃል ፍረ ከምፅኡ ኣይከኣሉን።

እዚ እንተተገበረ እውን ግን ፃዕርታት መሊኦም ጠጠው ኣይበሉን። ድሕሪ ብዙሕ ፃዕሪ ብውድብ ሕብራት መንግስታት ዝተጣየሸ ዘይሻራዊ መፃረዪ ጉጅለ ናብ ትግራይ ከይዱ ክምርምር እሞ ፍትሒ እንረኽበሉ ዕድል ንክፍጠር ተሰሪሑ እዩ። እቲ መርማሪ ጉጅለ ተጣይሹ ኣብ ስራሕ እናሃለወ እውን ክንዲዝከኣል ምስ ተበደልቲ ንኪጋነዩ፣ ተበደልቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ኣፍሪካ ዓዲታት እናኸዱ ቃሎም ንክህቡ፣ ብስነ-ስርዓት ንክስነድ ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ካብዚ ብምብጋስ እቲ መፃረዪ ኮሚቴ ኣብ መወዳእታ መደንገፂ ዝኾነ ሪፖርት ከቕርብ ክኢሉ እዩ። እዚ ፍረ ፃማ ናይቶም ኣብ ደገን ውሽጥን ተሓታትነት ንክመፅእ ተዋዲዶም ዝንቐሳቀሱ ዝነበሩ ውልቀ ሰባትን ሲቪክ ማሕበራትን እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ እቲ መርማሪ ኮሚቴ ዕድመኡ ንክናዋሕ እውን ብዙሕ ተሰሪሑ እዩ። ይኹን እምበር ፍትሒ ብዛዕባ ሕጊ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዛዕባ ፖለቲካ እውን ስለዝኾነ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ገበን ጀኖሳይድ በቲ ናይ ኢትዮጵያ ሕገ መንግስቲ ኮነ ናይ ዓለም ሕጊ መመዘኒ እንትርእ ገበነኛታት ተሓተትቲ ዝኾንሉ ግልፂ ገበናት ተፈፂሞም እናሃለዉ በቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ፍትሒ ክንግኒ ኣይከኣልናን። እዚ ማለት ኣሜሪካን ካልኦት ሓያላት ዓድታትን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኽቕፅልን ግዝኣታዊ ሓድነት ኢትዮጵያ ክረጋገፅን መሰረታዊ ዝኾነ መርገፂ ሒዘን ይንቀሳቐሳ ስለዝነበራ እሞ ድማ ህዝቢ ትግራይ ፍትሒ ክረክብ እንተኾይኑ ኢትዮጵያ ከም ዓዲ ናይ ምቕፃል ዕድላ ዝነኣስ እዩ ኢሎም ስለዝኣምኑ ፍትሒ ምርግጋፅ ኣፀጋሚ ኮይኑ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወንጀል ብሕጊ መሰረት እንተተፃርዩ እቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ መንግስቲ ናብ ፍርዲ ስለዝቐርብ ኣብ ስልጣን ዝቕፅልሉ ዕድል የለን። ብኻልእ ወገን ድማ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ዘለዎም ጂኦፖለቲካውን ኢኮኖምያዊን ድልየት መሰረት ገይሮም ስለዝንቀሳቐሱ ንፍትሒ ዝህብዎ ትኹረት ዝተሓተ ኮይኑ። በዚ ኣተሓሳስባ ምኽንያት ድማ ነቲ ንፍትሒ እንገብሮ ቃልሲ ማይ ኣፍሲሰሙሉ እዮም።

ይኹን እምበር እቲ ናትና መንግስቲ እውን ዓብዪ ዝበሃል ድኽመት እዩ ነይርዎ። ዝግበሩ ዝነበሩ ዘተታት ንህዝቢ ግልፂ ኣይግበሩን ነይሮም። እንታይ ይግበሩ ከምዝነበሩ ዘይንፈልጥ ስለዝነበርና ድማ ብዝግባእ ክንድግፍ ወይ ክንቃወም ዕድል ኣይተፈጠረን። ሕቶ ብዝተጠየቐ ቁፅሪ ትግራዋይ ንክስኮን እናተገበረ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ኣንፃር ናይ ሰላም ሓይሊ ተባሂልና እናተገለፅና ፀኒሕና ኢና።



ስለዚ እዚ እንታይ እዩ ዘርኢ ኣብ መንጎ እቲ ንህዝቢ ትግራይ ወኪሉ እናተደራደረ ዝመፀ መንግስታዊ ኣካልን እቲ ህዝብን ዘራኽብ መስመር ስለዘየለ እቲ ኣብ ወፃኢ ኮይኑ ፍትሕን ተሓታትነትን ንክመፅእ ዝቃለስ ዝነበረ ሓይሊ ዋላ ብዙሕ

እንተጎየየ ኣድማዩ ከኾን ኣይከኣለን። ናይዚ መርኣያ ድማ እቲ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተጣየሸ መርማሪ ጉጅለ ስርሑ ከይወደአ፣ እዚ ዝበሃል ዝጭበጥ መፍትሒ ከየምፀአ ተኾሊፉ እዩ።

ናይቲ ንፍትሕን ተሓታትነትን ዝተገበረ ቃልሲ ዕውት ዘይምኳኑ ካልእ መርኣያ ስግግር ፍትሒ ዝበሃል ኣምር ኩሎም ናይ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ተቀቢለምዎ ኢትዮጵያ እትመርሖ መሰጋገሪ ፍትሒ ናብ ተግባር ንክእተ ብዙሕ ይጓየዩ ኣለዉ። ስግግር ፍትሒ ከም ኣምር ሕማቕ ኣይኮነን። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ነባራዊ ኩነታት እንተሪእና ግና ስግግር ፍትሒ ናይማን ፍትሒ ዘምፅእ መስርሕ ኣይኮነን ኢልና ኢና ንኣምን።

ፍትሕን ተሓታትንትን ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ሰለስተ መንገዲታት እዮም ዘለዉ። ባዕላዊ ምርመራ፣ ዓለምለኻዊ ምርመራን ሓንፈፅ ወይ ክልተኣዊ ምርመራን እዮም። ብኣና ወገን እንተተኻኢሉ ሙሉእ ብሙሉእ ብዓለምለኸ መርመርቲ ክካየድ፤ ተዘይኾይኑ ግና እንተነኣሰ ብሓንፈፅ መርመርቲ ኣካላት ክምርመር ኢና ንሰርሕ ነይርና። ምኽንያቱ ጀኖሳይድ ብተፍጥርኡ ዓለምለኻዊ ገበን ስለዝኾነ ብናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ጥራሕ ከዳነ ኣይኽእልን ዝብል እምነት ሒዝና ኢና ንሰርሕ ነይርና። ይኹን እምበር ኣብ መወዳእታ እቲ ስግግር ፍትሒ ዝብል ሓሳብ ተቀባልነት ረኺቡ ብኢትዮጵያ ሰብኣዊ መሰል ኮሚሽን ዝምራሕ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ጉጅለታት እናጣየሹ ናብ ስራሕ ኣትዮም ኣለዉ።

እዚ ምስኮነ ኣብ መንጎ ብርክት ዝበሉ ተጋሩ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ናይ ፍትሒ መስርሕ ንሳተፍዶ ኣይንሳተፍ? ዝብል ምይይጥ ተኻይዱ እዩ። መብዛሕቲና ካብ መጀመርትኡ ኢትዮጵያ እትውንኖ ናይ ፍትሒ መስርሕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንዝተፈፀመ  ወንጀል ብስነ ስርዓት ኣፃርዩ ፍትሒ ከምፅእ ዘኽእል ዓቕሚ ኮነ ፖለቲካዊ ድልየት የብላን ዝብል መርገፂ ኢና ሒዝና። ካብዚ ተበጊስና ክንሳተፍ የብልናን እንተተሳቲፍና ግና ነቲ ንሳቶም ዝደልይዎ ከይዲ ምርመራ ኣፍልጦ ንህብ ኣለና ከም ማለት እዩ ኢልና። ብካልእ ወገን ድማ ኣንሕና ሃለና ኣይሃለና እቲ ስግግር ፍትሒ ምቕፃሉ ኣይተርፍን ስለዚ ኣብኡ ኣቲና ግደና ንዋፃእ ዝብል ዓብዪ መከራኽሪ ነጥቢ ኮይኑ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ወልቀ ሰባት ናይ ባዕሎም ቅዋም ወሲዶም ኣብቲ ስግግር ኣትዮም ምስ ናይ ኢትዮጵያ ከኢላታት ይኹኑ ምስ ካልኦት ሰባት እናተራኸቡ ዝኽእልዎ ሞኪሮም እዮም።

ይኹን እምበር እቲ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ባዕሉ ዝፈፀሞ ወንጀል ባዕሉ ብስነ-ስርዓት ኣፃርዩ ንባዕሉ ተሓታቲ ክገብር ስለዘይደሊ፣ እቲ ስግግር ፍትሒ ዝብል ሓሳብ ነቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ገበን ዝምርምር ዘይኮነስ ካብኡ ተለጢጡ ወፂኡ ንኩላ ኢትዮጵያ ዝርኢ ንድሕሪት ተመሊሱ ክሳብ ናይ ሚኒሊክ ዘመን ሪኡ ናይ ታሪኽ ቕርሕንትታት ንምሕዋይ ዝመስል መልክዕ ተዋሂብዎ እዩ እቲ ረቂቕ ተዳልዩ ተሓቲሙ። እዚ ከዓ ነቶም ኣብቲ ስግግር ፍትሒ ኣቲና ኣብ ህዝብና ዝተፈፀመ ገበን ኣብ ምፅራይ እጃምና ክነወፊ ኢና ኢሎም ዝነበሩ ተጋሩ ከምቲ ዝሓሰብዎ ዘይኮነስ እቲ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ እቲ ገበን ተሸፋፊኑ ንክሓልፍ ከምዝሰርሕ ብኣግባቡ ተረዲኦም እዮም። እዚ ከዓ ኢትዮጵያውያን ዝደልይዎ ዕርቂ እዩ ምበር ፍትሒ ኣይኾነን ዝብል ንማሕበረሰብ ዓለም ንከስርፁ ሓጊዝዎም እዩ። ናይቶም ተጋሩ ኣሕዋትና ኣብኡ ምስታፍ እውን ከም ሓደ ሕጋውነት ምልባስ ተጠቂሞም እዮም ክሽቅጥሉ ሞኪሮም። ስለዚ ብሓፈሻ ከምዚኦም ዝበሉ ፃዕርታት እዮም እናተገበሩ ፀኒሖም።

ድሕሪ እዚ ኣብ ደገ ዘለና ሰብ ሞያታትን ውልቀ ሰባትን እንታይ ኢና ተረዲእና፣ ፍትሒ ብዛዕባ ፖለቲካን ብዛዕባ ሕጊን ካብ ኮነ እቲ ሐዚ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ኮነ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ድማ ትግራይ ፍትሒ ክትረክብ ዘኽእል ስለዘይኮነ ካልእ መማረፂ  ክንርኢ ኢና ሞኪርና።

በዚ መሰረት ኣብዚ ሐዚ እዋን ክንሰርሖ ዘለና ዝበልናዮ ዶክሜንቴሽንን መረዳእታት ምዕቃብን ከምዝኾነ ሙብዛሕቲኡ ሰብ ኣሚኑሉ ኣብኡ እዩ እናሰርሐ ፀኒሑ። ካልእ ድማ ዝተፈላለዩ ዕፅው ምይይጣት ኣብ ምድላው እዩ ነይሩ። ከምውፅኢቱ ድማ ኣብ ፓርላማ ኢንግሊዝ ምስ ዘለዉና ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ተሓለቕቲ ዝኾኑ መዳርግቲ ኣካላት ብምኳን ልዕሊ 100 ገፅ ሽፋን ዘለዎ ንኩሎም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀሙ ገበናት ብስነ-ስርዓት ዝዝርዝርን ምኽሪ ሓሳብ ዘቕርብን ሓደ ሰነድ በቲ ፓርላማ ሳንክሽን ተገይሩ ክወፅእ ገይርና ኣለና።

እዚ ክኸውን ከሎ ምስ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ተበደልቲ ብቀጥታ ርክባት ብምግባር ናታቶም ቃልን ሓሳብን መሰረት ዝገበረ ሪፖርት እዩ ንክወፅእ ተገይሩ። ስለዚ ክሳብ ሐዚ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ብዙሓት እዮም ይኹን እምበር በቲ ዘጋጠመ ናይ ፖለቲካ ደውታን ተዋዲድኻ ዘይምስራሕን ምኽንያት ክንድቲ ዝድለ ውፅኢት ከመፅእ ኣይኻኣለን ማለት እዩ።

# ንቀፃሊ ክግበር ዘለዎ

መጀመርታ ንፍትሒ ዘለና ቃልሲ ሓቃዊ ዝኾነ ኣረዳድኣ ክህልወና ይግባእ። ንፍተሒ ዝግበር ቃልሲ ብጣዕሚ ነዊሕን ኣድካምን እዩ። ናይ ዓለም ተሞኩሮ ዘርእየና ንሱ እዩ። ንኣብነት ኣብ 2ይ ኲናት ዓለም ዝተፈፀሙ ገበናት ክሳብ ሐዚ ፍትሒ ዘይረኸብሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ። ናይ ኣርመንያ እንተወሲድናኳ ንኣስታት 100 ዓመታት ፍትሒ ከይረኸቡ ዝፀንሕሉ ዕድላት ከምዘሎ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከዓ ፍትሒ ፖለቲካዊ ትርጉም ስለዝወሃቦ እዩ።

ስለዚ ኣንሕና እዚ ተረዲእና ንፍትሒ እንገብሮ ቃልሲ ብሙሉኡ ኣብ ሕጊ ጥራሕ መሰረት ዝገበረ ተይኾነስ ንፖለቲካ እውን መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ማለት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ናይ ፖለቲካ ኲነታት እንታይ እዩ ዝመስል? ትግራይ ከም ትግራይ ናይ ፖለቲካ ሓድነትን ግልፅነትን፣ ንፅረትን ስምረትን ዘለዎ መሪሕነት ኣለዋ'ዶ? ዝብል ወሳኒ ይኸውን። እንድሕር ዘይብላ ኮይና መጀመርያ ንሱ ንኽመፅእ ክንሰርሕ ኣለና ማለት እዩ። ንሱ ኣብ ዘይብሉ ፍትሒ ንምርካብ ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ትርጉም ኣይክህልዎን።

ስለዚ ኣብ ትግራይ ኣብዝሓ ህዝቢ ዝኣምነሉ ሓደ ንፀረት ዘለዎ ፖለቲካዊ ዕላማ ክህሊ ይግባእ። እዚ ከዓ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ኮነ እቶም ፖለቲካዊ ሓይልታት ግልፂ ዝኾነ ፖሊሲታቶም ከቕርቡ ክኽእሉ ኣለዎም። እቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ቅልውላው ምስተፈተሐ እቶም ዕላማታት ይንፀሩ። ናይ ዕላማ ግልፅነት ምስመፅ ናይ ዕላማ ሓድነት እውን ካብኡ ስለዝመፅእ እቲ ማሕበረሰብ ሓድነቱ ተመሊሱ ናብ ስራሕ ክኣቱ ይኽእል እዩ። ናብ ስራሕ ክኣቲ ከሎ ድማ ስራሕ መቀሎ ክግበር ይግባእ።



ንፍትሒ ዝግበር ቃልሲ መንግስቲ ዋላ ይፍተሓዮ እምበር ንመንግስቲ ጥራሕ ዝግደፍ ኣይኾነን። ኣብዚ ብዝለዓለ ክንቀሳቀሱ ዘለዎም ሲቪክ ማሕበራት እዮም። ምኽንያቱ ኣብ ፖለቲከኛታት ኩሉ ግዘ ዋጋ ዕዳጋ እዩ ዝግበር። ስለዚ ኣብ ትግራይ ንሲቪክ ማሕበራት ጥጡሕ ባይታ ክፍጠረሎም ይግባእ። እተን ሲቪክ ማሕበራት እውን ካብ ኣመራርሐኣን ጀሚሩ ክሳብ ኣባላተን ብምፍታሽ ካብ ፖለቲካ ነፃ ከምዝኾና ንባዕለን ከፅርያ ይግባእ። እተን ማሕበራት ድማ ካብ መንግስቲ ኮነ ካብ ካልኦት ናይ ፖሊቲካ ሓይልታት ማሕለኻታት ክጋጥመን ኣይግባእን።

እቲ ካልእ ኣብዚ ሐዚ እዋን ፍትሒ ንክመፅእ ዝሰርሑ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣለዉ። እዚኦም ዝገብርዎ ዘለዉ ስራሕቲ ዝነኣድ ኮይኑ ብዝተወደበ መልክዕ ስለዘይኮነ ተጋሩ ኣብ ኲናት እምበር ኣብ ሰላም ሓቢሮም ኣይሰርሑን ንዝብል ኣበሃህላ ዘራጉድ ይመስል። ስለዚ ከምኡ ከምዘይኮነ ሐዚ ብግብሪ ክነርኢ ኣለና። ኣብ ትግራይ ዝበፅሐ ብጣዕሚ ከቢድ ገበን ይትረፍ በበይንና ብሓባር ኮይንና እውን እንተወፃእናዮ እዩ። ስለዚ ስፐሻላይዜሽን ክህሊ ኣለዎ።

እቲ ኣብ ትግራይ ተጣይሹ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ናይ ጀኖሳይድ ኮሚሽን እውን ካብ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ፅዕንቶ ነፃ ክኸውን ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ መረዳእታታት ንኽዕቀቡ ብትኹረት ክሰርሕ ይግባእ። ጅምላ ቕትለት ኣብ ዝተፈፀመሎም ቦታታት ሬሳታት ቕድሚ ምልዓሎም መረዳእታታት ይዕቀቡ ኣለዉ'ዶ? ዝብል ክንሓስበሉ ዘለና ጉዳይ እዩ።

እቲ ካልእ ብጣዕሚ ክነስተኻኽሎ ዘለና ብነፃ እናገልገሉ ዝመፁን ሐዚ እውን ከገልግሉ ዝደልዩ ክኢላታትን ስብ ሞያታትን ናይ ወፃኢ መዳርግቲ ኣካላት ኣለዉ። ይኹን እምበር እቲ ኣብ ውሽጥና ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ሓጓፍ ንሳቶም እውን ንክበታተኑ እዩ ገይርዎም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንይት ዝከታተሎምን ዝሕግዞምን ስለዘየለ ከምቲ ካልእ ናብ ካልእ ስረሖም እዮም ኣትዮም። ስለዚ ንቀፃሊ ምሳና ዝሰርሕሉ ዕድል ክነስተኻኽለሎም ይግባእ ክብል።

ንፍትሒ ዝግበር ቃልሲ ዋና ረብሕኡ ድሕሪ ሐዚ ንዝመፅእ ወለዶ ካብ ተመሳሳሊ ገበን ንምክልኻል እዩ። ቅድሚ ሐዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀሙ ገበናት ተፃርዮም ግቡእ ዝኾነ ፍትሒ ስለዘይተውሃቦም እቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ገበን ንክገፍሕ ገይርዎ እዩ። ምስ ደርጊ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ ጥምየት ከም መሳርሒ ኲናት ተጠቂሙ ህዝቢ ትግራይ ክሃልቕ ገይሩ እናሃለወ ነቲ ዝፈፀሞ ገበን ግና ግቡእ ዝኾነ ፍርዲ ኣተውሃቦን። ኣብ ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ኲናት እንተሪእና እውን ኣብቲ ናይ ዶብ ጎንጺ ብርክት ዝበሉ ንፁሃን ዜጋታት ተጨውዮም ክሳብ ሐዚ ሃለዋቶም ዘይፍለጡ እናሃለዉ ኣብቲ

ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ ናይዞም ንፁሃት ዜጋታት ዛዕባ ከም ዛዕባ ተቆፂሩ ምይይጥ ኣይተገበረሉን። ስለዚ ነዚኦም ብግዚኡ ገበነኛ ተፈልዩ ግቡእ ዝኾነ ተሓታትነት እናተቀመጠሉ ስለዘይመፀ ሕማቕ ዝኾነ ቅድመ ኩነት እናቀመጥና ኢና መፅእና። ሐዚ ግና ከምኡ ንከይቕፅል ሐዚ እንገብሮ ቃልሲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ ማለት እዩ።

ብሓፈሻ እቲ ሐዚ ኣብ ፍትሕን ተሓታትነትን እንገብሮ ቃልሲ ነቶም ኣብዚ ዘመን ገበን ዝተፈፀመሎም ወገናት ንምክሓስ/ ንምሕዋይ ጥራሕ ዘይኮነስ ነቲ መፃኢ ወለዶ እውን ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ገበን ንምክልኻል ምኺኑ ተገንዚብና ዝለዓለ ስራሕ የድሊ።

ስለዚ ዕላምኡ እዚ ስለዝኾነ ነዊሕ ግዘ ዋላ ይውሰድ ተስፋ ከይቆረፅና እቶም ዝተዘርዘሩ ተግባራት ንምፍፃም ኩላህና ክንቀሳቐስ ይግባእ።

## ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ርእይቶታትን

- ✓ ፍትሒ ንኽመፅእ ኣብ እንገብሮ ምንቕስቃስ ኣብ ቁፅሪ ዘይኾነስ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ ኣተሓሕዛ መረዳእታ ተንኺተል ዝበለፀ እዩ።
- ✓ ኣብ ዲያስፖራና ተፈጢሩ ዝነበረ ዝለዓለ ውዳብ ተዘሓሒሉ እዩ። ትኽክል እዩ እዚ ናብ ዝነበሮ መንፈስን ሕራነን ክንምልሶ ክንሰርሕ ይገበአና። እዚ ተሓታትነት ንከረጋገፅ እንገበሮ ቃልሲ’ውን ወሳኒ ስለዝኾነ ማለት እዩ።
- ✓ ተሓታነት ጄኖሳይድ ትግራይ ከይረጋገፅ ብቐንዱ ዝሰርሕ ዘሎ ተጋሩ ኢና።
- ✓ እቶም ዝቀረቡ መፅናዕቲታት ፅቡቓት እዮም። ንቕፃሊ ግን ወድዓዊ ፀገማትና ክንፈትሕ ብቕደም ሰዓብ እንተዝቐርቡ ዝሓሸ ይመስለኒ። እተ ንዘተ ዝቀርብ ፅሑፍለ ሰባት ርኢይቶ ሂበሙሉ ተዝቀርብ፣ እዚ ዘተ ፕሮሲዲንግ ተዝዳለወሉ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።እቲ ዝቐርብ ፅሑፍ ድማ ሳይነሳዊ ተዝኾውን ሙብዛሕቲኦም ብትዕዝብትን ቕድሚ ሐዚ ካብ ዝተፀንዑን እዮም ዝቐርቡ ዘለዉ። ኣጋባብ ኣፀናንዕኡ እውን ክንዘራረበሉ ስለዝግባእ ንሎሚ ግና መጀመሪለ ስለዝኾነ ፅቡቕ እዩ።
- ✓ ደቂ ኣንስትዮ 50% እየን እናበልና ደቂ ኣንስትዮ ዘግለለ ስራሕቲ እናሰራሕና እነምፅኦ ዕብየት 50% እዩ ዝኾውን።
- ✓ ኣብ ምርግጋፅ ፍትሒ እንገብሮ ምንቕስቃስ ከም ሊሂቕ ኮነ ከም መንግስቲ ኣዝዩ ድኹም እዩ።



መድሃንየ ታደሰ
ፕሮፌሰር

# ምዕባለታት ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪካን
# ውሕስት ድሕንነት ህዝቢ ትግራይን

# መእተዊ

ብቐዳምነት ኣብ ሃለዋት ህዝብና ዓብዪ ትርጉም ዘለዎ ጉዳይ ድርቂ ከዛረብ። ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ድርቂ ተረባሪብና ህዝብና ንምድሓን ዓብዪ ውራይና ገይርና ክንሰርሓሉ ይግባእ ኢለ ይሓስብ። ምኽንያቱ ፕሪቶርያ እውን ዝተፈረመ ህዝቢ ንምድሓን ተባሂሉ ስለዝኾነ ህዝብን መንግስትን እውን ኣብዚ ጉዳይ ክንዲዝከኣሎም ክረባረቡ ኣለዎም።

ብካልእ ገፅ ድማ እቲ ጥምየት ከም መነፅር'ዶ ክኾውን ይኽእል? ዝብል ሕቶ ብምልዓል ትግራይ ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ቦታ ከም ናይ መተንተኒ መነፅር (Departure point) ገይርኻ ምውሳድ ይከኣል እዩ። እቲ ጥምየት ትግራይ ዘላቶ ጂኦፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ሕመቕ ዝገልፅ እዩ። እዚ ድማ ናይ ትግራይን እቲ ዞባን ዘለዎ ርክብ እንታይ ይመስል? ትግራይ ምስቲ ዞባ ንቅድሚት ዘለዋ ተስፋ ብኸመይ ይተኣሳሰር? ንዝብሉ ሕቶታት ንምምላስ ዝሕግዝ ይመስለኒ። ግልፂ እዩ እቲ ናይ ትግራይ ጥምየት ቅድሚ ውግእን ኣብ እዋን ውግእን ነይሩ እዩ። ሐዚ እውን ኣብ ትግራይ ውግእ ድሕሪ ውግእ (war after war) ወይ ውግእ ኣብ ክሊ ሰላም እዩ ዘሎ።

ድሕሪ ፕሪቶርያ ናይ ትግራይ ቦታ ምደባ ግልፂ ምስ ዘይምኳኑ ማለት ምስ ኢትዮጵያ ድያ? ንበይና ድያ? ንፁር ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ድማ ተራእዩ ኣዩፈልጥን። ናይ ሓደ ዓዲ ኣካል ዝኾነ ህዝቢ ወይ ክልል ኣብቲ ናይታ ዓዲ ናይ ፀጥታ ይኹን ካልኦት ዓበይቲ ትካላት ውክልና ዘይምህላው ሓዱሽ ተርእዮ እዩ። እቲ ኩነታት ግልፂ ኮይኑ እቲ ጥምየት ከምኡ እውን እቲ ምቅርቓር ትግራይ ምስቲ ዞባ ዘለዋ ርክብ ክገልፅ ዝኽእል እዩ።

ንትግራይ ምግላልን ምድካይን ንብዙሕ ዘመናት ከም ሓደ ዓብዪ ናይ ፖለቲካ ኣጀንዳ እዩ ዝፍፀም ነይሩ። ካብ 100 ዓመታት ናብዚ ብፍላይ ካብ ጣልያን ጀሚሩ ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ዘለዉ ሓይልታት ንመቐለ ዝሪእዋ ብኡ መንፅር እዩ። ብዋናነት ባህጊ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ምኽባብ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዘላቕነት ምድካይ ዝብል እዩ።

ከምዝፍለጥ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ትግራይን በብእዋኑ ዝተፈላለየ መበገሲ ዘለዎ ዘይምስምዕማዕን ኲናትን እንተነበረ'ኳ ናይ ትግራይ ፖሊሲ ግና ኣብ ዝኾነ እዋን ተቐይሩ ኣይፈልጥን። ነዚ እዩ ድማ ምስቲ ከባቢና ኣዛሚድና ምርኣይ ክጥዕም እዩ ንብል ዘለና። እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለና ቦታ እውን ንምርኣይ ክሕግዝ እዩ።

እቲ ናይ ትግራይ ፀገም ድሕሪ ፕሪቶርያ እውን መልክዑ ቀይሩ ብምቕፃሉ ትግራይ ንባዕላ ክትሕግዝ ኣብዘይትኽእለሉ ብርኪ በፂሓ ትርከብ። ኣብቲ ሃገራዊ ናይ ፖለቲካ ኮታ ሃልይዋ ክትሳተፍ ኣይትኽእልን። ምስ ዓለማዊ ትካላት እውን ብቀጥታ ርክባት ገይራ ፀገማታ ክትፈትሕ ኣይትኽእልን። ስለዚ ናይ ትግራይ ፀገም ብመሰረቱ ኣብ ኢትዮጵያ ምስምዃና ዝፍጠር ፀገም ምዃኑ ርዱእ እዩ። ሐዚ እውን እቲ ጥምየትን ጀኖሳይድን ከም መሳርሒ ገይርኻ ናይ ምቕፃል ድልየት ስለዘሎ ቀስ እናበለ ዝኸይድ ኣቀታትላ ድዩ ወይስ ብፍጥነት? ዝብል ምርዳእ ኣይከኣልን።

ናይ ተጋሩ ህይወትን ናብራን ንኢትዮጵያ ከም ትርፊ ረቋሒኣ ማለት እዩ። እቲ ዘሕዝን እቲ ናይ ሓልዮት ክፍተት (empathy gap) ገፊሑ ምዃኑ እዩ። እዚ ዘረድኣና ነገር እንተሃለወ ድማ እቲ ናይ ትግራይ ፀገም ነቲ ዞባ ከይፈለጥካ ዝፍታሕ ዘይምዃኑ እዩ። ግን ከዓ ካብ ዞባዊ መፍትሒ ወፃኢ ድማ ካልእ መፍትሒ የብሉን።

ናይ ትግራይ ሕቶ ናይ ብሄር፣ ናይ ዓርሰ ውሳነ፣ ናይ ንኡሳን ህዝብታት መሰል ወዘተ ብዝብል ዝፍታሕ ኣይኮነን። ዞባዊ መሰረት ዘለዎ እዩ። እዚ እንተይልና ድማ እቲ ዞባ እንታይ ይመስል? ዝብል እዩ ብዓብዩኡ ዘገድስ። ድሕሪኡ ንትግራይ እንታይ እዩ ትርጉሙ? ኣብቲ ዞባ ዘለዉ ምዕባለታት እንታይ እዮም? ናይ ፀጥታ ኩነታት ይኹን መንግስታዊ ምሕደራ ዝምልከት ብዓይኒ ንትግራይ ዘለዎ ትርጉም ተረዲእኻ ምስራሕ የድሊ።

ኣብዚ ከም መበገሲ ዝኾውን እቲ ኣድማሳዊ ናይ ሊበራል ሓይሊ ካብ ምድኻም ሓሊፉ ልዕልንኡ እናተመንጠለ እዩ ዝርከብ። ኣብዚ እዋን እታ ንዩነዝላብያ ዝሓገዘት ናይ ምዕራብ ዓለም ብኣካል ይኹን ብኣተሓሳስባ ከምዘየላ ግልፂ እዩ። ብመሰል ዓርሰ ውሳነ፣ ብሰብኣዊ መሰላት፣ ብዴሞክራሲ፣ ብምዕባለ፣ ብናይ ዉሑዳት መሰል፣ ብሰላም ኮነ ብፍትሒ እቲ ምዕራብ ዓለም ዘለዎ ዓቕሚ ኣኻኺቡ ከድሕን ወይ ጣልቃ ክኣቲ ዝኽእለሉ ዕድል ከምዘየለ ምርዳእ ከድሊ እዩ። ስለዚ ተጋሩ ኣብ ኢዶም ዘሎ ዓቕሚ ኣብ ምጥቃም ኮነ ነቲ ከባቢ ተረዲእኻ ኣሰላልፋኻ ኣብ ምትዕርራይ ኢና ትኹረት ሂብና ክንሰርሓሉ ዘለና።

ኣሜሪካ ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ዝነበራ ድልየትን ቀፃልነትን እናቀነሰ ብምኻዱ ኣብ ካልኦት ዓድታት ዝግበር ዝነበረ ብሰብኣዊ መሰላትን ብዝተፈላለየን መልክዕ (Normative values) ምትእትታው ሐዚ ኣብዛ ዓለም የለዉን። ከምውፅኢቱ

ድማ እቶም ናይ ማ/ምብራቕ ሃገራት ናይ ባዕሎም ሓዱሽ ምትእትታው ኣብዚ ከባቢ ክገብሩ ኣኽኢልዎም እዩ። ብብዙሕ መልክዑ ናይ ኣሜሪካ ሽርካ ዝነበሩ ሃገራት ሐዚ ናይ ባዕሎም ኣንፃራዊ ነፃነት ረኺቦም ፀረ ናይ ምዕራብ ዲሞክራሲ ክቃለሱ ጀሚሮም ኣለዉ። (Former allies of the US begin to work against the US.) እዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ንዐኦም ዝመስሉ መንግስታትን መራሕትን ኣብ ምፍራይ፣ እንተዘይኪኢሎም ድማ ዝእዝዝዎም ሓይልታት ኣብ ምፍልፋል ብትኹረት ይሰርሕሉ ዘለዉ ጉዳይ እዩ። እዚ ነዚ ከባቢ ሓደ ዓብዪ ሓዱሽ ተርእዮ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ከባቢ፣ ኣብ ማ/ምብራቕ ኮነ ኣብ ዞባ ሳሕል ድሕሪ ውግእ ወይ ድሕሪ ቐውሲ እቲ ናይ መንግስታውነት ቕርፂ እናተቀያየረ መፂኡ እዩ። ስለዚ ኣብቲ ከባቢ እንታይ እዩ ዝፍጠር ዘሎ? ዝብል ትኹረት ዘድልዮ ዛዕባ እዩ። እቶም ናይ ቀደም ናይ ስልጣን ጎንፅታት (Old civilizational conflicts) ተመሊሶም ይመፁ ከምዘለዉ ዘርእዩ ምልክታት ኣመዉ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ባሕሪ፣ ወደብ፣ መሬት፣ ዶብ፣ ሃፍቲ ወዘተ ናይ ምምንዛዕ ፈተነታት ብግልፂ እዩ ዝርአ ዘሎ። እዚ በቶም ማ/ምብራቕ-ብትርኩ ኮነ ብቓይና ክግለፅ ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ናይ ቀደም ስልጣንያዊ ጎንፅታት ናይ ምምላስ ተርእዮ ንትግራይን ነቲ ከባብን ብከመይ እዩ ዝግለፅ? እንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ? ዶባት እውን ብዝተፈላለየ መልክዕ ፀኒዖም ዘይቕፅልሉ ኩነታት ይፍጠር ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ ምምላስ ዶባት ነዊሕ ኣብዘይብሃል ግዜ ዝኾውን ዘሎ ይመስል ወዘተ ኢልካ ብትኹረት ምስራሕ ከድሊ እዩ።ካብዚ ሓሊፉ እቲ ናይ መንግስታት ትርጉምን ዓቕምን መንግስታዊ ምሕደራ እናተዳኸመ እዩ መፂኡ በቲ ናይ ዌስት ፈልያን ትርጉሙ ማለት እዩ። ትካላት መንግስቲ ዝተፈላለዩ ኣካላት እናሓዝዎ ይመፅእ ኣሎ።



እቲ ካልእ ተርእዮ እቲ ምልሻፊኬሽን እንብሎ እዩ። ናይ ምልሻ ተርእዮታት ካብ ሱዳን ክሳብ ኢትዮጵያ ሓዱሽ ተርእዮታት እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ናይ ምልሻ ናቶም መሳርሒ ኮይኑ ምፍጣር ነቶም ዝፈጠርዎ መንግስታትን ሓይልታትን ተፃሪሩ ናይ ምውፃእ ዕድል ኣሎ። እዚ ኣብ ናይ ሱዳን ተወርዋሪ ሓይሊ (RSF) ክግለፅ ይኽእል፣ ኣብ ፋኖ እውን ክግለፅ ይኽእል። እዚ ከዓ እቶም መንግስታት ናይ ምብጥጣስን ሓዱሽ ቕርፂ ናይ ምሓዝን ተርእዮ የስዕብ ኣሎ። እዚ በቲ ሓደ ወገን ንትግራይ ዕድል እውን እዩ። እንድሕር ኣብ ክሊ ኢትዮጵያ ዝሕሰብ ኮይኑ ድማ እንታይ ዓይነት መንግስታዊ ቕርፂ እዩ ክህሊ ዝኽእል ዝብል ክውሰድ ይኽእል።

ዝተፈላለዩ ሓይልታት ኣብ ከይዲ ዝተመስረተ ርክብ እዩ ክህለዎም። ምኽንያቱ ብቱናት ስለዝኾኑ እቲ ሓደ ናይ ሓይሊ ዓብላላይነት የብሉን። ዋላ እቲ ናይ ላዕላውነት ትርጉሙ እውን እናተበተነ እዩ መፂኡ። ብናይ ደገ ሓይልታት ምትእትታው ተወሲኽሉ ኣብዚ ከባቢና እዚ ተርእዮ እዚ ከም ንቡር ኮይኑ ንነዊሕ ግዜ ዝቐፀለ እዩ። ኣብ ብዓል ሶርያ፣ ሊብያ፣ የመን፣ ሌባኖን፣ ወዘተ ዓብዪ ተርእዮ ኮይኑ ይርከብ። ብሕልፊ ናይ ውሽጣዊ ቅቡልነት ዘይብሎም ሓይልታት ዓብሊሎም ዝወፅሉ ዕድል ስለዘየለ ናብ ከምዚ ዓይነት ዝተፈላለየ ፀፍሒ ዘለዎ ርክባት እዮም ዝኸዱ።

እቶም ከባቢያዊ ጥርናፈታት ከም ኣፍሪካ ሕብረትን ኢጋድን ዝበሉ ትካላት ድማ እቲ ዞባ ንምርግጋዕ ዓብዪ ተራ የብሎምን፤ ለሚሶም እዮም። ምኽንያቱ ድማ ናይ መሪሕነትን ኣተሓሳስባን ቅልውላው (Crisis of norms and leadership) ስለዝተፈጠረ እዩ። እቲ ዞባ እዚ እንድሕር መሲሉ ንትግራይ ኸ ብኸመይ ክፀልዋ ይኽእል? ኢልና ክንርኢ ንኽእል።

ዝተፈላለየ ፀፍሒ ዘለዎም መንግስታት ትርጉሙ እናተቀየረ ስለዝመፀ ብኡ'ዶ ዕድል ክህሊ ይኽእል? ብፍላይ ናይ ኢምፓየር ነቃዕ ዘለዎ ዓዲ ናብ ንቡር ክምለስ ስለዘይኽእል ክህሊ ዝኽእል ዕድል ክንርኢ ኣለና። እቲ ናይ መንግስታት ቅርፅን ትርጉምን ምቕያር ኣብ ኢትዮጵያ እውን ኣሎ እዩ። ንስልጣን ተባሂሉ ዝግበሩ ኣሰራርሓታት ስሩዕ ዝኾነ ፖለቲካዊ ምዕባለ ኣየዋፅእን ኢልካ ምሕሳብ ብሰፊሑ ይርኣይ ኣሎ። ስለዚ ብኣሰራርሓን ብኣተሓሳስባን ናይ መንግስታትን ላዕላውነትን ትርጉም እናተቀየረ ኣብ ዝመፀሉ ኣብ ከባቢና፣ ኣብ ማ/ምብራቕን ኣብ ከባቢ ሳሕልን ሓዱሽ ዘይተለመደ ናይ መንግስታት ኣተሓሳስባን ኣቀራርባን ይመፅእ ኣሎ'ሞ እንድሕር ኣብ ክሊ ኢትዮጵያ ክንሓስብ ኾይንና እዞም ክልተ ነጥብታት ምርኣይ ንኽእል፦

*እቲ ቀዳማይ ዝተናወሐ ቅሩብ ፍኹስ ዝበለ (the extended statehood)፣*

*ካልኣ ድማ ሓደ ዓዲ ኮይኑ ብፖለቲካ ብኢኮኖሚ ዝተፈላለየ ኣወቓቕራ ዘለዎ ኣሰራርሓ ምፍታን'ዶ ይከኣል? ዝብሉ እዮም።*

እቶም ቕድም ክብል ዘልዓልኹዎም ናይቲ ከባቢ ተርእዮታት ትግራይ ኣበይ ትስለፍ? ከመይ ገይራ ዕድላት ትጥቐም? ዝብል እውን ምርኣይ ይከኣል እዩ።

# ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረቡ ርእይቶታት

- ✓ እቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ፀገም ኣዝዩ ገፊሕ እዩ ብፍላይ እቲ መሪሕነት ተስፋ ከምዘይብሉ እንተተኣማሚና መፈቲሒኡ ናብ ህዝቢ ምውራድ እዩ።
- ✓ ፖለቲካና ምትዕርራይ ዘድልዮ እዩ። ዝሓመመ ፖለቲካ ፓርቲ ምሕካም፣ ዘይጎልበቱ ፓርቲታት ድማ ከመይ ነጎልብቶም? ዝብል ምርኣይ ድሊ እዩ። እብዚ ማእኸል ገይርና በብግደኡ ሰሪዕና ነተን ፓርቲታት ነፂርና እጃመን ምሃብ'ዶ ኣይምሓሸን?

## III. መጠቃለሊ

## ኣብ ዙርያ ኮንፈረንስ "ዘተ ንብራኽ ትግራይ" ብኣሰናዳእቲ ትካላት ዝተወሰዱ ሓሳባት




ብምትሕብባር ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ጉባኤ ህዝባዊ ርክባት ትግራይን "ዘተ ንብራኽ ትግራይ" ብዝብል ቴማ ጥሪ 18ን 19ን 2016 ዓ/ም ናይ ኽልተ መዓልቲ ኮንፈረንስ ተኻይዱ። ኣብዚ ካብ ኩሉ ፀፍሒ ሕብረተሰብ ዝተወከሉ ልዕሊ ኽልተ ሚእቲ ኣጋይሽ ኣብ ዝተረኽብሉ ዋዕላ ኣብ ወድዓውን ስትራቴጂካዊን ኣገዳስነት ኣብዘለዎም ዛዕባታት ውፅኢታዊ ዘተ ተኻይዱ ። ኣብዚ ናይ ኽልተ መዓልቲ ኮንፈረንስ ክልቲኦም መዳለውቲ ትካላት ንቐፃሊ ስራሕቲ መበገሲ ዝኾኑ ዝስዕቡ ሓሳባት ረኺቦም።

1. ትግራይ ዝትርከበሉ ዝተሓላለኸ ፀገም ካብ ፖለቲካዊ ፀገም ሰጊሩ ናይ ሃለዋት ፀገም ኾይኑ ኣሎ። እዚ ገፊሕን ዝተሓላለኸን ፀገም ንምፍታሕ ካብ መንግስቲ ትግራይ ይኹን ህ.ወ.ሓ.ት ዓቕሚ ብላዕሊ እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ዓድን ወፃእን ዝርከብ ትግራዋይ ብዝሳተፈሉ ወድዓዊን ስትራቴጂካዊን ፀገማት ዝፍተሸሉ፣ ኣብ መፍትሒ ምርድዳእ ዝበፀሐሉ፣ ናይ ኣፈፃፅማ ሓባሪ መንገዲ (ሮድ ማፕ) ዝወፀሉ ዋዕላ ትግራይ ኣድላይ ሙኻኑ፣ ነዚ'ውን ክልቲኦም ትካላት ምስ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ተዋዲዶም ክሰርሑ፣

2. ህዝቢ ትግራይ ካብ ቐደሙ ናይ ጥንካረኡ መሰረት ሕብረቱ እዩ። ነዚ እዩ ፀላእቲ ሕብረቱ ንምብታን ኹሉ ዓይነት ፃዕሪ ዝገብሩ። ስለዝኾነ ዝኾነ ይኹን ጉጅላዊ ረብሓ ተባሂሉ ሕብረትና ዝርምስ ፖለቲካ ክኹነን ኣለዎ። ሕብረትና ልዕሊ ኹሉ ውድባዊ ፖለቲካ እዩ። በዚ መሰረት ኢንስቲትዩት ገረዓልታን ጉባኤ ህዝባዊ ርክባትን ሕብረትና ዘጠናኽሩ ዝተፈላለዩ ምህዞታት ክናደዩ ከምዘለዎም፣

3. ኽብርታት ህዝብና ብዝዕቅብን ሓድነትን ብዘጠናኽርን ኣግባብ ፖለቲካዊ ይኹን ናይ ሚድያ ስራሕትና ብዴሞክራሲያዊን ሰብኣውን፣ ሕጋዊን ፖለቲካዊን መሰላት ተዋሳእቲ ብዝኽበረ ክምራሕ ከም ዘለዎ፣ ነዚ'ውን ናይ ፖለቲካ ውድባት ብሓደ ገፅ ናይ ሚድያ ነጠፍቲ ድማ ብኻሊእ ወገን Code of Conduct ኣውፂኦም ተግባራዊ ዝገብርሉ ስርዓት ምትእትታው ኣድላይ ሙኻኑ፣ ክልቲኦም ትካላት ድማ ነዚ ኽይዲ ደገፍ ክገብሩ፣




4. ንትግራይ ፖለቲካዊ ትንሳኤን ማሕበራዊ ተሃድሶን ቁልፊ ስራሕ ምስረታ ሓቛፋይ ነፃ ትካላት ከምዝኾኑ፣ ነዚ ዕላማ ንምፍፃምውን መሪሕነት መንግስቲ፣ ቢዝነስ መሪሕነትን ተዋዲዶም ብመፅናዕቲ ዝተመስረተ ናይ ሓፂርን ነዊሕን መስርሕ ኣፈፃፅማ ክተኣታተው ከምዘለዎም፣ ነዚ ዕላማውን ኽልቲኦም ትካላት ግቡኦም ክዋፅኡ ከምዝግባእ፣

5. ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ ፖለቲካ ትግራይ ዘሎ ውጥጥ ኣብ ልዕሊ ሃለዋትን ሰላምን ትግራይ ሳዕቤኑ ዓብይ ከምዝኾነ፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሞንጎ መራሕቱ ብዝፍጠር ምስሕሓብ ዋጋ ክኸፍል ከምዘይብሉ፣ ዘይምርድዳእ ብሰላማዊ፣ ሕጋዊን ስርዓታዊ ኣግባብ ክፍታሕ ክልቲኦም ትካላት ፃዕሮም ከጠናኽሩ ከምዝግባእ ፣

6. ውድብ ህወሓትን ናይ ጊዚያዊ ምሕደራን ብኸቢድ መስዋእቲ ዝተፈረመ ውዕል ፕሪቶርያ ብዝተማለአ መልክዕ ዘይምፍፃሞም ጥራሕ ተይኾነስ በዓል ዋና ውዕል ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ወድዓዊ መረዳእታ ዘይምሃቦም ዘተሓሳስብ ጥራሕ ከይኮነስ ናይ

መሪሕነትን መንግስታዊ ግቡእን ዘይምፍፃም እዩ። ስለዝኾነ እቱ ውዕል ብሙሉእነት ክፍፀም፣ ኸይዱ ብዝምልከት ድማ ወድዓዊ መረዳእታ ክቐርብ ከምዘለዎ ነዙይውን ሕብረተሰባዊ ፀቕጢን ኣድላይ ሙኻኑ፣

7. ኣብ ልዕሊ ትግራይ ንዝበፅሐ ገበን ተሓታትነትን ጉቡእ ካሕሳን እንተዘይተኸፊሉ ጠንቂ ሰላም ሙኻኑ ኣይተርፍን። ሰላም ብዘይ ፍትሒ ኣይሕሰብን። ፅንተት ንከይድገምውን ውሕስና የብሉን። ስለዝኾነ እቱ ዋና ሓላፍነት ናይ ጊዚያዊ ምምሕዳር ብሙኻኑ በዚ መዳይ ፃዕሩ ክጠናኸር፣ ኣብ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ ተጋሩውን በዚ መዳይ ጉቡኡ ክዋፃእ ክስራሕ ከምዘለዎ፣

8. ትግራይ ብመንፈስ ዓርሰ ሙርከሳ ብኹሉ መዳይ ባዕላ ዝትኽእለሉ፣ ናይ ሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕን እዋን ትልሚ ኣንፈት ልምዓት ናይ ምሕንፃፅ ኣድላይ ሙኻኑን በዚ መዳይ ገረዓልታ ኢንስቲትዩት ንመፅናዕትን ስልጠናን ጊድኡ ክፃወት ከምዘለዎ፣

9. ኢንስቲትዩት ገረዓልታ ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን ጉባኤ ህዝባዊ ርክባትን በብወገነንን ብሓባርን ምስ ኻልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ብምውዳድ ብመፅናዕቲ ዝተመስረተ ተኸታታሊ ናይ ዘተ መድረኻት ብምድላው ኣብ ትግራይ ናይ ምኽክር ባህሊ ንምትእትታው፣ ኣብ ኸይዲ ኣብ መሰረታዊ ባህግታት ትግራይን ናይ ኣፈፃፅማ ስትራቴጂን ምርድዳእ ክብፃሕ ምግባር ኣድላይ ሙኻኑ፣

10. ክልቲኣን ትካላት ኣብ ትግራይ ናይ ዴሞክራሲ ፖለቲካ ባህሊ ክድንፍዕ ዘኽእል ስልጠናታት ንመራሕቲ ሲቪክን ፖለቲካ ፓርቲታት ኣብ ምሃብ ኣድላይነት ተረዳዲኣም።

ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ጥንኩር ፖለቲካዊ መድረኽን ህዝብና ኣስተዋፅኦ ደቁ ብዝተፈለየ መንገዲ ኣብ ዝጠልበሉ ፍሉይ ኣጋጣምን ካብ ውሽጢ ዓዲን ወፃእን ዝመፃእኹም ተሳተፍቲ ከም ኣሰናዳእቲ ትካላት ዘለና ክብርን ናእዳን ክንገልፅ ንፈቱ። ብፍላይ ኣብ መድረኽ ዘተና ብዕምቆት ዝተዛተናሎም ምሁራዊ መበገሲ ፅሑፋት ዘቕረብኩም ሰብ ሞያን ኣብ ዝቐረበ መዛተይ ብፍፁም ቅንዕናን ዝነኣድ ድስፕሊንን ዝተሳተፍኩም ተዛተይትን ምስጋናና ልዑል እዩ። ኩሎም ካብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ፣ ካብ ዝተፈላለያ ሲቪልን ስቪክን ማሕበራት፣ ካብ ትካላት ሃይማኖት ፣ ካብ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ካብ ትካላት ትምህርቲ፣ ካብ ጅግና ሰራዊትና፣ ካብ ዓውደ ቢዝነስን ካልኦት ዓውድታት ሞያን ዝመፃእኹም መድረኽ ዘተ ንብራኽ ትግራይ ትርጉም ዘለዎ ክኸውን ዝገበርኩም ኩለኹም ክብረት ይሃበልና!

*ትግራይ ብርእሲ ደቃን ስጡም ሕብረትን ክትሓዊ እያ!*